

አንጾክያ
አብነታዊት ሃዋርያዊት ማሕበር

# ትሕዝቶ


ምዕራፍ ሓደ : እቶም ብመከራ እተበተኑ ቅዱሳን ዝመስረትዋ ማሕበር ................................ 1

ምዕራፍ ክልተ : ጸጋ ኣምላኽ ዝረኣየላ ማሕበር ............................................................ 4

ምዕራፍ ሰለስተ : ዝምዓድ ልቢ ብዘለዎም ቅዱሳን ምልእቲ ............................................ 7

ምዕራፍ ኣርባዕተ : ቅቡኣት ዝሕቈፉላ ማሕበር ........................................................... 9

ምዕራፍ ሓሙሽተ : ኢድ ኣምላኽ ምስኦም ዝኾነት ቅዱሳን ዘገልግሉላ ማሕበር ................. 12

ምዕራፍ ሽዱሽተ : ሕብረት ............................................................................. 17

ምዕራፍ ሸውዓተ : ልግሲ .............................................................................. 24

ምዕራፍ ሸሞንተ : ኣገልጋሊ ምቕባል .................................................................. 30

ምዕራፍ ትሽዓተ : ንእግዚኣብሄር ብኣምልኾን ጾምን ምድላይ ......................................... 36

ምዕራፍ ዓሰርተ : ንክርስቶስ ዝስዕብ /ዝመስል/ ህይወት ............................................... 43

ምዕራፍ ዓሰርተው ሓደ : ድምጺ መንፈስ ቅዱስ ዝሰምዓላ ........................................... 49

ምዕራፍ ዓሰርተው ክልተ : ጸጋ ኣመንቲ ዘለሊ ትንቢታዊ ጠመተ .................................... 52

ምዕራፍ ዓሰርተው ሰለስተ : ናይ ሓድሽ ነገር ጅማሬ ምኳን ........................................... 55

ምዕራፍ ዓሰርተው ኣርባዕተ : ኣብ ልዕሊ ካልኦት ጽልዋ ዘምጽእ ኣካይዳ .......................... 60

ምዕራፍ ዓሰርተው ሓሙሽተ : ደቀ መዛሙርቲ ምፍራይ ................................................ 65

ምዕራፍ ዓሰርተው ሽዱሽተ : ንዘጋጥሙ ሽግራት ኣምላኻዊ ፍታሕ ምንዳይ ....................... 69

ምዕራፍ ዓሰርተው ሸውዓተ : ጸጋ ህያባት ብዘይምኽልካል ምዕያይ .................................. 71

ምዕራፍ ዓሰርተው ሸሞንተ : ንኵሉ ዘሳትፍ ኣካይዳ ...................................................... 74

ምዕራፍ ዓሰርተው ትሽዓተ : ምስጢር ኢድ ኣንብሮ ምርዳእን ምጥቃምን ......................... 77

ምዕራፍ ዕስራ : መምህራንን ትምህርትን ዝግብኦም ቦታ ዝሓዙላ ማሕበር ........................ 82

ምዕራፍ ዕስራን ሓደን : ነብያውን ትንቢታውን ኣገልግሎት............................................ 84

ምዕራፍ ዕስራን ክልተን : ሓባራዊ ኣገልግሎት ናይ እተፈላላዩ ጸጋ ህያባትን ኣገልግሎታትን ..... 89

ምዕራፍ ዕስራን ሰለስተን : ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ (misssionaries) የዕጢቓ ምልኣኽ........ 92

## ምስጋና

¤ ልዕልን ሓለፋ ዝኾነን ምንጪ እቲ ኵሉ ዝጽሕፎ መጻሕፍቲ ዝኾነ ኣምላኽ ክብሪ ይኹኖ። ንሱ ነዚ ዝኸውን ትግሃት ምስ ቅብኣት ስለዝሃበኒ የመስግኖ።

¤ ነቶም ኩሉሳዕ ብጸሎቶምን ምኽሮምን ንልበይ ዘጽንዑ ጀጋኑ ድማ ኣምላኽ ኣእዳውኩም የጽንዕ እብል።

¤ በዓልቲቤተይ ምስ ፍቑት ደቀይ ንዅሉ እቲ ንእኦም ዝግባእ ጊዜ ኣውሒደ ኣብ ምስንዳእ መጻሕፍቲ ከድህብ እንከሎኹ ንዝሃቡኒ መተካእታ ኣልቦ ደገፍ ተባረኹ እብሎም።

¤ ንዅሎም እቶም ነዛ መጽሓፍ ኣንቢቦም ሃናጺ ርእይቶኦምን መኣረምታን ዝሃቡኒ፥ ነቲ ናይ ትግርኛ ጉድለት ተጸሚሞም ዝኣረሙለይ፥ ንመጻሕፍተይ ከቨር ብምስራሕን ብጸሎት ዋጋ ብምኽፋልን ኣእዳወይ ንዘጸንዑን ልበይ ድማ መሊሱ ክጽዕት ዝገበሩን ኣሕዋት ዓሰብኹም ካብ ላዕሊ ይብዛሕ እብል።

## ወፈያ

- ንኣኻ/ኺ
- ንኹሉ እቲ ትንሳኤ ማሕበራት ኤርትራ ዝጽበ ኣማኒ
- ነተን ብጸሎት ዕዮ እዚ መንእሰይ ወለዶ ዝድግፋ ዘለዋ ኣብ ብዘላ እዛ ሃገር ዝርከባ ኣዴታት

# መእተዊ

ዝኾነ ውልቀሰብ ይኹን ማሕበር ኣብ ጉዕዞ ናይ ህይወቱ ከም ሞዴል ዝወስዶ ናቱ ዝኾነ ኣብነታዊ ሰብ፡ ማሕበር ወይውን ሃገር ኣለዎ። እቶም ኣብዚ 21 ክፍለ ዘመን ዘሎና እሞ ትንሳኤ ምድርና እንናፍቕ ነታ ኣብ ግብረሃዋርያት እተገልጸት እሞ ብኹሉ መለክዒታት ብልጽቲ ዝነበረት ናይ ኣንጾክያ ሃዋርያዊት ማሕበር ከም ሞዴል እንተወሰድናያ ብዙሕ ኢና ክንረብሕ። ንማሕበር ኣንጾክያ ከም ኣብነት እንውሰዳ ማለት **ኣሰር እቲ ንሳ ዝሰዓበቶ ምርዳእ፡ ቅዲ ኣካይዳ፡ ባህርይ፡ ምሕደራ..** ንኺድ ማለት እዩ።

ኣንጾክያ ካብ ሰሜናዊ ምብራቕ ናይ ሜዲተራንያን ባሕሪ (mediteranian sea) 24 ኪ.ሜ እትው ኢላ እትርከብ፡ ኣብ ግዝኣት ሮማ ድማ ካብ ከተማ ሮማን እስክንድርያን ቐጺላ ኣብ መበል ሳልሳይ እትስራዕ ዝነበረት ከተማ እያ ነይራ። እታ በዛ መጽሓፍ ክንዛረበላ ደሊና ዘሎና ሃዋርያዊት ማሕበር ድማ ኣብዛ ከተማ ዝነበረት እያ። እዛ ማሕበር መብዛሕትኦም ካብ ወገን ኣህዛብ ዝኾኑ መጓሰ ዝነበርዋ እታ ቀዳመይቲ ናይ ኣህዛብ ማሕበር እያ። ኣብ ምምስራት እዛ ማሕበር ግደ ዝነበሮ ድማ እቶም ብምኽንያት እቲ ዝበጽሖም መከራ ካብ የሩሳሌም ናብ ብዙሕ ቦታ ፋሕ ዝበሉ ቅዱሳን ዝዘርግሕዎ ወንጌል እዩ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ሰለስተ ሳዕ ዘካየዶ ሃዋርያዊ ጉዕዞ ከም መበገሲ ማእከል (center) እተጠቐመላ ማሕበር እታ ኣብ እንጾክያ ዝነበረት ማሕበር እያ።

1ይ ሃዋርያዊ ጉዕዞኡ = ግ.ሃ13፡1-4
2ይ ሃዋርያዊ ጉዕዞኡ = ግ.ሃ15፡40
3ይ ሃዋርያዊ ጉዕዞኡ = ግ.ሃ18፡23

ከምኡውን እተን ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብፍላይ ከኣ ኣብ መልእኽታት ሃዋርያ ጳውሎስ ተገሊጸን ዘለዋ ማሕበራት ካብ ኣንጾክያ ብዝነቕሉ ኣገልገልቲ ወንጌል እተመስረታ እየን። ገለ ካብተን ማሕበራት ንምጥቃስ **ቈረንቶስ፡ ፊልጲ፡ ቈሎሴ፡ ኤፌሶን፡ ተሰሎንቄ...** ይርከባኦን። እቲ ብኣገልግሎቱ ህይወት ብዙሓት ማሕበራት ዝለወጠ ሃዋርያ ጆን ኢክሃርት (John Echardt) ነዛ ማሕበር ሕምብርቲ (hub) ሃዋርያዊ ኣገልግሎት ክብል ይገልጻ። ማሕበር ኣንጾክያ ብብዙሕ ሸነኻ ኣዝያ ኣብነታዊትን ሓያልን ማሕበር እያ። ነቶም ኣብዚ ዘመን ሃዋርያዊ ተልእኾ ተሰኪምና ዕዮ ንዝጀመርና ማሕበራት ድማ እቲ ኣብኣ እተገልጸ ነገር ክንሰምሮን ከም ቀላሲ ንኩሉ እቲ ዝህልወና ጉዕዞ ክንጥቀመሉን ይግባእ። ስለዚ ድማ'ዩ ንኩሉ እቲ ኣብኣ እተገብረ ክንፈልጦ ዘገድሰና። እዛ ማሕበር ካብ ግ.ሃ ምዕራፍ 11 ክሳዕ 15 ስለትርከብ ንእኡ ከም መወከሲ ተጠቂምና፥ ገለ ሒደት ሓሳባት ብዛዕባ ሃዋርያዊ ቅርጽን ኣካይዳን ክንርኢ ኢና።

ኣብዛ መጽሓፍ ብብዝሕን ብተደጋጋምን ሃዋርያዊ ወለዶን ሃዋርያዊት ማሕበርን ዝብል ቃል ተጠቒመ ኣሎኹ። ኣንባቢ መታን ነቲ ክበሃል ተደልዩ ዘሎ ሓሳብ ምጭባጥ ክኽእሎ ድማ ኣቀዲመ ትርጉም

ሃዋርያዊ ወለዶን ሃዋርያዊት ማሕበርን ኣብዚ መእተዊ ክዛረብ እፈቱ። ብዛዕባ ሃዋርያዊ ወለዶን ሃዋርያዊት ማሕበርን ከም ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ቀጻሊ ሰፊሕ ሓሳብ ከቅርብ ምኺነይ በዚ ኣጋጣሚ ይገልጽ።

<u>ሃዋርያዊ ወለዶ</u>

- መሰረቱ ንሃዋርያትን ነታ ሃዋርያዊት ማሕበርን እተዋህበ ቃል ክርስቶስ ዝገበረ
- ነቲ ኣብቶም ቀዳሞት ሃዋርያትን ሃዋርያዊት ማሕበርን ዝነበረ ምርዳእ፥ ቅርጺ፥ ባህርይን ቅዱ ህይወትን ሒዙ ዝመላለስ፥
- ኣብ ትሕቲ ሃዋርያዊ መሪሕነት ዝፈረየን ዝነብርን፥
- ሃዋርያዊ ተልእኾ ዘለዎን ነቲ ተልእኾ ገዛእ ርእሱ ብምልኣት ዝወፈየ፥

<u>ሃዋርያዊት ማሕበር</u>

- **ሃዋርያዊ ተልእኮ** (ዓብዪ ተልእኾ) እተቀበለትን ንምፍጻሙ እተንስኤትን
  - ናይ ምድሓን ወንጌል ምዝርጋሕ
  - ኣጋንንቲ ምውጻእን ኣርዑት ምስባርን
  - ምሕዋይ ሕሙማት
  - ደቀመዛሙቲ ምፍራይ
- **ሃዋርያዊ ምሕደራ** ዘለዋ
  - ሃዋርያዊ ምሕደራ ክበሃል እንከሎ ብሃዋርያ ወይ ድማ ሃዋርያዊ መንፈስ ብዘለዎም ካልኣት መራሕቲ እትመሓደር ማለት እዩ።
- **ሃዋርያዊ ምርዳእ** ዝሓዘት
  - ሃዋርያዊ ምርዳእ ክበሃል እንከሎ ድማ ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣርእስቲ ናይቶም ቀዳሞት ሃዋርያት ምርዳእ ምሓዝ፥ ከምኡውን ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ኣእምሮ ምውናን እዩ።
- **ሃዋርያዊ ቅርጽን ባህርያትን** ዘለዋ
  - እዚ ቅርጽን ባህርያትን እተን ቀዳሞት ማሕበር ንምፍጻሙ ዝተግሃሉን መለለይኤን ዝነበረ እዩ።

# ምዕራፍ ሓደ

# እቶም ብመከራ እተበተኑ ቅዱሳን ዝመስረትዋ ማሕበር

*"እቶም ብሰሪ እቲ ኣብ እስጢፋኖስ ዝበጽሔ መከራ እተበተኑ ግና፡ ክሳዕ ፈንቂስን ቆጵሮስን ኣንጾክያን ዞሩ፡ .... እዚኣቶም ናብ ኣንጾክያ ምስ መጹ፡ ወንጌል ጐይታና የሱስ እናሰበኹ፡ ነቶም ጽርኣውያንውን ነገርዎም።"* ግ.ሃ11፥19-20

ከምቲ ኣብዘን ጥቕስታት ተገሊጹ ዘሎ ኣብ ምምስራት እዛ ማሕበር ግደ ዝነበሮም እቶም ብምኽንያት እቲ ዝበጽሖም መከራ ካብ የሩሳሌም ናብ ብዙሕ ቦታ ፋሕ ዝበሉ ቅዱሳን እዮም። እቲ ኣብ የሩሳሌም ህይወት እስጢፋኖስ ክሳዕ ምውሳድ ዝበርትዐ መከራ ነቶም ኣብኡ ዝነበሩ ቅዱሳን ኣዝዩ ፈታኒ መድረኽ እዩ ነይሩ። እቶም ቅዱሳን በቲ ዝመጾም መከራ ኣብ የሩሳሌም ክቕመጡ ይኽእሉ ስለዘይነበሩ ድማ ናብ ብዙሕ ቦታ እዮም ተበቲኖም። እቲ ምብታኖም ግና ካብ መከራ መዕቀቢ ዝኾኖም ቦታ ንምቕያር እተገብረ ተራ ምብታን ኣይነበረን። ነናብ ዝኣተውዋ ከተማ ወንጌል ብምዝርጋሕ ኣብ ምስፋሕ መንግስቲ ኣምላኽ ዓብዪ ኣበርክቶ ንምግባር እዮም ተጠቒሞምሉ። ንሳቶም ኣብ ዘዝኣተውዋ ከተማ እዮም ወንጌል ዘርጊሖም። ኣንጾክያ ድማ ሓንቲ ካብተን ብወንጌሎም እተበጽሓ ከተማታት እያ።

ኣምላኽ ንማሕበሩ ካብ ዝሃባ ዓብዪ ተልእኾ እቲ ሓደ ክሳዕ ወሰን ምድሪ ወንጌል ምዝርጋሕ እዩ። ተልእኾና ወንጌል ብምዝርጋሕ ኣበየ ከባቢኡ ማሕበራት ምምስራት እዩ። ነዚ ተልእኾ ንምፍጻም ድማ ናይ ግድን ኣይኰናን ምቹእ ሃዋህው ክንጽበ። ኣብ ከመይ ኵነታት ኣሎና ብዘየገድስ ነዚ ዓብዪ ተልእኾ ተግባራዊ ንምግባር ክንተግህ ክንክእል ኣሎና። ዋላውን ከቢድ ናይ መከራ እዋን ይሃሉ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ብምስባኽ ማሕበራት ክነብዝሕ ኣምላኽ ይደሊ። ሰይጣን ንምጥፋእና ናብ ብዙሕ ቦታ ክደፍኣና ይኽእል እዩ፥ ንሕና ግና ከምቶም ንማሕበር ኣንጾክያ ዝመስረትዋ ጀጋኑ ነዚ ከምዚ ኣጋጣሚ ከም ብሉጽ ዕድል ተጠቒምና ወንጌል ክንዝርግሓሉ እዩ ዝግብኣና።

እዞም ኣብ እዋን መከራ ዝሰሰኑን ንማሕበር ኣንጾክያ ዝተኸልዋን ቅዱሳን፥ ነቶም ኣብ እዋን መከራ ክንሃድእ፥ ብንስሓን ንብዓትን ጥራይ ንኣምላኽ ክንጽበ ደኣ እምበር ዝኾነ ካልእ ክንገብር የብልናን ኢሎም ኢዶምን እግሮም ኣጣሚሮም ኮፍ ንዝበሉ ዓብዪ ትምህርቲ እዮም ዘሕልፉ። መደብ ኣምላኽ ኣብ እዋን መከራ ክንስስን እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ንደቂ እስራኤል ናብ ምርኮ ይኸዱ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን *"ብዝሑ ደኣ እምበር ኣይትውሓዱ"* ዝበሎም (ኤር29፥)። ንሕናውን እቲ ዝገጥመና ኵነታት እንታይ እዩ ብዘየገድስ ክንስስን ኣሎና። ኣብ እዋን መከራ ማሕበር

ክንስምስርት፥ ዝኾነ ሚኒስትሪ ክንጅምር ዘድሊ እንተድኣ ኰይኑ ክንጅምር ኣሎና። ወንጌል ንምዝርጋሕ ናይ ግድን ምቹእ ጊዜ ጥራይ ክንጽበ የብልናን።

እቶም ንማሕበር ኣንጸኪያ ዝመስረትዋ ብርግጽ ኣብቲ ዝነበሩሉ ስፍራ ካብቲ ዝወርዶም ስደትን መከራን እተላዕለ ነዊሕ ክጸንሑ ይኽእሉ ኣይነበሩን። ይኹን ደኣ እምበር ካብቲ ዝነበርዎ ቦታ ናብ ካልእ ብምቕያር ኣብ ምዝርጋሕ ወንጌል እዮም ተጸሚዶም። መከራ እንተገጠመና ቅዱ ኣካይዳናን ቦታን ንቐይር ደኣ እምበር ተልእኾና ኣይንደርቢ። ተልእኾ ኵሉ ሳዕ ሓደን ዘይልወጥን ክኸውን እዩ ዘለዎ። ንሱ ኸኣ ምዝርጋሕ ወንጌል እዩ። ወንጌል ብጊዜኡን ዘይጊዚኡን ክንሰብኽ እተጸዋዕና ምኽንና ክንስሕቶ የብልናን (ፊሊ1፥12-14)።

ሙሴ እተወልደሉ እዋን ዘዝተወልደ ወዲተባዕታይ ክቕተል ዝግደደሉ እዋን እዩ ነይሩ። እዚ ኣዋጅ ግና ንኣደ ሙሴ ኣርዒዱ ካብ ምውላድ ውሉድ ክኽልክላ እንከሎ ኣይንርእዮን። ጐይታ የሱስ ንእተወልደሉ ጊዜ ምስ እንርእዮውን እስራኤል ኣብ ትሕቲ ሮማውያን ትግዝኣሉ ዝነበረት ዘመን እዩ። ጐይታ የሱስ ምስ ተወልደውን ሄሮድስ ህጻናት ንምጽናት ንዝኣወጆ ኣዋጅ ተግባራዊ ጌርዎ እዩ። ንሱ ግና ነቲ ክፉእ ዘመን ናብ ግብጺ ብምኻድ የሕሊፍዎ ደኣ እምበር ክፉእ ዘመን ስለዝኾነ ንዘውለደሉ እዋን ኣየናውሖን። እቲ ኣባና ዝዓዪ ኣምላኽ ብዅነታትን ነገራትን ዝዕገት ኣምላኽ ስለዘይኰነ ኣብዚ ሕጂ ዘሎናዮ ዘመን ክንሰርሕ ከምእንኽእልን ከም ዝግብኣናን ንረዳእ። ጽባሕ ናይ ዕዮ ዘመን ክመጽእ እዩ ኢልና ሎሚ ኣይንደቅስ። **ጽባሕ ድምር ወይ ውጽኢት ናይዛ ንነብረላ ዘሎና ሎሚ እዩ።** ኣብ ሎሚ እንተድኣ ተዓዊትና ኢና ንጽባሕ ነውሕሳ። ኵሉ ክመጽእ ዘለዎ ነገር በቲ ሎሚ እንገብሮ ተግባር ይውሰን ምኽኑ ተገንዚብና ኣብዚ ዘይምቹእ ዝመስል እዋን ምስቲ ኵሉ ዝኽእል ኣምላኽ ዝከኣለና ንምግባር ንተንስእ።

ኣብ እዋን መከራ ነታ ዘላትካ ምዕቃብ እዩ ዘድሊ ዝብሉ ሒደት ሰባት ከምዘለው ይፈልጥ እየ። ቅዱስ ቃል ግና ኣብ ዝኾነ እዋን ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ፥ ካብ እምነት ናብ እምነት ክንስጉም እዩ ዝነግረና። ኣብ እዋን መከራ ስራሕ ኣምላኽ ብሓይሊ ክትሰርሕ ምግዳል ንገዛእ ርእስኻ ኣብ ፈተና ምእታው ኣይኰነን። ኣብ ዕዮ ተጸሚድካ እንከሎኻ ንስለ ወንጌል ብማእሰርቲ ምሕላፍ ድማ ዘሕፍር ዘይኰነስ ሓላል እዩ። ብዙሓት ኣሕዋትና ስራሕ ኣምላኽ ንምስራሕ ኣብ ዝገበርዎ ጻዕሪ፥ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ብዙሕ ዋጋ ከፊሎም እዮም። ስሊኦም ነቲ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ እባርኾ እየ። እዚ ኣብቲ ዝቕጽል ህይወት ጥራይ ዘይኰነስ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ እዋንውን ዓስቢ ዘውህብ እዩ።

እቶም ኣብ ጽንኩር ኵነታት ተባዕ ስጉምቲ ብምውሳድ ንመጓሰ ኣምላኽ ክጥርንፉ፥ ክምህሩ፥ ኣገልገልቲ ክሰልጥኑ፥ ሓደሽቲ ማሕበራትን ሚኒስትሪታትን ክምስርቱ ዝጋደሉ ብጹኣን እዮም። ኣምላኽ ምስዘከረና ክንሰርሕ ኢና ኢሎም ዝደቀሱን መዕቆቢ ዝኾኖም ካልእ ስፍራን ምምስሳልን ዝመረጹን ግና ትርጉም ወንጌል ብዝግባእ ከምዘይተረድኦም ባዕሎም ብተግባሮም

ይምስክሩ ኣለው። እታ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብብዝሒ ነፍሳት ምስተን ቀዳሞት ክትስራዕ በቒዓ ዘላ ናይ ቻይና ቤተክርስትያን ኣብ እዋን መከራ እያ ሰሲና። ንሕናውን ኣመለኻኽታና ንቐይሮ ደኣ እምበር ኣብዚ ሕጂ ዘሎናዮ ዘመን ብሰላሕታ ክሳዕ ወሰን ምድሪ ክንዝርጋሕ ንኽእል ኢና። *“ዘረባ የልቦን፡ ምዝርራብ የልቦን፡ ድምጾምውን ኣይስማዕን እዩ። ገመዶም ናብ ኩሉ ምድሪ፡ ቃላቶም ድማ ክሳዕ ወሰን ዓለም ይወጽእ ኣሎ፡”* (መዝ19፥3-4)።

ምስ ገለ ኣመንቲ ኣብ ዝገበርክዎ ርክብ ወንጌል ንምዝርጋሕ፥ ስራሕ ኣምላኽ ብዝግባእ ንምስራሕ ምኽፋት ኣዳራሽ ከም ቐንዲ ረቛሒ ከምዝውሰድ ከረጋግጽ ክኢለ እየ። እዚ ዘይመጽሓፍ ቅዱሳዊ ምርዳእ እዩ። መእከቢ ኣዳራሻት ኣብ ምዝርጋሕ ወንጌል ተራ ዝበሃል የብሉን። የሱስ እናዞረ እዩ ጽቡቕ ዝገበረ። ንሱ ጽቡቕ ንምግባር፥ ወንጌል ንምዝርጋሕ፥ ሕሙማት ክፍውስን ኣጋንንቲ ከውጽእን ናይ ግድን ሓደን ፍሉጥን ቦታ ኣየድለዮን። ጐይታ ከምኡ ብምግባር ኣሰሩ ክንስዕብ እዩ ሓቢሩና። ስለዚ ክንንቀሳቀስ እዩ ዘሎና። ሙብዛሕትና ኣገልገልቲ ነዚ እዋን ክንጥቀመሉ ዘይከኣልና ብናይ ኣዳራሽ ኣእምሮ ስለእተታሕዝና እዩ። ሰይጣን በዚ ነገር እተበለጸልና እዋን ከብቕዕ ክኽእል ኣለዎ። እቲ ኣብ ኣእምሮና እተሃንጸ ጽኑዕ ዕርዲ ብስም የሱስ ሕጂ ካብ ነፍስ ወከፍና ይርገፍ።

ዕዮ መንግስቲ ኣምላኽ ክንዓዪ ኣጋንንቲ ይኾኑ ሰባት ከፍቅዱልና ክንጽበ የብልናን። ንምዝርጋሕ ወንጌል ካብ ምድራዊ ሓይልታት ፍቓድ ዝረኸበ ኣገልጋሊ ኣይነበረን። እቲ ዝዓበየ ሞዴልና የሱስ እኳ ኵሎም ናይ ሃይማኖትን ፖለቲካን መራሕቲ እናተጻብእዎ እዩ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ንብዙሓት ዝዘርግሐ። ንሕናውን ኣሰር እቶም ቀዳሞት ክንስዕብ እዩ ዘሎና። ነቲ ዘሎና ወንጌል ንፍትሓዮ። ዓብዪ ናይ ዕዮ ደገ ክኸፈተልና እንከሎ ማዕረ ማዕሪኡ ብዙሓት ተጻረርቲ ከምዝትንስኡና ርዱእ ስለዝኾነ ኣይንጋየሽ። ኣምላኽ ምንም ዓይነት ሽግር ወይ መከራ ኣይገጥመኩምን እዩ ኣይበለናን። ንሱ ብሓዊ ኣይትሓልፉን ዘይኰነ ምስ እትሓልፉ ኣነ ኣብኡ ምሳኻኩም ኣሎኹ እዩ ኢሉና (መዝ23 ኢሳ43፥2)። ስለዚ ናቱ ምሳና ምህላው ተረዲእና ኣብቲ ናይ ጸልማት ጊዜ ብርሃንና ይብራህ። ነቶም ኣብ የሩሳሌም ብዝበጽሖም መከራ ተደሪቶም ንኹሉ ዕዮታት ዘየደስከልዎ መስረትቲ ናይ ኣንጾክያ ማሕበር ዝኾኑ ቅዱሳን ንምሰሎም። ኣብ እዋን መከራ መመሊስና ንሰውድ። *“ብመጠን እቲ ዘጽበቡሎም ግና ኽንዳኡ ሰሰኑ፥ ክንዳኡ ኸኣ ተዘርግሑ...።”* (ዘጸ1፥12)። እቲ ናይ ሎሚ እሙንነትና እዩ፥ ኣብ ጽባሕ ሹመት ዘምጽኣልና እሞ ሎሚ ተጊህና ንስራሕ። ምድሪ ብወንጌል ተወሪሳ ክሳዕ እንርኢ ብሰላሕታ ይኹን ብግሁድ ወንጌል ንዘርግሕ።

# ምዕራፍ ክልተ

## ጸጋ ኣምላኽ ዝረኣየላ ማሕበር

ማሕበር ኣንጾክያ ዝርኤ ናይ ኣምላኽ ጸጋ ብዝንጸባረቐሎም ቅዱሳን እተመልኤት ማሕበር እያ ነይራ። ባርናባስ ካብ የሩሳሌም ናብ ኣንጾክያ ተላኢኹ ምስመጸ፥ ነቲ ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ህይወቶም ዝሰርሖ ስራሕ ርእዩ ኣዝዩ እዩ ተሓጒሱ። *"ንሱ ምስ መጸ፡ ጸጋ ኣምላኽ ርእዩ ተሐጐሰ"* (ግ.ሃ11፡24)። እዛ በቶም ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኽ ምስኦም ዝኾነት ቅዱሳን እተበጽሐት ማሕበር፡ ካብቲ እተመቐልዎ ጸጋ ኣምላኽ እተላዕለ ርኡይ ለውጢ ኣብ ህይወቶም ብዘምጽኡ ቅዱሳን ምልእቲ እያ ኔራ። እቲ ኣብ ማእከል እዛ ሃዋርያዊት ማሕበር ዝነበረ ጸጋ ኣምላኽ፥ ዝኾነ ሰብ ብደገ መጺኡ ብቐሊሉ ከለልዮ ወይ ክርእዮ ክሳዕ ዝኽእል ግሁድ እዩ ነይሩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ባርናባስ ናብዛ ማሕበር ምስ መጸ ጊዜ ከይወሰደ ቀልጢፉ ነቲ ኣብ ማእከል እዛ ማሕበር ዘሎ ጸጋ ኣምላኽ ክርእዮ ዝኸኣለ።

እቲ "ብኣዲሱ መደበኛ ትርጉም" ዝፍለጥ ናይ ኣምሕርኛ መጽሓፍ ቅዱስ ነዛ ጥቕሲ *"ንሱ ኣብኡ ምስ በጽሐ እግዚኣብሄር ብጸጋኡ ዝሰርሖ ምስ ረኣየ ተሓጐሰ።"* ይብሎ። እዚ ከኣ ኣምላኽ ኣብታ ማሕበር ብጸጋኡ ብዙሕ ስራሕ ይሰርሕ ከምዝነበረ እዩ ዘረድኣና። እዛ ከም ሞዴል ክንወስዳ እንኽእል ማሕበር ኣብ ማእከላ ናይ ኣእምሮ ስራሕ ዘይኮነ ናይ ጸጋ ስራሕ እዩ ዝረኣየላ ዝነበረ። ኣብዚ መወዳእታ ዘመን ነቲ ናይ ጸጋ ስራሕ እናህሰሳ ብዙሕ ስጋን ኣእምሮን ዝወለዶ መደባት ሰሪዐን ብምምልላሰን ንሰብ ከደንቓ ዝኸኣላ ማሕበራት ኣይተሳእናን። ኣምላኽ ግና ኣብ ማእከል ማሕበር ሓለፉ ዝኾነ ነገር ናይ ጸግኡ ስራሕ ክህሉ ይብህግ። ናይ ኣንጾክያ ማሕበር ድማ ነዚ ባህጊ ኣምላኽ ተረዲኣ ግቡእ ግብረ መልሲ ክትህብ ዝኸኣለት ኣብነታዊት ማሕበር እያ ኔራ።

ነቲ ብዛዕባ እዛ ማሕበር እተጻሕፈ ጽሑፋት ብምግንዛብ እቲ ኣብቶም ቅዱሳን እተራእየ እሞ ንባርናባስ ዘሕጐሶ ጸጋ እዞም ዝስዕቡ እዮም ክንብል ንኽእል ኢና።

- ሓጐስ
- ብመንፈስ ምቅጻል
- መንፈሳዊ ጽምኣት
- ምዕያይ መንፈሳዊ ውህበት
- እምነትካ ምስ ካልኦት ምምቓል
- ንድኹማት ምርዳእ
- ጸጋ ኣገልገልትኻ ምቕባል

- ትግሃት
- መስቀልካ ንምስካም ድሉው ምዃን
- ንኣምላኽ ብውልቅኻ ምፍላጥ
- ናይ ኣምልኾ ህይወት…።

እዚኦምን ካልኦት ነዚኣቶም ዝኣመሰሉ ነገራትን ኣብ ህይወት ቅዱሳን ክንጸባረቑ እንከለው ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ህይወቶም ይሰርሕ ወይ ይግለጽ ኣሎ ንብል።

ኣብዚ ግና ክነስተውዕሎ ዝግብኣና ነገር ኣሎ። ጸጋ ናይ ኣምላኽ ናብ ህይወት ሰባት መጺኡ እቲ ግቡእ ስርሑ ክሰርሕ ዘስርሖ ሰብ የድልዮ። እቶም ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበሩ ቅዱሳን ንጸጋ ኣምላኽ እተኸፍተ ልብን ንስራሕ እተዳለወ ኣካይዳን ብምምጽኦም እዮም ጸጋ ኣምላኽ ኣባታቶም ዝሰርሖ ስራሕ ብቐሊሉ ብደገ ዝመጸ ሰብ ክንብቦ ክሳዕ ዝኽእል ግሁድ ዝነበረ። ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ኣተሓሳስባኦም፡ ኣካይዳኦም፡ ቅዲ ናብራኦምን ኣገልግሎቶምን ዝርኤ ኣምላኻውነት ስለዝቐረጸ ንልቢ ባርናባስ ብሓጐስ ኣሰራሲርዎ።

እቲ ኣብ ኣንጾክያ ዝፈረየ ወለዶ ንጸጋ ኣምላኽ ዝግብኦ ክብሪ ዝህብን በቲ ጸጋ ኣምላኽ ከምቲ ዝግባእ ዝግልገልን ብምንባሩ ማእለያ ዘይብሉ በረኸት ኣምላኽ ተጐናጺፉ እዩ። ጸጋ ኣምላኽ ናብቲ ወለዶ መጺኡ ከይሰርሐ ዘይምለስ ብምዃኑ እቲ ወለዶ ካብ ካልኦት ፍልይ ዝበለ ምዃኑ ብግብሪ እዩ ኣመስኪሩ። ጸጋ ዝብል ቃል ኣብቲ ናይ ግሪኽ መጽሓፍ "ቻሪስ" (charis) ክብሎ እንከሎ እዚ ዝስዕብ ትርጉም ድማ ኣለዎ።

- ሞገስ ኣምላኽ
- ብኣምላኽ ዝወሃብ ናጻ ህያብ
- ንዘይከኣል ዘኽእል መለኮታዊ ወይ ኣምላኻዊ ክእለት
- ጽባቐ /ውቃበ/

ንትርጉም ጸጋ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብዛ ማሕበር ጸጋ ኣምላኽ ተራእዩ ክብሃል እንከሎ እዞም ዝስዕቡ ኣርባዕተ ነገራት ኣብታ ማሕበር ከምዝነበሩ ንርዳእ።

- **<u>ንምዕባይን ምህናጽን ዓብዪ ግደ ዘለዎ ሞገስ ኣምላኽ ኣብ ማእከሎም ነይሩ</u>**
  ምዕባይን ምህናጽን ፍረ ጸጋ ኣምላኽ ስለዝኾነ ብዘይ ጸጋ ኣምላኽ ክትዓቢ ይኹን ክትህነጽ ኣይትኽእልን ኢኻ። ናይ ኣምላኽ ጸጋ ብምልኣት እንግሃድ ግና ኣብ ልዕሊ እምነትና ክውሰኹ ንዝግብኦም ኣምላኻዊ ባህርያት ብምውሳኽ ናብቲ እተመደበልና መንፈሳዊ ብጽሕና ንምብጻሕ ንህነጽ።

- **<u>ንኹሉ እቲ ኣምላኽ ንህዝቡ ክህቦ ዝደልዮ መንፈሳዊ ውህበት ተቐቢሎሞ</u>**
  መብዛሕትና ክርስትያናት ኣምላኽ ክህበና ዝደልዮ ብዙሕ መንፈሳዊ ነገራት እንከሎ፥ ንምቕባሉ ምስትውዓል ስለዝጐደለና ግና ዛጊት ኣይረኸብናዮን። እቲ ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበረ ወለዶ ግና ንመንፈሳዊ ውህበት ከመይ ገይሩ ክቕበል ከምዘለዎ፥ ካብ ኣምላኽ እተማሃረ ህይወት ስለዝነበሮ ንኹሉ እቲ እተመደበሉ ሰማያዊ በረኸት ክቕበል ክኢሉ እዩ።

- **<u>ንኩሉ ነገራት ብናይ ኣምላኽ ክእለት ይኽእልዎ ነይሮም</u>**
  እታ ናይ ኣንጾኪያ ማሕበር ንኮሉ እቲ ክትገብሮ ዘለዋ ንምግባር ካብ ኣምላኽ መለኮታዊ ክእለት ነይርዋ እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ኣብቲ ኣብኣ ዝነበረ ሃዋርያዊ ወለዶ ድኹም ኣካይዳ ዘይንዕዘብ። ሓደ ኣማኒ ይኽእል እየ ኢሉ ስለዝኣወጀ ጥራይ ይኽእሎ ማለት ኣይኮነን። ንዝኾነ ነገር ክንክእሎ እንኽእል ብናይ ኣምላኽ መለኮታዊ ክእለት ጥራይ እዩ።

- **<u>ኣምላኻውነት ኣብ ህይወቶም ተቐሪጹ ወይ ድማ መልክዕ ኣምላኽ ብምልኣት ዘንጸባርቕ ህይወት ነይርዎም</u>**
  ጸጋ ከምቲ ዝርኤናዮ ጽባቐ ወይ ውቃበ እዩ። ኣብታ ማሕበር ጸጋ ተራእዩ ክብሃል እንከሎ እምበኣር ናይ ኣምላኽ ጽባቐን ውቃበን ብምልኣት ይንጸባረቕ ነይሩ ማለት እዩ። **ኣብዚ ንሓቐኛ ምስሊ ኣምላኽ ንምድዋን ሰይጣንን ዓለምን ዝረባረቡሉ ዘለው እዋን፥ ውቃበ ኣምላኽ ዝኾልዕ ኣካይዳ ክነምጽእ መንፈሳዊ ሓላፍነት ኣሎና።** እዚ ንምግባር ድማ ኣሰር እቲ ሃዋርያዊ ወለዶ ክንስዕብ እዩ ዘሎና። ንክብሪ ጸጋ ኣምላኽ ብዝግባእ ተረዲእና ዝግብኦ ቦታ እንህብን ኣብ ህይወትና እዚ ጸጋ ክግለጽ እንጽዕርን ክንከውን ዋጋ ክንከፍል ኣሎና።

ሓንቲ ዞባዊት ማሕበር (local church) ከም መጠን ኣካል ክርስቶስ ነቲ ኣብኣ ዘሎ ይኹን ብደገ ዝመጸ ናይ ኣምላኽ ጸጋ ኣብ ኮሉ ነገራታ ብኹሉ ሸነኽ ይሰርሕ ከምዘሎ ከተረጋግጽ መንፈሳዊ ሓላፍነት ኣለዋ። ነዚ ናይ ምምዛን ምርግጋጽን ሓላፍነት ምስካም ወይ ምትግባር ድማ ንእተጸዋዕናሉ ሃዋርያዊ ጽውዓ ግቡእ ግብረ መልሲ ምሃብ እዩ። እታ ብልጽቲ ማሕበር ንጸጋ ኣምላኽ ብእትህቦ ግብረ መልሲ (ፍሉይ ተወፋይነት) እትልለ ምኽና ከይዘንጋዕና፥ ብኸመይ መገድን ኣበይ ሸነኽ ተገሊጹን ብዘየገድስ ንእተገልጸ ጸጋ ዝግብኦ ክብሪ ክንህብ ክንክእል ኣሎና።

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ዝምዓድ ልቢ ብዘለዎም ቅዱሳን ምልእቲ

እቲ ካብ የሩሳሌም ተላኢኹ ዝመጸ ባርናባስ ነቶም ኣብ ኣንጾክያ ዝነበሩ ቅዱሳን ብጐይታ ጸኒዖም ክነብሩ መኺርዎም እዩ። *"..ብምሉእ ልቦም ብጐይታ ጸኒዖም ኪነብሩ መኸሮም፥ ብዙሕ ህዝቢ ኸኣ ንጐይታ ተወሰኸ።"* (ግ.ሃ11፡24)። እቲ ብባርናባስ እተለቐቐ ሃዋርያዊ ምዕዶ ኣብቲ ኣብታ ማሕበር ዝነበረ ወለዶ ምሉእ ተቐባልነት ስለዝረኸበ እዩ ካልኦት'ውን ናብታ ማሕበር ክጽንበሩ ዝኸኣሉ። እታ ማሕበር ብካልኦት ቅዱሳን ዝመጸላ ምዕዶ ከምዘለዎ እትቕበል ደኣ እምበር ዘይትነጽግ ብምንባራ ንኹሉ እቲ ካብ ማዕዳ ዝርከብ መንፈሳዊ በረኸታት ክትወርሶ ክኢላ እያ።

እቲ ወለዶ ነቲ ዘይበጽሖ ከምዝበጽሖ ገይሩ ዝሓስብ ስለዘይኮነ፥ በቶም ብምርዳእን ተሞክሮን ካብኡ ዝበልጹ ኣገልገልቲ ኣብ ዝመዓደሉ እዋን ብክፉት ልቢ እዩ ዝሰምሮ። ንረብሓኡ ንዝመጽእ ማዕዳ ብእተፈላለየ ምኽኒት፡ ስጋዊ ባህርይን ውዲት ኢጋንንትን ተታሊሉ ኣይነጽግን። እቲ ኣብ ኣንጾክያ ዝነበረ ክርስትያን ወለዶ ነቲ ሃዋርያዊ ምዕዶ ከየስተውዕሎ ብዝጸብኦ ሰይጣናዊ ውዲት ከይተሰናኸለ ነቲ ምዕዶ ምስ ገዛእ ርእሱ ዘወሃሃድን ንተግባራውነቱ ዝለዓዐልን ብምዃኑ ፍሉይነት ነይርዎ እዩ። ደሓን፥ ምኽንዋን (ምስላጥ)፡ ዓወት... ካብ ምብዛሕ መኽርቲ ከምዝርከብ ስለዝርዳእ እቲ ኣብ ኣንጾክያ ዝነበረ ወለዶ ንኹሉ እቲ ካብ ኣምላኽ ብካልኦት ዝልቐቐሉ መንፈሳዊ ማዕዳ ንምቕባል ትጉህ እዩ ነይሩ።

ናይ ምምዓድ ኣገልግሎት ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣገልግሎት ኰይኑ ንምህናጽ ኣካል ክርስቶስ ንኹሎም እቶም ኣብ መሪሕነት ዘለውን (ሃዋርያ፥ ነብያት፥ ወንጌላውያን፥ ጓሶትን መምህራንን) ብፍሉይ ነዚ ኣገልግሎት እተሓረዩ ቅዱሳንን ዝወሃብ መለኰታዊ ክእለት እዩ። እቲ ናይ ግሪኽ መጽሓፍ ነዚ ኣገልግሎት **"ፓራካሊኦ"** **(Parakaleo)** ክብሎ እንከሎ እቲ ንእኡ እተዋህበ ትርጉም ድማ እዚ ዝስዕብ እዩ።

- ካብ ኣእምሮ ኣምላኽ መንፈሳዊ ሓሳብ ምምቃል
- ሰባት ክገብርዎ ንዘለዎም ነገር ንክገብሩ ንምጽዋዕ ዝወሃብ ፍሉይ መለኰታዊ ክእለት
- ንሰባት ቀረባኦም ንምዃን፡ ንምክንኻንን ምጽንናዕንን ዘኽእል ፍሉይ ናይ መንፈስ ቅዱስ ክእለት
- ንምብርታዕን ምትብባዕን ካልኦት ክትሰርሕ ዝወሃብ መለኰታዊ ብቕዓት
- ሰባት ካብ ጌጋኦም ክምለሱን ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮም ንክነብሩን ንምግሳጾም ዘኽእለካ መንፈሳዊ ዓቕሚ

- *ሰባት ነቲ ክወስድዎ ዘለዎም ስጉምቲ ክወስዱ ንምድራኽን ምዝኽኻርን ዘኽእል መንፈሳዊ ክእለትን ምሕጽንታን*

እዚ ኵሉ ሰናይ ካብ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ዝርከብ ካብ ኰነ፥ ኣምላኽ እዚ ጸጋ ዘለዎም ሰባት ናባና ኣብ ዝልእኽሉ እዋን ብምሉእ ልቢ ክንቅበሎም ኣሎና። ምኽንያት ናይቲ መብዛሕትና ንሓልፎ ዘሎና ውርደትን ሓይሊ ኣልቦ ህይወትን፥ ብኣምላኽ ኣብ እተመኽርናሉ እዋን ክንሰምዖ ዘይምኽኣልና እዩ። ምኽሪ ኣምላኽ ንእተሰከሙ ቅዱሳን ምስ እንሰምዖም ካብ ጥፍኣት ብምህዳም ናብ በረኸት ኢና ንኣቱ። ስለዚ ልብና ገፊሕ ይኹን። እቶም ካብ ጎይታ ክንምለስ ዝግስጹና ጸላእትና ዘይኰኑስ እቶም ናይ ሓቂ ኣብ ህይወትና ሰናይ ክርእዩ ዝብህጉ ፈተውትና ብምዃኖም ነኽብሮም። ከምቲ እቶም ቀዳሞት ብኣገልገልቲ ዝመጾም መንፈሳዊ ሓሳብ ኣኽቢሮም ንግብራውነት ዝተግሁ ንሕናውን ንምሰሎም።

እቲ ካብ ማዕዳን ተግሳጽን ዝርከብ ረብሓ እዚ ኢልና ብቐሊሉ ዝውዳእ ስለዘይኰነ ንጠቕመሉ። እቲ ስጋዊ ባህርያትና በቶም ጎይታ እናረኣዩ ከምዘይረኣዩ ሸለል ኢሎም ዝሓልፉ ሰባት እዩ ዝሕጐስ። ቅዱስ ቃል ግና እቲ ምስ ጎይታ ኣብዚሑ ዝስዕመና ነገርናን ውድቀትናን ዝምነ ጸላኢና ከምዝኾነ እዩ ዝነግረና። *"ካብ ሕቡእ ፍቕሪ ግሉጽ ተግሳጽ ይሓይሽ። ናይ ፈታዊ ምቝሳል እሙን እዩ፥ ጸላኢ ግና ኣብዚሑ ይስዕም።"* (ምሳ27፥5-6)። ስለዚ ኵሉ እቲ ምስ እኩይ ተግባራትና ኣጆኻ ዝበለና ፈታዊና፥ ዝገሰጸና ድማ ጸላኢና ከምዘይኰነ ተረዲእና ንተግሳጽ ልብና ነንቕሕ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ረብሓ ተግሳጽ ብዙሕ እዩ። እዚ ዝስዕብ ድማ ሒደት ካብኡ እዩ፥

- ዘይቲ ርእሲ እዩ፥ መዝ141፥5
- ኣእምሮን ጥበብን ትረክብ፥ ምሳ15፥5፣32 29፥15
- ናብ ህይወት ትምራሕ፥ ምሳ15፥31
- ኣብ ማእከል ጠቢባን ትነብር፥ ምሳ15፥31

ተግሳጽን ማዕዳን ረብሓኡ ዓብዪ ስለዝኾነ እዩ የሱስ ኣብ ኣገልግሎቱ ብብዝሒ ዝጥቀመሉ ዝነበረ። ንሱ ንጴጥሮስ (ማር8፥33)፥ ነቶም ዓሰርተ ሓደ (ማር16፥14 ሉቃ24፥25)፥ ነቶም ዝስዕብዎ ህዝቢ (ሉቃ9፥41)፥ ንይሁዳ (ዮሃ12፥7)፥ ንማሕበራት ኤስያ (ራእ2 ን 3) ገኒሕዎም። እቲ ዝካየድ መግናሕትን ማዕዳን ድማ እንሓንሳእ ብውልቂ (ማቴ18፥15) ኣብ ካልእ እዋን ድማ ኣብ ቅድሚ ሰብ (1ጢሞ5፥20 2ጢሞ4፥2 ቲቶ2፥15) ክካየድ ይከኣል። ንዝመጸካ ማዕዳን መግናሕትን ዘይምቕባል ዕሽነት ብምዃኑ ድኽነትን ነውርን እዩ ዘስዕብ (ምሳ13፥18)። ስለዚ ልብና ብውልቂ ይኹን ኣብ ቅድሚ ሰባት ንዝመጸና ማዕዳን ተግሳጽን ድሉው ንግበሮ። እዚ እንተገበርና ድማ ነቲ ብኸሉ ዕዮታቱን ህይወቱን ንኣምላኽ ዘኽበረ ናይ ማሕበር ኣንጾክያ ወለዶ ክንመስሎ ኢና።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ቅቡኣት ዝሕቈፋላ ማሕበር

ጳውል እቲ ዳሕራይ ጳውሎስ እተሰመየ ሃዋርያ ኣብ ምዕራፍ 9 ናይ ግ.ሃ ብክርስቶስ የሱስ ንእምነት ምስተማረኸ ምስ ሃናንያ ብምርኻብ ብቐጥታ ኣብ ኣገልግሎት ጐይታ እዩ ኣትዩ። ንሱ ኣብ ደማስቆን የሩሳሌምን ምስ ብዙሕ ስደት ከገልግል ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ጠርሴስ ከምዝወረደ ቅዱስ ቃል ይነግረና። ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ ቅዱሳን ንሃዋርያ ጳውሎስ ቅድሚ ናብ ጐይታ ምምጻኡ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ብዘውርዶ ዝነበረ ስቅያት (ብሕሉፍ በደላቱ) ይጥምትዎ ስለዝነበሩ ቀልጢፎም ክቕበልዎ ኣይከኣሉን። በዚ ከኣ እቲ ብፍሉይ ጺጋ ንፍሉይ ተልእኾ ብኣምላኽ ተሓርዩ እተቀብሎ ጳውሎስ፥ ኣብ ካልኦት ማሕበራት እቲ ዝድለ ተቀባልነት ኣብ ሓጺር እዋን ክረክብ ኣይከኣለን።

ጳውሎስ ኵሉ ገዲፉ ኣብ ትውልዲ ዓዱ ጠርሴስ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ግና፥ እቲ መንቀሊኡ ንማሕበር ኣንጾክያ ዝገበረ ባርናባስ ናብ ጠርሴስ ብምኻድ ናብ ማሕበር ኣንጾክያ ከምዘምጽኦ እሞ ኣብቶም ኣብ ኣንጾክያ ዝነበሩ ቅዱሳን ተቐባልነት ክረክብ ከምዝገበሮ ንርኢ (ግ.ሃ11፡25-26)። ጳውሎስ ናብ ኣንጾክያ ምስመጸ እታ ናይ ኣንጾክያ ማሕበር በቲ ኣረጊት መንነቱ ዘይኰነስ በቲ ሕጂ ብክርስቶስ የሱስ ዝረኸቦ ሓድሽ መንነት ስለ ዝፈለጠቶ ብዘይ ዝኾነ ምድንጓይ እያ ተቐቢላቶ። እዚ ከኣ ነቲ እታ ማሕበር ዘለዋ ዝሓቍፍ ልቢ ህያው ኣብነት እዩ።

ነስተውዕል፥ ጳውሎስ ካብ ጠርሴስ ናብ ኣንጾክያ ብባርናባስ እዩ መጺኡ። ጠርሴስ ከኣ ናይ ጳውሎስ መበቆል ዓዲ እያ (ግ.ሃ9፥11)። ጳውሎስ ናብዚ ቦታ ንኣገልግሎት ዘይኰነስ ካብቲ ዘጋጠሞ ስደት እተላዕለ ገዛእ ርእሱ ክሓብእ እዩ ከይዱ። እዚ ሃዋርያ ኣብ ጠርሴስ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ካብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ርሒቑ እዩ ነይሩ። ስለዚ ብባርናባስ ናብ ኣንጾክያ ክመጽእ እንከሎ ዳግም ናብ ኣገልግሎት እዩ ዝምለስ ዘሎ። ስለዝኾነ ድማ እታ ናይ ኣንጾክያ ማሕበር ኣገልግሎቶም ዝሓደጉ ሰባት ዳግም ናብ ኣገልግሎት ክምለሱ እትሕግዝ ማሕበር እያ ነይራ ማለት እዩ። ከምኡውን እዛ ማሕበር እቶም ቅድሚ ሕጂ እተጋገዩ ንሓዋሩ ኣብ ጌጋኦም ይንበሩ ከይበለት፡ ክምለሱ እትገብር፡ ነቶም እተመልሱ ድማ ሓንጐፋይ ኢላ እትቕበል፥ ልቢ ኣቦታትን ኣዴታትን ብዘለዎም ቅዱሳን እተመልኤት ማሕበር እያ ዝነበረት።

ከምቲ ኣብዛ ሃገር ብተደጋጋሚ እተራእየ ገለ ኣመንቲ ነቶም ትማሊ ብጸጋኦም እተጠቐሙሎም ኣገልገልቲ ኣብ ድኻሞም ቁሊሕ ኣይበልዎምን። ንምድርና ዝሰዓረ እሞ ብኣና ክስዓር ዘለዎ ሓደ ገፋዒ መንፈስ ኣሎ። ኣብ ባህርያት ኣመንቲ ዓለወኛ ኣካይዳ ዝሃንጽ ከፉእ መንፈስ። እዚ መንፈስ ነቶም ብኣምላኽ ንረብሓ ህዝቢ ኣምላኽ እተሾሙ ቅዱሳን ዘሳድድ እዩ። ኣብ ልቢ ሰባት ቦታ

ከይረኸቡ ስሞም ብምጽላም፥ ትምህርቶምን ትንቢቶምን ድማ ተቐባልነት ከይህልዎ፥ ምጥርጣር ብምዝራእ ዝዓዪ ናይ ጸልማት መንፈስ ኣሎ። ነዚ መንፈስ ኣእዛኖምን ልቦምን ዝኸፈቱ ሒደት ኣይኮኑን። ዋላውን እቶም ኣብ ቦታ መሪሕነት ነዚ መንፈስ ዘለው ከቃወምዎ ብዘይምኽኣሎም ንብዙሓት ንምግፋዕ ሰይጣን ተጠቂሙሎም እዩ።

እቲ ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበረ ወለዶ ግን ናይ ትማሊ ሳውል ዘይኰነስ ናይ ሎሚ ጳውሎስ እዩ ዘገድሶ። ይትረፍ ዶ ቅድሚ ናብ ጐይታ ምምጽኡ ድሕሪ ምምጽኡ ንዝበደሎ በደል ምሕረት ብምሃብ ናብ ንቡር ህይወቱ ዝመልስ ደኣ እምበር ኣብ ልዕሊ እቲ ብኣምላኽ እተቐብሎ ኣገልጋሊ ኣፉ ኣይከፍትን። እቶም ብኣመንቲ ዝንጸሉ ቅቡኣት ስለቲ ዝበጽሖም መከራ ብዙሕ ሰናይ ካብ ኣምላኽ ይጸግቡ እዮም። እንተ እቶም ዝነጸልዎምን ኣንጻሮም ዝተንስኡን ግና ኣብ ኣንፈ ብልሒ ብምድሕርሓሮም ህልውን መጻኢን ህይወቶም ኣብ ሓደጋ እዩ ዝወድቕ። ስለዚ ድማ እዩ ካብቲ ኣብ ኣንጾኪያ ዝፈረየ ወለዶ ተማሂርና ነቶም ኣምላኽ ዘተንስኦም ቅቡኣት ክንቅበሎም፥ ብዘድሊ ዘበለ ድማ ኣብ ጐኖም ደው ክንብል ዘሎና።

ኣምላኽ ንገለ ፍታሕ ናይ ህይወትካን ኣገልግሎትካን ኣብቶም ዝገፋዕካዮም ኣገልገልቲ ከቐምጦ ስለዝኽእል ዳሕራይ ምልማኑ ከይከብደካ ሎሚ ንማንም ኣይትግፋዕ። ነዚ ጽቡቕ ኣብነት ዝኾነና ይፍታሕ እዩ። ብዛዕባኡ ኣብ መሳፍንቲ11፥1-11 ተጻሒፉ ከም እንረኽቦ ካብ ሓንቲ ኣመንዝራ ስለእተወልደ እቶም ብኣቦ ኣሕዋቱ ዝኾኑ ሕሉፍ ታሪኹ (ድሕረ ባይታኡ) ገናጺሎም ምስኦም ወራሲ ከይኸውን ኣሳጕጎሞ እዮም። ንሱ ካብኦም ሃዲሙ ኣብ ምድሪ ጦብ ንበይኑ ይነብር ኣብ ዝነበረሉ እዋን ግና ደቂ ዓሞን ንደቂ እስራኤል ተዋግእዎም። ኣብዚ ከምዚ እዋን ድማ ኣሕዋቱን ዓበይቲ ዓድን ናብቲ ትማሊ ወዲ ኣመንዝራ ኢኻ ኪድ ርሓቐልና ዝበልዎ ይፍታሕ ብምምጻእ፥ *በጃኻ ንስኻ ሓለቓ ኰይንካ ነዚ ውግእ ተዋጋእ* በልዎ። ንሱ'ውን ዘረባኦም ብምስማዕ ተዋጊኡ ሓራ ኣውጽኦም። ውሉድ ኣመንዝራ ምኳን ከም ኣበር ተወሲዱ ዋላ ንቑሩብ ጊዜ እንተተገፍዔ ብይፍታሕ ጥራይ ዝፍታሕ ሽግር ምስ ኣጓነፈ ግና ናብኡ ክምለሱ እዮም ተገዲዶም። ስለዚ ነቶም ተመሊስና ደገፎም እንደልየሎም ቅቡኣት ሎሚ ኣይንግፍዓዮም።

ኣምላኽ ነቶም ዝወደቑ ቅቡኣት ካልኣይ ዕድል ዝህብ ኣምላኽ ብምዃኑ ነቶም ገለ እበር ዝረኸብናሎም ቅቡኣት ኣይንደርብዮም። ሲምሶን ብደሊላ ተጠቢሩ ንዘለዎ ቅብኣት ስለዘላጸዮ ሓይሊ ኣምላኽ ካብኡ እኳ እንተተወሰደ፥ ኣብ ጊዜ መከራኡ ናብ ኣምላኽ ምስ ኣእወየ ብኣምላኽ ተዘኪሩ ካልኣይ ዕድል ስለ እተዋህቦ ብዘገርም ድንቂ ሕነ ጸላእቱ ፈድዩ እዩ። ጴጥሮስውን እንተኾነ ብምኽንያት ድኻሙ ንጐይትኡ ክኣመን ስለዘይከኣለ ኣብ ክሕደት ወዲቑ እኳ እንተነበረ፥ ካልኣይ ዕድል ተዋሂብዎ ኣባጊዕ ዘብልዕ፥ ዕያውቲ ዝሕሉ ብሉጽ ጓሳ ክኸውን በቒዑ እዩ። ዳዊት'ውን በቲ ዝገበሮ ናይ ዝሙት በደል ዋላ እኳ ብኣምላኽ እንተተቐጽዔ ብዘሎ

መጻኢኡ ብድኻሙ ክበላሾ ኣይተሓድገን። ስለዚ ድማ እዩ ኣምላኽ ከተንስኦም ከምዝኽእል ፈሊጥና ንቅቡኣትና ይትረፍ ምስ ምሉእ ሓይሎም ዋላውን ምስ ደኸሙ ክንሓቑፎም ዝግብኣና።

ሓደ ናይ መወዳእታ ኣብነት ብምጥቃስ ሓሳበይ ክጥቕልል። ሓደ እዋን ሙሴ ካብቲ ዝነበሮ ናይ ታህዋኽን ቀልጢፍካ ናይ ምቍጣዕን (ምሕራቅ) ድኻም እተላዕለ ነቲ ብብዙሕ ጾምን ጸሎትን ካብ ኣምላኽ እተቐበሎ ጽላት ሰይርዎ እዩ። ይኹን ደኣ እምበር ኣምላኽ ድሕሪ ደጊም ብናይ ሙሴ ድኻም ይኹን ብናይ ካልኦት ሰባት ውዒት ዘይስበር ጽላት ንካልኣይ ሳዕ ሂብዎ እዩ። ሎሚውን እቶም ብኣምላኽ እተዋህቡና ቅቡኣት ብገለ ሸነኽ ናይ ህይወቶም ካብ ድኻሞም እተላዕለ እተሰብሮም ነገር (ራእይ፥ ሞገስ፥ ቅብኣት፥ ባህርይ፥ ጽልዋ...) ክህሉ ይኽእል እዩ። በዚ ከምዚ እተሰብረ ነገር ንሕና ምናልባት ተስፋ ቖሪጽና እንተ ኣርሒቕናዮም እቲ ናይ ካልኣይ ዕድል ኣምላኽ ግና ዘይስበር ጽላት ምስሃቦም ኣብ ቅድሚኦም ደው ምባል ከሕፍረና ስለዝኾነ ብእኦም ተስፋ ክንቆርጽ ኣይግባእን። ስለዚ ድማ እዩ ንቅቡኣት በቲ ንጊዜኡ ኣብ ህይወቶም ዘጋጠመ ድኻም ከይንገፍዖም ክንጥንቀቕ ዘድልየና።

ኣብዚ ግና ክነስተውዕሎ ዝግባእ ነገር ኣሎ፥ ማሕበር ኣንጾኪያ ሓቘፊት እያ ክብሃል እንከሎ ነቶም ብእኩይ ኣካይዳኦም ካብ ካልኦት ማሕበራት እተሰጐጉ ተዕቍብ ማለት ከምዘይኮነ ክንጽረልና ይግባእ። ሓንቲ ማሕበር መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምዘኒ ተጠቒማ ብሕማቕ ኣካይዳኦም ካብ ቦታ ኣገልግሎት ደው ንዘበለቶም ኣመንቲ ናብ ኣገልግሎትና ምጽንባር ንስልጣን ማሕበር ምድፋር ስለዝኾነ ውዒሉ ሓዲሩ ሕማቕ ሳዕቤን የኸትል እዩ። ስለዚ ነቶም ብሕማቕ ኣካይዳኦም ምልክት እተገብረሎም ናብታ ዝነበርዋ ማሕበር ተመሊሶም ምሕረት ክሓቱ ንግበር ደኣ እምበር ቍጽሪ ኣባላት ንምብዛሕ ሓንጻፋይ ኢልና ኣይንቀበል።

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

## ኢድ ኣምላኽ ምስኦም ዝኾነት ቅዱሳን ዘገልግሉላ ማሕበር

ከምቲ ኣቐዲምና ዝርኤናዮ እቶም ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ከተማ ኣንጾክያ ብምንጋር ንማሕበር ኣንጾክያ ኣብ ምምስራት ዓብዪ ግደ ዝነበሮም ቅዱሳን ብሰሪ እቲ ኣብ ልዕሊ እስጢፋኖስ ዝበጽሖ መከራ ፋሕ ዝበሉ እዮም ዝነበሩ። እዞም ቅዱሳን ከምቲ ኣብ ግ.ሃ11፡21 እንረኽቦ ኢድ ኣምላኽ ምስኦም ኔራ። *"ኢድ እግዚኣብሄር ምሳታቶም ነበረት፡ ብዙሕ ዝቑጽሮም ሰብ ድማ ኣሚኖም ናብ ጐይታ ተመልሱ።"* እዛም ኢድ ኣምላኽ ምስኦም ዝነበረት ኣመንቲ ዝሰብክዎ ዝነበሩ ወንጌል ድማ ውጽኢታውን ሓያላን ዘውጽእን ከምዝነበረ ካብ ታሪኽ እታ ማሕበር ክንርዳእ ንኽእል። ምስጢር ዓወቶም ከኣ እታ ምስኦም ክትዓይ ዝወጸት ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኽ እያ ነይራ። ኢድ ኣምላኽ ዝብል ቃል ንብዙሕ ነገር ዘመልክት ኮይኑ እዞም ዝስዕቡ ድማ ሒደት ካብኦም እዮም።

- **<u>ህልውና ኣምላኽ፡</u>** *"..ኢድ እግዚኣብሄር ድማ ምስኡ ነበረት።"* (ሉቃ1፡66)። ኢድ ኣምላኽ ምስ ሓደ ሰብ ኣላ ማለት ህልውና ኣምላኽ ምስቲ ሰብ ኣሎ ማለት እዩ። ከምቲ ኰላትና እንፈልጦን እንሰማምዓሉን ኣብ ህይወት እቲ ኣዝዩ ዘገድስ ነገር ናይ ኣምላኽ ህልውና እዩ። **ኵሉ ነገር ሃልዩካ ህልውና ኣምላኽ እንተዘይብልካ ምንም ዘይብልካ ባዶ ኢኻ።** ብኣንጻሩ ምንም ዘይብልካ ክነስኻ ህልውና ኣምላኽ ብምልኣት ምሳኻ እንተድኣ ሃልዩ ኩሉ ኣሎካ። ስለዚ ድማ እዩ እቶም ኣብ ኣንጾክያ ዝነበሩ ቅዱሳን ቀንዲ መለልይኦም ናይ ኣምላኽ ህልውና ጌሮም ዝመላለሱ ዝነበሩ።

- **<u>ንተኣምራታዊ ስራሕ ኣምላኽ፡</u>** *"ሕጂ ድማ፡ ጐይታይ፡ ናብ ምፍርራሆም ርኤ፡ ብስም እቲ ቅዱስ ወድኻ የሱስ፡ ምሕዋይ ሕሙማትን ትእምርትን ተኣምራትን ኪኸውን፡ ኢድካ ዘርግሕ፡ ንባሮትካ ድማ ብኹሉ ትብዓት ቃልካ ኺዛረቡ ሃቦም።"* (ግ.ሃ4፡30)። ብዘይ ዝርግሕቲ ኢድ ኣምላኽ ከመጽእ ዝኽእል ተኣምራት የልቦን። ስለዝኾነ ድማ እዮም፥ እቶም ቀዳሞት ተኣምራታዊ ስራሕ ክርእዩ ምዝርጋሕ ኢድ ኣምላኽ ክኸውን ኣበርቲዖም ዝጸለዩ። እምበኣርሲ ኢድ ኣምላኽ ክንሓስብ እንከሎና ተኣምራታዊ ስራሕ ኣምላኽ ክንግንዘብ የድሊ።

- **<u>ኣምላኽ ምሳኻ ክወጽእ እንከሎ፥</u>** ኣምላኽ ኵሉ ሳዕ ምስ ህዝቡ እዩ፡ እዚ ማለት ግና ኣብ ኵሉ እቲ ህዝቡ ዝገብሮ ነገር ንሱ ኣሎ ማለት ኣይኰነን። ኣብቲ እንገብሮ ነገር ኣምላኽ ምሳና የልቦን ማለት ድማ ኣምላኽ ሓዲጉና ኣሎ ማለት ኣይኰነን። እቲ "ኣይሓድገካን ዕሽሽ ከቶ ኣይብለካን እየ" ዝበለ ኣምላኽ ንቃሉ ስለዘኽብር ኣይሓድገናን እዩ። ምስናይዚ ግና

ፍቓዱ ክንገብር ክሳዕ ዘይከኣልና ኣብቲ እንገብሮ ነገር ኣምላኽ ምሳና ኣይወጽእን እዩ። ንፍቓዱ ኣብ እንገብረሉ እዋን ግና ዝርግሕቲ ኢድ ኣምላኽ ምሳና ትዓዪ። በዚ ከኣ ኣምላኽ ምሳና ከምዝወጸ ነረጋግጽ።

- **<u>ነቲ ዝግበር ዘሎ ካብኡ ንምኂኑ ክሓትም ዝመጽእ በረኸት ኣምላኽ፥</u>** ኣምላኽ ንሓደ ብትእዛዙ ንፍቓዱ ዝግበር ነገር ናቱ ከምዝኾነ ንምምስካር በረኸቱ ከም ምልክት ይልእኽ እዩ። ነዚ በረኸት ድማ ኢና ኢድ ኣምላኽ ኢልና እንገልጾ።

## <u>ሒደት ካብቶም ኢድ ኣምላኽ ተዘርጊሓ ካብ ዝገበረቶም ነገራት</u>

### ⌘ <u>*ፍርድን መቕጻዕትን*</u>

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ልዕሊ እቲ ንምጽራር ወንጌል ነቲ ቐኑዕ መገዲ እግዚኣብሄር ካብ ምጥዋይ ዘየዕረፈ ጠንቋሊ፥ በዛ ኢድ ሃዋርያዊ ፍርዲ ብምውራድ የዒንቱ ከምዘዖሮ ኣብ ቃል ኣምላኽ ተጻሒፉ ኣሎ (ግ.ሃ13፡11)። ኢድ ኣምላኽ ኣብ እትዝርግሓሉ እዋን ኣብ ልዕሊ እቶም ናይ ጸልማት ሓይልታትን መጋበርያኦም ዝኾኑ ሰባትን ኣምላኻዊ ፍርዲ ይወርድ'ዩ። ማሕበር ክርስቶስ ሕፍርቲ ወይ ዘይተደፋሪት ካብ ዝገብርዋ ነገራት ሓደ ኣምላኻዊ ፍርድን መቕጻዕትን ከተውርድ ምኽኣላ እዩ። እዚ ንምግባር ድማ ብዝርግሕቲ ኢድ ኣምላኽ ምምልላስ የድልያ።

### ⌘ <u>*ዘይድገም ተኣምራት*</u>

ኣምላኽ፥ ነቲ ኣብ ግብጺ ዝነበረ ህዝቡ ብዘደንቕ ሓይሊ ካብ ምርኮ ከውጽኦ ምስ ደለየ ብሙሴ ኣቢሉ ብዙሕ ትእምርትን ተኣምራትን እዩ ገይሩ። እቶም ነቲ ብሙሴ ዝግበር ዝነበረ ተኣምራት ክጸረሩ ዝወፈሩ ጠንቆልቲ ግብጺ ድማ ሙሴ ዘዝገበሮ ብምድጋም ንተኣምራታዊ ሓይሊ ኣምላኽ ከቃልሉ ዝከኣሎም ፈቲኖም እዮም። ይኹን ደኣ እምበር ከምቲ ብነብዪ ሙሴ እተገብረ ብስራዮም ጻጹት ከውጽኡ ኣብ ዝፈተኑሉ እዋን ኣይሰለጦምን። ስለዝኾነ ድማ ነቲ እዚ ክገብር ዝኣዘዞም ፈርኦን *"..እዚኣ ኣጻብዕ ኣምላኽ እያ።"* በልዎ (ዘጸ8፡9)። እቶም ጠንቈልቲ ክደግምዋ ዘይከኣሉ ተኣምራት ብኣጻብዕ ኣምላኽ እያ ተፈጺማ። በጻብዕቲ ኣምላኽ ዝግበር ኩሉ ነገር ፍሉይ እዩ። ብኣጋንንትን ብክእለት ሰብን ድማ ክድገም ፈጺሙ ኣይክእልን። ዓለም፥ ሓይሊ ወንጌል ንምድኻም ብዙሓት ሞራላውያን ሰባት ትሰርሕ፡ እተፈላለየ ምስቲ ማሕበር እትሰርሖም መደባት ዝመሳሰሉ መደባት'ውን ተዳሉ እያ። ማሕበር ክርስቶስ ግና ብኢድ ኣምላኽ ተሓጊዛ እትገብሮ ነገራት ብማንም ሰብ ክድገም ፈጺሙ ስለዘይክእል ጸብለልታኣ ሒዛ እያ ትቕጽል።

## ⌘ **ኣጋንንቲ ምውጻእ**

ክርስቶስ የሱስ ነቶም ኣብ ሰባት ዝሰረጹ ወይ ዝሓደሩ ኣጋንንቲ ከውጽኦም እንከሎ ካብቲ ዚዛረቦ ዝነበረ ዘረባ *"ኣነ ኒጋንንቲ በጻብዕ ኣምላኽ ዘውጽኦም ካብ ኰንኩ ግና መንግስቲ ኣምላኽ ኣባኻትኩም በጺሔት።"* ዝብል ይርከቦ (ሉቃ11፡20)። ኢድ ኣምላኽ፥ ኣብ ልዕሊ ናይ ጸልማት ሓይልታት ሕነ እትፈድን ንሰባት ሓራ እተውጽእን ኣጽዋር ውግእ ናይ ኣመንቲ እያ። ኢድ ኣምላኽ ምስ ማሕበር ኣብ እትወጸሉ እዋን፥ ኵሎም ናይ ጸልማት ሓይልታት ክቅጽዑ ናይ ግድን ስለዝኾውን ኣብ ቅድሚኣ ጠጠው ክብል ዝኽእል ሓይሊ ሰይጣን የልቦን።

እዛ ኢድ፥ ኣርዑት እናሰበረት ሓርነት እትህብ ብምዃና፥ ከምቶም ቀዳሞት ናይ ኣንጾክያ ቅዱሳን ሓለፋ ዝኾነ ካልእ ነገር ክንደልያ ኣሎና። ሰባት ግዙእ ናይ ዝኾነ ነገር ኲይኖም ዝጸንሑ እዛ ኢድ ኣብ ልዕሊኦም ክሳዕ እትዝርጋሕ ጥራይ እዩ። እዛ ኢድ ብምልኣት ኣብ እትዝርግሓሉ እዋን ግና ኣርዑት ባርነት ይስበር፥ ሓርነት ድማ ይነግስ። *"..ኣብ ግብጺ ባሮት ፈርኦን ነበርና፡ እግዚኣብሄር ከኣ ብሓያል ኢድ ካብ ግብጺ ኣውጽኣና።"* (ዘዳ6፡21)። ብዘይ ኢድ ኣምላኽ ሓርነት ዝህብ ኣገልግሎት ክህልው ስለዘይኽእል፥ ንሰባት ሓርነት ዝህብ ኣገልግሎት ንምግልጋል ኢድ ኣምላኽ ምሳና ክትወጽእ ኣለዋ። ሓርነት ብብዝሒ ቃላትን ጭድርታን ዘይኰነስ ብዝርግሕቲ ኢድ ኣምላኽ እዩ ዝመጽእ። ክንዲ ዝኾነ ድማ ናይ ምንጋፍ ኣገልግሎት ኣብ እንሓስበሉ እዋን እቲ ዝዓበየ ባህግና ኢድ ኣምላኽ ክትከውን ይግባእ። እቲ እተዋህበና ስልጣን፡ ሓይልን ቅብኣትን ክግለጽ ዝኽእል ኢድ ኣምላኽ ምሳና ኣብ እትንቀሳቐሰሉ እዋን ብምዃኑ ከምቶም ናይ ኣንጾክያ ቅዱሳን ምስዛ ኢድ ንምዕያይ ንትጋህ።

## ⌘ **ምዕጣቕን ጸብለል ምባልን**

መጽሓፍ ቅዱስ፥ ነብዩ ኤልያስ ተዓጢቑ ቀቅድሚ ንጉስ ኣክኣብ ንምኻድ ኢድ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊኡ ከምዝወጸት ይነግረና። *"ኢድ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ልዕሊ ኤልያስ ነበረት እሞ፡ ሕቘኡ ተዐጢቑ፡ ክሳዕ እቲ ንይዝርኤል ዜእቱ፡ ቀቅድሚ ኣከኣብ ይጒዪ ነበረ።"* (1ነገ18፡46)። ኢድ ኣምላኽ ንማሕበር ካብ እትህቦ ረብሓታት ሓደ ብመንፈሳዊ ህይወትን ኣገልግሎትን የዕጢቃ ክስዕርዋን ክዕብልልዋን ንዝደልዩ ኵሎም ቐዲማቶም ክትወጽእ ምግባር እዩ። መንፈሳዊ ህይወት ምዕጣቕ ዝጠልብ ህይወት እዩ። እዚ ምዕጣቕ ድማ ኣብ ትሕቲ እዛ ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኽ ብምዃን ጥራይ እዩ ዝርከብ። ጸብለልትነት ፍረ ኢድ ኣምላኽ እዩ። ብኢድ ኣምላኽ ልዕሊ ሓያላንን ኣሎና ዝብሉን ከምኡውን ልዕሊ ኵሉ ሽጣራታት ዓለምን ውዲታት ኣጋንንትን ጸብለል ክንብል ንኽእል ኢና እሞ ነዛ ኢድ ንምድላያ ንጽዓር።

## ⌘ ሞገስ ምርካብ

ነህምያ ነቲ ብኣምላኹ ክገብሮ ኣብ ልቡ እተነብረ፥ ደጌታት ናይ ምሕዳስን መካበብያ የሩሳሌም ናይ ምጽጋንን ዕዮ ክሰልጥ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ልማኖኡ ክሰማዕን ብኢድ ኣምላኽ እዩ ተደጊፉ። *"...ከምታ ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኸይ ምሳይ ዝነበረት ከኣ፡ ንጉስ ሀበኒ።"* (ነህ2፡8)። ሓንቲ ማሕበር ኣብ ቅድሚ ነገስታት ምድሪ ሞገስ ዘለዎ ህይወት ክትመርሕ እትኽእል እታ ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊኣ ምስ እትዝርጋሕ ጥራይ እዩ። ኣብ ቅድሚ ሰባት ሞገስ ንምርካብ ምስ ዓለም ምጽንባርን ግብርታቶም ምግባርን ኣየድልየናን። ህይወት ክርስትና ካብ ህይወት እዛ ዓለም ብዅሉ መለክዒ ፍሉይ እዩ። ንሕና እንምርሓሉ ሰማያዊ ሕጊ ካብቲ ዓለም እትመሓደረሉ ሕጊ ዓለም ዝፍለ ብምዃኑ፥ ንእኣ ንምጽላው ብግብርታታ እሱራት ክንከውን የብልናን። ብዙሓት ማሕበራት እቲ ዝነበረን ሓይልን ጸብለልታን ምስዛ ዓለም ብምጽንባረን እዩ ሃሲሱ። ስለዚ ሞገስና ቅልጽም ኣምላኽ ምዃኑ ኣሚንና ምስዛ ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኽ ንምልጋብ ደኣ ንትጋህ።

## ⌘ ህይወት ትሰርሕ /ትቀርጽ/

ኣምላኽ ነቲ ኣብ ህይወትና ዝደልዮ ህይወት ክትሕዘና በዛ ኢድ እዩ ኣባና ዝዓዪ። ከምቲ ሰራሕ መሬት ኣብ ኢዱ ንዘሎ መሬት ከምቲ ንሱ ዝደለዮ ገይሩ ዝሰርሖ፥ ኣምላኽ ድማ ነቶም ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣእዳው ዝነብሩ ቅዱሳን ከም ምኽሩ ገይሩ ይቐርጾም እዩ። *"ኣቱም ቤት እስራኤል፡ ኣነኸ ንኣኻትኩምዶ ኸምቲ ሰራሕ መሬት ዝገበሮ ኽገብረኩም ኣይከኣለንን እዩ? ኣቱም ቤት እስራኤል፡ እንሆ፡ ከምቲ መሬት ኣብ ኢድ እቲ ሰራሕ መሬት ዘሎ፡ ከምኡ ድማ ንስኻትኩም ኣብ ኢደይ ኢኹም፡ ይብል እግዚኣብሄር።"* (ኤር18፡1-6)። ካብቲ ንማሕበር እተዋህበ ሃዋርያዊ ተልእኾ ሓደ ህይወት ሰባት ምቕራጽ ወይ ንሰባት ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ጌርካ ምድላው እዩ። እዚ ተልእኾ ተፈጻምነት ክረክብ ዝኽእል ድማ ማሕበር ብኢድ ኣምላኽ ተሓጊዛ ምስ እተገልግል እዩ። ማሕበር በዛ ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኽ ምስ እትሕገዝ፥ ነቲ ናይ መወዳእታ ምኽሪ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ንምግሃድ ክትሕዞ ዝግብኣ መንፈሳዊ ቅርጺ እያ ትውንኖ።

## ⌘ መጸግዒ ምኳን

**እቲ ኣብ ህይወት ዝዓበየን እንኮን ውሑስ መጽለሊ ቦታ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኢድ ኣምላኽ ምንባር እዩ።** ስለዝኾነ ድማ ከምቲ ጐይታ የሱስ ብቓሉ ዝበሎ እቲ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ዝኣተወ ሰብ፥ ዘርከበ ሓይሊ ብቐሊሉ ክምንዝዖ ኣይክእልን። *"ኣነ ኸኣ ህይወት ዘለኣለም እህበን፡ ንዘለኣለም ድማ ኣይጠፍኣን እየን፡ ካብ ኢደይውን ዚምንዝዔን የልቦን።"* (ዮሃ10፡28)። ህይወትና፡ ሓዳርና፡ ስራሕና፡ ኣገልግሎትና መጸግዒ ክረክብ ዝኽእል በዝን በትን ዘይኰነስ በዘን ብሩኻት ኣእዳው ኣምላኽና እዩ። ብዙሓት ኣመንቲ ብዙሕ ጊዜ ብቐሊሉን ብተደጋጋምን ብዓለምን ኣጋንንትን ዝውሰዱ ኣብዘን ዘለኣለማውያን ቀላጽም ኣምላኽ እተማዕቈበ ህይወት ስለዘይመርሑ እዩ። ስለዚ

ማሕበር ክርስቶስ ብቐሊሉ ዘይውሰዱ ነፍሳት ክትፈሪ እንተድኣ ኰይና ምስ ኢድ ኣምላኽ ጥቡቕ ሌላ ክትምስርት ክትክእል ኣለዋ።

## ⌘ <u>በረኸት ምምቓል</u>

*"ኢድካ ትኸፍት እሞ፡ ንህያው ዘበለ ኹሉ ብበረኸት ተጽግቦ።"* (መዝ145፡16)። ከምቲ ኣብዛ ጥቕሲ ተጻሒፉ ዘሎ፥ ኣምላኽ ነቲ በረኸቱ ከመቕሎ ዝደለዮ ሰብ ኢዱ ከፊቱ እዩ ዝባርኾ። ስለዚ ድማ እዩ ካብ ኣምላኽ በረኸት ዝደሊ ሰብ ምስ ኢድ ኣምላኽ ሌላ ክገብር ዘድልዮ። ፍጹምን ቀጻልነት ዘለዎን በረኸት ኣምላኽ ክንምቀልን ክንመቅልን እንተድኣ ደሊና ሓለፋ ኹሉ ቀላጽም ኣምላኽ ንድለ። ብዙሓት ኣመንቲ ምስጢር እዘን ኣእዳው ስለዘይተረድኡ እዮ በረኸት ኣምላኽ ንምርካብ ብብዙሕን ዘይኣምላኻዊን ነገር ዝኸርትቱ። እቲ ምስጢር እዘን ብሩኻት ኣእዳው እተረድአ ኣማኒ ግና ኣብ ትሕቲ ጽላል እዘን ኣእዳው እናነበረ ካብ ኣምላኽ ክምቀሎ ንዘለዎ መንፈሳዊ፡ ነፍሳውን ስጋውን በረኸታት ብብዝሕን ኲሉ ሳዕን እዩ ዝምቀል። ብርግጽ ኢድ ኣምላኽ ኣብ እተዘርግሓቶ ኲሉ ስፍራ ጽጋብ በረኸት ኣሎ። ኣምላኽ ጽጋብ በረኸት ዝገብረልና ድማ ንካልኦት ክንባርኽ (በረኸት ኣምላኽ ንምምቓል) እዩ። ስለዚ ተባሪኽና ንካልኦት ክንባርኽ ኣብ ትሕቲ እዘን ኣእዳው እነጽልል ወለዶ ኮይንና ክንርከብ ንጋደል።

ከምዚ ኲሉ ክንርእዮ ዝጸናሕና ረብሓ ኢድ ኣምላኽ ኣዝዩ ዓብዪ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኢድ ኣምላኽ ኣብ ማእከል ማሕበር ዝግብኣ ክብሪ ክትሕዝ ክንጸምእ ይግባእ። ኢድ ኣምላኽ ከምቲ ኣብታ ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበረት ማሕበር ብምልኣት ትዓዪ ዝነበረት ከምኡ ድማ ኣባና ክትዓዪ ክንጸምእን ባይታ ከነጣጥሕን ኣሎና።

# ***<u>ምዕራፍ ሽዱሽተ</u>***

# ***<u>ሕብረት</u>***

እቲ ኣብ ግ.ሃ11፡26 ***"...ኣብታ ማሕበር ዓመት ምሉእ <u>ብሕብረት</u> ነበሩ...።"*** ዝብል ቃል ነቲ እታ ማሕበር ንዝነበራ ሓድነት ዘንጸባርቕ መልእኽቲ እዩ ዘለዎ። ዓመት መመላእታ ብሓደ ሕብረት ምንባሮም ድማ ክሳዕ ክንደይ ሓይሊ ሕብረት እተረድኦም ጀጋኑ ከምዝነበሩ እዩ ዘርእይ። ኣብዚ መወዳእታ ዘመን ኣብ ብዙሕ ማሕበራት ይትረፍ ዶ ዓመት፥ ሳልስቲ ብሓደ ንምኺን ዝኸብደሉ እዋን እዩ። እቲ ኣብ ማሕበር ኣንጾክያ ዝነበረ ወለዶ ግና ዓመት መመላእታ ብሓደ ይነብር ነይሩ። እዚ ብርእሱ ብጽሕና እዩ።

እታ ኣብ የሩሳሌም ዝነበረት ሃዋርያዊት ማሕበር'ውን ብሕብረት ጸኒዓ ከምዝነበረት ቅዱስ ቃል ይነግረና እዩ። *"ብትምህርቲ ሃዋርያትን ብሕብረትን ብምቍራስ እንጌራን ብጸሎትን ጸኒዖም ነበሩ።"* (ግ.ሃ2:42)። እቲ ሕብረት ዝብል ቃል ብተደጋጋሚ ኣብ ግብረ ሃዋርያት ተገሊጹ ምህላው ድማ፥ ሕብረት ኣብ ሃዋርያዊ ማሕበር ሓባራዊ መለለይን ብዝለዓለ ዝስርሓሉ ኣገዳሲ ባህርይን ከምዝኾነ እዩ ዘነጽረልና። ሕብረት ንዝብል ቃል ንምግላጽ ዘገልግሉ ብዙሕ ናይ ግሪኽ ቃላት ኣለው። ሓደ ካብኦም ድማ እቲ ኣብ ግ.ሃ2:42 ተገሊጹ ዘሎ "ኮይኖንያ" (koinonia) ዝብል ቃል እዩ። ትርጉም እዚ ቃል **"ልባዊ ጥምረት፡ ፍጹም ምትእስሳር፡ ስድራቤታዊ (ቤተሰባዊ) ዝምድና፡ ብሓደ ሓባራዊ ዕላማ ተሰማሚካ ምንባር፡ ምምቓልን ተሳታፍነትን ዘለዎ ርክብ..."** ዝብል እዩ። ብተወሳኺ እቲ "ኮይኖንያ" ዝብል ቃል "ሃርሞኒ" ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ከም ዝፍለጥ ሃርሞኒ **ውህደት ናይ ሙዚቃ** እዩ።

## <u>"ኮይኖንያ" ኣብ ማሕበር</u>

ብመንጽር እቲ ኣብ ላዕሊ ዝርኤናዮ ትርጉም ናይቲ ቃል ድማ ኣብታ ማሕበር እቲኣ ዝነበረ ሕብረት እዚ ዝስዕብ እዩ፡-

- **<u>ኣፋዊ ወይውን ኣብ ምእካብ ጥራይ ዘየድሃበ ሕብረት</u>**
  ብዙሕ ጊዜ ብዛዕባ ሕብረት ንምዝራብ ኣዚና ፈጣናት እኳ እንተኾንና ብግብሪ እንትርጉሞ ግና ሒደት ኢና። ኣምላኽ ብዛዕባ ሕብረት ንንውሕ ዝበለ እዋን ኩፍ ኢልና ፈደል ክንመሃር ዘይኮነስ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ክንነብረሉ እዩ ዝደሊ። ኣብ ሓንቲ ማሕበር ክሳዕ ክንደይ ሕብረት ከምዘሎ ንምፍላጥ ቍጽሪ እቲ መጓስ ዘይኮነስ ኣብ ናብርኡ ከነስተብህል

ኣሎና። ምእካብ በይኑ መርኣያ ሓድነት ኣይኰነን። ስለዚ ክንዮ ምትእኽኻብ ዝከደ ሓድነት ንምህናጽ ኣፋዊ ካብ ዝኾነ ሕብረት ንውጻእ።

- **<u>ስድራቤታውን ፍጹም ምትእስሳርን ዘለዎ ሕብረት</u>**
  እቲ ኣብ መንጎ ቅዱሳን ክህሉ ዘለዎ ሕብረት ስድራቤታዊ ህይወት ክሃንጽ ዝኽእልን ፍጹም ምትእስሳር ዘለዎን ክኸውን ኣለዎ። እዚ ኣብ ኣንጾክያ ብግብሪ ስለእተተርጐመ ንሰይጣንን ብእኡ ንዝቅለስ ምፍልላይን ስፍራ ዝበሃል ኣይነበሮን። ኣብ ስድራቤታዊ ዝምድና ደሚቑ ዝርኤ ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ገለ ኣብነት ንምጥቃስ ድማ "ስልጣን ምኽባር፣ ብመንነትካ ምንባር፣ ናይ ስራሕ ብጽሒት /ግደ፥እጃም/፣ ምትእምማን፣ ምድግጋፍ፣ ሓድሕዳዊ ምፍላጥ፥ ግሉጽነት፣ ቀረባ ምዃን፣ ደረትካ ምፍላጥ፣ ጽላል ምርካብ..."።

- **<u>ንሓደ ዝብጻሕ ዕላማ ዝግበር ተወፋይነት</u>**
  ኣብ ማሕበር ኣንጾክያ ኣብ መንጎ እቶም ቅዱሳን ዝነበረ ሕብረት ንሓደ ዝብጻሕ ዕላማ ዝግበር ተወፋይነት ከምዝነበሮ ይፍለጥ። ኣብ ሃዋርያዊት ማሕበር ክትእከብ ስለዘሎካ ጥራይ ዝእከብ ዘይኰነስ፥ ዝበጽሖ ንጹር ዕላማ ዘለዎን ንምብጽሑ ድማ ዋጋ ዝኸፍልን ህዝቢ እዩ ዝርከብ። ከም ሃዋርያዊ ወለዶ መጠን እቲ ክቅልስና ብኣምላኽ እተዋህበና ዕላማ ብመን መጺኡ ብዘየገድስ ገዛእ ርእስና ከነግዝኣሉን ህይወትና ክንውፍየሉን ይግባእ።

- **<u>ካብ ስስዔ ሓራ ዝወጸ ተሳታፍነት</u>**
  እቲ ኣብታ ማሕበር ዝነበረ ሕብረት፣ ካብ ዝኾነ ዓይነት ስስዔ ወይ ፍትወት ርእሲ ሓራ ዝወጸ እሞ ኣብ ነፍስ ወከፍ ጉዳይ ናይ ሓደ ኣካል ተሳታፍነት ብዘለዎ መልክዕ እተሃንጸን ነቲ ዘሎካ መንፈሳዊ፡ ነፍሳውን ስጋውን ርካብ ምምቓል ዝሰረቱ ኣካይዳ ዘለዎን እዩ ነይሩ። **ኣብታ ልክዕ ትርጉም ሕብረት እትግንዘብ ሃዋርያዊት ማሕበር ኣብ ገዛእ ርእስኻ ጥራይ እተሓጽረ ጸቢብ ኣካይዳ የልቦን።** ነፍስ ወከፍ ንብጸዩ ክነብር ገዛእ ርእሱ ይውፊ፡ እቲ ሓደ ንጥቕሚ እቲ ካልእ ብምልኣት ይነብር። ኣብኣ ዝፈሪ ወለዶ ባህጉን ድሌቱን ካልኦት ካብኡ ንላዕሊ ተሳጊሮም ምርኣይ እዩ። ካብ ኣነ ምባል ንስኻ ዝብል፡ ካብ ንኣይ ምባል ንካልኦት ምባል ዝመርጽ ህዝቢ፣ ኣብ ከም ኣንጾክያ ዝኣመሰላ ሃዋርያውያን ማሕበራት እዩ ዝርከብ።

- **<u>ውህደት ኣብ ፍልልይ</u>**
  ከምቲ ኣቐዲምና ዝርኤናዮ "ኮይኖንያ" ዝብል ቃል ሃርሞኒ ዝብል ትርጉም ኣለዎ። ሃርሞኒ ድማ **ውህደት ናይ ሙዚቃ** እዩ። እተፈላለዩ መሳርሒ ሙዚቃታት ተወሃሂዶም ሓደ ዜማ ንምምጻእ ንዝሕለፍ መስርሕ ድማ የመልከት። ስለዚ ሕብረት ክሕሰብ እንከሎ ፍልልያት ከምዘየልቦ ወይ ብኹሉ ነገር ሓደ ምዃን ተገይሩ ክሕሰብ ኣይግባእን። እቲ ዘሎ ፍልልያት ከመይ ኣቢሉ ናብ ሓደ ውህደት ይመጽእ እሞ ጽልዋ ይፈጥር ጥራይ ክሕሰብ ኣለዎ። ነዚ

ሓቂ ተግባራዊ ብምግባር ጽልዋኣ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ንዘስፍሐት ናይ ኣንጾኪያ ማሕበር በዚ መዳይ ክንመስላ ይግብኣና እዩ።

ሕብረት ዝብል ሓሳብ ኣብ ኣንጾኪያ ካብቶም እቲ ወለዶ ኣብ ቤት ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝመሃሮም ኣርእስታት ሓደ ኣርእስቲ ዘይኰነስ ህይወት እቲ ወለዶ እዩ ነይሩ። ብኻልእ ኣበሃህላ ሕብረት ብከናፍርካ እትዛረቦ ነገር ዘይኰነስ ብባህርይን ተግባርን እትኾኖ ምዃኑ ኣጸቢቑ ዝርዳእ ወለዶ እዩ ነይሩ። ኣብ ሃዋርያዊት ማሕበር ሕብረት ኣሕዋት እቲ ዝለዓለ ግምት ዝወሃቦን ናብ ዓበይቲ ነገራት ድማ መሳገሪ ኰይኑ ዘገልግልን ኣውራ ነገር እዩ። ሽግር ናይ ዝበዝሐ ኣማኒ እዛ ሃገር ነቲ ክነብሮ ብኣምላኽ ዝጥለቦ ኩሉ፣ ዝርዝር ሓሳባቱ ኣብ ምፍላጥ (ብዝርዝር ክመሃር ኣብ ምድላይ) ጥራይ ዘድሃበ ኣካይዳ ዝኸይድ ምዃኑ እዩ። እቲ ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበረ ወለዶ ግና ነቲ ኣብ ህይወቱ ክንጸባረቕ ዝደልዮ ኩሉ ብዘይ ምኽልካል ዘንጸባርቕ ብምዃኑ ሕልፊ ነይሩዎ እዩ። ባህጊ ኣምላኽ ድማ ነቲ ዝንገረልና ሓሳብ ኣምላኽ ኣብ ባይታ እነምጽእ ክንከውን እዩ።

ማክ ኣርተር ብዛዕባ መሰረት ክርስትያናዊ ሕብረት ክገልጽ እንከሎ “ህላዌ የሱስ እዩ” ይብል። ብርግጽ ንክንሓብር ዝገብረና ናይ ክርስቶስ ህላዌ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ብዘይ ናይ የሱስ ህላዌ ክመጽእ ዝኽእል ሕብረት ስለዘየልቦ ቅድምን ሓለፋ ኩሉን ንየሱስ ክንደልዮ ኣሎና። ንሱ ወሲኹ “ባህርያት ክርስትያናዊ ሕብረት ምምቓል እዩ” ይብል። ንኹሉ እቲ ዘሎካ መንፈሳዊ፥ ነፍሳውን ስጋውን ርካብ ምስ ካልኦት ክትማቐል ምኽኣል እዩ። ንጠንቂ ምፍራስ ክርስትያናዊ ሕብረት ኣመልኪቱ ድማ “እቲ ዝዓበየ ጠንቂ ምፍራስ ሕብረት ሓጢኣት እዩ” ይብል። ስለዚ ንክርስቶስ ብምድላይን ምሿምን ኣብ ንሓድሕድና ድማ ብምምቓል ካብቲ ሕብረትና ዘበላሹ ሓጢኣት ገዛእ ርእስና ብምርሓቕ ንመላለስ።

## ጥዑይ ሕብረት ዘለዋ ማሕበር ንምህናጽ ክስዓቡ ዝግብኦም መምርሒታት

### ❈ ብፍቕሪ ከመይ ጌርካ ከምዝንበር ምምሃር

ኣብ ሓንቲ ማሕበር ሕብረት ናይ ዘይምህላው ምኽንያት እንሓሳእ ዋሕዲ ናይ ኣፍልጦ ኰይኑ እዩ ዝጸንሓካ። ስለዚ ኣብዚ ኣርእስቲ ዓሚቕ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምህሮ ምሃብ የድሊ። የሱስ ነቲ ዝበዝሐ ጊዜኡ ደቀመዛሙርቱ ንሓድሕዶም ከመይ ገይሮም ክፋቐሩ ከምዘለዎም ብምምሃር እዩ የሕሊፍዎ። ፍቕሪ ሓድሕድ ትእዛዝ እዩ። ግናኸ ብከምኡ ዝመጽእ ስለዘይኰነ ንመጓሰ ኣምላኽ ብፍቕሪ ከመይ ገይሮም ከም ዝነብሩ ክንምህሮምን ክነርእዮምን ኣሎና።

### ❈ ኣብ መንጎ ኣገልገልቲ ሓድነት ክህልው ምግባር

እቲ መጓሰ ናይ ኣምላኽ ንሓድሕዱ ክፋቐር ትደሊ ማሕበር፣ ኣገልገልቲ ኣብ ንሓድሕዶምን ምስ ካልኦት ኣገልገልትን ብፍቕሪ ከምዝነብሩ ጌራ ክትሃንጾም ኣለዋ። እቲ ኣብ መንጎ

ኣገልገልቲ ዝህሉ ፍቕሪ ነቲ መጓሰ ብፍቕሪ ክነብር ድርኺት እዩ ዝፈጥረሉ። ብፍቕሪ ጸለውቲ ኣገልገልቲ ኣብ ዘለውዋ ማሕበር እቲ መጓሰ ነቲ ክሕዞ ዘለዎ መንፈሳዊ ሕብረት ከይሕዝ ዝኽልክሎ የልቦን። ኣብ መንጐ መገላግልቲ ማሕበር ክመጽእ ዘለዎ ሓድነት ምስ ዝመጽእ፥ ብዙሕ ናይ ኣጋንንቲ ውዲታት ከንቱ ከምዝኸውን ኣነ ምስክር እየ። ካብቲ እተጸመድናዮ ዕዮ ኣምላኽ ንምፍንቃል እተሰንደወ ናይ ኣጋንንቲ ግዳማውን ውሽጣውን መጥቃዕቲ በቲ እተሃንጸ ስድራቤታዊ ህይወት ናይ ኣገልገልቲ ከሎ ጌና ክፈሽል ተዓዚበ እየ። ስለዚ ድማ እዩ ሓለፋ ዝኾነ ነገር ኣብ መንጐ ኣገልገልቲ ሓድነት ክህነጽ ዋጋ ምኽፋል ዘድሊ።

## ❋ *ሓድነት ንዝወቕዑ ሰባትን ነገራትን ምውጋድ*

ሰይጣን፥ ሓድነት ቅዱሳን ንምውቃዕ ብከናፍርም ባህርያቶምን ምህሮኦምን ንዝጥቀመሎም ሰባት ዋላውን ኣመንቲ ይኹኑ ዝግብኦም መአረምታ ወይ ቅኑዕ ስጉምቲ ብምውሳድ ሓድነት ማሕበር ምሕላው ይከኣል እዩ። ሓንቲ ማሕበር ካብ እትሓልፎ ጽንኩር ነገራት ሓደ፣ እቶም ኣብ ማእከላ ንምፍልላይ ዝሰርሑ ሰባት ዘሕልፍዋ እዩ። ነዚኣቶም መንፈሳዊ የዒንትና ኣብርሂና ክሳዕ እነለልዮም፥ ኣለሊና ድማ ግቡእ ስጉምቲ ክሳዕ እንወስድ ኣብ መንጐ ኣባላት ማሕበር ከይተሓጽረ ንገለ ኣባላት ምስ ኣገልገልትን መራሕትን ንምፍልላይ ዝዓለመ እኩይ ስራሕ ይሰርሑ እዮም። እዚ ክሳዕ ዘይተፈወሰ ንብዙሕ ምዕናው ምኽንያት ዝኸውን ነቓዕ ይፈጥረላ እዩ።

ኣብታ ዘሎናያ ማሕበር ምፍልላይ ከይህሉ ንደሊ ሰባት እንተድኣ ኰይንና መባእስቲ ካልኦት መባእስትና ክኾኑ ኣይነፍቅድ። ኣብ መንጐ ክልተ ሰባት ዘይምስምማዕ ኣብ እንዕዘበሉ እዋን፣ ቃል ዕርቂ ከምዘሎና መጠን ፍቕሪ ንምንጋስ ንትጋህ ደኣ እምበር ምስ ሓደ ሰብ ኣይንወግን። ገለ ዘይግዙር ባህርይ ዘለዎም ኣመንቲ ብዛዕባ መባእስቶም ዘየለ ታሪኽ ከዘንትውልካ ይኽእሉ ምኳኖም ተረዲእካ ብንቕሓ መንፈስን እተኸፍተ የዒንትን ተመላለስ። ጌጋ ንዝረኽብካሉ ኣካል ድማ ግንሓዮን ንምልዋጡ ስራሕን። እሾኽ ጐኒን ጸያቂ መኣዲ ፍቅርን ንዝኾኑ ሰባት ድማ ናይ ምቕላዕን ካባኻ ናይ ምርሓቕን ሓላፍነት ከምዘሎካ ክስወጠካ ይግባእ።

ነቶም እኩይ ተግባር ዝዓዩ ሰባት ሽለል ምባል ግና ኣብ መወዳእታ ምፍልላይ፥ ምብትታን ናይ ቅዱሳን ጥራይ ከም ዝዕጸዶ ክንስሕቶ የብልናን። ነዞም ከምዚኣቶም ናይ ምግናሕን ምጥንቃቕን ተግባር ድሕሪ ምውሳድ ክምለሱ ምስ ዘይክእሉ፣ ካብ ማሕበር ክእለዩ ምስ እንገብር ንኣምላኽ ከስምሮ ዝኽእል ሓድነት ኣብ ማሕበርና ክመጽእ ከሎ ክንርእዮ ኢና። ከምኡ ድማ ኣብ ኣካይዳ ማሕበር ሓድነት ክወቅዕ ዝኽእል ልምምዳት ክቀላቐል እንከሎ ብኣጋ ፍታሕ ምንዳይ የድሊ። ንኣብነት ካብ ጓሶት ማሕበር እተኸወለ ዝኾነ ዓይነት ኣገልግሎታትን ምትእኽካብን ብኣጋ ክፍወሱ የድሊ። መራሕቲ ማሕበር፣ ንኩሉ እቲ

እናሓደረ ዝገዝፍ ነቓዕ ዝፈጥር ምትእኽኻባትን ልምምዳትን በቲ እተዋህቦም ናይ መሪሕነት ስልጣን ከዓግትዎ ከኽእሉ ኣለዎም።

❋ **ንስልጣናት ምኽባር**

ኣብ ማሕበር ብኣምላኽ ዝሸየሙ ስልጣናት ኣለው። ነዞም ካብ ኣምላኽ ስልጣን እተቐበሉ ኣገልገልቲ ምኽባርን ትእዛዞም ምስዓብን ድማ ሓደ ካብ ብሉጻት መገድታት ሓድነት ንምህናጽ እዩ። ምፍልላይ ዝመጽእ ድማ ልብና ንስልጣናት ዘለዎ ኣኽብሮት ከጥፍእ ክጅምር እንከሎ እዩ ዝመጽእ። እቲ ንእኦም ዝቐብአ ወይ ዝሸመ ኣምላኽ ብእኦም ኣቢሉ ከምዝመርሓና ብምስትውዓል ገዛእ ርእስና ኣብ ትሕቲ ጽላል መሪሕነቶም ከነግዝእ ኣሎና። ናብ ሓድነት ዘምጽኣና እቲ ብእኦም ዝፍታሕ ቅብኣት፣ ምህሮ፣ ራእይ.. ብምዃኑ ትሕት ኢልና ክንግዝኦም ይግባእ። ዓለወኛ ባህርይ ሒዝና ብምምልላስ ንመጻኢ ህይወትና ይኹን ንህልው ኣካይዳ እታ ዘሎናያ ማሕበር ኣይነበላሹ።

❋ **ብመንነትካ ምንባር**

ኣብ ኣካል ክርስቶስ፥ ሓድነት ኣብ ምውቃዕ እቶም ቀንዲ ተዋሳእቲ እቶም ንገዛእ ርእሶም ብልክዕ ፈሊጦም ዘይመላለሱ እዮም። ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ኣብታ ብኣምላኽ እተመደበትሉ ቦታ ክኣቱ እንተድኣ ኽኢሉ ምስ ካልኦት ዘዳፍእ ምንም ምኽንያት ከህሉ ኣይክእልን እዩ። ዕዮኻ ኣለሊኻ ዕዮኻ ንምግባር ትተግህ ክሳዕ ዝሃሎኻ ኣንጻር ካልኦት ክትትንስእ ጊዜ ኣይህልወካን። ሎሚ ኣብ ሕብረት ቅዱሳን ምንቛት ዝበዝሕ ዘሎ ዕዮኦም ዝሓደጉ ሰባት እናበዝሑ ይኸዱ ስለዘለው እዩ። ኣብ ስራሕ እተጸምደ ሰብ ንኣካል ክርስቶስ ኣብ ምህናጽ ደኣ እምበር ኣብ ምብታን ኣይጽመድን እዩ። ስለዚ ቤተክርስትያን ሓድነታ ክትሕሉ እንተድኣ ደልያ ነፍስ ወከፍ ኣካል ነቲ ኣብ ህይወቱ ዘሎ ምኽሪ ኣምላኽ ክፈልጦ ምስ ካልኦት ብጾቱ ተመላሊኡ ክሰርሕ ከተበራትዕ ኣለዋ።

❋ **ነኣሽቱ ሕብረታት ምፍጣር**

ነኣሽቱ ሕብረታት ኣብ ማሕበር ብምፍጣር ንብምልእታ ማሕበር ናብ ሓድነት ከተምጽኣ ይከኣል እዩ። እቲ ሓለቓ ጓሶት የሱስ ንደቀመዛሙርቱ በብጽምዲ ብምልኣኽ ነኣሽቱ ሕብረታት ብምፍጣር ነቲ ዓብዩ ሕብረት ይሃንጾ ነይሩ። ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ፡-

- ወንጌል ንምዝርጋሕ በብጽምዲ (ማር6፡7)
- ፋሲካ ከዳልው ክልተ ካብኣም (ሉቃ22፡8)
- ትርኢቱ ብምቅያር ክብሪ ዘርኣዮም ሰለስተ እዮም (ማቴ17፡1-)
- ብሓባር ዝጽልዩ ሰለስተ ናብ ጌቴሴማኒ ወሲዱ (ማቴ26፡37)።

ኣብ ኣስማት እቶም 12 ደቀመዛሙርቱ እንተድኣ ኣስተብሂልና'ውን በብኽልተ መቒልዎም ኢና እንረኽቦ (ማቴ10፡2-4 ግ.ሃ1፡13)። የሱስ ምስ ሞተ ይኹን ካብዛ ምድሪ ናብ ሰማይ ምስ ዐረገ እዞም በብጽምዲ ብዙሕ ነገር ዘርኣዮም ደቀ መዛሙርቲ ተግባሮም በብኽልተ እዮም ቐጺሎሞ (ዮሃ20፡2-3 ግ.ሃ3፡1 4፡1,13)። የሱስ በብሰለስተ እናወሰደ ብዙሕ ነገር ዘርኣዮም (ያእቆብ፡ጴጥሮስ፡ዮሃንስ) ካብቶም ዳሕራይ ናይ ምሉእ ማሕበር መራሕቲ ምኧን ዝበጽሑ እዮም። እዚ ከኣ የሱስ ብዕላማ ይገብሮ ከምዝነበረን ጸጋኦምን መጻኢኦምን ርእዩ ክጸላለውን ክደጋገፉን ንዝኽእሉ ብሓባር ከምዝገበሮም እዩ ዘመላኽተና።

ስለዚ ብሉጽ ሕብረት ክትሃንጽ እትደሊ ማሕበር፣ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ናይ ህይወቱ ደጋፊ ዝኸውን ሰብ ክረክብ ከተበራትዕ፣ በብጽምዲ ምኧን ከምጽኦ ንዝኽእል መንፈሳዊ ነገር (መክ4፡9-12 ማቴ18፡20) ኣብ ግምት ብምእታው በብኽልተ ዝኸዱ ሰባት ከተብዝሕን ነኣሽቱ ሕብረታት ከተሰስንን ኣለዋ።

## ❋ ድኻም ሓድሕድካ ምትእምማን

ቅዱስ ቃል *"...ምእንቲ ኽትፍወሱ ንሓድሕድኩም ሓጢኣትኩም ተኣመኑ...።"* ይብል (ያእ5፡16)። ድኻምካ ዘይምእማን ነቲ ካብ ኣሕዋት ክትረኽቦ ዝግብኣካ ደገፍ ካብ ምርካቡ ክትክልከል እዩ ዝገብረካ። ብዙሓት ህይወቶም ኣብ ዘይጽቡቕ ኵነታት ከምዘላ እናረኣይዋን እናፈለጥዋን ንኣሕዋቶም ክእመኑ ስለዘይደልዩ ግና ኣብ ብዙሕ መጥቃዕታት ኣጋንንቲ ክወድቑ ተገዲዶም እዮም። ብዛዕባ ድኻምናን ሓጢኣትናን ብፍላይ እቶም ዝምልከቶም ኣሕዋት ክፈልጡ ኣብ ምግባር ክንዝሕል ኣይግባእን። ሓጢኣትካ ምእማን ክበሃል እንከሎና ግና፣ ንኵሉ እቲ ዝገበርናዮን ዝኾንናዮን ንዝኾነ ዝረኸብናዮ ኣማኒ ክንዛረብ ኣሎና ማለት ከምዘይኮነ ክንጽረልና ኣለዎ። ነቶም ህይወትና ኣብ ምልዋጡ ዓብዪ ግደ ዘለዎም ኣገልገልትን ኣብ ቀረባና ዘለው ቅዱሳንን ግና ድኻምና ብዘይ ምሕባእ ክንእመን ይግባእ። ስለዚ ቤተክርስትያን፣ ሓጢኣት ሓድሕድ ብምትእምማን ንምፍዋሱ ዝተግሁ ቅዱሳን ክህልውዋ ክትምህር፣ ክትእዝዝን ከተበራትዕን ዘለዋ።

## ❋ ይቕረ ምብህሃል

ከም ሰባት ብዙሕ እተፈላለየ ባህርይ፣ ድሕረ ባይታን ደረጃን ስለዘሎና ብብዙሕ ነገራት ክንፈላለ ባህርያዊ እዩ። ክርስትያናት ስለዝኾንና ጥራይ ካብ ዝኾነ ዓይነት በደል ሓራ ኢና ማለትውን ስለዘይኮነ ዝኾነ ዓይነት ዘይምስምማዕ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ልብና ንይቕሬታ ክነዳሉን ክንትሕትን ይግባእ። ንሓድሕድና ይቅረ ክንበሃሃል ተኣዚዝና ኢና (ኤፌ4፡32 ቆሌ3፡13)። ኣብ ካልእ ጽሑፍ'ውን "ምስ መባእስትኻ ድማ ገና ኣብ መገዲ ኸሎኻ፡ ቀልጢፍካ ምስኡ ተዐረቕ።" ይብል (ማቴ5፥25)። ሓደ መዓልቲ ንስኻ ወይ ንሱ ካብ መገዲ ህይወት እትእለይሉ (እትሞቱሉ) ጊዜ ስለዘሎ እዩ ኣምላኽ ከምኡ ዝበለ። ስለዝኾነ ድማ ጊዜ ከሎካ ተፈታሕን ፍታሕን። ይቅረ ናይ ምብህሃል ልምዲ ከም ባህሊ ብምትእትታው ኣበርቲዓ እትጽዕር ማሕበር ኣሰር እተን ቀዳሞት ብሉጻት ማሕበራት ብምስዓብ ብዙሕ ጽልዋ ክትፈጥር ትኽእል እያ።

❈ **<u>ንሓድሕድካ ምጽላይ</u>**

ብዛዕባ ምጽላይ ክሓስብ እንከሎኹ ሓደ ዘደንቐኒ ግሩም ኣበሃህላ እየ ዝዝክር። እቲ ምስላ "እቶም ሓቢሮም ዝጽልዩ ሓቢሮም ይነብሩ" ዝብል እዩ። ብርግጽ ኣብ ንሓድሕድና ስሙራት ኰይንና ክንቅጽል ካብቲ ክንገብሮ ዝግብኣና ነገር ሓደ ስለ ሓድሕድና ምጽላይ እዩ። ስለ ሓድሕድና ምጽልላይ መሰረታዊ ነገር እዩ። ስለዚ ሓንቲ ማሕበር ኣብ መንጎ ኣባላታ ብቐሊሉ ዘይፈርስ ሕብረት ንምህናጽ ሓድሕዳዊ ጸሎት ክህሉ ክትተግህ ኣለዋ። ብርግጽ ፍሉይ መደባት ብምስራዕ ይኹን ናይ ምጽልላይ ጸዓት ኣብ ልቢ ቅዱሳን ብምስራጽ ሓድነት ክትሕሉ ትኽእል እያ።

❈ **<u>ንዘጋጥሙ ሽግራት ኣምላኻዊ ፍታሕ ምንዳይ</u>**

ዝኾነት ማሕበር እተፈላለየ ሽግራት በብእዋኑ የጋጥማ እዩ። ብዘጋጠመ ሽግር ግና ኣብ ዘላቶ ደው ክትብል ወይ ድሕሪት ክትምለስ ዘይኰነስ ኣምላኻዊ ፍታሕ ንምንዳይ ምስ መንፈስ ቅዱስ ክትሰርሕ ኣለዋ። ናይ ኣንጾኪያ ማሕበር ሓደ እዋን ምህሮ ፈሪሳውያን ዝሓዙ ሰባት ኣብ ማእከላ ዝነዝሕዎ ምህሮ፥ ምፍልላይ ምስ ኣስዓበላ ብደገፍ ናይ የሩሳሌም ማሕበር ብመንፈስ ቅዱስ ካብ ምብትታን ተሓልያ እያ (ግ.ሃ15)። ኣገልገልቲ ማሕበር ዝኾነ ዓይነት ሽግር ምስ ዘጋጥም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቐርቡን ነቲ ንሱ ዝህቦም መንፈሳዊ ብርሃን ብምስዓብ ስጉምትታት ምስ ዝወስዱን ንሕብረት እታ ማሕበር ናብ ንቡር ክመልስዎ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ ንዘጋጥሙ ሽግራት ኣምላኻዊ ፍታሕ ምንዳይ ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተ ናይዛ መጽሓፍ ብዝርዝር ክንርኢ ኢና።

ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝርኤናዮምን ካልኦት ካብ ኣምላኽን ናይ ኣምላኽ ሰባትን እንምሃሮም መምርሒታት ብምስዓብ ኣብታ ዘሎናያ ማሕበር ሓድነት ክንሃንጽ ንኽእል ኢና። እቲ እተሃንጸ ሓድነት ተመሊሱ ንኣና ዝሃንጽን ዘርብሕን ብምዃኑ ድማ ኣብ መወዳእታ ክንሕጐሰሉ ኢና።

# ምዕራፍ ሸውዓተ

## ልግሲ

እዛ ማሕበር ምምቓል ብዝለመደ፡ ገንዘቡ ኣብ ዕዮ መንግስቲ ኣምላኽ ምውፋይ ብዘይከብዶ ወለዶ እተመልኤት ማሕበር እያ ነይራ። ነዚ ዘረድእ ሓደ ታሪኽ ንመልከት። ሓደ እዋን ኣጋቦስ ዝበሃል ነብዩ ኣብ ማእከል ኣንጾኪያ ኣብ ኵላ ዓለም ብርቱዕ ጥሜት ከም ዝኸውን ተነብዩ። እዚ ትንቢት ኣብ ዘመን ቄሳር ቀላውዴዎስ ምስ ተፈጸመ እቶም ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበሩ ቅዱሳን ነቶም ኣብ ይሁዳ ዝነበሩ ኣሕዋቶም ነፍስ ወከፎም ከከም ዓቕሙ ረድኤት ንምሃብ መዲቦምን ከምኡ ጌሮምን። *"..እቶም ደቀ መዛሙርቲ ነፍሲ ወከፍ ከከም ዓቕሙ ነቶም ኣብ ይሁዳ ዘለው ኣሕዋት ረድኤት ኪሰዱሎም መደቡ። ከምኡ ገይሮም ከኣ ብኢድ በርናባስን ሳውልን ናብቶም ሽማግለታት ሰደድዎ።"* (ግ.ሃ11፡27-30)።

ነዘን ኣብ ላዕሊ እተጻሕፋ ፍቕድታትን ካልኦት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሓሳባትን መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ልግሲ ናይ ሃዋርያዊት ማሕበር ገለ ኣገዳሲ ሓሳብ ክንርኢ፥

### ❈ ንእተዋህበ ትንቢታዊ ቃል መሰረት ዝገበረ ልግሲ

እቲ በቶም ቅዱሳን እተዋህበ ገንዘባዊ ልግሲ መሰረቱ ብነብዩ ኣጋቦስ ዝመጸ ትንቢታዊ ቃል እዩ። እኹል ተረፍ ገንዘብ ምስ ሓዝካን ባህ ምስ በለካን ምልጋስ ዝከኣል እዩ። እቲ ዝዓበየ ግና ንትንቢታዊ ቃል መሰረት ጌርካ ወይ ድማ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ እትልግሶ ልግሲ እዩ። ንልግሲ ዝድርኽ ትንቢታዊ ቃል ድማ ብቐጥታ ናባኻ ወይውን ብመገዲ ካልኦት ክመጽእ ይኽእል እዩ። ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ዝድለ ዘሎ ወለዶ፥ ቃል እቶም ኣምላኽ በብእዋኑ ዘተንስኦም ነብያት ሃዋርያት እናሰምዔ ኣእዳው ዝፈትሕ ወለዶ እዩ። እቲ ገንዘቡ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ከም ኣጽዋር ከገልግል ብትንቢታዊ መሪሕነት ዝፈትሕ ወለዶ ንስራሕ ኣምላኽ ምቹእ ወለዶ እዩ።

### ❈ ንካልእ ማሕበር ምልጋስ

እቲ በቶም ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበሩ ቅዱሳን እተዋጽኤ ገንዘብ ናበይ እዩ ከይዱ? ነቶም ኣብ ይሁዳ ዘለው ኣሕዋት ረድኤት ንክኸውን እዩ ተዋሂቡ። እዚ ከኣ እቲ ናይ ኣንጾኪያ ማሕበር ልግሲ ኣብ ኣባላታ ጥራይ እተሓጽረ ከምዘይኰነ እዩ ዘረድኣና። ካልኦት ማሕበራት ካብኣ ንዘድልየን ክወስዳ ኣእዳዋ ትዝርግሕ ኣብነታዊት ማሕበር እያ። ሓደ እዋን ኣምላኽ ከምዚ ኢሉኒ *"እቲ ክመጽእ እትደልይዎ ነገር ንካልኦት ማሕበራት ብምድጋፍውን ከተምጽእዎ ከም እትኽእሉ ተረድኡ"*። ነተን ኣብ ዕዮ ዘለዋ ማሕበራት ኣብ ክንዲ ንዕንቅጽን ብትሕዝቶና ንምግልጋል ኣእዳውና

እንተንዝርግሕ ክንደይ'ኮን በረኸት ኣምላኽ ኣብ ማሕበርና ምኾነ። እዚ ኣቋራጭ መገዲ በረኸት ክንብሎ እኳ እንተዘይከኣልና ሓደን ብሉጽን መገዲ ብልጽግና ምዃኑ ግና ንእመን።

## ❋ ነፍስ ወከፍ ይልግስ

ኣብ ማሕበር ብልግሲ ዝሳተፉ ሃብታማት ወይ ብዙሕ እቶት ዘለዎም ሰብ ትካል ዘይኮነስ ብዘሎ እቲ መጓሰ እዩ። ኣብ ሃዋርያዊት ማሕበር ልግሲ ከም ሓደ መለለይ ጠባይ ወይ ሕላገት (core values) ስለዝኾነ ነፍስ ወከፍ ሰብ ንልግሲ ኣእዳው ይዝርግሕ እዩ። ሃዋርያዊ ወለዶ ነቲ ዘለዎ ዓብዪ ጸጋ ንኣምላኽ ብዘለዎ ኹሉ ንምግልጋል እዩ ዝጥቀመሉ። *"እቶም ዝኣመኑ ኸላቶም ሓንቲ ልብን ሓንቲ ነፍስን ነበሩ፡ ብኹሉ ብርኪ ነበሩ እምበር፡ ሓደ እኳ ኻብ ገንዘቡ፡ እዚ ናተይ እዩ፡ ዚብል ኣይነበሮምን። ሃዋርያት ከኣ ብብዙሕ ሓይሊ ብዛዕባ ትንሳኤ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ይምስክሩ ነበሩ፡ ኣብ ኲሎም ከኣ ዓብዪ ጸጋ ነበረ።"* (ግ.ሃ4፡33-34)።

ልግሲ ፍረ ብጸጋ ምዕባይ እዩ። ስለዝኾነ ድማ እቲ ብጸጋ ዝዓበየ ሰብ ጥራይ እዩ ክገብሮ ዝኽእል። ብጸጋ እናዓበና ምስ እንኸይድ ናይ ልግሲ ባህርያት ብምልኣት ኣብ ህይወትና ክንጸባረቕ እዩ ዝጅምር። ሓደ ኣማኒ ብጸጋ እናዓበየ ክኸይድ እንከሎ ካብ እቶቱ 10% (ዕሽር) ጥራይ ናይ ጐይታ ከምዝኾነ ኣይሓስብን። ብዘሎ ትሕዝቶኡ ናይ ጐይታ ምዃኑ ስለዝርዳእ ንጐይታ ክንደይ ክህቦ ዘይኮነስ፥ ጐይታ ኣነ ክንደይ ክወስድ እዩ ዘፍቕደለይ እዩ ዝብል። ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ዕሽር ምምጻእ ምልክት ልግሲ ከምዘይኮነ ከነስተውዕል ኣሎና። ብዙሓት እቲ ዘምጽእዎ ዕሽር ኣዝዩ ብዙሕ ስለዝኾነ ጥራይ ለጋሳት ዝኾኑ ይመስሎም እዩ። ዕሽር ግና ንኣምላኽ እንከፍሎ ግዴታ ደኣ እምበር እንህቦ ልግሲ ኣይኮነን። ልግሲ ክንዮ ዕሽርካ እተምጽኦ ናይ ፍታው ህያብ እዩ።

## ❋ ነፍስ ወከፍ ከከም ዓቕሙ ይህብ

ከምቲ ኣብቲ ጽሑፍ ዘሎ እቶም ኣብ ኣንጾክያ ዝነበሩ ቅዱሳን ከከም ዓቕሞም ነቶም ናይ ይሁዳ ኣሕዋት ለጊሶም እዮም። ካብዚ እንመሃሮ ድማ ንምልጋስ ናይ ግድን ብዙሕ ገንዘብ ክህልዎና ኣለዎ ማለት ከምዘይኮነ እዩ። ካብቲ ዘሎካ ሒደት ገንዘብ ክትልግስ ትኽእል ኢኻ። እታ ክልተ ዲናር ወፍያ ሓለፋ ካልኦት ጸደቀት እተባህለት ሰበይቲ (ማር12:43-44) ብብዝሒ ልግሳ ዘይኮነስ ውህበታ ካብ ልባ ዝነቐለ ብምንባሩ እያ ጸዲቓ። ስለዚ ንዕዮ መንግስቲ ኣምላኽ ከከም ዓቕምና ኢና ከነውጽእ ዘሎና። እታ ንኣና ንእሽቶ እትመስል ውህበትና ኣብ ኢድ ኣምላኽ ክትበዝሕን ሞገስ ክንረኽበላን ከምእንኽእል ድማ ነስተውዕል።

## ❋ መዲብካ ምግባር

*"...ነፍሲ ወከፍ ከከም ዓቕሙ ኑቶም ኣብ ይሁዳ ዘለው ኣሕዋት ረድኤት ኪሰዱሎም መደቡ።"* እቲ ኣብዛ ማሕበር ዝነበረ ወለዶ ካብቲ ዘለዎ ሃዋርያዊ ምርዳእ እተላዕለ ተገዲዱ ወይ ድማ ብስብከት ሰዲዑ ዘይኮነስ ተረዲኢዎ ብመደብ እዩ ዝልግስ ዝነበረ። እቲ ወለዶ ብመደብ እምበር ብግዚያዊ ናይ ጉባኤ ዋዒ ረሲኑ ኣይህብን። ልግሶም ካብ ልባዊ መደብ እዩ ዝነቅል። ብመደብ ስለዝገብርዎ ድማ ብምልጋሶም የመስግኑ ደኣ እምበር ኣይጠዓሱን። ንዕዮ ኣምላኽ ክንልግስ እንምድብን ንዝመደብናዮ ድማ ኣብ ግቡእ ጊዜኡ ንእተመደበሉ ኣካል እንህብን ሰባት ንኹን።

## ❈ <u>ንእተዋጽኤ ገንዘብ ብኢድ ሃዋርያት ምልኣኽ</u>

*"..ከምኡ ገይሮም ከኣ ብኢድ በርናባስን ሳውልን ናብቶም ሽማግለታት ሰደድዎ።"* ነብዪ ኣጋቦስ መልእኽቲ ኣምጺኡ ሃዋርያ ጳውሎስን በርናባስን ድማ ነቲ እተኣከበ ገንዘብ ናብቶም ክድገፉ እተደለዩ ናይ ይሁዳ ኣሕዋት ኣብጽሕዎ። እዚ ነቲ ኣብ ልዕሊ እቶም ንኣገልግሎት እተሾሙ ሰባት ንዘለዎም እምነት እዩ ዘርእየና። እቲ ኣብዛ ሃገር ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃይማኖታዊ መሪሕነት ዝፈረየ ወለዶ ኣብ ልዕሊ እቶም ከገልግልዎ እተሾሙ ኣገልገልቲ እምነት ስለዘይብሉ ሰሙን ሰሙን ጸብጻብ ይወሃበና ክብል እዩ ዝስማዕ። ጸብጻብ ብመሰረቱ ኣገዳስን ግድነታውን ብምዃኑ ጌጋ ኣይኮነን። እቲ ዝበለጸ ግና ኣብ ልዕሊ ኣገልገልትኻ እምነት ክህልወካ ምኽኣል ምዃኑ ክስሓት ኣይግባእን።

ከምኡውን ገለ ገለ ኣመንቲ፥ ኣገልገልቶም ከዳን እንተቀየሩ፥ መካይን እንተዘወሩ እዚ ኩሉ እኮ ብገንዘብና እዩ... እናበሉ ብዙሕ ዘይእሩም ቃላት ከውጽኡ ንዕዘብ ኢና።  ከምቲ ነብዪ ከበደ ቀዲዳ ኣብ ስብከቱ ዝበሎ 30 ቕርሺ ሂቦምኻ ኩሉ እትቕይሮ ካምቻ በተን ዝሃቡኻ 30 ቕርሺ ዝመስሎም ብዙሓት እዮም። እዚ ከምዚ ዓይነት ድኹም ኣተሓሳስባን ዘረባን ግና ኣብቲ ኣብ ትሕቲ ሃዋርያዊ ምህሮ ዝፈረየ ናይ ኣንጾክያ ወለዶ ቦታ ዝበሃል የብሉን። ሰይጣን ነቲ ህዝቢ ካብ መራሕቱ ንምንጻል ዘይከውን ምጥርጣራት እዩ ዝዘርእ። ሓደ ካብቲ ዝዘርኦ ምጥርጣር ድማ ምስ ገንዘብ ዝተኣሳሰረ እዩ። ነዚ ከምዚ ዓይነት ዘየሳግር ኣካይዳ ሴርና ክንወጽእ ኣሎና። ምስ ገንዘብ እተኣሳሰር ኣብ ማሕበር ግቡእ ቊጽጽር ክህሉ ከምዘለዎ ይኣምን እኳ እንተኮንኩ ንእኡ እተመዘዙ ኣካላት ስለዘለው ንእኦም ይተሓደግ በሃሊ እየ። እዞም ኣካላት እንተድኣ ዘይሃልዮም ድማ ንክህልው ሓሳብና ብቅኑዕ መንፈስ  ንመራሕቲ ማሕበር ንሃብ።

ከምዚ ክንርእዮ ዝጸናሕና እምበኣር ኣብ ማሕበር ኣንጾክያ ልግሲ ደኣ እምበር ስስዔ ቦታ ኣይነበሮን። ስስዔ ወይ ድማ ንገዛእ ርእስኻ ምንባር ስጋውነት፡ ዓለማውነትን ሰይጣናውነትን ምዃኑ ዝርድኡ ብምዃኖም ኣእዳዎም ንልግሲ ፍቱሓት እዮም። እቶም ኣብታ ማሕበር ዝርከቡ ኣመንቲ ብልግሶም ነታ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘላቶም ፍቕሪ ዘርእዩ እዮም። እቲ ባህ ዘብል ድማ እቲ ኣብዛ ማሕበር ዘሎ መጓሰ ኣምላኽ ዝህብ፥ ካብ ፍታው ልቡን ምሉእ ምርዳእን ነቒሉ ደኣ እምበር ብግዲ ወይ ልማድ ኰይንዎን ብብዝሒ ዘቐባጥር ቃላት ተቐሲቡን ኣይኮነን። እዚ ከኣ

እቲ ኣብኣ ዝርከብ ወለዶ ከም ቤት እስጢፋኖስ ገዛእ ርእሱ ንምግልጋል ካልኦት ዝወፈየ ስለዝኾነ እዩ። *"ኣሕዋተየ ቤት እስጢፋኖስ እታ በኹሪ ኣካይያ ኸም ዝኾነት ነፍሶምውን ንምግልጋል ቅዱሳን ከም ዝመደቡ ትፈልጡ ኢኹም...።"* (1ቆሮ16፡15-16 6)። ገዛእ ርእሱ ንካልኦት ምሃብ ዘይከብዶ ሰብ ገንዘቡ ምሃብ ፈጺሙ ኣይከብዶን እዩ። ገንዘቡ ምሃብ ዝኸብዶ ሰብ ድማ እቲ ዝዓበየ ጸገሙ ገዛእ ርእሱ ክህብ ዘይክእል ምኻኑ እዩ።

## ❈ ልግሲ ሃዋርያዊ ወለዶ ኣብ ገንዘብ ጥራይ ኣይሕጸርን

ንምልጋስ ወይ ድማ ንካልኦት ንምምቓል ናይ ግድን ገንዘብ ጥራይ ኣይኰነን ዘድሊ። ኣብ ኣእዳውና ዝርከብ ንብረትውን ክንልግሶ ንኽእል ኢና። ንኣብነት ክዳውንቲ፡ እኽሊ፡ እተፈላለዩ መጋየጺታት፡ ቤት፥ ንብረት...ወዘተ። ልግሲ ንዝብል ሓሳብ ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ ትሕዝቶኡ እተረድአ ወለዶ ዘይጥቀመሉ ንብረት ኣብ ቤቱ ኣኻኺቡ ኣይመላለስን። ንኹሉ እቲ ንካልኦት ክህቦ ዘለዎ ብዘይ ምኽልካል እዩ ዝህቦ። ስለዚ ኣብ ኢደይ ገንዘብ የብለይን ኢልና ደው ኣይንበል። ብኻልእ ትሕዝቶና ከነገልግል ከም እንኽእል ተረዲእና ንተግባራውነቱ ንትጋህ። ኣብ ምስራሕ ታቦት ዝወዓለ እተን ኣንስቲ እስራኤል ንመጋየጺ ዝጥቀማሉ ዝነበራ ኣዋርቕ እዩ። ሎሚ'ውን ኣብ ኢድና ዘሎ ነገር ብዙሕ ታሪኽ ክሰርሕን ህይወት ብዙሓት ክልውጥን ከምዝኽእል ክንርዳእ የድሊ።

## ❈ ልግሲ ሃዋርያዊ ወለዶ ኩሉ ሸነኻዊ እዩ

ሓንትስ ንክብሪ ኣምላኽ፡ ምስፋሕ መንግስቲ ኣምላኽን ምህናጽ ኣካል ክርስቶስን ይኹን ደኣ እምበር ንኹሉ እቲ ክልገሰሉ ዘለዎ እዩ ዝልግስ። ገለ ካብቶም በቲ ኣብ ሃዋርያዊት ማሕበር ብሃዋርያዊ ምርዳእ ዝዓቢ ወለዶ ዝልግሶም ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

- ***ነቶም ዘገልግልዎም***

  እቲ ኣብታ ማሕበር ዝርከብ ኩሉ ኣማኒ ጥቕሚ ኣገልገልቲ እተረድኦ ስለዝኾነ ንኣገልገልቱ ክህብ ኣይስከፍን። ቀዳምነት ነቲ ዘኽይድ ብዕራይ ዝብል መርገጺ ስለዘለዎ ኣገልጋሊኡ ስኢኑ ብጥሜት ክሳቐ ምርኣይ ኣይኰነሉን። እቲ ኣብታ ማሕበር ዝመሃር ኩሉ ኣማኒ ንመምህሩ ካብቲ ዘለዎ ጽቡቕ ርካብ ከማቅል ክጓየዩ እዩ ዝርኤ። ***"እቲ ቃል ዚመሃር ከኣ ነቲ ዘለዎ ጽቡቕ ርካብ ምስቲ ዝምህሮ ይካፈሎ።"* ገላ6፡6 (ሓድሽ ትርጉም)**። ቃል ኣምላኻውን መገዲ በረኸትን ስለዝኾነ ነቶም ብቃልን ምህሮን ኣባኻ ዝተግሁ ኣገልገልቲ ኣእዳውካ ከትዝርግሕ ክትክእል ኣሎካ። እቲ ዘገልግለካ ሰብ መብራህትኻ ምኻኑ ተገንዚብካ ብምኽንያት ዋሕዲ ምድራዊ ነገር ካብቲ ዘለዎ መንፈሳዊ ብራኽ ከይወርድ እሞ ኣብ ደምበኻ ጸልማት ከይነግስ ብልግስኻ ዕርዲ ህነጸሉ።

ንዘገልግለካ ኣገልጋሊ ንምሃብ ድማ ብዙሕ ነገር ኢኻ ክትገብር እትኽእል። ገለ ካብኡ ድማ እዚ ዝስዕብ እዩ፡-

- ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ወይ ልባዊ ድርኺት ዕሽርካ ብቐጥታ ክትህቦ፥
- ናይ ፍታው ህያብካ ክትህብ
- ብፍሉይ ብእኡ ኣብ እተበጽሓካሉ እዋን መግለጺ ሓጐስካ
- ካብቲ በብእዋኑ ዝህልወካ ነገር
- ፍሉይ ኣጋጣሚ ተጠቒምካ ገለ ነገር ከተበርክተሉ ትኽእል። እዚ ከምቲ ደቀመዛሙርቲ የሱስ ንጐይታ ንበዓለ ፋሲካ ምኽንያት ጌሮም ኣበይ ነዳልወልካ ዝበልዎ እዩ። ንስኻውን ንገለ በዓላት ምኽንያት ብምግባር ነቲ ዘገልግለካ ከተገልግሎ ትኽእል ኢኻ።

- **<u>ንቅዱሳን ድኻታት</u>**

ሃዋርያዊ ወለዶ ልግሱ ኣብቶም ዘገልግልዎ ኣገልገልቲ ከይተሓጽረ ነቶም ድኻታት ኣሕዋቱ'ውን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። እዚ ወለዶ ንድኻ ምሃብ ንኣምላኽ ከም ምልቃሕ ምዃኑ ስለዝርዳእ ኣብዚ መዳይ ውፉይ እዩ። ንድኻታት ዝልገስ ልግሲ ብገንዘብ ጥራይ ዘይኰነስ ብክዳውንትን ንናብራ ዘድሊ ቀረባትን እውን ዘጠቓልል ምዃኑ ድማ ንኩላትና ብሩህ እዩ። ንድኻታት ንጸልየሎም ክብሃል እንከሎ እጅጌኡ ሰብሲቡ ዝጽሊ ንድኻታት ገንዘብ ነዋጽእ ክብሃል እንከሎ ግና ርእሱ ዝሓምምን ኣእዳው ዝዓጽፍን ወለዶ ሃዋርያዊ ህይወት ዘይተረድኦ ድኹም ወለዶ እዩ (ሮሜ15፡26 2ቆሮ8፡4 9፡13 እብ13፡16)።

- **<u>ንህዝቢ ዓለም /ዝጠፍኡ ነፍሳት/</u>**

ማሕበር ወንጌል ንምዝርጋሕ ካብ እትጥቀመሎም ዝበለጹ ነገራት ሓደ ግብረ ሰናይ እዩ። እዚ ኣብ ሕክምናዊ መዳይ፡ ኣብ እዋን ሓደጋ ዘድሊ ሕጹጽ ረድኤት፡ ናይ ትምህርቲ ሓገዛት ምብርካት፡ ሰባት ገዛእ ርእሶም ዝኽእሉ ደገ ምኽፋትን ካልእን የጠቓልል። እቲ ምንጪ ኵሉ ውህበት ዝኾነ ኣምላኽ ለጋስነቱ ብደቁ ክግለጽ ይደሊ እዩ። ብዙሓት ንገንዘቦም ብምጥቃም ህይወት ብዙሓት ሰባት ናብ ምድሓን ኣምጺኦም እዮም። እቶም እትድግፎም ሰባት ዋላውን ብኡንብኡ ናብ ጐይታ ኣይምጽኡ፥ ወንጌል ዝሰምዑሉ ዕድል ንኽረኽቡ ነዛ ትንፋሶም ተጽንሓ ከምዘሎኻ ክትግንዘብ ኣሎካ።

- **<u>ንሃገራዊ ልምዓት</u>**

ኣምላኽ ክንነብረሉ ዝመደበልና ከባቢ ኣሎና። ከባቢና ናይ ምሕላውን ምልማዕን ሓላፍነት ድማ ኣሎና። የሱስ ኣብ ምድሪ ኣብ እተመላለሰሉ እዋን ግብሪ

ብምኽፋል ኣታዊ ሃገሩ ክብ የብል ነይሩ። ኣብ ሃገራዊ ልምዓት እጃም ከምዘሎና ብምስትውዓል ንኹሉ እቲ ክንገብሮ እንኽእል ንምግባር ክንተግህ ኣሎና። ኣብ ምዕባለ ሃገርና ክንዮ ጸሎት፥ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ምግባር ክንመሃር ኣሎና። ጸሎት ኣዝዩ ኣገዳስን መሰረታውን እኳ እንተኾነ ኣብኡ እተሓጽረ ኣካይዳ ግና ክንከይድ የብልናን። ብገንዘብናን'ውን ኣብ ምዕባለ ሃገርና እጃምና ከነበርክት ንኽእል ኢና።

- <u>***ወንጌል ንምስባኽ ኵሉ ዘድሊ ወጻኢታት ንምሽፋን***</u>

ብእተፈላለየ መራኸቢ ብዙሃን ንምግልጋል ይኹን፥ ነቶም ናብ ርሑቕ ከባቢታት ከይዶም ወንጌል ክሰብኩ ዝደልዩ ኣመንቲ፥ ኣብ ጐኖም ብገንዘብና ደው ክንብል ክንክእል ኣሎና። ወንጌል ንምስባኽ ናይ ግድን ወንጌላዊ ምኳን ኣየድልየካን። እቲ ዓብዪ መልእኽቲ ወንጌል ናብ ብዘላ ዓለም ክበጽሕ ምስ ዝነጥፉ ኣገልገልቲ ብገንዘብካ ብምስራሕ እጃምካ ምብርካት ይከኣል እዩ።

# ምዕራፍ ሸሞንተ

## ኣገልጋሊ ምቕባል

ኣብታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ማሕበር ብዛዕባ እቲ ኣብ ኣንጾክያ እተዘርግሔ ወንጌል ውጽኢታውነቱ ምስ ተሰምዔ ንባርናባስ ናብ ኣንጾክያ ከምዝለኣኽዎ እሞ፡ እቶም ኣብ ኣንጾክያ ዝርከቡ ኣመንቲ ድማ ነቲ ካብታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ማሕበር ተላኢኹ ዝመጸ ባርናባስ ብግሩህ ልብን ብሓጐስን ከም እተቐበልዎ ኣብ ግ.ሃ11፡22-23 ነንብብ። *"እዚ ወረ እዚ ኸኣ ብዛዕባኦም ኣብታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ማሕበር ተሰምዔ፡ ንበርናባስ ድማ ናብ ኣንጾክያ ለኣኽዎ። ንሱ ምስ መጸ፡ ጸጋ ኣምላኽ ርእዩ ተሐጐሰ። ንሱ መንፈስ ቅዱስን እምነትን ዝመልኦ ሕያዋይ ሰብኣይ እዩ እሞ፡ ብምሉእ ልቦም ብጐይታ ጸኒዖም ኪነብሩ መኸሮም፡ ብዙሕ ህዝቢ ኸኣ ንጐይታ ተወሰኸ።"* ከምቲ ኣብዚ ቦታ ተገሊጹ እንርእዮ ዘሎና፥ ብደገ መጺኡ ናብታ ማሕበር ዝኣተወ ባርናባስ ነቶም ኣብታ ማሕበር ዝጸንሕዎ ቅዱሳን ምዒዱን መኺሩን እዩ። በዚ ድማ እታ ናይ ኣንጾክያ ማሕበር ነቲ ካብ ካልእ ማሕበር ዝመጸ ኣገልጋሊ (ባርናባስ) ከም እተቐበለቶ ኢና እንርዳእ።

እቶም ኣብ ኣንጾክያ ዝነበሩ መጓሰ ኣምላኽ፥ ትንሳኤ ሓደ ኣገልጋሊ ንረብሓኦም ምዃኑ ስለእተገንዘቡ፥ ንቅቡኣት ኣምላኽ ካብ ዘለዎም ኣኽብሮታዊ ኣመለኻኽታ፥ እተኸፍተ ልቢ ነይርዎም። ከምኡ ኰይኖም ስለእተሃንጹ ድማ እዩ በቲ ካብ ካልእ ማሕበር ዝመጸ ባርናባስ ክመዓዱ ዝኸኣሉ። ንሳቶም ብዛዕባ ኣገልጋሊ ዘለዎም ምርዳእ ኣዝዩ ልዑል ስለዝኾነ ንምቕባሉ ትጉሃት እዮም ዝነበሩ። ኣብ ኣንጾክያ፥ ብኣምላኽ ንረብሓኡ ንዝትንስኡ ቅቡኣት ካብ ምቕባሎም ሓንጊዱ ናብ ጥፍኣት ዝግስግስ ወለዶ ኣይነበረን። እቲ ኣብ ኣንጾክያ ዝነበረ ወለዶ ከምቲ ኣብዛ ምድሪ እንርእዮ ከባረኽ እናደለየ ምኽንያት በረኸቱ ንዝኾኑ ኣገልገልቲ ዘይቅበል ዓሻ ወለዶ ኣይነበረን። ኩሉ እቲ ኣብታ ማሕበር ዝፈረየ ወለዶ ረብሓ ቅዱሳን ብዕምቈት ዘስተውዕል ብምንባሩ ነቲ ካብ የሩሳሌም ናባታቶም ዝመጸ ባርናባስ ክቕበሎን ክጥቀመሉን ኢና እንርኢ።

እቲ ኣብ ማሕበር ኣንጾክያ ዝዓበየ ወለዶ ንኣገልገልቲ ዝቕበል ልቡ ኣብ ባርናባስ ጥራይ ዘይኰነስ ኣብቲ ነብያዊ ቅብኣት ዝነበሮ ኣጋቦስን ብእኡ ንዝመጸ ትንቢታዊ ቃልን ብምቕባል'ውን ደጊሙ ኣርእይዎ እዩ (ግ.ሃ11፡27-30)። እዚ ከኣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዝነበሮም ኣኽብሮት ኣብ ውሱናት ኣገልገልቲ እተሓጽረ ከምዘይነበረ እዩ ዘመልክት። ንሳቶም ሓንትስ ካብ ኣምላኽ ምዃኑ የረጋግጹ እምበር ንምቕባሉ ልቦም ርሒብ እዩ።

ማሕበር ኣንጾክያ፥ ንእተገልጸ ጸጋ እትቕብር፡ ነንእተንስኤ ኣገልጋሊ ወይ ቅቡእ እተሳድድ ማሕበር ብዘይምንባራ ብኣምላኽ ንእድቲ እያ ኔራ። ንሳ ንቅቡኣት እትቕበልን እትሕብሕብን ብምዃና ብብዙሓት ናይዚ ዘመን ማሕበራት ከም ሞዴል እንተተወሰደት የምሕረላ እዩ። ከምቲ

ቅዱስ ቃል “ብስም እግዚኣብሄር ዝመጽእ ብሩኽ ይኹን” ዝብል ነቶም ብስም ኣምላኽ ዝመጹና ቅዱሳን ንምቕባሎም ኣዚና ትጉሃት ክንከውን ኣሎና። ንሓደ ካብ ኣምላኽ እተላእኸ ኣገልጋሊ ምቕባል ማለት ንኣምላኽ ንባዕሉ ምቕባል ማለት እዩ። ጸጋ ካልኦት ክትምቀል ምኽኣልን ኣብ ትሕቲ እተገልጸ ጸጋ ገዛእ ርእስኻ ከተግዝእ ምግዳል ነቲ ዘሎካ መንፈሳዊ ብስለት ዘርኢ ሃዋርያዊ ቅዱ ህይወት እዩ። ኣምላኽ ንመልሲ ጸሎትና ተፈጻምነት ንምሃብ ዘተንስኦም ኣገልገልቲ ስለዘለው፥ ኣገልገልትና ምቕባል ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝኸውን ረድኤት፡ ምጥሓስን ምንቕቃሕን ንምቕባል ብሉጽ መገዲ እዩ።

## ኣገልጋሊ ብዛዕባ ምቕባል ክስዓቡ ዘለዎ መምርሒታት

- **እመኖ**

  በቲ ብኣምላኽ እተዋህበካ መንፈሳዊ ኣገልጋሊኻ ምእማን ናይ ጸጋኡ ተማቓሊ ክትከውን ዝገብር ኣብ ርእሲ ምዃኑ፥ ካብ ኣምላኽ ድማ ዓስቢ የብዝሓልካ እዩ። *“...ብእግዚኣብሄር እምላኽኩም እመኑ እሞ ጽኑዓት ክትኮኑ ኢኹም፥ ብነብያቱውን እመኑ እሞ ኪቐንዓኩም እዩ።”* (2ዜና20፥20)። መጠን እቲ ዝኣመንካሉ ኢኻ ቅዱ ህይወቱ ክትግንዘቦን ክትመስሎን እትተግህ። ምስ ሓደ ልብኻ ዘይኣምነሉ ሰብ ክትግልገልን ተማቓሊ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ቅብኣት ኣምላኽ ክትከውንን ዝከኣል ስለዘይኮነ ቅድሚ ኩሉ ክትኣምነሉን ልብኻ ከተውድቐሉን ይግባእ። ኣብ ውሽጥኻ ኲይኑ ይኹን ብግዳም ንዝቃወመካ ነጻጊ ሓሳብ ካብ ህይወትካ ብምውጋድ በቲ እተዋህበካ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣሚንካ ንለውጥኻ ተመላለስ።

- **ትምህርቱ ሰዓብ**

  ኣብ ዕለታዊ ናብራኻ ንትምህርቱ ክትነብረሉ ክትተግህ ኣሎካ። ኣገልገልትኻ ነቲ ዝመሃሩኻ ክትሙከሮ ወይ ኣብ ዕለታዊ ህይወት ክትገብሮ ካብ ምርኣይ ዝዓቢ ሓጐስ የብሎምን። ስለዚ ንስለ ምስማዕ ኣይትስምዓዮ። ንኩሉ ምህሮታቱ ኣብ ባይታ ንምትርጓም ጸዐር።

- **መንፈሱ ኣንብቦ**

  መንፈስ ኣገልጋሊኻ ምንባብ ማለት ነቲ ንሱ ዝርእዮ ዘሎ ነገር ራእይኻ ምግባር ማለት እዩ። ኣገልጋሊኻ ንዝርእዮ ነገር ንስኻውን ክትርእዮ ክትክእል ኣሎካ። ኣብ መብዛሕትኡ እዋን ሽግር ዝፍጠር እቲ ኣገልጋሊ በይኑ ይውንጨፍ እቲ ኣብ ትሕቲኡ ዘሎ መጓሰ ግና ኣዝዩ ድሑር ቅዱ ህይወት ሒዙ ይመላለስ ስለዝኸውን እዩ። ንመንፈስ ኣገልጋሊኻ ክትስዕብ

ኣሎካ። መንፈስ ኣገልጋሊኻ ብዝግባእ ኣንቢብካ ምስዓብ፥ ነቲ ኣምላኽ ኣብ ውሽጡ ዘቐመጦ ምኽሪ ምስዓብ ስለዝኾነ ከም ንኣምላኽ ምስዓብ እዩ ዝቑጸር።

- **<u>ኣብ ኩሉ እቲ ብእኡ ዝስራዕ መደባት ብተወፋይነት ምስታፍ</u>**

ንኣገልጋሊኻ ንምድጋፍ ኣብቲ ናቱ ኣገልግሎት ብተወፋይነት ምስታፍ የድሊ። ዝበዝሑ ኣመንቲ ነቲ እተዋህቦም ኣገልጋሊ ከምቲ ዝግባእ ከገልግልዎ ዘይክእሉን ብቤላቤለው ካብኡ ዝርሕቁን ኣብ ኣገልግሎቱ ከምቲ ዝድለ ስለዘይሳተፉ እዩ። ኣገልጋሊኻ እቲ ዝዓበየ ካባኻ ዝጽበዮ ነገር ህላዌኻ እዩ። ልዕሊ እቲ ርሒቕካ እትድግፎ ደገፍ (ንእኡ እትህቦ ሓገዝ) ቀሪብካ እትድገፎ (ካብኡ እትወስዶ ሓገዝ) ከምዘሕጉሶ ብምስትውዓል ቀረባኡ ኩን። ብሰዓትካ ኣብ እተመደበልካ ኩሉ መደባት ብምስታፍ እሙንነትካ ኣርእዮ።

- **<u>ኣኽብሮን ክብሩ ሓልወሉን</u>**

ነቲ እተዋህበካ ናይ ኣምላኽ ኣገልጋሊ እተቕስነሉን ተማቓሊ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ቅብኣት ኣምላኽ ንምኺን ከትገብሮ ዘሎካን ግቡእ ክብሩ ምሕላው እዩ። ንኣብነት ገለ ገለ ኣመንቲ ናይታ ዘለውዋ ማሕበር ይኹን ዘገልግሎም ኣገልጋሊ ውሽጣዊ ምስጢር ኣይዕቅቡን እዮም። እዚ ከውገድ ዘለዎ ጌጋ ተግባር እዩ። በቶም ተጻባእትን ወልፋሳትን ኣብ ልዕሊኡ ዝመጽእ ከንቱ ዕላላት መከቶ። ምስቶም ስለ ውድቀት ኣገልጋሊኻ ዝተግሁ ሰባት ኣይትሕበር። ስም ኣገልጋሊኻ ብሕማቕ ኣብ ዝለዓለሉ ስፍራውን ኣይተረኽብ። ኣፍካ ከፊትካ ምስ ዘይምልከቶ ኣይትሕመዮ። ጌጋ እኳ እንተረኣኻሉ ሞገሱ ንምሕላው ብውልቂ ተዛረቦ፥ ኣይኮነን ድማ ምስቶም ኣብ ልዕሊኡ ዘለው ስልጣናት ተዘራሪብካ ግቡእ መኣረምታ ክገብር ሓግዝ። ከምኡውን ዝኾነ ሽግር ኪጋጥም እንከሎ ኣገልጋሊኻ ከተግብሮ ጥራይ ከይተጸበኻ ንስኻ ፍታሕ ንምምጻእ ተዋሳእ።

ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ እቶም እተዋህቡና ኣገልገልቲ ክዛረብ እንከሎ ***ዕጽፊ ክብሪ ይግብኦም*** እዩ ዝበለ (1ጢሞ5:17-18)። ነቶም ከገልግሉ ብኣምላኽ እተሾሙ እሞ ንምግልጋል ቅዱሳን ገዛእ ርእሶም ብምልኣት ዝወፈዩ ዕጽፊ ክብሪ ይግብኦም እዩ። ዕጽፊ ክብሪ ዝብል ቃል ኣብ ግሪኽ "ቲማይ" ("teemay")፥ ብዙሕ ትርጉም ዘለዎን ንብዙሕ ኣገዳሲ ፍጻሜ ዘገልግል ቃል ኰይኑ ገለ ካብ ትርጉማቱ ድማ "ምድናቕ፥ ልዑል ግምት ምሃብ፥ ምሽላም (እዚ ምስ ገንዘብ ተኣሳሲሩ ዝግለጽ እዩ)፥ ምኽፋል.." ዝብል ይርከቦ። ኣምላኽ ኣገልገልቱ በቶም ናቱ ህዝቢ ክብሪ ክወሃቦም ኣዚዙ እዩ።

እቲ ንእኡም ዝወሃብ ዕጽፊ ክብሪ ከኣ ብሰለስተ መገድታት ክፍጸም ይከኣል። ቀዳማይ **ንመሪሕነቶም ብምስዓብ።** ካልኣይ **ስልጣን ኣብ ልዕሌኻ ከምዘለዎም ተረዲእካ ብኹሉ ብምእዛዝ።** ብሓሳብ፥ ዘረባ ይኹን ግብሪ ስልጣኖም ከይትዳፈር እናተጠንቀቕካ ምምልላስ። ሳልሳይ ድማ **ብዘድሊ ዘበለ ብምሕጋዝ እዩ።** እቲ ዕጽፊ ክብሪ ዝብል ቃል ካብ ዘለዎ መሰረታዊ ትርጉማት ሓደ ምኽፋል ዝብል እዩ። ምኽፋል ግቡኡ ስለዝኾነ ምሃብ ደኣ እምበር ናጻ ውህበት ኣይኮነን። ምሃብ ኰሉሳዕ ምስ ፍታው ህያብ ዝኸይድ ክኸውን እንከሎ፥ ምኽፋል ወይ ደሞዝ ግና ምስ ግቡእ ተኣሳሲሩ እዩ ዝግለጽ። ስለዚ በዚ መሰረት ሓደ ኣገልጋሊ ከም ፍታው ህያብ ጥራይ ዘይኮነ ግቡኡ ምዃኑ ተረዲእካ ክትከፍሎ እዩ ዘሎካ።

- **<u>ኣድንቆ</u>**

ኤልሳእ ነቲ ስሊኡ ካብ ኣምላኽ እተቀበለ ኣገልጋሊኡ (መንፈሳዊ ኣቦኡ) ዓብዪ ዝኾነ ኣድናቆት ስለዝነበሮ እዩ፥ ኤልያስ ካብኡ ናብ ሰማይ ክውሰድ እንከሎ *"..ኣቦይ ኣቦይ ሰረገላ እስራኤልን ፈረሰኛታቱን .."* እናበለ ክጭድር እንርእዮ (2ነገ2፥12)። እዚ ሰረገላ እስራኤልን ፈረሰኛታትን ዝብል ቃል፥ ኤልያስ ካብ ሰረገላታት እስራኤልን ፈረሰኛታቱን ዝበልጽ ሓይሊ እስራኤል ከምዝነበረ ንምምልካት እዩ ተዛሪብዎ። ንሱ ባዕሉ ኣብ መወዳእታ ናይ ህይወቱ ንሞት ሓሚሙ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብንጉስ ዮኣስ ከምኡ ተባሂሉ ከምእተወደሰ ድማ ንርኢ (2ነገ13፥14)። እዚ ከኣ እቲ ኣብ ልዕሊ ኣገልጋሊኡ ዝነበሮ ኣድናቆት ኣብ መጻኢ ህይወቱ ንሱ ባዕሉ ብካልኦት ክድነቕ ከም ዘርኢ ኾይኑ ከምዘገልገሎ እዩ ዘርእየና።

ንኣገልጋሊኻ ናይ ምድናቕ እዋን ክትሰርዕ ኣሎካ። እዚ ኣብ ሓበሻና ልሙድ እኳ እንተዘይኮነ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሰረት ዘለዎ መንፈሳዊ ነገር እዩ። እቲ ኣብዛ ምድሪ ዝጸንሐ ኣካይዳ ብስም ትሕትና ትሑትነት ዝሰበኸ ብምንባሩ ንኣገልገልቲ ኣምላኽ ዝግብኦም ክብሪ ከይረኸቡ ከሊኡ እዩ። ንሕና ግና ምስ ሓሳብ ኣምላኽ ንምውጋን ክንነጽጉን ግብራዊ ብዝኾነ መገዲ ጽልዋኡ ከነህስሶን እዩ ዘሎና። ኣምላኽ ስለዝሃበካ ኣገልጋሊ እተመስግነሉ፥ ነቲ በዚ ኣገልጋሊ ኣብ ህይወትካ እተፈጸመ ሰናይ ነገር እትምስክረሉን ስለቲ ኣብ ልዕሌኻ ዝዘርኦ መንፈሳዊ ነገር ስጋዊ ነገርካ እትዘርኣሉን ግዜ ብውልቂ ይኹን ምስ ካልኦት ብምትሕብባር ክትሰርዕ ኣሎካ። እዚ ነቲ ኣገልጋሊ ዕዮኡ ክግምግም ዝሕግዞ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፥ ነቲ ዘለዎ ራእይ ኣብ ጐኑ ደው ኢልካ ከምዘሎኻ ብግብሪ ስለተርእዮ ሓይሉን ተስፋኡን ከምኡውን ኣባኻ ንዘለዎ እምነት ክሕድስ የኽእሎ እዩ።

- **<u>ግሉጽ ኩነሉ</u>**

ኣብ ትሕቲ ምሕደራኡ ክሳዕ ዘሎኻ ንኩሉ ንጥፈትካ ክፈልጥ ምግባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ገለ ገለ ኣመንቲ ካብ ኣገልጋሊኦም ሕቡኣት ብምዃን ስለዝመላለሱ ምስ ኣገልጋሊኦም ናይ መንፈስ ንመንፈስ ርክብን ናይ ልቢ ውህደትን ክፈጥሩ ኣይከኣሉን። በዚ ከኣ መንፈስ

ኣገልጋሊኦም ከቕስኑ ኣብ ርእሲ ዘይምኽኣሎም ተማቓሊ እቲ ኣብ ልዕሊ ኣገልገልቶም ዘሎ ቅብኣት ክኾኑ ኣይከኣሉን። እንሓንሳእ ካብ ኣገልጋሊኻ ሕቡእ ምኽን ንመንፈሱ ኣነዲሩ ናይ መርገም ቃል ኣብ ልዕሌኻ ንከውጽእ ዝቕስብ ብምኽኑ ምጥንቃቕ የድሊ። ገሓዚ ንመንፈሳዊ ኣገልጋሊኡ ግሉጽ ብዘይምኺኑ ዝሰዓቦ ንእኡን ንዓሌቱን ብለምጺ ምውቃዕ እዩ (2ነገ5፥25-27)። ሃናንያን ሰጲራን እውን ገንዘቦም ንማሕበር ክሓብኡ ኣብ ዝፈተኑሉ፥ ብጴጥሮስ ተሓቲቶም ኣብ ሓሶት ስለዝጸንዑ ዕጫኦም ሞት እዩ ኲይኑ (ግ.ሃ5)።

እቲ ንኣገልጋሊኻ ዝህልወካ ግሉጽነት ንኣምላኽ እዩ። ንኣገልጋሊኻ ዝህልወካ ሕቡእነት ወይ ጥበራን ሓሶትን ድማ ብቐጥታ ምስ ኣምላኽ ርኽብ ከምዘለዎ ኣይትረስዕ። ሃናንያን ሰጲራን ንጴጥሮስ ክሕስው እንተፈተኑ እኳ ክፍኣቶም ብቐጥታ ምስ መንፈስ ቅዱስ እዩ ተራኺቡ። *“...ንመንፈስ ቅዱስ ክትሕሱ ኻብ ዋጋ እቲ ምድሪ ኸኣ መቚልካ ኽትሐብእሲ፡ ስለምንታይ ሰይጣን ንልብኻ መልአ?...ከመይ ጌርካኸ ነዚ ነገርዚ ብልብኻ ሐሰብካዮ? ንኣምላኽ እምበር፡ ንሰብ ኣይሐሶኻን፡...”* (ግ.ሃ5፥3-4)። ብዛዕባ ህልው ትፍጽሞም ዘሎኻን ንክትፍጽሞም ኣብ መደብ ዘለው ነገራትካን ብመደብን ግሩህ ልብን ብዝርዝር ምሕባር ነቲ ምስኡ ዘሎ ሕብረት ዘሐይል ብምኻኑ ትግሃሉ።

ከም ትዕዝብተይ መብዛሕትና ኣገልገልትና ክምህሩና ደኣ እምበር ኣብቲ ዝወሸጠ ነገርና ከማኽሩና ደገ ነጣጥሕ ኣይኲንናን። ንኣብነት ገለ ገለ ኣመንቲ መንፈሳዊ ኣቦ/ኣደ ዘለዎም እኳ እንተኾኑ ይኹን ደኣ እምበር እንታይ ከምዝሰርሑ፥ መጻምድቲ (ሕጽይቲ ወይ ሕጹይ) ከምዘለዎም፥ ኵነታት ስድራኦም፥ ደሞዞም.... ኣየፍልጥዎምን እዮም። ስለዚ ግሉጽ ኰነሉ። ውልቃውነት ዝብል ዘይመጽሓፍ ቅዱሳዊ ድኻ ሓሳብ ሒዝካ ኣይትመላለስ። ውልቃውነት ቅድሚ መስቀል እዩ፥ ንስኻ ግና ድሕሪ መስቀል እትመላለስ ዘሎኻ ምኺንካ ኣይትዘንግዕ፡ ኣምላኽ ኣብቲ ኣካል ክሳዕ ዝጸንበረካ ብምሉእ እቲ ኣካል ብፍላይ ግና እቲ ብኣምላኽ ኣገልጋሊኻ ክኸውን እተዋህበካ ሰብ ብዛዕባ ዝግብኦ ኵሉ ክፈልጥ ግበር።

- **<u>ብድኻሙ ደግፎ</u>**

ከምቲ ኣብ ተመኩሮይ ዝርኤኽዎ እዚ ህዝቢ ነቲ ካብ ኣገልገልቱ ዝረኽቦ ሰናይ ጥራይ እናጠመተ ዝግልገል ህዝቢ እዩ። ዝኾነ ድኻም ምስ ዝርከብ ነቶም ኣብ ልዕሊኡ ዝነድቑ ዝነበሩ ኣገልገልቲ ጠንጢኑ ንምኻድ ዘይሓንኽ ወለዶ እዩ። ነቲ ሰናይ እተመቐልካሉ ኣገልጋሊ ብድኻሙ ምሕዳግ ግና ክንዮ ኢጋንንታውነት ካልእ ትርጉም ክወሃቦ ኣይክእልን እዩ። ትማል ትማል ንስብከታቱ ኣሜን እናበለ ዝቐበል ዝነበረ፥ ብተደጋጋሚ ካብ ድኻሙ ብኣገልጋሊኡ እተደገፈ፥ እቲ ኣገልጋሊኡ ዝኾነ ድኻም ምስ ዘጋጥሞ ግና ዘሎን ዘየሎን ዛንታ ብዛዕባኡ ብምዝራብ ንጥፍኣት ክውፍዮ ዝህቅን ሒደት ኣይኰነን። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ይኹን ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን ኣየናይ ኣገልጋሊ እዩ እሞ ብዘይ ዝኾነ ድኻም

ዘገልገለ? ሙሴ ናይ ቊጥዓ፥ ዳዊት ናይ ዝሙት፥ ኤልያስ ናይ ፍርሂ፥ ጴጥሮስ ናይ ታህዋኽ፥ ሲምሶን ብቐሊሉ ዝጥበር፥ ዮናስ ናይ ርእስኻ ምፍታው... ድኻም ኔርዎም እዩ። እዚ ስለዝኾነ ግና እቲ ኣብ ትሕቲኦም ዘሎ መዓሰ ኣይሓደጐምን።

ስለዚ ነቲ ኣብ ልዕሌኻ ብዙሕ ነገር ዝጸዓረ ኣገልጋሊ ከማኻ ሰብ እዩ እሞ ብገለ ሸነኹ እንተደኸመ ኣይትትገለሞ። ከምቲ ብእኡ ንብዙሕ ሰናይ እተደገፍካ ንስኻውን ደግፎ። ካብቲ ዝኣተዎ መጻወድያ ኣጋንንትን ጊዜያዊ ድኻምን ዝወጸሉ ኵሉ ዓይነት ዋጋ ክፈል። እዚ እንተገበርካ ዓስብኻ ይበዝሕ፥ መርገም ድማ ኣብ ቤትካ ኣይከውንን። እንተገፋዕካዮ ግና እቲ ናይ ካልኣይ ዕድል ኣምላኽ ናይ ምሕዳስ ጊዜ ሂቡ ከተንስኦ እንከሎ ናይ ሕፍረት ካባ ክትከደን ኢኻ።

- <u>ናብኡ ተጠመቕ</u>

ነዞም ኣብ ላዕሊ ክንርእዮም ዝጸናሕና ብሓንቲ ቃል ክንጥቕልሎም ንኽእል ኢና ኢለ ይሓስብ። ንሱ ከኣ ከምቲ ደቂ እስራኤል ናብ ሙሴ እተጠምቊ ንስኻውን ናብቲ ብኣምላኽ እተዋህበካ መንፈሳዊ ኣቦኻ/ኣዴኻ ክትጥመቕ ኣሎካ። *"ኲላቶም ድማ ብደበናን ብባሕርን ናብ ሙሴ ተጠምቁ።"* (1ቈሮ10፥2)። ናብኡ ምጥማቕ ማለት እቲ ኣብኡ ዘሎ መንፈሳዊ ሓሳብ ከገዝኣካን ከመርሓካን ምሉእ ብምሉእ ምውፋይ፥ ገዛእ ርእስኻ ኣብ ትሕቲ ስልጣን ናቱ የእቲኻ ምምልላስ ማለት እዩ። ብዙሓት ሰባት መንፈሳዊ ሓሳብ ንምርካብ ብዙሕ ዝጽዕሩ እኳ እንተኾኑ ኣብ ባይታ መጺኦካ ምስ እትርእዮም ግና ኣይረኸቡን እዮም። ምኽንያት ናይዚ ድማ ናብቲ እተዋህቦም ናይ ኣምላኽ ሰብ ስለዘይጥመቑ እዩ። ብዙሕ ክትሃልኽን ክትደክምን ኣየድልየካን። ነቲ ክትረኽቦ ዘሎካ ኣምላኽ ብባሪያኡ ክምግበካ እንተድኣ መሪጹ ገዛእ ርእስኻ ብምልኣት ነቲ ሰብ ሂብካ ተገዝኣዮ። ንኣገልጋሊኻ ምእዛዝ ማለት ነቲ ንእኡ ዝሾመ ወይ ስልጣን ዝሃበ ኣምላኽ ምእዛዝ ምዃኑ ድማ ዘክር። መንፈሳዊ ሕጊ ዝርዳእ ኣማኒ ብእተዋህብዎ ባሮት ኣምላኽ ይኣምንን ኣብኦም ልቡ የውድቕን እዩ። እቶም ብዘይ ደገፍ ኣገልጋሊ ባዕለይ ጽዒረ ደኣ ክረክብ ዝብሉ ግና፥ መንፈሳዊ ሕጊ ፈጺሙ ይርድኦም ከምዘይነበረን እቲ ዝወሰድዎ ስጉምቲ ድማ ጌጋ ምንባሩን ምስ ጊዜ ክርድኡ እዮም። እምበርኣሲ ንስኻ ካብዚ ከምዚ ንመንእሰይ እዛ ሃገር ዘልመሰ ድኹም ምርዳእ ሓራ ብምውጻእ ናብቲ ብኣምላኽ እተዋህበካ ኣገልጋሊኻ ተጠመቕ። *"ንስኻ ግና ንትምህርተይ፡ ንንብረተይ፡ ንፍቓደይ፡ ንእምነተይ፡ ንዓቕለይ፡ ንፍቕረይ፡ ንትዕግስተይ ኣጸቢቕካ ሰዐብካ።"* (2ጢሞ3፥10)።

# ምዕራፍ ትሽዓተ

## ንእግዚኣብሄር ብኣምልኾን ጾምን ምድላይ

*"ኣብታ ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበረት ማሕበር ከኣ ነብያትን መምህራንን ነበሩ፡... እዚኣቶም ንእግዚኣብሄር ኬገልግሉን ኪጾሙን ከለዉ ኸኣ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ በርናባስን ሳውልን ነቲ ዝጸዋዕክዎም ዕዮ ፍለዩለይ፡ በሎም።"* (ግ.ሃ13፥1-2)።

እቲ ኣብዚ ናይ ትግርኛ መጽሓፍ ቅዱስና እተጻሕፈ *"ኬገልግሉን ኪጾሙን ከለው..."* ዝብል ቃል ኣብ ገለ ገለ ትርጉማት *"..ኬምልኹን ኪጾሙን ከለው.."* ብዝብል ቃል እዩ ተገሊጹ ዘሎ። (ኣምሓርኛ ናይ ቀደምን ኣዲሱ መደበኛ ትርጉምን ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል)። ኣምልኾን ጾምን ኣብ ኣንጾክያን ኣብተን ኣሰር እዛ ማሕበር ስዒበን ሃዋርያዊ ተልእኾ ንምፍጻም ዝወጻ ሃዋርያውያን ማሕበራትን ሰብ ምስ ተኣከበ ዝስዐኽ ስብከት ዘይኮነስ ነቲ ዓብዩ ተልእኾ ንምፍጻም ከም ሓደ ሜላ ዝውሰድ ብሉጽ ስትራቴጂ እዩ።

### ኣምልኾ

ኣምልኾ ዝብል ቃል በቲ መሰረታዊ ሓሳቡ እንተድኣ ተረዲእናዮ ኣዝዩ ዓሚቕ ዝኾነ ሓሳብ እዩ ዘለዎ። እቲ ናይ ግሪኽ መጽሓፍ ኣምልኾ ንዝብል ቃል ንምግላጽ ንእተጠቐመሉ ሰለስተ ቃላት ምርኣይ ድማ ኣፍልጦና ኣብ ምዕባይ ሓጋዚ ስለዝኾነ ከምዚ ዝስዕብ ይቐርብ።

1. **ፐሮስኪንዮ፡** **(proskuneo)**፡ እዚ ቃል "ምስጋድ፡ ንክትግዛእ ሕራይ ምባል፡ ዓሚቕ ኣኽብሮት፡ ምእዛዝ፡ ምስዓም" ዝብል ትርጉም ኣለዎ (ማቴ4፡10 ዮሃ4፡21-24 1ቆሮ14፡25)።

2. **ሰቦማይ፡** **(sebomai)**፥ እዚ ድማ "ብኣኽብሮታዊ ፍርሃት ምምልካት ወይ ከኣ ምርኣይ" ማለት'ዩ (ማቴ15፡9 ማር7፡7 ግ.ሃ16፡14)።

3. **ላትሪዩ፡** **(latreuo)** እዚ ከኣ "ናይ ኣገልግሎት ምላሽ ምሃብ ወይ ምግልጋል" ይትርጎም። (ግ.ሃ13፡2 ፊሊ.3፡3 ግ.ሃ7፡41 24፡14 ያእ1፡26)።

ስለዚ እታ ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበረት ማሕበር ተምልኽ ነይራ ክብሃል እንከሎ ስለቲ እተገብረላ ናይ ፍቕሪ ተግባር ንኣምላኽ ብኣገልግሎታ ምላሽ ትህብ ነይራ ማለት እዩ። ኣምላኽ ንኣገልግሎት ከምዝፈጠረናን ከምዘድሓነናን ተረዲእና ንምፍጻሙ እንተግህ ሰባት ክንከውን ይደልየና። ንኣምላኽ ብብዙሕ መገዲ ኢና ነገልግሎ። ንገዛእ ርእስና ብምግልጋል፥ ነቶም ኣብ ወጻኢ ዘለው

ወንጌል ምድሓን ብምዝርጋሕን ነታ ኣካሉ ዝኾነት ማሕበር በቲ እተዋህበና ጸጋ፥ ራእይን ጸውዒትን ብምህናጽን።

እቲ ማሕበር ኣንጾኪያ ትገብሮ ዝነበረት ኣምልኾ ንመንፈስ ቅዱስ ኣብ ማእከላ ክንቀሳቐስ እሞ ንዕዮ ሰባት ክፈልይ ደገ ከፊቱሉ እዩ። ሎሚውን ኣምልኾና ንስራሕ ኣምላኽ ምቹእ ባይታ ከጣጥሕ እንተድኣ ኰይኑ ብምሉእ ምርዳእ እተሰነየ ክኸውን ኣለዎ። ብምሉእ ምርዳእ ይሰነ ማለት ትርጉሙ ብዝግባእ ብምፍላጥ፥ ረብሓታቱን ሕግታቱን ብምግንዛብን ኣምላኽ ዝሰምሮ ነየናይ ዓይነት ምዃኑ ብልክዕ ብምርዳእን ማለት እዩ። ከምኡውን ኣፋውን ምስሉይን ዘይኰነስ ብመንፈስን ሓቅን ዝቕለስ ክኸውን ኣለዎ። ናብ ዙፋን ኣምላኽን ሓሳቡን እተጸግዔ መታን ክኸውን ድማ ዕምቈት ዘለዎ ክኸውን የድሊ።

ሓይሊ ዘለዎ ኣምልኾ ንምምላኽ ኣገልግሎትካ ነቲ እተምልኾ ብምፍላጥ ዝበሰለ ይኹን። ናይ ገለ ክርስትያናት ኣምልኾ ለውጥን ናይ ኣምላኽ ምላሽን ከምጽእ ዘይከኣለሉ ምኽንያት ነቲ ዘምልኽዎ ኣምላኽ ብዝግባእ ስለዘይፈልጥዎ እዩ። ንኣምላኽ ምፍላጥ ብዛዕባ ኣምላኽ ገለ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮኻ ምሓዝ ዘይኰነስ ብተግባራዊ ህይወት ዝግለጽ ረዚን ነገር እዩ። ንኩሉ እቲ ኣምልኾ ዝጠልቦ ዘማልአ ኣገልግሎት ምስ ዝህልወና ኣምላኽ ክሰምሮ እዩ። ኣምልኾ ናቱ ዝኾነ ሕግን ጠለብን ኣለዎ። ንኣብነት ቅድስና፡ እምነት፡ ተወፋይነት፡ ቀጻልነት… ገለ ካብ ጠለባት ኣገልግሎት እዮም።

እዚ ስለዝኾነ ድማ እዩኣምልኾ ናይዛ ማሕበር ንመንፈስ ቅዱስ ንመለኰታዊ ስራሕ ኣብኣ ከተንስኦ ዝኸኣለ (ግ.ሃ13፥1-2)። ተንሲኡ ነቶም ንዕዮ ኣምላኽ ክፍለዩ ንዘለዎም ድማ ፈልይዎም እዩ። ኣምልኾ ግቡእ ስፍራኡ ኣብ ዝሓዘሉ ማሕበር ናይ መንፈስ ቅዱስ ምንቅስቓስን ትንቢታዊ ምግላጽን ብሓይሊ እዩ ዝግለጽ። ንስለ ምዝማር ዘይዝምሩ፥ ንስለ ምምሃር ዘይምህሩ ቅዱሳን ዝመልእዋ ማሕበር፥ ምስጢር ኣምላኽ እተረድኤት ብምዃና ብኣምላኽን ምስ ኣምላኽን እያ እትንቀሳቐስ። ህልውና ኣምላኽ ነንዕለት ስለዝገሃደላ ድማ ኵሉ ዝዓይነቱ ምድሓን ኣብኣ ይርከብ። ካብዚ እተላዕለ ድማ ንብዙሓት ቤት ጸሎት ትኸውን።

## <u>ጾም</u>

ጾም ከምቲ ብዙሓት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መምህራን ዝብልዎ "ኣብ እምነት ክርስትና ሓደ ካብቶም ኣዕኑድ ዝኾኑ ኣገደስቲ ነገራት እዩ"። ንጾም ከም ሓደ ሃይማኖታዊ ንጥፈት ጌርካ ክሕሰብ ኣይግባእን። ጾም ዝብል ቃል ኣብ እብራይስጥ "ጹም" ('tsum') ክብሎ እንከሎ *"መግቢ ናብ ኣፍካ ከይኣቱ ምዕቃብ፡ ምኽልካል"* ዝብል ትርጉም ድማ ኣለዎ። እቲ ናይ ግሪኽ ቃል ድማ "ነስቲው" ('nesteuo') ይብሎ። እቲ ነዚ ቃል እተዋህበ ትርጉም ድማ "ምሕራም መግቢ" ዝብል እዩ። እምበኣር ጾም ማለት ንመንፈሳዊ ዕላማ ኰነ ኢልካ ካብ ገለ እተወሰነ ወይ ድማ ካብ ኵሉ ዓይነት መግቢ ርእስኻ ገቲእካ ንእተወስነ ጊዜ ምጽናሕ እዩ።

## ሰለስተ ዓይነት ጾም

- **ብዘይ መግቢ ብማይ ጥራይ**

ጐይታ የሱስ ንኣርብዓ መዓልታት ከምዝጸመ እሞ ድሕሪኡ ከምዝጠመየ ቅዱስ ቃል ይነግረና (ማቴ4፡2)። እቲ ብዛዕባ የሱስ ምጥማይ ጥራይ እተጻሕፈ ጽሑፍ ድማ የሱስ ኣይጸምኤን ከብለና ከምዝኽእል ብዙሓት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መምህራን ይሰማምዑ። ኣነውን ከም መምህር መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ ይሰምሮ እየ። ብዘይ መግቢ እተወሰነ ማይ እናሰተኻ ብጾም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምቕራብ ይከኣል እዩ።

- **ካብ ገለ ሒደት ዓይነት መግብታት ምሕራም**

ነቲ ዳንኤል ዝጾሞ ጾም እንተድኣ ኣስተብሂልናሉ ነዚ ካልኣይ ዓይነት ጾም ንረኽቦ። ዳንኤል ካብ ገለ ሒደት ዓይነት መግብታት ብምሕራም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብጾምን ጸሎትን ጊዜ የሕልፍ ነይሩ። *"በቲ ጊዜ እቲ ኣነ ዳንኤል ሰለስተ ሰሙን ምሉእ ሐዚነ ነበርኩ። እተን ሰለስተ ሰሙን ክሳዕ ዚፍጸማ፡ ጥዑም መባልዕ ኣይበላዕኩን፡ ስጋን ወይንን ናብ ኣፈይ ኣየእቶኹን፡ ዘይቲውን ኣይተለኽኹን።"* (ዳን10፡2-3)።

- **ምሉእ ብምሉእ ካብ ዝኾነ መግብታትን ንጥፈታትን ምዕቃብ**

ምንም ዓይነት ዝብላዕ ይኹን ፈሳሲ ከይለኸፍካ ንእተወሰነ እዋን ምጽናሕ ሓደ ካብቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጾም ዘለው ዓይነት ጾም እዩ። እዚ ሳልሳይ ዓይነት ጾም ኣብ ከም በዓል ነነዌ እተራእየ ጾም እዩ። ኣምላኽ ንሰብ ነነዌ ከምዘጥፍኦም ብነብዩ ዮናስ ምስ ተዛረቦም፡ ንኹሉ ንጥፈታቶም ደው ብምባል ብዘይ መግብን ማይን ከምዝጸንሑ ንርኢ (ዮና3፡5-10)። እዚ ዓይነት ጾም ከም እኒ ኤልያስን ሙሴንውን ጾይሞሞ ኣለው (ዘዳ9፡9)። እዚ ንሰብ ሓዳር ካብ ጾታዊ ርክብ ምዕቃብውን ክጥቕልል ይኽእል (1ቆሮ7፥5)።

## መጽሓፍ ቅዱሳዊ ዕላማ ጾም

- ብሕቡእ ምስ ኣምላኽ ንምዝርራብ፤ ማቴ6፡18
- ገጽ ኣምላኽ ንምድላይ፤ እዝ8፡21-23 2ዜና20፡3 ዘሌ16፡29-31
- ንጸሎት ምቹእ ሃዋህው ንምፍጣር፤
- ሓቐኛ ንስሓን ምንቕቓሕን ኣብ ህዝቢ ኣምላኽ ክህሉ፤ ዩኤ1፡14 2፡12-15 ነህ9፡1-2
- ዘይፍትሑ ዝመስሉ ነገራት ምእንቲ ክፍትሑ፤ ኣስ4፡10-17 9፡31 ነህ1፡4 1ሳሙ1፡6-7
- እምነትና ንምሕያል፤ ማቴ17፡14-21
- ኣብ ስራሕ ኣጋንንቲ ዓቢ ዝኾነ ዓወት ከነምጽእ፤ ማቴ17፡14-21

- ✥ ንመንፈሳዊ ብርታዔ፤ መክ10፡17
- ✥ ስጋና ኣብ ትሕቲ መንፈስና ከግዛእ፤ 1ቆሮ9፡24-29
- ✥ ምንቅስቓስ መንፈስ ቅዱስ ክህሉ፤ ግ.ሃ13፡1-2 2ዜና20፡3,14
- ✥ ንምሕዳስን በረኸት ኣምላኽ ንምቕባልን መገዲ ከፋቲ ስለዝኾነ፤
- ✥ ርእሱ ዝኸኣለ ኣገልግሎት ስለዝኾነ፤ ሉቃ2፡37

## ሓይሊ ጾምን ጸሎትን ዘርእዩና መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነታት

እዞም ቀጺልና እንርእዮም ሓይሊ ጾም ንምግንዛብ ዝሕግዙ ገለ ሒደት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነታት እዮም።

### 1. ጽላት ምቕባል

ሙሴ ነቲ ዓሰርተ ሕጋጋት ዝሓዘ ጽላት ካብ ኣምላኽ እተቐበለ ብጾም እዩ (ዘዳ9፡18 ዘጸ34፡28)። እቲ ንወለዶታት ከም መመርሕን መዕቀኒ ብጽሕናን ኰይኑ ከገልግል እተደለየ ሕጊ ኣምላኽ፡ ነቲ ብጾምን ጸሎትን ገዛእ ርእሱ ንኣምላኽ ዝፈለየ ሙሴ እዩ ተዋሂቡ። ካብ ኣምላኽ እዋናዊ ሓሳባት ንምቕባል ጾምን ጸሎትን ናቱ ዓብዪ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ድማ ካብኡ ንመሃር። ህይወት ይኾን ኣገልግሎት ነንዕለት ካብ ኣምላኽ ቃል ምስ እትቕበል እዩ መቐረት ዘለዎ። ስለዝኾነ ድማ ከም ሙሴ ናብቲ ናይ ኣምላኽ ክብሪ ዘለዎ ከረን ብምድያብ ቃል ክንቅበል ብጾምን ጸሎትን ንትጋህ።

### 2. መንፈሳዊ ምግላጽ ምቕባል

ዳንኤል ነቲ ዝረኣዮ ራእይ ውሽጣዊ ትሕዝቶኡ ብዕምቆት ክርድኦ ከምዝጸመ ቅዱስ ቃል ይነግረና (ዳን10፡3)። ንሱ በቲ ዘለዎ ሰብኣዊ ኣእምሮ ነቲ ኣምላኻዊ ራእይ ክርድኦ ዓቕሚ ከምዘይብሉ ስለዝርዳእ እታ እንኮ ክገብራ ዝኽእል ነገር ንመለኰታዊ ጣልቃ ምእታው ኣምላኽ ብጾምን ጸሎትን እዩ ተጊሁ። ዝኾነ ኣማኒ መንፈሳዊ ምስጢራት ክኽፈተሉ ዝደሊ እንተድኣ ኰይኑ፡ ከም ዳንኤል ብጾም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዋጋ ምኽፋል ክመሃር ክኽእል ኣለዎ። ብጾም ገዛእ ርእስኻ ንኣምላኽ ምፍላይ፡ ነቲ ኣብ ውሽጥና ብገለ ሸነኹ ዝቀላቐል ወይ ገለ ብውሑድ ዓቀን ክርድኣና ጀሚሩ ንዘሎ መንፈሳዊ ምስጢር ዝያዳ ብዕምቆት ከነስተውዕሎ ዝሕግዝ ሓደ መሳልል እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ከነዘውትሮ ዘድልየና።

## 3. <u>ናብ ከረን ኣምላኽ ምድያብ</u>

ኤልያስ ነቲ መልኣኽ ኣምላኽ ዝቐረበሉ መኣዲ ድሕሪ ምምጋቡ ብሓይሊ እቲ ዝበልዖ ብልዒ ናብ ሆሬብ፡ ከረን ኣምላኽ ክሳዕ ዝበጽሕ 40 መዓልትን ለይትን ከምዝደየበ ተጻሒፉ ኣሎ (1ነገ19፡8)። ብሓይሊ እቲ ብልዒ እዩ ዝደየበ ማለት ካልእ መግቢ ኣይወሰደን ማለት እዩ። ስለዚ ብጾም እዩ ናብ ከረን ኣምላኽ ደይቡ ክንብል ንኽእል ኢና። ኤልያስ በቲ ዝመጾ ናይ ኢዛቤል ታህዲድ ብፍርሂ ስለእተመልኤ ካብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ክሕባእ እኳ እንተፈተነ፡ ብጾም ናብ ከረን ኣምላኽ ስለዝደየበ ተንሲኡ ከም ብሓድሽ ንክዓይ ሓይሊ ዝኾኖ ድምጺ ኣምላኽ ክሰምዕ በቒዑ'ዩ። ካብቲ ዘሎናዮ ወይ በጺሕናዮ ዘሎና ናብ ካልእ ዝበረኸ መንፈሳዊ ህይወት ምድያብ ዝከኣለና ብሓይሊ ጾምን ጸሎትን ተሓጊዝና እዩ። እቲ ናብ ከረን ምድያብ ዝብል ሓሳብ ንዝበረኸ ህይወት፡ ሓድሽ ልምምድ፡ ጸብለል ምባል ወይ ጽልዋ ዘለዎ ኣካይዳ ምምራሕ እዩ ዘመልክት። እዚ ነገር ኣብ ህይወትና ተግባራዊ ክኸውን ድማ ክንዮ ባህጊ ዝኸደ ብጾምን ጸሎትን ዋጋ ምኽፋል የድሊ።

## 4. <u>ኣገልግሎት መላእኽቲ ምርካብ</u>

የሱስ ኣብ ጊዜ ጾሙ መላእኽቲ ከምዘገልገልዎን ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ተመሊኡ ንሰይጣን ከምዝሰዓሮን ቅዱስ ቃል ይነግረና። *"ኣብቲ በረኻ ድማ፡ ሰይጣን እናፈተኖ፡ ኣርብዓ መዓልቲ ጸንሔ። ምስ ኣራዊት ከኣ ነበረ፡ መላእኽቲውን ኣገልገልዎ።"* (ማር1፡12 ሉቃ4፡1-2)። ኣገልግሎት መላእኽትን ዓወት ኣብ ልዕሊ ናይ ጸልማት ሓይልታትን ክትረክብ ብሓይሊ ጾምን ጸሎት ነንዕለት እትተግህ ሰብ ክትከውን ኣሎካ። እቶም ነዞም ዝደሓንና ቅዱሳን ከገልግሉ ብኣምላኽ እተመደቡ መላእኽቲ (እብ1፥14) ንሓለዋ፡ ካብ ኣምላኽ መልእኽቲ ንምምጻእ፡ ውግእና ንምውጋእን ንካልእን ከገልግሉና፡ ከምቲ ክርስቶስ ብጾም ዝተግሀ ዝነበረ ንሕናውን ኣሰሩ ክንስዕብ ኣሎና።

## 5. <u>ሓርነት</u>

ደቂ እስራኤል ካብቲ ብተደጋጋሚ ኣብ ኣርዑቱ ኣእትዩ ከሰቅዮም ዝወፍር ዝነበረ ጸላኢ ንምድሓን ብጾምን ጸሎትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብምቕራብ ሓርነት ይረኽቡ ከምዝነበሩ ተጻሒፉ ኣሎ። ነዚ ህያው ኣብነት ዝኾኑና ክልተ ፍጻሜታት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ነንብብ። ፍልስጤማውያን ንደቂ እስራኤል ክወግኡ ኢሎም ከም ዝነቐሉ እሞ ደቂ እስራኤል ኣዝዮም ስለዝፈርሁ ናብ ኣምላኽ ክማህለሉ ብጾምን ጸሎትን ኣብ ሚስጳ ቀሪቦም። ኣምላኽ ድማ ንነብዪ ሳሙኤል ምላሽ ብምሃብ ደቂ እስራኤል ንፍልስጤማውያን ብምውጋእ ከምዘዋረድዎም ንርኢ (1ሳሙ7፡6-14)። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚውን ደቂ ሞኣብ፡ ደቂ ኣሞንን ዓሞናውያንን ንህዝቢ ኣምላኽ ክዋግእዎ ምስ ወፈሩ ብመሪሕነት ንጉስ ዩሳፋጥ ብጾምን ጸሎትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ

ከምዝቐረቡ፡ ኣምላኽ ድማ ነቶም ናብ ይሁዳ ኢሎም ዝወፈሩ ደቂ ዓሞንን ሞኣብን ነቶም ናይ ከረን ሲዒርን ድቡቓት ስለዘምጻኣሎም ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ይሁዳ ክስዓሩ ከም እተገደዱ ንርኢ (2ዜና20፡3,22-23)። ሓርነት ንኣና ንክርስትያናት ብክርስቶስ ናይ ደም ዋጋ እተኸፍለሉ ስለዝኾነ መሰልና እዩ። ንሓርነትና ምስ ህይወትና ከነወሃህዶ እንተድኣ ኰይኑ ድማ ክንገብሮም ካብ ዝግብኡና ብዙሕ ነገራት ሓደ ሓይሊ ጾም ክንሙከር እዩ።

## 6. ህይወትናን ነገርናን ንኣምላኽ ምምዕቛብ

ጳውሎስ ነቶም ኣበየ ከተማታትን ዓድታትን ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ዝሾሞም ዝነበረ መራሕቲ ናብ ኣምላኽ ብጾም የማዕቁቦም ከምዝነበረ ንርኢ (ግ.ሃ14፡23)። ንሱ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኢድ ኣምላኽ ምእታው ብርእሱ ዓወት ምዃኑ ይርዳእ ስለዝነበረ ኣብቲ ኣምላኽ ዘቐመጦም ስፍራ እሙናትን ውፉያትን ኰይኖም ክርከቡ ብጾም ናብ ኣምላኽ የሕሊፉ ይህቦም ነይሩ። ካብዚ እተላዕለ ድማ'ዩ እተን ብሃዋርያዊ ተልእኾኡ ተመስሪተን ብጾምን ጸሎትን መራሕቲ እተሾሙለን ማሕበራት ጽኑዓትን ንዕዮ ወንጌል ውፉያትን ክኾና ዝኸኣላ። ሎሚውን ንሕና ንህይወትና ይኹን ዝኾነ ጉዳይና ናብቲ ጽኑዕ ዘይጠልም ኣምላኽ ከነማዕቁብ ብጾም እተሰነየ ጸሎት ኣብ ቅድሚኡ ምቕራብ የድልየና። ከም ዋና ወይ መራሒ ዘይብሉ ሰብ ብድድ ኢልና ኣይንውፈርን ዝኾነ ነገር ድማ ኣይንጀምርን። ቅድሚ ኵሉ ብጾምን ጸሎትን ገጽ ኣምላኽ ንድለን ኣብ ኣምላኽ ንማዕቆብን።

## 7. ሞገስ ምርካብ

ጾም ኣስቴር ምስ ኣግራዳን ደገፍታን ኣብ ቅድሚ ንጉስ ሞገስ ንምርካብ ዝዓለመ ከምዝነበረ እሞ ኣብ ህዝቢ ኣይሁድ ነጥበ መቐይሮ ዘምጽኤ ለውጢ ከምእተረኽበ ቅዱስ ቃል ይነግረና። (ኣስ4፡16)። እቶም ኣብ ምድሪ ስደት ዝነበሩ ህዝቢ ኣይሁድ ብጾምን ጸሎትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብምቕራቦም፡ እታ ንጥፍኣቶም ንዝወጸ ኣጀንዳ ከተለውጥ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ዝቐረበት ኣስቴር ሞገስ ረኺባ። ካብቲ ዝረኸበቶ ሞገስ እተላዕለ ድማ፡ እቲ ንጥፍኣቶም እተኣወጀ ኣዋጅ ናብቲ ሞቶም እተመነየ ጸላኢኦም (ሃማን) ከምዝቐንዐ ንርኢ። ስለዚ ብዛዕባ ኵሉ ነገራትና ወይ ድማ ኣብ ኵሉ ምዕራፍ ናይ ህይወትና ሞገስ ኣምላኽ ዘለዎ ህይወት ሒዝና ክንመላለስ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብጾም ምቕራብ ከምዘድሊ ክንርስዕ የብልናን።

## 8. ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ምምላስን ቍጥዓ ምርሓቕን

ሰብ ነነዌ፡ ካብቲ ዝጸንሖም ዘይቅዱስ ኣካይዳ እተላዕለ ቍጥዓ ኣምላኽ ናብ ልዕሊኦም ይመጽእ ከምዘሎ ብነብዩ ዮናስ ምስተነግሮም ገዛእ ርእሶምን ማሎምን ኣዋሪዶም፡ ካብ ንጉስ ክሳዕ ንኡስ ቆልዓ ብጾም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምስቀረቡ ኣምላኽ ገጹ ከምዝመለሰሎም እሞ ቍጥዓኡ ከምዝዛሓለ ተጻሒፉ ኣሎ (ዮና3፡6-10)። ሎሚውን ንሕና ኣይንብድልን ማለት ኣይኰነን።

ከምኡ እንተድኣ ኢልና እታ ሓቂ ኣባና የላን። ስለዚ ድማ እዩ ኣብ እንብድለሉ እዋን ልብና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብምስባር ብጾምን ጸሎትን ክንቀርብ ዝግባእ። ብርግጽ እቲ ይቕሬታ ኣብ ጾም ኣይኰነን ዘሎ፡ ይኹን ደኣ እምበር ብጾም ናብቲ ምሕረት ዝህብ ኣምላኽ ከምእንቐርብን ልብና ከምእነርእዮን ክንዝንግዕ የብልናን። ነቲ ኣብ ልዕሌና ይኹን ኣብ ልዕሊ ሃገርና ብሰሪ ሓጢኣት ዝመጽእ ቀኍጥዓ ኣምላኽ እነዝሕል ናይ ጸሎት ሰባት ክንከውን ኣሎና። እዚ እንተገበርና ንሕልናና ዕግበት፡ ንሰይጣን ውርደት፡ ንህዝብናን ሃገርናን በረኸት፡ ንኣምላኽ ድማ ንኽብሩ ዝኸውን ተግባር ክንሰርሕ ኢና።

## <u>ጾም ሃዋርያዊት ማሕበር ኣንጾኪያ</u>

- ብምሉእ ምርዳእ እተሰነየ እዩ
- ከም ቃል ኣምላኽ እዩ
- ብቅዱስ ናብራ ዝግለጽ እዩ
- መንፈስ ቅዱስ ብዝመርሖ ትንቢታዊ ጸሎት ዝበሰለ እዩ
- ብእምነት ዝቐለሰ እዩ
- ለውጢ ብምጽባይ ዝካየድ እዩ።

ጾም ናይታ ማሕበር በዞም ኣብ ላዕሊ ክንርእዮም ዝጸናሕና እተሰነየ ብምንባሩ፥ ሰማያት ኣብ ልዕሊኣ ብከፉቱ ክነብር ደገ ተራሕዩሉ ብምንባሩ ነቶም ክትንስኡ ዘለዎም ክትንስኡ ትንቢታዊ ኣዋጅ ኣዊጁሎም እዩ። ኣንጾኪያ ከም ኩለን ናይ ሓድሽ ኪዳን ሃዋርያውያን ማሕበራት ንሰማያት ዘነቃንቕ ጸሎት እያ እትጽሊ። ንኣብነት፥ እታ ኣብ የሩሳሌም ዝነበረት ማሕበር፥ ጴጥሮስ ኣብ እተኣስረሉ እዋን ዝጸለየቶ ዘየባትኽ ጸሎት ሰማያት ኣነቓኒቑ ቃል ኣምላኽ ንምፍጻም ንሰራዊት ኣምላኽ (መላእኽቲ) ፈቲሕዎም እዩ (ግ.ሃ12)። ኣብ ግ.ሃ4፡30-31 ምስ እንዕዘብ እውን ምፍርራህ ብዙሕ ሓይልታት ኣብ ልዕሊ እታ ሃዋርያዊት ማሕበር ምስ በዝሐ እቲ ብሃዋርያት እተጸለየ ጸሎት ንሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊኦም ብምልቃቕ ከምዝተብዑን ብሓይሊ ከምዝወጹን እዩ ገይሩ። እቲ ኣብታ ማሕበር ኣንጾኪያ ዝነበረ ኣምልኾን ጾም'ውን እንተኾነ ንሰማያዊ ሓሳብ ኣብ ምድሪ ዘግህደ፡ ንሰማያት ንመልሲ ዝኸፈተ፡ ንመንፈስ ቅዱስ ንስራሕ ደገ ዘጣጥሐ እዩ ነይሩ።

እዛ ናይ መወዳእታ ዘመን ማሕበር'ውን ካብቶም ቀዳሞት እተመሃረ ህይወት ክህልዋ የድሊ። ሓለፉ ዝኾነ ነገር ንምስጢር ኣምልኾ እተረድኦን ንኣምላኽ ከምልኽ ገዛእ ርእሱ ዘልመደን ወለዶ ንምፍራይ ዋጋ ክትከፍል ኣለዋ። ኣብዚ ኣርእስቲ ዓሚቕን ደራኽን ዝኾነ ምህሮ ክትምህርን ኵሎም ኣብ ትሕቲኣ ዝግልገሉ መጓሰ ኣምላኽ ንኣምላኽ ብጾም ክደልይዎ ከተበራትዕን ክትክእል ኣለዋ። እዚ ክትገብር ዝኸኣለት ማሕበር ጽልዋኣ ብምሕያል ኣብነታዊት ዘይትኾነሉ ምንም ምኽንያት ኣይህሉን።

# <u>ምዕራፍ ዓሰርተ</u>

## <u>ንክርስቶስ ዝስዕብ /ዝመስል/ ህይወት</u>

እታ ኣብ ኣንጾክያ ዝነበረት ማሕበር ንክርስቶስ **ብባህርይ፡ ኣተሓሳስባ፡ ኣዘራርባን ቅዱ ኣገልግሎትን** ብዝመስሉ ኣመንቲ ዝቘመት ስለዝነበረት ኣባላታ በቶም ኣብ ወጻኢ ዘለው ኣህዛብ "**ክርስትያን**" ዝብል ስም ከምእተዋህቦም ቃል ኣምላኽ ይነግረና *"..እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኸኣ ቅድም ኣብ ኣንጾክያ ክርስትያን ተሰምዩ።"* (ግ.ሃ11፡26)። ክርስትያን ማለት ሰዓቢ ክርስቶስ፡ ንክርስቶስ ዝመስል ማለት እዩ። እዚ ስም እተዋህቦም ድማ ኩሉ እቲ ኣብ ክርስቶስ እተራእየ ኣብኦም ይንጸባረቕ ስለዝነበረ እዩ።

እቲ ኣብ ኣንጾክያ ዝነበረ ወለዶ ንክርስቶስ ብፍጹም ልቡ፡ ነፍሱን ሓሳቡን ይስዕብ ስለዝነበረ ከምኡውን ንክርስቶስ ንምምሳል ገዛእ ርእሱ የልምድ ብምንባሩ ብቐሊሉ ምስሊ ክርስቶስ የንጸባርቕ ነይሩ። እዚ ድማ እዩ በቶም ዘይኣመንቲ ብቐሊሉ ተነቢቡ ክርስትያን ዝብል ስም ክወሃቦም ዝደረኸ። ክርስትና ሃይማኖት ዘይኰነስ ክርስቶስ ገዛእ ርእሱ ዘንጸባርቐሉ ህይወት እዩ። ክርስትና፣ የሱስ ርእሱ ዝገልጸሉ መድረኽ ከም ምዃኑ መጠን ድማ ዝኾነ ኣማኒ ናብዚ ደረጃ ህይወት ኣትዩ ንክርስቶስ ከንጸባርቕ ትጽቢት ይግበረሉ።

ዝበዝሐ ኣማኒ ኣምላኽ ምስሊ ወዱ ብእኡ ከንጸባርቅ ከምዝደሊ ካብ ዘይምፍላጡ እተላዕለ ንክርስቶስ ዝመስል ህይወት ሒዙ ክመላለስ ኣይንርእዮን ኢና። ናይ መብዛሕትና ሽግር ድማ ንክርስቶስ ዘይምምሳልና ንሓድሕድና ግና ምምስሳልና እዩ። ብሉጻት እዮም ኢልና እንሓስቦም ኣገልገልቲ ክህልው ይኽእሉ እዩ። ንኣታቶም ብገለ ሸነኽ ናይ ህይወቶም ክንመስሎም ድማ ግቡእናን ሓላፍነትናን ምዃኑ ርዱእ እዩ። ይኹን ደኣ እምበር ብቀዳምነት ክንመስሎ እተጸዋዕናዮ ንክርስቶስ ምዃኑ ክንስሕት የብልናን። እቲ ኣብቶም ብሉጻት ዝበልናዮም ቅዱሳን ዘሎ ብሉጽነትውን ምንጩ ክርስቶስ ብምዃኑ ንእኡ ኣብ እንመስለሉ እዋን ክንረኽቦ ንኽእል ኢና። ነዚ ተረዲእና እምበኣር ኣብቲ ዝተረፈና ጊዜ ንክርስቶስ ንምምሳል ንትጋህ። ነንዕለት ህይወትና ንመን ከምዝመስል ብምፍታሽ ነቲ ክንመስሎ ብኣምላኽ እተመደበልና ምስሊ የሱስ ንምሓዝ ገዛእ ርእስና ነልምድ።

ካብ ቃል ጐይታ ዝመሃር ህይወት ብምውናን ሓሳብና ሓሳብ ክርስቶስ ክኸውን ንትጋህ። ከናፍርና ነቲ ናይ የሱስ ዘበለ ጥራይ ክዛረብ ነልምዶ። ንየሱስ ኣብ ርእስና ብምሽም ንኩሉ እቲ ኣብ ምድሪ ዝገበሮ ንምግባርን ኣሰሩ ንምርጋጽን ንጋደል። ከምኡውን ቅዱ ኣገልግሎትና ከም ናይ ክርስቶስ ክኸውን ዋጋ ንኽፈል። ከም ደቂ ኣምላኽ እቲ ኣብ መወዳእታ ክንበጽሖ እንደሊ ንክርስቶስ ምምሳል ይኹን። ከምቲ ቅዱስ ቃል *"ተመሃሪ ሸም መምህሩ፡ ጊልያውን ከም ጐይታኡ እንተ ኾነ፡ ይኣኽሎ።"* ዝብል ንክርስቶስ ምምሳል ናይ መወዳእታን ዝዓበየን ሸቶ ናይ

ህይወትና ጌርና ንመላለስ። (ማቴ10፥25)። ኣምላኽ ብመልክዑ ከም ምስሉ ፈጢሩ፥ ንምድሪ ምልእዋ ዝበለ (ዘፍ1፥26-28) ምድሪ ብምስሉ ክትምላእ ስለዝደለየ እዩ። ሎሚ እዚ ሓሳብ ኣምላኽ ከምቲ ዝግባእ ተፈጺሙ ዶ ኣሎ፧ ምስ እንብል ካልኦት ምስልታት ንምድሪ ስለዝመልእዋ ኣይተፈጸመን ክትብል የደፍር። ስለዚ ድማ እዩ እቶም ቅድሚ ምስራት ዓለም ንክርስቶስ ክንመስል እተመደብና ቅዱሳን ንእኡ ብምምሳል ምስሊ ኣምላኽ ኣብ ገጽ ምድሪ ከነብዝሕ ዘሎና። *"ንቶም ቀደም ዝፈለጦም ንሱ ንብዙሓት ኣሕዋትሲ በዅሮም ምእንቲ ኪኸውን ንምስሊ ወዱ ኪመስሉ ቐደም መደቦም።* (ሮሜ8፥29)።

ኣብ ክርስትና ንክርስቶስ ምምሳል ንዅሉ ኣማኒ እተዋህበ ትእዛዝ ደኣ እምበር ሒደት ሰባት ዝኣትውዎ ፍሉይ ነገር ኣይኰነን። ነዝን ነትን ምኽን እንተሰኣንና ንጐይታ ክንመስል ከምእንኽእልን ከምዝግብኣናን ግና ክርድኣና ኣለዎ። ምስሊ ክርስቶስ ኣብ ገጽ ምድሪ ተንጸባሪቑ ክሳዕ ዘይርኤና ድማ ከነዕርፍ የብልናን። ንክርስቶስ ምምሳል ሓደ ዕላማ ናይ እተፈጠርናሉ ክሳዕ ዝኾነ ብትግሃት ክንፍጽሞ እዩ ዘሎና። እቶም ህዝብና ንክርስቶስ ከይርኢ ዓትዒቶም ዝሓዝዎ ምስልታት ከሃሱ እታ ንምስሉ ክተድምቕ ተልእኾ እተዋህባ ማሕበር ክትትንስእ እዩ ዘለዋ። እታ ማሕበር ድማ ኣነን ንስኻ/ኺን ኢና።

ንክርስቶስ ምምሳል እቲ ቀንዲ ኣስተምህሮ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። እቶም *"ንኣምላኽ ናይ ምምሳል ልምምድ"* ዝብል መጽሓፍ ዘበርከቱ ጆሪ ብራጅስ ኣብ መጽሓፎም ብዛዕባ ንክርስቶስ ምምሳል ከምዚ ኢሎም ኣለው፦ *"ብርግጽ ንኣምላኽ ምምሳል ዝብል ቃል ኣብ ሓድሽ ኪዳን ኣብ ሒደት ቦታ ጥራይ እዩ ተጠቒሱ እንረኽቦ። ይኹን ደኣ እምበር ብዘሎ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ መጀመርታ ክሳዕ መወዳእታ ብዛዕባ ንኣምላኽ ምምሳል እዩ ዝዛረብ።"* መጽሓፍ ቅዱስ ብምልኡ ዘሕልፈልና መልእኽቲ ብዛዕባ ንክርስቶስ ብሓሳብ፥ ብባህርይን ቅዱ ኣነባብራን ምምሳል እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ኣውራ መልእኽቲ መጽሓፍ ቅዱስ ንክርስቶስ ምምሳል እዩ ኢልና እንኣምን።

እቲ ብሉጽን ኣብነታውን ሃዋርያ ዝኾነ ጳውሎስ ናብ ምምሳል የሱስ ይግስግስ ስለዝነበረ እዩ ካልኦት ንእኡ መታን ክመስሉ *"ከምዚ ኣነ ንክርስቶስ ዝመስሎ ዘሎኹ ንስኻትኩም ንኣይ ምሰሉ።"* ዝበለ (1ቈሮ11፥1)። ሎሚውን ንሕና ንብዙሓት ኣርኣያ ንምኳን ርእስና ንክርስቶስ ምምሳል ከነልምድ ሓላፍነትና ነልዕል። እቲ ጳውሎስ ኣብዚ ቦታ ጠቂስዎ ዘሎ ምምሳል ዝብል ቃል ኣብ ግሪኽ "ሚመተስ" ("mimetes") ይብሎ። ትርጉሙ ድማ "ብጥብቂ ምስዓብ፥ ምልጋብ፥ ምቕዳሕ፥ ኣብነት ናቱ ምኽታል፥ ከም ሞዴል ምቑጻር" ዝብል እዩ። ነዚ ቃል ብመጽሓፍ ቅድሳዊ ትርጉሙ ምስ እንርእዮ ድማ እዞም ዝስዕቡ ትርጉማት ከምዘለዎ ንርዳእ።

- ❈ ብመሰረት ኤፌ4፥24 ንክርስቶስ ምምሳል ጽድቅን ቅድስናን እዩ
- ❈ ንሓሳቡን ምኽሩን ዘግህድ ህይወት ምውናን
- ❈ ብመሰረት 1ዮሃ2፥6 ከምቲ ንሱ እተመላለሶ ምምልላስ

- ኣምላኻዊ ባህርይ ምምዕባል
- ፍረ መንፈስ ምፍራይ
- ዝእዘዝ ህይወት ሒዝካ ምምልላስ

ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ከመይ ኢሉ እዩ እተመላለሰ? ንሱ ብለውሃት፥ ብፍቕሪ፥ ብምእዛዝ፥ ንካልኦት ብምንባር፥ ብትሕትናን ርእሰኻ ምስዋእን፥ ይቕረ ብምባል፥ ብሓይልን ስልጣንን፥ ብንጽህናን ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ኣእምሮ ብምሓዝን እዩ ተመላሊሱ። ስለዚ ንሕናውን ከምቲ ንሱ እተመላለሶ እንተድኣ ተመላሊስና ንክርስቶስ ንመስሎ ማለት እዩ። ኵሉ ኣካይዳና ብክርስቶሳዊ ህይወት ክቃነ ክንጋደል ክንክእል ኣሎና።

ኣንጾክያን ኩለን ንእኣ ከም ኣርኣያ ዝወስዳ ማሕበራትን ዝዓበየ ጽምኣተንን ብዙሕ ዋጋ ዝኸፍላሉ ነገር እንተድኣ ሃልዩ፥ ንክርስቶስ ብኹሉ ምምሳል እዩ። ብፍላይ ከኣ ኣብዚ ክርስትና ከም መጋበርያ ናይ ግዳም ፖለቲካውያን ሓይልታት ዝሕሰበሉ እዋን፥ ክርስትና ቀጥታዊ ርክቡ ምስ ክርስቶስ ምዃኑ ብተግባር ዘረድእ ወለዶ ክትንስእ እዋኑ ዝጠልቦ እዩ። ብሃይማኖት ዝሽቅጡ ብዙሓት ናይ ፖለቲካ ሓይልታት ከምዘለው ዝፍለጥ እኳ እንተኾነ፣ ክርስትና ግና ካብኡ እተፈለየ እዩ። **ዕላማ ክርስትና ምድራዊ ንግስነት ምትካል ወይ ምውራድ ዘይኮነስ ኣብ ምድሪ ናብራ ሰማይ ብምንባር ክርስቶስ ዝነግሰሉ ባይታ ምጥጣሕ እዩ።** ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ድማ ኣብ ኣእምሮ ብዙሓት ንዝዓረደ ጌጋ ምርዳእ ሰይሩ ዝሓልፍ ቅዱ ኣነባብራ ዘለዎ ወለዶ ክትንስእ ክኽእል ኣለዎ።

ነቶም ኣብ ወጻኢ ዘለው ናብ ደምበ ኣምላኽ እንስሕብ ምልክታት ኢና እሞ ንኹሉ እቲ ዝበርሃልና መንፈሳዊ ሓቂ ኣብ ግብሪ ብምትርጓም ክንመላለስ ኣሎና። እቲ ኣብ ማሕበር ክርስቶስ ዝጠፍአ ምስሊ የሱስ ናብ ንቡር ምስ ዝምለስ እቲ እተማረኸ ክብሪ ቤተክርስትያን ክምለስ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ሓለፋ ዝኾነ ነገር ምስሊ ክርስቶስ ናብ ንቡር ዝመልስ ኣካይዳ ክንሃንጽ ዘሎና። እዚ እቲ ኣብ ምድሪ እንነብረሉ ቀዳማይ ዕላማ ብምዃኑ ንምፍጻሙ ይጽንሓለይ ዘይብሃሎ ጉዳይ እዩ።

## ንክርስቶስ ንምምሳል ክግበር ዘለዎ

### 1. ርእሰኻ ምልማድ

*"ግናኸ ንነገር ቅለትን ንዕላል ኣንስትን ካባኻ ኣርሕቆ። ንርእሰኻ ግና ኣምልኾ ኣልምዳ።"* (1ጢሞ4፥7-8)። እዚ ኣብዛ ጥቕሲ ተገሊጹ ዘሎ "ኣምልኾ" ዝብል ቃል ኣብ ግሪኽ "ዩሴቢያ" ("eusebeia")ነቲ ኣብ ጉባኤ ተኣኻኺብና እንገብሮ ናይ መዝሙርን ካልእን ንጥፈታት ዘይኮነስ ንኣምላኻውነት ወይ ድማ ንምምሳል ኣምላኽ፥ ንሓቐኛ መንፈሳዊ

ህይወትን ውክልናን እዩ ዝውክል። እቲ “ምልማድ” ዝብል ቃል ድማ ኣብ ግሪኽ “ጅምናዞ” ይብሎ፥ ትርጉሙ ድማ *“ንሓደ ነገር ክትገብሮ ደጋጊምካ ምጽዓርን ምፍታን፥ ስልጠና”* ዝብል እዩ። ስለዚ ንርእስኻ ኣምልኾ ኣልምዳ ማለት ንኣምላኽ ምሰል፥ ከም ወኪል ናቱ ህይወቱ ዘንጸባርቕ ኣካይዳ ይሃሉኻ፥ ነቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ሓቐኛ ህይወት ድማ ንበሮ ማለት እዩ።

ከምቲ ኣብዛ ጥቕሲ ተጻሒፉ ዘሎ ነፍስና ኣምላኻውነት ከነላምድ ሓላፍነት ክንስከም ዘሎና ንሕና ከምዝኾንና ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ካብ ነገር ቅለትን ዕላል ኣንስትን ክንሃድም ይግባእ። ካልእ ሰብ ኣብ ክንዳና ኰይኑ ንክርስቶስ ክንመስል ኣይገብረናን። ብዙሕ ጊዜ ከቕደሱ ብኣገልገልቲ ኢድ ክንበረሎም ዝደልዩ ኣመንቲ የጋጥሙኒ እዮም። ንምቕዳስ ግና ርእስና ከነልምድ ጥራይ እዩ ዘሎና። ንኵሉ እቲ ንእኡ ንምምሳል እንጥለቦ ነገር ኣማሊእና ክንርከብ ክንጋደል ኣሎና። ንክርስቶስ ምምሳል ናይ ሓደ መዓልቲ ክስተት ዘይኰነስ ናይ ምሉእ ዕድመ መስርሕ ስለዝኾነ ኣብ ኵሉ ህይወትና ርእስና እናልመድና ንመላለስ።

## 2. <u>ብቕሉዕ ገጽ ምምልላስ</u>

*“ንሕና ኹላትና ግና* ***ብቕሉዕ ገጽ*** *ነቲ ኽብሪ ጐይታ ኸም ብመስትያት ጌርና እናጠመትናዮ፡ ከም ካብ መንፈስ ጐይታ ኻብ ክብሪ ናብ ክብሪ ናብቲ ምስሊ ኣርኣያኡ ንልወጥ።”* (2ቈሮ3፥18)። ከምቲ ኣብዛ ጥቕሲ ተገሊጹ እንርእዮ ዘሎና ናብ ምስሊ ኣርኣያ ክርስቶስ ክንልወጥ ብቅሉዕ ገጽ ክንመላለስ ኣሎና። ብቅሉዕ ገጽ ክበሃል እንከሎ ብክፉት ልቢ፥ ቅንዕናን ካብ ሓጢኣት ምንጻህን እዩ። ልብና ነቲ በብእዋኑ ዝመጸና ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ክፉት ክኸውን ኣለዎ። እዚ እንተገብርና እቲ ካብ ላዕሊ ዝመጸ ቃል ናይ ላዕሊ ክንሓስብ ናብራና ናብራ ላዕሊ ክኸውንን ይቐርጽ እዩ። ከምኡውን ገዛእ ርእስና ኣብ ሓጢኣት ከይንኣቱ እናተጠንቀቕና ምናልባት እንተኣቶና ድማ ብንስሓ ቅልጥፍ ኢልና ብምምላስ ክንመላለስ ኣሎና። ሓለፉ ዝኾነ ድማ ንቅንዕና ከም ቅናት ክንቅነታ ይግባእ። ካባና ድቡቕን ጠዋይን ህይወት ብምርሓቕ ብቕንዕና ክንመላለስ ምስ እንጅምር ናብ ምስሊ ኣርኣያ ክርስቶስ ክንልወጥ ኢና።

## 3. <u>ንክብሪ ጐይታ ብመስትያት ምርኣይ</u>

*“ንሕና ኹላትና ግና ብቕሉዕ ገጽ* ***ነቲ ኽብሪ ጐይታ ኸም ብመስትያት ጌርና እናጠመትናዮ፡*** *ከም ካብ መንፈስ ጐይታ ኻብ ክብሪ ናብ ክብሪ ናብቲ ምስሊ ኣርኣያኡ ንልወጥ።”* (2ቈሮ3፥18)። ነቲ ክንርእዮ ዝድለ ዘሎ ክብሪ ክርስቶስ ብመስትያት ኢና እንርእዮ። እዚ ኣብዚ ቦታ መስትያት ተባሂሉ ተገሊጹ ዘሎ እቲ ብምግላጽ መንፈስ ቅዱስ ዝርከብ ቃል ኣምላኽ እዩ። ቃል ኣምላኽ ምስ ዝግለጸልና ንክርስቶስ የሱስ ኣብኡ ክንርእዮ ኢና። እቲ ዝርኤናዮ ጐይታ ድማ ኣባና ክንጸባረቕ ናይ ግድን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ሓይሊ ምግላጽ

ቃል ኣምላኽ ተረዲእና ካብ ቃሉ ዝመሃር ልቢ ክንሕዝን ነቲ ልክዕ መንነትን ክብርን ኣምላኽ ክንፈልጦን ዘድልየና። እዚ እንተገበርና ነቲ እንናፍቖ ምስሊ ክርስቶስ ኣብ ህይወትና ክነንጸባርቖ ኢና።

4. <u>ብመንፈስ ምምልላስ</u>
*"ንሕና ኹላትና ግና ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ኽብሪ ጐይታ ኸም ብመስትያት ጌርና እናጠመትናዮ፡* ***ከም ካብ መንፈስ ጐይታ*** *ኻብ ክብሪ ናብ ክብሪ ናብቲ ምስሊ ኣርኣያኡ ንልወጥ።"* (2ቈሮ3፥18)። መንፈስ ቅዱስ ንክርስቶስ የሱስ ኣባና ክቐርጾን ዝግብኦ ስፍራ ከትሕዞን ኣብ ውሽጥና ይነብር ኣሎ። እቲ ካብታ ዝደሓንናላ እዋን ጀሚሩ ኣባና ዝሓደረ ብሩኽ መንፈስ ነቶም ፍቓዶም ዘግዝኡሉ ናብ ምምሳል ወዲ ኣምላኽ የብጽሖም እዩ። ንክርስቶስ ንምምሳል ኣብ እነካይዶ መንፈሳዊ ገድሊ እቲ ዝለዓለ ቦታ ክሕዝ ዘለዎ መንፈስ ቅዱስን ምስኡ ዝህልወና ሕብረትን እዩ። ብዘይ መንፈስ ቅዱስ ክርስትና ተራ ሃይማኖት እዩ ዝኸውነና። ብመንፈስ ቅዱስ ምስ እንነብሮ ግና ምስሊ ወዲ ኣምላኽ ዝንጸባረቖ ህይወት እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ንክርስቶስ ንምምሳል ምስ መንፈስ ቅዱስ ምዕያይ ዘድልየና።

5. <u>ካብ ፍትወት ስጋ ምርሓቕ</u>

*"ብእኡ ኢታ ኽብርትን ዓባይን ተስፋ ዝረኸብና፡ ኣብ ዓለም ብፍትወት ስጋ ኻብ ዘሎ ጥፍኣት ወጺእኩም፡ ተማቕልቲ እቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ምእንቲ ኽትኰኑ፡ ብትግሃት ዘበለ ተጋደሉ"* (2ጴጥ1፥4-5)። ሃዋርያ ጴጥሮስ ተማቕልቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ብምዃን ንክርስቶስ ክንመስሎ ካብቲ ንዓለም ኣበላሽይዋ ዘሎ ፍትወት ስጋ ሓራ ክንወጽእ ከምዘድልየና ይዛረብ። ሓደ ኣማኒ ንስጋን ብእኡ ዝመጽእ ጥፍኣትን እምቢ ምባል ከይተማህረ ኣምላኻዊ ባህርይ ክምቀል ኣይክእልን እዩ። ንመብዛሕትና ናብ ምምሳል ኣምላኽ ከይንሰግር ዝዓገተና ኣብ ልዕሊ ስጋና ዘሎና ልኡም ኣተሓሕዛ እዩ። ስጋና ድሌታቱ ክፍጽም ናጻ ሓዲግና ንክርስቶስ ክንመስል ብጸሎትን ካልእን እንተጸዓርና ድኻምና ፍረ ኣይርከቦን። ስለዚ ድማ እዩ ካብ ፍትወት ስጋ ሓራ ምውጻእ ዘድልየና።

6. <u>ብሓይሊ ኣምላኽ ምምላእ</u>
ሰብ ብናይ ገዛእ ርእሱ ሓይልን ክእለትን መንፈሳዊ ነገር ክገብር ዓቕሚ የብሉን። ሰብ ብሓይሉ ከምዘይብርትዕ ተጻሒፉ እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ሰማያዊ ህይወት ንምንባር ሰማያዊ ሓይሊ ብግዲ ዘድልየና። ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ፊሊጲ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቲ እዚ ናይ ውርደት ስጋና ንኽቡር ስጋ ክርስቶስ ክመስል ዝኽእል በቲ ናይ ኣምላኽ ኩሉ ዝኽእል ሓይሊ ምዃኑ ይዛረብ። *"ንሱ በቲ ንኹሉ ኺመልከሉ ዚከኣሎ ሓይሊ ነቲ ኽቡር ስጋኡ ምእንቲ ኺመስል፡ ነዚ ናይ ውርደት ስጋና ኺልውጦ እዩ።"* (ፊሊ.3፥21)። ብርግጽ

እቲ ኰሉ ዝኽእል ናይ ኣምላኽ ሓይሊ ከጽልለና እንከሎ ጥራይ ኢና ነቲ ዘይከኣል እንኽእልን ንምምሳል ክርስቶስ ምሉእ ብቕዓት እንውንን። ከንዲ ዝኾነ ድማ ቅድምን ሓለፋ ዝኾነን ሓይሊ ኣምላኽ ክንምላእ ክንደልን ክንጋደልን ኣሎና። ኣብ ገዛእ ክእለትና ዘይኮነስ ኣብ ሓይሊ ኣምላኽ ክንእመን ይግባእ። ንኩሉ እቲ ሓይሊ ክንምልኣሉ እንኽእል መገድታት ድማ ክንምዝምዞ ኣሎና።

## ምዕራፍ ዓሰርተው ሓደ

## ድምጺ መንፈስ ቅዱስ ዝሰምዓላ

እታ ናይ ኣንጾኪያ ማሕበር መንፈስ ቅዱስ ዝግብኦ ስፍራ ሒዙ ንህዝቡ ዝመርሓላ ማሕበር ከምዝነበረት ነቲ ብዛዕባኣ እተጻሕፈ ጽሑፍ ብምንባብ ክንርዳእ ንኽእል። ነቲ ዳሕራይ ጳውሎስ እተሰመየ ሳውልን ባርናባስን ንዕዮ ሃዋርያነት ክፍለዩ ዝገበረ ናብታ ማሕበር ዝመጸ ወይ ድማ እታ ማሕበር ዝሰምዓቶ ድምጺ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝነበረ (ግ.ሃ13፥1-2)። ህይወት ክርስትና ብዘይ መንፈስ ቅዱስ ህይወት ኣይኰነን። ነዚ እተረድኤት ማሕበር ኣንጾክያ ድማ ነቲ ክርስትያናዊ ህይወት ብመንፈስ ቅዱስ ንምምራሕ ንምስማዕ ደሃዩ ኣዝያ ቅልጥፍቲ እያ ዝነበረት።

መንፈስ ቅዱስ ደሃዩ ዘየስምዓላ ማሕበር ኣሎኹ እንተበለት፡ ታሪኽ ዝሰነደት ቤተ መዘክር ካብ ምዃን ሓሊፉ ኣብዚ ህልው ዘመን እጃማ ከተበርክት ዘይትኽእል ምውትቲ እያ ክንዮ ምባል ብኻልእ ክትገልጻ ዝከኣል ኣይኰነን። ኣምላኽ ብማሕበሩ ነዛ ዓለም እዚኣ ክብጀዋ ይደልይ እዩ። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ከኣ ከም ዓብዪ መራሕን ኣጽዋርን ዝሃባ ነገር እንተድኣ ሃሊዩ ድምጹ እዩ።

እታ ደሃዩ ዘይስምዓላ ማሕበር ነቲ ዘላቶ መዋእል ክትብጀዎ ከምዘይትኽእል ዝርዳእ ኣምላኽ ኲሉሳዕ ናብ ደሃዩ ከነቕልብ እዩ ዝጽውዓና። ናይ ኣንጾክያ ማሕበር ድማ ነዚ ጻውዒት ግቡእ ምላሽ ክትህብ ዝኽኣለት ብልጽትን ኣብነታዊትን ማሕበር እያ። ብዙሓት ማሕበራት ካብ ናይ ኣካል ኣካይዳ ናብ ናይ ትካል ኣካይዳ እተለወጣሉ ቀንዲ ምኽንያት ንድሃይ ኣምላኽ ጸማም እዝኒ ብምሃበን እዩ። ንደሃይ ኣምላኽ ጸማም እዝኒ ሂብካ ነቲ ኣምላኽ ካባኻ ዝደልዮ ህይወት ክትነብሮ ስለዘይከኣል ምስዛ ንጥፍኣት እተፈርደት ዓለም ክትጻናበር ኢኻ እትግደድ።

ንደሃይ ኣምላኽ እትሰምዕ ማሕበር ንሓሳብ ኣምላኽ ቀረባ ዝኾነ ህይወት ትመርሕ። ዓወት ድማ ንሓሳብ ኣምላኽ ቀረባ ብምዃን ምንባር እዩ። ነታ ናይ ኣንጾክያ ማሕበር ድማ ዕውት ናብራ ክትመርሕ ዝሓገዛ እቲ ንድሃይ መንፈስ ቅዱስ ናይ ምስማዕ፡ ምቕባልን ምትግባርን ልምዳ እዩ። ንሳ ንኹሉ እቲ መንፈስ ኣምላኽ ደሃዩ ዘስምዓሉ መገድታት ብምስትውዓል ተጠቂማትሉ እያ።

ካብ ደሃይ ኣምላኽ ዝረሓቓ ማሕበራት ሎሚ ዓብዪ ናይ መኣከቢ ህንጻ ሃኒጸን እኳ እንተለዋ ነቲ መራሒኤን ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ግና ካብ ማእከለን ኣውጺኤናኦ ኣለዋ። ማሕበር ኣንጾክያ ግና ንድሃይ ኣምላኽ ንዘለዋ ጽምኣትን ክብርን ብግብሪ ዘንጸባረቐት ብልጽቲ ማሕበር እያ ነይራ።

ንሕናውን ሎሚ ንድሃይ ኣምላኽ ቀረባ ብምዃን ነቲ ኣምላኽ ካባና ዝደልዮ ህይወት ከነንጸባርቖ ትጽቢት ይግበረልና።

## *መንፈስ ቅዱስ ንማሕበሩ ደሃዩ ዘስምዓሉ መገድታት*

### 1. *በቶም ሓሙሽተ ናይ መሪሕነት ኣገልግሎታት*

ኣምላኽ ንማሕበሩ ካብ ዝሀባ ዝዓበየ ሃብቲ እቶም ሓሙሽተ ናይ መሪሕነት ህያባት ምስቶም ቀዳሞት እዮም ዝስርዑ። ኣምላኽ ኣብ ቤቱ ነቲ ግሩም ደሃዩ ከስምዕ ንሃዋርያት፥ ነብያት፥ ወንጌላውያን፥ ጓሶትን መምህራንን ሰሪዑ እዩ። ቤተክርስትያን ነዚ ተረዲኣ ተጠቀምቲ እዞም ናይ መሪሕነት ህያባት ምስ እትኸውን ብምኽሪ ኣምላኽ ብልጽግቲ እያ እትኸውን።

### 2. *ናይ ቃል ኣገልገልቲ*

እቲ ካልኣይ ኣምላኽ ድምጹ ዘስምዓሉ መገዲ ድማ ብናይ ቃል ኣገልገልቲ እዩ። እዞም ንቃል ኣምላኽ ዘገልገሉ ናይ ግድን ኣብ ውሽጢ እቶም ሓሙሽተ ናይ መሪሕነት ህያባት ዝኣተው እዮም ማለት ኣይኮነን። ኣብኡ ዘለው ክህልው ይኽእሉ እዮም ካብኡ ወጻኢ ድማ ሰበኽትን ናይ ምምሃር ጸጋ ዘለዎምን ክኾኑ ይኽእሉ። መንፈስ ቅዱስ ነቶም ናይ ቃል ኣገልገልቲ ተጠቒሙ ሓሳቡ ይገልጽ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ቤተክርስትያን ነቶም ናይ ቃል ኣገልገልቲ ዝግባእ ቦታ ክትህቦምን ክትጥቀመሎምን ዘለዋ።

### 3. *ዘመርቲ*

ብመዝሙሮም ደሃይ ኣምላኽ ዘምጽኡ ዘመርቲ ኣለው። ኵሉ ዝዝምር ካብ ኣምላኽ ተቐቢሉ እዩ ዝዝምር ኢልና ክንድምም ዘይከኣል እኳ እንተኾነ፥ ነንዝሰምዕዎ ሓሳብ ኣምላኽ ዜማ ብምስራሕ ናብ ቅዱሳን ዘቕርቡ ዘመርቲ ከምዘለው ድማ ንፈልጥ ኢና። ንዝረኣይዎ ዘመን እርኢ ኣሎኹ ኢሎም ዝዘመሩ እሞ ኣብ ልቢ ኩላትና ተስፋ ኣምላኽ ክሕደስ ንዝገበሩ ብሩኻት ዘመርቲ ዮናታንን ሶስናን ድማ ከም ኣብነት ክንወስድ ንኽእል ኢና። ብእኦም ደሃይ ኣምላኽ ዘይሰምዔ፥ ዘይተጸናንዐን ሓይሉ ዘይተሓደሰን ኣማኒ የልቦን። ስለዝኾነ ድማ እዩ ንኣገልግሎት ዘመርቲ ኣብ ማሕበራትና ብዝግባእ ክንምዝምዞ ዘሎና። ዘመርቲ መጽንሒ ወይ መሳገሪ ናብ ናይ ቃል ኣገልግሎት ዘይኮኑስ ብገዛእ ርእሶም

ሰበኽቲ፥ *መምህራንን* ተነበይትን ስለዝኾኑ ኣሰማምዓ *መዝሙ*ርና ክንቅይሮ ይግባእ። ነቲ ብዘመርቲ ዝንገር ሓሳብ ኣምላኽ ድማ ከነቕልበሉ ሓላፍነትና እዩ።

## 4. <u>ብዝግለጹ ጸጋ ህያባት</u>

እቲ ካልእ ኣምላኽ ንማሕበሩ ድምጹ ዘሰምዓሉ መገዲ ድማ ምግላጽ ጸጋ ህያባት እዩ። ምግላጽ ጸጋ ህያባት ክንብል እንከሎና ትንቢት፥ ሕልሚ፥ ራእይ፥ ቃል ፍልጠት... ማለትና እዩ። ቤተክርስትያን ድምጺ ኣምላኽ ንምስማዕ ናይ ግድን ኣይኰነን ሃዋርያትን ነብያትን ጥራይ ከድልይዋ። ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ንእተቐበሎ ጸጋ ህያብ ክገልጾ እንከሎ ኣምላኽ ኣብ ማሕበሩ የድሂ እዩ። ቅዱስ ቃል *"ኣሕዋተየ፡ እንታይ ደኣ እዩ? ክትእከቡ ኸሎኹም፡ ነፍሲ ወከፍኩም መዝሙር ኣለዎ፡ ምህሮ ኣለዎ፡ ራእይ ኣለዎ፡ ቛንቛ ኣለዎ፡ ትርጉም ኣለዎ...።"* ስለዝብል ጽኑዕን ስሩዕን ምትእኽኻብ ዘምጽኦ ምግላጽ ጸጋ ህያባት ኣሎ እዩ (1ቈሮ14፥26)።

ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮምን ካልኦት ኣምላኽ ዚዛረበሎም መገድታትን ኣብ ረብሓና ብምውዓል ንምስማዕ ድምጺ ኣምላኽ ትጉሃት ክንከውን ኣሎና። እዚ ክንገብር እንተድኣ ክኢልና መጻኢና ዘተኣማምን ክኸውን እዩ። እታ ናይ ኣንጾኪያ ማሕበር፥ ነቲ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዝብሎ ንምስማዕ፥ ናይ ውሽጢ እዝኒ ማለት ንቕሑ መንፈስን እተኸፍተ ልብን ዘጥረየት ማሕበር ስለዝነበረት እያ ተዓዊታ እሞ ኣሰራ ንስዓብ።

# ምዕራፍ ዓሰርተው ክልተ

## ጸጋ ኣመንቲ ዘለሊ ትንቢታዊ ጠመተ

ማሕበር ኣንጾኪያ ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ንእተነብረ ጸጋ ህያባት ብትንቢታዊ ምልላይ ኣለልያ ኣብ ስራሕ ክውዕል ደገ እትኸፍት ማሕበር እያ ነይራ። ነዚ ከኣ ኣብቲ ንሳውልን ባርናባስን ክፈልይዎም ዝመጸ ትንቢታዊ ቃል ነጺሩ ኢና እንረኽቦ (ግ.ሃ13፡2)። ጸጋ ኣመንቲ ኣብ ባይታ ክግለጽ ትንቢታዊ ምልላይ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። እተኸፍተ መንፈሳዊ ኣእዛንን ኣዒንትን ዘለዎም ቅዱሳን ዝርከብዋ ማሕበር ብትንቢታዊ ጠመተ ንኩሉ ነገራት እተለሊ ብምኺና ሓሳብ ኣምላኽ ኣብ ምፍጻም ኣዝያ ሓያልን ንቕሕትን እያ።

ብዙሓት ማሕበራት ሰኣን እቲ ኣብ ኣንጾኪያ ዝዓየየ ትንቢታዊ ምልላይ ብዘይምጥቃመን ሒደት ኣገልገልቲ ብዙሓት ተገልገልቲ ዘለወን ልሙሳት ማሕበራት ክኾና ተገዲደን እየን። ትንቢታዊ ምልላይ ኣብ ዘለዎ ግና እቲ ኣብ ሰባት ዘሎ ጸጋ ጋህዲ ይወጽእ። እታ ማሕበርውን ተጠቃሚት እቲ ጸጋ ትኸውን።

## ቤተክርስትያን ውህበት ቅዱሳን ንምልላይ ክትገብሮ ዘለዋ

- **ትንቢታዊ ምልላይ**

ሓንቲ ቤተክርስትያን ብትንቢታዊ ምልላይ እተቓነየ ኣካይዳ ክትሃንጽ እንተድኣ ዘይክኢላ ነቲ ኣብ ማእከላ ዘሎ ውህበት ጸጋ ከተለልዮ ኣይትኽእልን እያ። ትንቢታዊ ምልላይ ማለት ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ንእተሰወሩ ነገራት ክትርኢ ምኽኣል እዩ። ኣምላኽ ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ዘቐመጦ መለኮታዊ ዓቕሚ ኣሎ። ነዚ ድማ ብመንፈሳዊ የዒንቲ ደኣ እምበር ብስጋዊ ኣእምሮ ክንርድኦ ስለዘይንኽእል ኣምላኽ ብምስትውዓል ክባርኸና ምጽላይ የድሊ። ከምኡውን በቶም ንዕዮ ዝተንስኡ ቅቡኣታ ተሓጊዛ ነቲ ኣብ ቅዱሳን ዘሎ ጸጋ ህያባት ከተለሊ የድልያ።

- **ኣፍልጦ ህዝቢ ኣምላኽ ምዕባይ**

ብዛዕባ ጸጋ ህያባት ዕሙቕ ዝበለ ምህሮ ምዝርጋሕ፥ መጓሰ ኣምላኽ ብርእሱ ነቲ ዘለዎ ጸጋ ንክለሊ ይሕግዞ እዩ። ኣነ ነዚ ብግብሪ ስሪሐሉን ተዓዊተሉን እየ። ኣምላኽ ንዝሃበኒ ምህሮ ንብርክት ዝበለ እዋናት ምስ ዘርጋሕኩዎ ዝበዝሑ ካብቶም ዘገልገልክዎም ቅዱሳን ብቐሊሉ ነቲ ዘለዎም ውህበት ጸጋ ከለልይዎ ተዓዚበ ኣሎኹ። ፍልጠት ሓቂ ነቲ ኣብ ውሽጥና

እተቖመጠ መለኮታዊ ጸጋ ከነለልዮ ዓቕሚ እዩ ዝኾነና። ስለዚ እቶም ናይ ቃል ኣገልገልቲ ደበናን ንፋስን ከይርኤና ነቲ ዘሎና ፍልጠት ንዝርኣዮ። ብጊዜኡ ንምስትውዓል ክበቁል ስለዝኾነ ድማ ብጸሎትና ነስትዮ።

- **<u>ፍሉይ ቅዱ ኣምልኾ ምኪታል</u>**

ብሓያል ኣምልኾ መንፈስ ቅዱስ ክንቀሳቐስ (ዝዓየሉ ባይታ ክርሓወሉ) እንከሎ ብቐሊሉ ናብ ምስትውዓልን ምግላጽን ይእቶ እዩ። ኣምልኾ ሰማያት ናይ ምኽፋት ብቕዓት ስለዘለዎ ረብሓኡ ዓብዩ እዩ። ኣብ ትሕቲ እተኸፍተ ሰማይ ዝነብር ህዝቢ ድማ ምስትውዓል ክህልዎ ናይ ግድን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ቤተክርስትያን ፍሉይ ቅዲ ኣምልኾ ከተተኣታቱ ዘለዋ። ዕምቈት ዘለዎ ኣምልኾ ክህሉ እትጽዕር ማሕበር ጸጋ ህያባቶም ዘለልዩ ቅዱሳን ብብዝሒ እዮም ዝርከብዋ።

- **<u>ሓያል ተዋጋኢ ምኧን</u>**

እንሓንሳእ ዘይምስትውዓልና ምንጨ ስለዘይተመሃርና ወይ ድማ ካልእ ዘይኮነስ መንግስቲ ጸልማት እዩ። ሰይጣን ዝዘርኦ ዘርእን ዝሃንጾ ጽኑዕ ዕርድን ቅዱሳን ጸጋኦም ከየለልዮ ይዓግት እዩ። ነዚ መጻወድያ ጸልማት ሰይሩ ዝሓልፍ ናይ ውግእ ህይወት ምህናጽ ድማ ናይ ነፍስ ወከፍ ማሕበር ሓላፍነት እዩ። ነቲ እተማረኽና ክንምንዝዕ፥ ንእተሃንጻና ዕርዲ ድማ ከነፍርስ ክርስትያናዊ ግቡእና እዩ። ልኡማት ኲይንና እናተመላለስና ምስትውዓልን ምግላጽ ጸጋ ህያባትን ክህሉ ክንጽበ የብልናን። ኣብ ልዕሊ እቲ ከይነስተውዕል ዝተንስኣና ክፉእ መንፈስ ክንትንስእ ክንክእል ኣሎና።

- **<u>ነቶም እተገልጹ ህያባት ምትብባዕን ዝዓዩሉ ስፍራ ምሃብን</u>**

ቤተክርስትያን ነቶም እተገልጹ ጸጋ ህያባት ዝዓዩሉ ስፍራ ብምሃብ ምስ እተበራትዕ፥ እቲ ዘይተገልጸ ህያባት ክግልጽ ደገ እያ እትኸፍተሉ። እቶም ኣቐዲሞም ዝተንስኡ ሰባት ግቡእ ስፍራን ዝግብኦም ክብርን ምስ ዝወሃቦም እቲ ካልእ መጓሰ ድማ ነቲ ዘለዎ ጸጋ ናይ ምልላይን ኣብ ባይታ ናይ ምግሃድን ብርቱዕ ባህጊ ስለዝሓድሮ ዓወት ዝሕፈሶ መንፈሳዊ ገድሊ እዩ ዝጅምር። ካብዚ እተላዕለ ድማ እዩ ቤተክርስትያን ኣብ ልዕሊ እቶም ዝግለጹ ጸጋ ህያባት ዝህልዋ ኣተሓሕዛ ኣዝዩ ጥንቓቐ እተመልኤ ክኸውን ዘለዎ።

- ## <u>ብቑዕ መሪሕነት</u>

  ናይ ቤተክርስትያን ምሕደራ ነቲ ኣብ ቅዱሳን ዘሎ ጸጋ ኣብ ምልላይን ምግላጽን ዘለዎ ተራ ዓብዪ እዩ። ብመንፈስ ቅዱስ ዝቕለስ ምሕደራ ዘለዋ ማሕበር፥ ነቲ ኣብ ደቃ ዘሎ ህያባት ከተለልዮን ንምህናጻ ኣብ ባይታ ከተግህዶን ትኽእል እያ። እቲ ምሕደራ ብዕላማ እናተዘወረ ንብዙሓት ንምስታፍ ዝጽዕር ምስ ዝኸውን ሰባት ነቲ ዘለዎም ጸጋ ህያባት ንምልላይ ይተባብዑ እዮም። ስለዚ ድማ እዩ ምሕደራ ቤተክርስትያን ዓንቃጺ ክኸውን ዘይብሉ።

- ## <u>መንፈሳዊ ኣቦነት</u>

  ጐይታ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ዘለዎ ሓሳባት ንመንፈሳውያን ኣቦታት ይገልጽ እዩ። ኣብ ልዕሊ ጢሞቴዎስ ንዘሎ ጸጋ ጳውሎስ ይፈልጥ ነይሩ። ኤልያስ ናይ ኤልሳእ፥ ሙሴ ናይ እያሱ፥ ዳዊት ድማ ናይ ሰሎሙን ናይ ህይወት ኣጀንዳኦም ካብ ኣምላኽ እንታይ ምኳኑ ስለዝረኸብዎ ናብኡ ክበጽሑ ደጊፎሞም እዮም። ስለዚ ኣብ ቤተክርስትያን ኣብ መንጐ ኣገልገልትን መጓሰን ናይ ኣቦን ውሉድን ኣካይዳ ክህነጽ ይግባእ። ኩሉ ዘገልግል ኣገልጋሊ መንፈሳዊ ኣቦ ናይ ምኳን ብቕዓት ኣለዎ ኢለ ኣይሓስብን። ኣምላኽ ኣብ ቤቱ በዚ መንፈሳዊ ሓላፍነትን ብቕዓትን ዘተንስኦም ሰባት ኣለው። ነዚኣቶም ናይ ምልላይን ኣብ ትሕቲኦም ኰይንካ ናብ እተዳለወልካ በረኸቲ ምድያብን ድማ ናይቲ መጓሰ ሓላፍነት እዩ። ኣቦታት እናሰሰኑ ብዝኸድዎ መጠን መጓሰ ኣምላኽ ነቲ ብኣምላኽ እተመደበሉ ናይ ህይወት ኣጀንዳን ጸጋ ህያባቱን ኣለልዩ ኣብ ምህናጽ ኣካል ክርስቶስ እጃሙ ክገብር ይትንስእ እዩ። እዚ ከኣ ንጡፋት ኣካላት እምበር ውንዙፋት ኣባላት ከይነፍሪ ክሕግዘና እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ንትንሳኤ ኣቦታት ብኹሉ መዳይ ምዕያይ ዘድልየና ዘሎ።

እዞም ዝርኤናዮምን ካልኦት ኣገደስቲ ነገራትን ብምጥቃም ነቲ ኣብ ቅዱሳን ዘሎ መለኮታዊ ጸጋ ንምልላይን ንምግላጽን ምትጋህ የድሊ። እዋኑ እዋን ምግላጽ ጸጋ ህያባት እዩ እሞ፥ ንጓየ።

# ምዕራፍ ዓሰርተው ሰለስተ

# ናይ ሓድሽ ነገር ጅማሬ ምኳን

ከም ዝፍለጥ ክርስትና ኣብ ማሕበር ኣንጾኪያ ኣይጀመረን። ማሕበር ክርስቶስ ኣቐዲሙ ኣብ ዝነበረ መንፈሳዊ ምንቅስቓስ ብሞትን ትንሳኤን የሱስ ምስ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ እያ ናብ ህላዌ መጺኣ። ይኹን ደኣ እምበር ክሳዕ ምዕራፍ ፲፩ ናይ ግብረ ሃዋርያት “ክርስትያን” ብዝብል ስም እተሰመየ ውልቀ ሰብ ይኹን ማሕበር ኣይንርእን። እቲ ኣብ ኣንጾኪያ ብሓይሊ ዝጠጥዔ ንክርስቶስ ዝመስል ህይወት ግና፥ ኣመንቲ እዚ ሓድሽ ስም ክህልዎም ገይሩ። እዚ ከኣ እታ ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበረት ማሕበር ናይ ሓድሽ ነገር ጅማሬ ምኳና ዓብዪ ዝኾነ ምልክት እዩ።

ነዚ “ክርስትያን” ዝብል ሓድሽ ስም ነቲ ኣማኒ ወለዶ ዘውሃበ ቅዲ ኣካይዳ፥ ህይወት እታ ማሕበር እዩ ወሊድዎ። ናይ ኣንጾኪያ ማሕበር ከም ኩለን ናይ ተሓድሶ ሃዋርያውያን ማሕበራት ኣቐዲሙ ኣብተን ካልኦት ማሕበራት ዘይነበረ ግናኸ ኣብ ልቢ ኣምላኽ ንእተሓስበ ምርዳእ፡ ቅዲ ኣካይዳን ስትራቴጂን ዘምጽኤትን ናይ ሓድሽ ነገር ጅማሬ ዝርኣየላ ማሕበርን እያ ነይራ። እዛ ማሕበር ኣቐዲሙ ንዝነበረ ናይ ምድጋም ጥራይ ኣካይዳ ዘይትኸይድ ገዛእ ርእሳ ንሓድሽ ልምምድ እተልምድ ካብ ኣምላኽ ብእትቕበሎ ሓደሽቲ ነገራት እትመላለስን ማሕበር እያ ነይራ።

መብዛሕትኤን ማሕበራት በቲ ዘለወን ምልምማድ ስለዝዓግባ ንሓድሽ ልምምድ ገዛእ ርእሰን ኣየዳልዋን እየን። ካብዚ እተላዕለ ድማ ሓድሽ ነገር ኣብ ዝጅመረሉ እዋን ምስቲ ነገር ኣይሓብራን ጥራይ ዘይኮነስ ነቶም በቲ ሓድሽ ነገር ዝንቀሳቀሳ ማሕበራትን ውልቀ ሰባትን ኣብ ምቅዋም ኣተኲረን ይሰርሓ። ክንዮ እቲ ዘለዋኦ ምርዳእ ዝዓሞቐ ምርዳእ፡ ክንዮ እቲ ዘለወን ቅዲ ኣካይዳ ዝኸደ ካልእ ቅዲ ኣካይዳ ኣሎ ኢለን ስለዘይኣምና እቲ ነገር እቲ ክመጽእ እንከሎ ክሰምራኦ ኣዝዩ ነዊሕ እዋን እዩ ዝወስደለን። እዚ ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ እዩ ኣብተን ኣብ ሃገርና ዘለዋ ማሕበራት እንትርፎ ሃይማኖታዊ ንጥፈት ናይ ኣምላኽ ምንቅስቓስ ከይንርኢ ዓንቂጹ ዝሓዘና።

እታ ኣብዚ ዘመን ክትትንስእ ብኣምላኽ እትድለ ዘላ ሃዋርያዊት ማሕበር ግና፣ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ እሞ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝጠፍኤ ነገር ኣብ ምምላስ ዝተሓጽረት ጥራይ ዘይኮነስ ሓድሽ ነገር እተምጽእ ማሕበር ኰይና ክትመላለስ እዩ ባህጊ ኣምላኽ። ሓድሽ ነገር ክበሃል እንከሎ ኣብ ክልተ መቒልና ክንምልከቶ ንኽእል ኢና። እቲ ቀዳማይ ምሉእ ብምሉእ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝነበረ ወለዶ ዘይተገልጸ እዩ። ኣምላኽ ኣብ ዘመንና ክገብሮ ዝደልዮ ነገር ኣለዎ። እቲ ንሱ ክገብሮ ዝደልዮ ነገር ቅድሚኡና ብዝነበረ ወለዶ ድማ ፈጺሙ ዘይተገብረ ክኸውን ይኽእል እዩ። ነዚ ናብ ህልውና ምምጻእ እዩ ድማ ሓድሽ ነገር። እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ ካልእ ከባቢታት ዝሰርሕ ክነሱ

ኣብቲ ከባቢ ግና ዛጊት ክሰርሕ ዘይጸንሐ ነገር እዩ። ነቲ ኣብ ካልእ ከባቢ (ማሕበር፥ ከተማ፥ ሃገር...) ዝዓዩ ነገር ኣብ ከባቢኣ ጀማሪት ንምኳን ርእሳ ዘልመደት ማሕበር ምኳን የድሊ።

ሓድሽ ነገር ምጅማር ናይቶም ቀዳሞት ሃዋርያውያን ወለዶ ቅዲ ኣነባብራ እዩ ነይሩ። ብርግጽ ሎሚውን ሃዋርያዊ ወለዶ ኣብቲ ዘለዋ ከባቢ ናይ ሓድሽ ነገር ጀማሪ እዩ። ሃዋርያዊ ወለዶ ቅድሚ ሕጂ ዘይተዳህሰሱ ሓቅታት ንምድህሳስ ከምኡውን ቅድሚ ሕጂ ዘይተበጽሑ ቦታታት ንምብጻሕ ዝግስግስ ወለዶ እዩ። ከምኡውን ሓድሽ ነገር ንምቕባልን ንምግባርን ፈጺሙ ድሕር ዘይብል ብምኳኑ ብሉጽነት ኣለዎ።

ሓድሽ ነገር ከም ኩሉ መንፈሳዊ ነገር ብኣምላኽ ደኣ እምበር ብክእለት ሰብ ዝዝወር ኣይኰነን። ብተወሳኺ ሓድሽ ነገር ምጅማር ሰማያትካ ብትንቢታዊ ምልላይ ብምንባብ፡ ብእምነት ተቐቢልካ ተግባራዊ እትገብሮ ደኣ እምበር ንስኻ ባዕልኻ እትሰርሖ ተራ ነገር ኣይኰነን። ስለዝኾነ ድማ እዩ እታ ኣብ ኣንጾክያ ዝነበረት ማሕበር ኣብ መንፈስ ቅዱስ እትውከልን ብእኡ እትምእከልን ዝነበረት። ሎሚውን እዛ ናይ 21 ክፍለ ዘመን ቤተክርስትያን ሓድሽ ነገር ንምጅማር ዘይትፈርህ ክትከውንን ነቲ ኣብ ምድሪ ከመጽእ ዝነበሮ እሞ ዛጊት ዘይመጸ ነገር ብምልላይ ንምምጽኡ ክትጋደልን የድልያ ኣሎ።

## ናይ ሓድሽ ነገር ጀመርቲ ንምኳን ክግበር ዘለዎ

### 1. ለውጥን ሓድሽ ነገርን ኣይትፍራህ

ናይ ሓድሽ ነገር ጀማሪ ንምኳኑ በመሰረቱ ለውጥን ሓድሽ ነገራትን ካብ ምፍራህ ሓራ ክትወጽእ ኣሎካ። ዝኾነ ሰብ በቲ ነታ ዝነብረላ ምድሪ ዝዓብለለ ነገር ይጽሎ እዩ። ምድርና ድማ ሓድሽ ነገር ብምፍራህ እተዓብለለት እያ። ጽገናዊ ይኹን መሰረታዊ ለውጢ ኣብዛ ሃገር ብጣዕሚ እዩ ዝፍራህ። ኣብ ክንዲ ምልዋጥ ነቲ ዘሎ ኣጽኒዕካ ምሓዝ ዝነገሰላ ምድሪ እያ ዘላትና። ስለዝኾነ ድማ እዩ ብዙሓት ኣገልገልቲ ንለውጢ ከም ኣሳሕይታ ቁሪ ዝፈርህዎ። ንስኻ ግና ንለውጥን ሓድሽ ነገርን ርእስኻ ኣልምድ ደኣ እምበር ኣይትፍራህ።

### 2. ንህልው ምንቅስቓስ ጽልኣዮ

ተሓድሶን ናይ ለውጢ ምንቅስቓሳትን ካብ ንህልው ምንቅስቓስ ዝጸልእ ልቢ እዩ ዝውለድ። ስለዝኾነ ድማ እዩ እቲ ለውጢ ናይ ምጅማር ጥሙሕ ዘለዎ ኣገልጋሊ ነዚ ልሙስ ዝኾነ ህልው ኣካይዳ መንፈሳውነት እዛ ሃገር ክፍንፍኖ ዘድልዮ። ምኽሪ ኣምላኽ ንሱ ስለዘይኮነ ንገዛእ ርእስኻ ካብ ጽልዋ እዚ ልሙስ መንፈሳውነት ኣድሕን። ዝሓይሽ

ኣማዕዱ ደኣ እምበር ብዝጸንሓካ ባህላውን ሰብኣውን ስርዓት ሕጊግ ኣይትበል። ምስ ሃይማኖታዊ ኣካይዳ ክትብኣስ ምስ እትጅምር ኢኻ ምስ መንፈሳውነት ሓቀኛ ዝምድና እትጅምር እሞ ነቲ ንብዙሓት ዘልመሰ ህልው ኣካይዳ ፈንፍኖ።

## 3. ብዝወሃበካ ሰማያዊ ራእይ እመን

ኣምላኽ፥ ናብ ልቢ ኣገልገልቱ ዝሰዶ ናይ ለውጥን ተሓድሶን ራእይ ኣሎ። እንሓንሳእ እቲ ዝመጽእ ራእይ ብህልው ኩነታት እንክምዘን ዘይከውን ክመስለና ባህርያዊ እዩ። ይኹን ደኣ እምበር እቲ ራእይ ዝህብ ኣምላኽ ንምፍጻሙ ዝተግህ ምኽኑ ክንርዳእ ኣሎና። ኣምላኽ ሓሳቡ ዝገልጸልካ ዘለኣለማውያን ቀላጽሙ ተኣማሚኑ እዩ። ሎሚ በይንኻ ክትህሉ ትኽእል ኢኻ ጽባሕ ግና በቲ ራእይ እተፍርዮም ክስስኑ፥ ለውጥኻ ምስ ረኣዩ ድማ ንምድጋፍካ የማናይ ኢዶም ክህቡኻ ዝመጹ ክበዝሑ እዮም። ስለዚ ኣምላኽ ነቲ ዝህበካ ራእይ ዝኸውን ምስንዳእ (provision) ክምዘለዎ ተረዲእካ ብእተዋህበካ ናይ ለውጥን ተሓድሶን ራእይ ንፍጻሜኡ እመን።

## 4. ሰማያት ዘንብብ ህይወት ይሃሉካ

ነቲ በብእዋኑ ኣብ ሰማይትካ ዝመጽእ ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ንምንባብ ንቑሕ መንፈስን ክፉት ልብን ሒዝካ ተመላለስ። ኣምላኽ ንነፍስ ወከፍ ጊዜ ናቱ ዝኾነ መደብ ገይርሉ እዩ። ንሱ ነዛ እትነብረላ ዕለትን ዓመትን ዝኸውን ሓሳብ ክምዘለዎ ፈሊጥካ ብናይ ትማሊ ህይወት ኣይትደረት። ንሎሚ ዝኸውን ምኽሪ ኣምላኽ እንታይ ከምዝኾነ ንምፍላጥ ኣብ ሰማያትካ ንዝዝምቢ ነገር ንምፍላጡ ትጉህ ኩን።

## 5. ኣብ ዙርያኻ ንዘለው ኣይትፍራህ

ንለውጢ ኣብ እትብገሰሉ እዋን ብዙሓት ለውጢ ዘፍርሆምን ንማሕበር ከም ርስቶም ዝርእይዋ ሰባትን ንምቅዋይካን ምቅንጻብካን ይትንስኡ እዮም። ናቶም ትንሳኤ ግና ካብቲ ዝሓሰብካዮ ከጐናድበካ ኣይተፍቅድ። እቶም ሎሚ ዝቃወሙኻ ምስ ጊዜ ስጉምትታካ ቅኑዕ ከምዝኾነ ክርድእዎ ስለዝኮኑ ካብ ፍርሃቶም ኣይትፍራህ። ኣምላኽ ግበሮ ንዝበለካ ምግባር ንስልጣናት ምጥሓስ ስለዘይኮነ ተቢዕካ ግበሮ። ከምኡ ገይሩ ክረድኣካ ዝፍትን እንትድኣ ሃልዩ ብመንፈስ ሃይማኖት ዝሰኸረ እዩ እሞ ሕለፎ። ሓንትስ መንፈስ ቅዱስ ኣይንቀፍካ እምበር በቶም ትንሳኤ ሰባት ዘርዕዶም ምርኢያት ኣይትፍራህ። እቲ ናይ ለውጢ ኣምባሳደር ዝነበረ ነህምያ ካብቶም ዓበይቲ ኢና በሃልቲ ንዝገጠሞ ፈተና ብትብዓትን ብዕዮን እዩ መኪትዎ። ብዙሓት ናይ ተሓድሶ መራሕቲ ዝኾኑ ሃዋርያትን ነብያትን እዚ

ኢልካ ክትገልጾ ዘይትኽእል ተጻብዖ ገጢምዎም እኳ እንተኾነ ምስ ጊዜ ግና ስርሖም ቅኑዕነቱ ተረጋጊጹ እዩ። ንስኻ'ውን ንኩሉ ሰብ ኣኽብር ንማንም ግና ኣይትፍራህ። ንኩሉ ተቃውሞታት ድማ ብስራሕን ትብዓትን መክቶ።

## 6. ኣምላኽ ንዝበለካ ንምስዓብ ጨክን

ለውጢ ንምምጻእ ኣምላኽ ሓሳብ ወይ ራእይ እንተድኣ ሂቡካ ልብኻ ክተጨክኖ ኣሎካ። ብዝመጾም ተነጽሎ፥ ውድቀት፥ ተቓውሞ... ንዝሓዝዎ ራእይ ጠንጢኖም ንድሕሪት ዝምለሱ ኣገልገልቲ እቶም ንልቦም ዘየጨከኑ እዮም። ተንሲእካ ኣብ እትዓየሉ እዋን ብዙሕ ነገራት ክገጥመካ ምዃኑ ርዱእ እዩ። ንዝገጥመካ ነገር መኪትካ ናብ ፍጽሜ ክትሰግር ድማ ዘይተመቕለ ልቢ ምውናን የድልየካ። ንስራሕካ ብምንእኣስ ወይ ድማ ንገለ ኣብ ህይወትካ እተንጸባረቐ ድኻም ብምግናን ካብ ውድቀትካ ክትትንስእ ከምዘይትኽእል ጌሮም ንዝትንስኡኻ ሰባት ግቡእ ምላሽ ክትህቦም እትኽእል ልብኻ ዘይምቑል ምስ ዝኸውን ጥራይ እዩ። ስለዚ ንለውጢ ክትሰርሕ ምስ እትብገስ ንድሕሪት ዘይጥምት ቀባጽ ልቢ ምሓዝካ ኣረጋግጽ።

## 7. ምስቶም ዘምለጡ ልገብ

ነቲ ኣምላኽ ዝረኣየልካ ብምጭባጥ ነቲ ዘሎኻዮ ወለዶ ሓደሽቲ ነገራት ከተበርክት ካብቶም ኣመለኻኽታኦም ጠዋይ ዝኾኑ ሰባት ክትርሕቕ ክትክእል ኣሎካ። ህልው ነገራትን ሃይማኖታዊ ሰንሰለትን ዘይኣሰሮም ብመጻወድያ እዛ ዓለም ዘይተፈንጠሩ ብዙሓት ቅቡኣት ከምዘለው ተረዲእካ ንምርካቦምን ምስኦም ጊዜ ንምሕላፍን ዋጋ ክፈል። ርክብካ ብፍላይ ከኣ ዕርክነትካን ናይ ኣገልግሎት ሽርክነትካን (partnership) ምስቶም ብኹሉ ምርዳእ ዘምለጡ ሰባት ጥራይ ክትገብሮ ክትክእል ኣሎካ።

## 8. ምስ ማዕበል መንፈስ ቅዱስ ክትጓዓዝ ርእስኻ ኣልምድ

ናይ ሓድሽ ነገር ምንጪ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ምድሪ ጥራያን ምድረ በዳን ኣብ ዝነበረትሉ እዋን ንምሕዳሳ ዝሰርሐ መንፈስ ቅዱስ እዩ (መዝ104፥30 ዘፍ1፥2)። እቲ ትማል ንምሕዳስ ገጽ ምድሪ ዝሰርሐ ቅዱስ መንፈስ ሎሚውን ንለውጥን ተሓድሶን ህያው እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ምስኡ ምልጋብን ምዕያይን ዘድልየካ። ብዘይ መንፈስ ቅዱስ ስድሪ እኳ ክትከይድ ከምዘይትኽእል ፈሊጥካ ብዘሎ ሓይልኻ ኣብኡ ተወከል። ንሱ ነቲ ክትፈልጦ ዘሎካ ከፍልጠካን ናብኡ ከብጽሓካን እዩ። ወንጌላዊ ገብሩ ወልዱ ሓደ እዋን *"ኣብቲ ማዕበል መንፈስ ቅዱስ ተቐሚጠ ኣሎኹ፥ ናብቲ ንሱ ዝወሰደኒ ድማ ክኸይድ እየ"* ኢሉ ከም

እተዛረበ ሓደ ብጻየይ ነጊሩኒ ኣሎ። እዚ ኣዝዩ ግሩም ዘረባ እዩ። ብርግጽ ናብቲ መንፈስ ቅዱስ ዝጓዓዞ ምስ እትጓዓዝ ነቲ ኣምላኽ ብኣኻ ክገብሮ ዝደልዮ ለውጢ ክትፍጽሞ ኢኻ።

## 9. ንራእይኻ ዝሰማምዑ ምህሮታት ርኸብ

ሓደ መለኮታዊ ራእይ ካብ ኣምላኽ ድሕሪ ምቕባልካ ናብ ፍጻሜ ንምምጻእ ክትሓልፎም ዝግብኡኻ ብዙሓት ነገራት ኣለው። ሓደ ካብኡ ድማ ንራእይኻ ብዕምቈት ክትርድኦን ከመይ ጌርካ ክትዓየሉ ከምዝግብኣካን ክትመሃር ኣሎካ። ነቲ ናይ ምምሃር መስርሕ ድማ ብቐጥታ ካብ ኣገልገልቲ ኣምላኽ ወይ ድማ በቲ ብእኦም ተዳልዮም ዝዝርግሑ መጻሕፍቲ፥ ስብከታትን ክትፍጽሞ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ ለውጢ ናይ ምትእትታው ሕልሚ ካብ ሃለወካ ገዛእ ርእስኻ ኣትሒት ኣቢልካ ተምሃር።

## 10. ምስቲ ዘሎካ ኣምላኻዊ ዕላማ ዝሰማምዑ ሰባት ሕበር

ምስ ማንም ሰብ ምንም ዓይነት ጽልኢ ክይህልወካ ጸዓር። ምስናይዚ ግና ኩሉ ሰብ ናይ ግድን ምስ ሓሳብካ ክሰማማዕ እዩ ማለት ከምዘይኰነ ተረዳእ። ኣምላኻዊ ምኽሪ ተሰኪምካ ክነስኻ ዝቐበለካ ወይውን ምሳኻ ክጉዓዝ ድሕሪ ምጽናሕ ዝጠልመካ ሰብ ክጋጥመካ ይኽእል እዩ። ንስኻ ግና በዚ ኣይትሰናኸል። ምስቶም ነቲ ኣባኻ ዘሎ ምኽሪ ኣምላኽ ኣሚኖም ዝጉዓዙ ሰባት መርሽ። ነቶም ዘይተረድኦም ክትጸልዎም ፈትን ደኣ እምበር ንእኦም ክትምልስ ክትብል ኣብ ዘይተደለየ ምቕታል ጊዜን ምብኻን ሓይልን ኣይትውዓል።

# ምዕራፍ ዓሰርተው ኣርባዕተ

## ኣብ ልዕሊ ካልኦት ጽልዋ ዘምጽእ ኣካይዳ

እቲ ንማሕበር ኣንጾኪያ በቶም ኣብ ወጻኢ ዘለው ሰባት እተዋህበ "ክርስትያን" ዝብል ስም እታ ማሕበር ከምኡ ኢልኩም ስመዩኒ ኢላ ንገዛእ ርእሳ ዘጥመቐቶ ዘይኰነስ ንኩሉ እቲ ምስ ክርስቶስ ዝመሳሰል ኣካይዳኣ እተዓዘቡ ሰባት ዝሃብዋ ስም እዩ። እዚ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሰባት ከተምጽኦ ዝኸኣለት ጽልዋ ክሳዕ ክንደይ ዓብዪ ከምዝነበረ እዩ ዘመልክት። ኣካይዳ እዛ ማሕበር ፍሉይ ካብ ምኳን ሓሊፉ ኣብነታውን ህይወት ሰባት ንለውጢ ዝድርኽን እዩ ነይሩ።

ብርግጽ እቲ ኣብዛ ማሕበር ዝነበረ ኣካይዳ ተፈታዊ ጥራይ ኣይነበረን። ልቢ ረቲዑ ንግብራውነት ዘለዓዕል ሰርሳሪ እዩ ነይሩ። ከምኡ ብምኳኑ ድማ ብዙሓት በብእዋኑ ናብታ ማሕበር ክጽንበሩ ይግደዱ ነይሮም እዮም። ኣምላኽ፥ ናይ ኩሉ ክርስትያን ወለዶ ኣካይዳ ንካልኦት ንግብራውነት ዘለዓዕል ክኸውን እዩ ዝደልዮ። ኣምላኽ ካባና ዝጽበዮ ናብራ እቶም ኣብ ከባቢና ዘለው ሰባት ብህይወትናን ቅዱ ኣካይዳናን ተሳሒቦም ነቲ ዘለኣለማዊ ጐይታ ክስዕቡ ምጽላው እዩ።

ሓደ እዋን ይጽሊ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን ኣብዚ መወዳእታ ዘመን ብኣምላኽ ዝትንስእ ሃዋርያዊ ወለዶ ብጽቡቕ ኣካይዳኡ ንብዙሓት ኣብነታዊ ኰይኑ ክወጽእ ምኳኑ ድምጺ መንፈስ ቅዱስ ሰሚዔ። ኣብ ኣካይዳ ማሕበራት ከይተሓጽረ ኣብቲ ዓለማዊ ነገራትውን ጽልዋ ዝፈጥር ቅዱ ህይወት ዘለዎ ወለዶ ኣብዛ ምድሪ ክበቝል እዩ። ስለዚ ምስዚ ወለዶ እዚ ንምትንሳእ ሎሚ ገዛእ ርእስና ነዳሉ። ነቲ ክንከፍሎ ዝግብኣና ኩሉ ዋጋ ብምኽፋል ምስቲ ወለዶ ንምትንሳእ ንትጋህ።

እቲ ኣብ ኣንጾኪያ ዝፈረየ ከምኡውን ኣብተን ቅዱ ማሕበር ኣንጾኪያ ከም ኣብነት ወሲደን ኣብዚ ዘመን ዝንቀሳቀሳ ማሕበራት ዝፈርይ ወለዶ፥ ነቲ ኣብ ቅዱስ ቃል ብዛዕባ ቅዱሳን እተጻሕፈ ጨው ምድሪ (ማቴ5፡13) ብርሃን እዛ ዓለም (ማቴ5፡14) ዝብል ቃል ተግባራዊ ዝገብር ህይወት ዘለዎ ወለዶ እዩ። ጨው ምድሪ ምኳን ነዚ ወለዶ ናይ እምነት ኣዋጅ ክእውጅ ከደሊ እንከሎ ዝዝክሮ ተራ ሓሳብ ዘይኰነስ ኣብ ዕለታዊ ናብርኡ ዝገልጾ ረዚን ነገር እዩ። እዚ ወለዶ ጨው ኰይኑ ነቶም መቐረት እዛ ዘለውዋ ህይወት ከየስተማቕሩ ብብዙሕ ነገር እተሓረሙ ሰባት ናብ ምስትምቓር ከምጽኦም እዩ።

ሃዋርያዊ ወለዶ ብርሃን እዛ ዓለም ብምኳን ኣብ ኰሉ እቲ ዝጸልመተ ከባቢ ነቲ ብክርስቶስ ድሮ ኣብ ልቡ ዝበርሃሉ ብርሃን ወንጌል ናይ ክርስቶስ ክብሪ ብምብራህ ንብዙሓት ናብ ዕረፍቲ ዘምጽእ ወለዶ እዩ። እቲ ኣብ ጸልማት ዝነብር ህዝቢ ዓብዪ ብርሃን ዝርኢ ምስ ትንሳኤ እዚ

ወለዶ ዝፍታሕ ሓይሊ ወንጌል ጽልዋኡ ምስ ዝሕይል እዩ። ነዛ ምድሪ እዚኣ ካብ እተመደቡ ናይ ኣምላኽ ምኽርታት እቲ ሓደ ኣብቲ ናይዛ ዓለም ናይ ኣነባብራ ስርዓት (system) ጣልቃ ብምእታው ጽልዋ ዘምጽእን ንመንግስቲ ኣምላኽ ከስፍሕ ብዝኽእል ቅዲ ኣካይዳ ዝኸይድን ወለዶ ክትንስእ እዩ።

ህይወቱ ነቲ ነዛ ዓለም ካብ ግዝኣት ሰይጣን ክብጀ ዝመጸ ጐይታ ዘንጸባርቕን ዘዘኻኽርን ወለዶ ዘፍርያ ማሕበራት ኣብዛ ምድሪ ካብዚ ሓጺር ጊዜ ጀሚሩ ክስስና ምኳነን ኣምላኽ ነዚ ጽሑፍ ይጽሕፍ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን ተዛሪቡኒ ኣሎ። ስድራቤትናን ከባቢናን ንጐይታ ካባና እንተዘይኰይኑ ካብ ካልእ ክርእይዎ ኣይክእሉን እዮም። ከም መጠን ኣምባሳደራት የሱስ፥ ህይወት ክርስቶስ ንምርኣይ ኣብነታዊ ህይወት ክንመርሕ ኣሎና።

ብዙሓት ኣመንቲ ንስድራቤትና ይኹን ንከባቢና ዕንቅፋት ዝኾነ ኣካይዳ ስለዝኸድና ብጥፍኣት ብዙሓት ተሓተቲ ኮይንና ኣሎና። ከምቲ ምስላ ኣቦታት “ካብ ምብኳር ምድንጓይ” ዝብል፥ ኣብዚ ተሪፉና ዘሎ እዋን ምድሓን ንምምጻእ ጸላዊ ህይወት ሒዝና ክንመላለስ ምስ ገዛእ ርእስናን ምስ ኣምላኽን ኪዳን ንእቶ። ብሕሉፍ በደልና ድማ ንኣምላኽ ምሕረት ንሕተት። ህዝብና ከይድሕን ክንዮ ወንጌል ብምልኣት ዘይምስምዑ፥ እቲ ዘይልውጥ ወይ ሕማቕ ኣብነት ዝኾውን ህይወት ኣመንቲ'ውን ዓብዪ ተራ ኣለዎ። ስለዚ ድማ እዩ ከምቶም ቀዳሞት ሃዋርያት ኣብ ከባቢና ጽልዋ ፈጢርቲ ኰይንና ክንመላለስ ምትንሳእ ዘድልየና።

## <u>ቤተክርስትያን ኣብ ከባቢኣ ጽልዋ ከተምጽእ ክትገብሮ ካብ ዝግብኣ ሒደት</u>

### 1. <u>ጸሎት</u>

ጸሎት ቤተክርስትያን፥ ኣብ ልዕሊ ሃገር ዘምጽኦ ጽልዋ ቀሊል ኣይኰነን። ብጸሎት፥ ሃገር ምምሕዳርን ኣንፈት ኩሉ ጉዕዞኣ ምምእዛንን ይከኣል እዩ። ብጸሎት ንኹሉ ኣጋንንታዊ ውዲት ምፍራስ፥ በረኸት ኣምላኽ ድማ ምልቃቕ ስለዝከኣል ጽልዋ ንምፍጣር ምጽላይ የድሊ። ብፍላይ ከኣ ኣንጻር እኩያት መናፍስቲ ዝግበር ናይ ውግእ ጸሎት፥ ጽልዋ ኣብ ምፍጣር ዓብዪ ተራ እዩ ዘለዎ። ነቲ ብእኩያት መናፍስቲ ዝመሓደር ኩሉ ክፉእ ነገራት ኣብ እነፍርሰሉ እዋን ከባቢና ንኣምላኽ ክንብርከኽ ኣእዳው ክዝርግሕ እዩ ዝግደድ።

### 2. <u>ቅዱስ ኣካይዳ</u>

ከምቲ ኣብ ወንጌል ተጻሒፉ ዘሎ እቲ ናትና ሰናይ ኣካይዳ ኣብ ልዕሊ እቶም ዘይኣምኑ ጽልዋ ብምፍጣር ንኣምላኽ ዝበቕዕ ምስጋና ከምጽኡ ይድርኾም እዩ። *“...ነቲ ጽቡቕ*

*ግብርኹም ርእዮም ኣብ ሰማያት ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኺመስግንዎ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ።"* (ማቴ5፥16) ቅዱስ ኣካይዳና ነቲ ምንጪ ህይወትና ዝኾነ የሱስ ክርእ ናይ ምግባር ምሉእ ብቕዓት እዩ ዘለዎ። ስለዚ ቤተክርስትያን ኣብ ማእከል እዚ ወለዶ ናይ ጽድቂ ጽልዋ ከተምጽእ ኣካይዳኣ ብቃል ኣምላኽ እተቓነየ ንምግባር ክትዕጽር ኣለዋ።

## 3. <u>ንምቕጻዕን ስርዓት ምትሓዝን ስልጣና ብምጥቃም</u>

እታ ናይ የሩሳሌም ማሕበር ኣብ ልዕሊ ሓጢኣትን እኩያት መናፍስትን እትወስዶ ብዝነበረት ስጉምቲ በቶም ኣብ ዙርያኣ ዝነበሩ ሰባት ኣዝያ እያ እትፍራህ ዝነበረት። ኣብ ልዕሊ ሃናንያን ሰጲራን ንዝወሰደቶ ስጉምቲ ከም ኣብነት ክንጠቅስ ንኽእል ኢና (ግ.ሃ5)። እታ ማሕበር ካብቲ ትወስዶ ዝነበረት ስጉምትታት እተላዕለ ጽልዋኣ ኣዝዩ ሓያል ብምንባሩ ንብዙሓት ናብ የሱስ ክመጹ ገይራ እያ። ከምኡውን ማንም ዘርከበ ንጥፍኣታ ዘገልግል መጻወድያ ሒዙ ክጽንበራን ቀሲኑ ኣብኣ ክነብርን ኣይከኣለን።

## 4. <u>ኣብነታውያን ክርስትያናት ብምፍራይ</u>

ኣብ ልዕሊ ከባቢናን ዓለምን ከነምጽኦ ዘሎና ጽልዋ ብጸሎትን ቅዱስ ኣካይዳን ጥራይ እተሓጽረ ኣይኮነን። ኣብነታውያን ክርስትያናት ኣብ ኩሉ መዳይ ብምፍራይውን ከነምጽኦ ንኽእል ኢና። ብናይ ስራሕ ተሳትፎኦም፥ ብጸብለልታ ነጥቢ ኣብ ዓውደ ትምህርቲ፥ ብመሃዝነት፥ ኣብ ስነ ጥበብ (ቅብኣ፥ ቅርጻ፥ ግጥሚ፥ ምውሳእን ምድራስን ድራማታትን ፊልምታትን...ወዘተ) ብዝህልዎም ልዑልን ኣድማዕን ሱታፌ፥ ኣብ ዓውደ ስፖርት... ኰታስ ኣብ ኩሉ ሸነኽ ሃብሮም ዝኾኑ ቅዱሳን ብምፍራይ ኣብዚ ወለዶ ጽልዋ ኣምላኽ ከነምጽእ ንኽእል ኢና። ስለዝኾነ ድማ እዩ ቤተክርስትያን ኣብ ምፍራይ ዕውታት መንእሰያት ኣድሂባ ክትሰርሕ ዘድልያ ዘሎ።

## 5. <u>ብሓይልን ተኣምራትን እተመልኤ ኣካይዳ</u>

ኣምላኽ ንቤቱ ትእምርትን ተኣምራትን ክህባ ካብ ዝደልየሉ ምኽንያታት ሓደ ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ጽልዋኣ ከተሐይል እዩ። ብትእምርትን ተኣምራትን ምልእቲ ዝኾነት ማሕበር ንብዙሓት ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ትስሕቦም እያ። ነታ ናይ ናይጀርያ ቤተክርስትያን ከም ኣብነት እንተድኣ ወሲድና፥ እቲ ብመገዲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ዝኾነ ነብዩ ቲ.ቢ ጆሽዋ ዝካየድ ናይ ሓይልን ተኣምራትን ስራሕ ዋላ'ውን ነቶም ኣብ ቦታ ስልጣን ዘለው ከይተረፈ ንኣምላኻውነት ጸልይዎም እዩ። ናይ ሃገርና ማሕበር'ውን ኣብ ምድሪ ዘለዋ ጽልዋ ክሕይል ብትእምርትን ተኣምራትን ክትትንስእ ኣለዋ። ኣሉ ክበሃሎም ዘይክኣል ተኣምራት ብምግባር ኣብ ልዕሊ እዛ ሃገር ጸብለል ኢልካ ምውጻእ ይከኣል እዩ።

## 6. ንመራሕቲ ናብ እምነት ምምጻእን ምድጋፍን

ቤተክርስትያን ምስ ኣምላኽ ዘለዋ ርክብ ብምድልዳል ነቲ እተዋህባ ተልእኾ ምስ እትፍጽሞ ንምድራ ጽልዋ ትፈጥር። ነቶም ኣብ ቦታ ስልጣን ዘለዎ ሰባት ብምድጋፍን ናብ ለውጢ ብምምጻእን ድማ ሃገራዊ ጽልዋኣ ከተውሕስ ትኽእል እያ። እዚ ንምግባር ድማ፡-

- **ከም ዳንኤል ኣብ ፖለቲካዊ ዓለም ብምስታፍ**

ዳንኤል ነቲ ዝነበረ ንግስነት ንኣምላኻውነት ንምቕላስ ኣብቲ ዝነበረ ፖለቲካዊ ዓለም ብዝለዓለ ናይ ትምህርቲ ነጥቢ ኣቢሉ እዩ ተጸንቢሩ። ንሕና ክርስትያናት ዜጋዊ ግዴታና ብዝግባእ ክንፍጽም ኣብ ፖለቲካዊ ዓለም ክንሳተፍ እሞ ብእኡ ኣቢልና ነቶም ኣብ ዝለዓለ ቦታ ስልጣን ዘለው ብናይ መንግስቲ ኣምላኽ ስርዓትን ኣካይዳን ክጽለው ክንገብሮም ንኽእል ኢና። ኣምላኽ ካብ ዝህቦም ውህበት ጸጋታት ሓደ ናይ ምምሕዳር ጸጋ እዩ (1ቈሮ12፥28)። እዚ ናይ ምምሕዳር ውህበት ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ቤተክርስትያን ከይተሓጽረ ሃገር፥ እተፈላለዩ ናይ ንግዲ ትካላትን ቤት ጽሕፈታትን ናይ ምምሕዳር ብቕዓትን ጥበብን ዝህብ እዩ። ስለዚ እዚ ውህበት ዘለዎ ሰብ ኣብቲ ዓለማዊ ምሕደራ'ውን ብምስታፍ መኽሊቱ ከሸርፍን ንኣምላኽ ዝበቅዕ ስራሕ ክሰርሕን ኣለዎ።

- **ነቶም መራሕቲ ቀረባ ሰቦም ብምኧን**

ኣስቴር ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣይሁዳውያን ኣንጸላልዩ ዝነበረ ሓደጋ ናብቲ እኩይ ዝመሃዘ ሃማን ንምጥዋይ እቲ ብመውስቦ ኣቢሉ እተፈጥረ ምስ ንጉስ ዝነበራ ቅርበት ልዑል ተራ እዩ ተጻዊቱ። ነህምያውን ንምሕዳስ ደጌታት የሩሳሌም ዘገልግል ኣእዋም ብፍቓድ ንጉስ ንምርካብ እሙን ኣገልጋሊ ብምኧን ዝሃነጾ ምቕርራብ ሓጊዝዎ እዩ። ንሕናውን ሎሚ ምስኦም ምሕዝነት ብምምስራትን ናይ ቀረባ ሰቦም ናብ ክርስቶስ ብምምጻእን ንኣምላኻውነት ክንጸልዎም ንኽእል ኢና።

- **ነቶም ኣብ መሪሕነት ዘለው ናብ ጐይታ ክመጹ ብምግባር**

ኣብ ቦታ መሪሕነት ዘለው ሰባት ንኽብሪ ኣምላኽን ረብሓ ህዝቦምን ከገልግሉ እቲ ዝበለጸ መገዲ ምስቲ ምንጪ ኩሉ ጽቡቕ ዝኾነ ጐይታ ክራኸቡ ምሕጋዝ እዩ። ናብ ጐይታ ዝመጹ ሰበስልጣናት ኣብ ቦታኦም እሙናት ኰይኖም

ንኣምላኾምን ህዝቦምን ስለዘመሓድሩ ኣምላኻዊ ጽልዋ ኣብታ ሃገር ክነግስ ዓብዪ ደገ እዮም ዝኸፍቱ።

- **<u>በቲ ብነብያት ሃዋርያት ብዝመጽእ ምግላጽ</u>**

  ንግስነት ዳዊት ብናይ ነብዪ ናታንን ጋድን ይሕገዝ ብምንባሩ ንኣምላኽ ቀረባ እዩ ነይሩ። ኣምላኽ ንውልቀ ሰባት ጥራይ ዘይኮነስ ንሃገር ዝህቦ መልእኽቲ ኣሎ። እቲ ንሃገር ዝወሃብ መልእኽቲ ድማ ብቐጥታ ናብቶም ኣብ ቦታ ስልጣን ዘለው ክበጽሕ ምስ ዝጅምር ኣምላኻዊ ተጽዕኖ ኣብኦምን ብእኦምን ኣብታ ሃገር ይመጽእ።

ስለዚ ነዞም ዝርኤናዮምን ንካልኦት መገድታትን ብምጥቃም ኣብ ምድርና ጽልዋ ክነምጽእ ንኽእል ኢና።

## ምዕራፍ ዓሰርተው ሓሙሽተ

## ደቀ መዛሙርቲ ምፍራይ

ዕላማ ማሕበር ኣንጾኪያ፥ ነፍሳት ንጐይታ ድሕሪ ምቕባሎም ትምህርቲ ድሕነት ምሂርካ ፎርም ኣባልነት ከመልኡ ብምግባር ቍጽሪ ኣባላት ምብዛሕን ብመገዲ ዕሽሮምን መባኦምን ኣታዊታትካ ምክዕባት ኣይኮነን። ንሳ ብቑዓት ደቀ መዛሙርቲ ከተፍሪ ብዙሕ ዋጋ እትኸፍል ብልጽቲ ማሕበር እያ ነይራ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ብዛዕባ እታ ማሕበር ኣብ እነንብበሉ እዋን ደቀ መዛሙርቲ ዝብል ቃል እንረክብ (ግ.ሃ11፡29 14፥22)። ወደመዝሙርነት ኣማኒ ስለዝኾንካ እትውሃቦ ህያብ ኣይኮነን። የሱስ ነቶም ብእኡ ዝኣመኑ ኣብ ቃሉ እንተጸንዑ ደቀመዛሙርቱ ከምዝኾኑ ምዝራቡ ድማ ነዚ ሓቂ እዩ ዘብርሃልና። *"የሱስ ነቶም ብእኡ ዝኣመኑ ኣይሁድ፡ ንስኻትኩም ኣብ ቃለይ እንተ ጸናዕኩም፡ ብሓቂ ደቀ መዛሙርተይ ኢኹም።"* (ዮሃ8፥31)። ስለዚ ዳግም እተወለድካ ክነስኻ ናብ ወደመዝሙርነት ዘይበጻሕካ ኰይንካ ክትርከብ ዝከኣል ምዃኑ ክትዝንግዖ የብልካን።

ክርስቶስ የሱስ ንማሕበሩ ካብ ዝሃባ ዓብዪ ተልእኾ ሓደ ደቀ መዛሙርቲ ምፍራይ እዩ (ማቴ28፥18-20)። ነዚ ተረዲኣ ንምፍጻሙ ብዕቱብ እትሰርሕ ማሕበር ድማ እያ ካብ ክርስቶስ የሱስ ሞገስ እትረክብ። ብቑዕ ወደመዝሙር ክንብል እንከሎና ግና እንታይ ዘማልእ እዩ? ገለ ሒደት ቀጺልና ንርአ።

- እቲ ክበጽሖ ዝደልዮ ሸቶ ንመምህሩን ጐይታኡን ምምሳል ዝገበረ (ሉቃ6፥40)።
- ብቃል ጐይታ ዝጸንዔ ህይወት ዘለዎ (ዮሃ8፥31)።
- ገዛእ ርእሱ ብምኽሓድ ነንዕለት መስቀሉ ዝስከም (ማቴ16፥24-25)።
- ምስ ጐይታኡ ሓደ ኣርዑት ክስከም ብፍታው ዝፈቐደ (ማቴ11፥28-29)።
- ንኣሕዋቱ በታ ናይ ክርስቶስ ፍቕሪ ዘፍቅር ልቢ ምውናን (ዮሃ13፡34-35)።
- ብዙሕ ፍረ ብምፍራይ ንኣምላኽ ዘኽብር (ዮሃ15፡8)።
- ውልቃዊ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ብትግሃት ዘካይድ (2ጢሞ2፥15)።
- ነቲ ዓብዪ ተልእኾ ዘለዎ ተወፋይነት ብተግባር ዝገልጽ (ማቴ28፥18-20)።

እዚ ክንርእዮ ዝጸናሕና መንፈሳዊ ብቕዓት ዘለዎ ብቑዕ ወደመዝሙር፥ ኣብ ኣንጾኪያን ኣብተን ኣሰር እዛ ማሕበር እዚኣ ዝስዕባ ማሕበራትን ጥራይ እዩ ክርከብ ዝኽእል። ወደመዝሙርነት ኣብ ሃዋርያውያን ማሕበራት ሓደ ኣርእስቲ ካብቲ ዝምህራኦ ዘይኮነስ ህይወት ነፍስ ወከፍ ኣማኒ እዩ። ብካልእ ኣበሃህላ ወደመዝሙርነት ኵሉ ኣማኒ ዝኾኖ ነገር እዩ። ብዙሓት ማሕበራት ብዛዕባ ወደመዝሙርነት ኣብቲ ዘለዎም መደብ ትምህርቲ ሓደ ክፍሊ ሂቦም ይምህሩሉ እዮም።

ይኹን ደኣ እምበር ኣብታ ማሕበር ብቑጽሪ ዋላ ሓደ ብቕዕ ወደመዝሙር ኣይትረኽብን። ብርግጽ ወደመዝሙርነት እንምሃሮ ኣርእስቲ ዘይኰነስ እንኼዶ ህይወት እዩ። ሓቂ እዩ “እናመሃርኩም ደቀመዛሙርተይ ግበርዎም” ስለዝብል ናይ ግድን ምምሃር የድሊ እዩ። ናይ ኣእምሮ ፍልጠት በይኑ ግና ዘምጽኦ ለውጢ ከምዘየልቦ ሕጂውን ምዝካር ግቡእ እዩ።

ወደመዝሙርነት ኣብነታዊ ህይወት ምምሃር (ሞዴል ምዃን) ናይቲ መምህርን ሰዓብነት ናይቲ ተማሃራይን ዝሓትት መስርሕ እዩ። መምህር ፍልጠት ጥራይ እናማቐለ ደቀ መዛሙርቲ ከፍርይ ኣይክእልን እዩ። ናይ ግድን ብህይወቱ ኣርኣያ ምዃን የድልዮ። ተማሃራይውን እንተኾነ ነቲ ኣርኣያ ዝኾኖ ዘሎ መምህሩ ክስዕብ፡ ከመስል ኢሉ ዘይተግህ እንተድኣ ኰይኑ እቲ ዝድለ ወደመዝሙርነት ክመጽእ ኣይክእልን እዩ። ወደመዝሙር ቃል መምህሩ ዝሰምዕ ጥራይ ዘይኰነስ ሰዓቢ መምህሩ ብምዃኑ ብትምህርትን ብባህርይን ንመምህሩ ክመስል ርእሱ ዘልምድ እዩ። እቲ ናይ መምህር ኣብነታዊ ህይወት በቲ ተማሃራይ ፍጹም ናይ ምስዓብን ክትመስሎ ምኽኣልን እንተድኣ ተዋሃሂዱ ድማ ብቕዕ ወደመዝሙር ምፍራይ ይከኣል።

ወደመዝሙርነት ምምቃል (Impartation) ዝጠልብ ህይወት እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ብቕዕ ወደመዝሙር ኰይኑ ክወጽእ ዘገልግሎ ዝነበረ ጢሞቴዎስ ንኩሉ እቲ ዘለዎ ፍልጠት፡ ባህርይ፡ ተሞክሮ፡ ትሕዝቶ፡ ውህበት ጸጋ፡ ራእይ... እዩ መቒልዎ (2ጢሞ1፡6)። ሃዋርያ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ምሂርዎ ጥራይ ዘይኰነስ ነቲ ዘለዎ መንፈሳዊ ነገር ከኣ ኣማቒልዎ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ንጢሞቴዎስ ንእሽቶ ጳውሎስ ነይሩ ኢልና ክንገልጾ ንኽእል ኢና። ምኽንያቱ ኩሉ እቲ ጳውሎስ ዝነበሮ ጢሞቴዎስ ተመቒልዎ ስለዝነበረ። ወደመዝሙርነት ንኩሉ እቲ ዘሎካ ነቲ ዝስዕበካ ተማሃራይካ ብምምቃል፡ ልዕሊ እቲ ንስኻ ረኺብካዮን ኰይንካዮን ዘሎኻ ክረክብ ምብራትዕ ወይ ምልዕዓል ይሓትት እዩ።

ኣብ ታሪኽ እቲ ድሕሪ ጐይታ የሱስ ብቑዓት ደቀ መዛሙርቲ ብምስራሕ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ጳውሎስ እንተድኣ ኣስተውዒልና፥ ምፍራይ ወደመዝሙርነት ደረጃታት (Levels) ከምዘለዎ ኢና ነስተውዕል። ንሱ ንሰብ ፊሊጲ ንወደመዝሙርነት ክሰርሖም እንከሎ እተጠቕመሉ ነገር ምምሃር፡ ምሃብ፡ ክሰምዑ ምግባር፡ ንገለ ህይወቱ ድማ ክርእይዎ ምሕጋዝ እዩ ነይሩ (ፊሊ.4፡9)። ኣብ ህይወት እቲ ብእምነት ወደይ ዝብሎ ጢሞቴዎስ ምስ እንርኢ ግና ኣብ ርእሲ እቲ ንሰብ ፊሊጲ ዝገብሮ ካልእ ተወሳኺ ነገር ከምዝገበረ ኢና ነስተውዕል። ገለ ካብኡ ምስልጣን፥ ብኢድ ኣንብሮ መንፈሳዊ ውህበት ምምቃል፥ ነፍሱ (ገዛእ ርእሱ) ምምቃል ይርከቦ። ነፍሱ መቒልዎ ክንብል እንከሎና፡ ባህርይኡ፥ ራኢኡ፡ ጾሩን ተሞኩሮኡን መቒልዎ ማለትና እዩ። ንሰብ ፊሊጲ ጳውሎስ ብምድሓን ንዝረኸቦ ነገር ክህቦም እንከሎ ንጢሞቴዎስ ግና ኣብ መገዲ ኣገልግሎቱ ንዝረኸቦ ኩሉ ነገር እዩ መቒልዎ። በዚ ከኣ እዩ ንጢሞቴዎስ ብቕዕ ወደ መዝሙር ገይሩ ከውጽኦ እንርኢ። እዚ ከኣ ምፍራይ ወደመዝሙርነት ናቱ ዝኾነ ደረጃታት ከምዘለዎ የመላኽተና።

# ደቀ መዛሙርቲ ኣብ ምፍራይ ሓሙሽተ መሰረታውያን ነገራት

## 1. ጸሎት

ብዘይ ክርስቶስ ምንም ክትገብር ኣይከኣልን። *"እቲ ጉንዲ ወይኒ ኣነ እየ፡ ጨናፍር ከኣ ንስኻትኩም ኢኹም፡ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም."* (ዮሃ15፡5)። ኲሉ እቲ እንገብሮ ብክርስቶስ ጥራይ ኢና ክንገብሮ እንኽእል። ስለዚ ደቀ መዛሙርቲ ንምፍራይ ኣብ እንገብሮ ጻዕሪ ደገፍ ክርስቶስ ብጸሎት ክንረክብ ክንክእል ኣሎና። ተማሃሮና ናብ ብቑዕ ወደመዝሙርነት ክሳገሩ ባህጊ እንተድኣ ሃልዩና ስሊኦም ብጸሎት ዋጋ ንኽፈል።

## 2. ትምህርቲ

ናይቲ ዓብዪ ተልእኾ ሓደ ክፋል ምምሃር ወይ ድማ ናይ ቃል ኣገልግሎት እዩ። ነፍሳት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምህሮ ክሳዕ ዘይረኽቡ ክዓብዩ ከምዘይክእሉ ምርዳእ የድሊ። ስለዚ ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ዝበሎ ኣብ ምምሃር ከነድህብ ይግብኣና እዩ (1ጢሞ4፡13)። ስሩዕ፥ ዕምቈት ዘለዎ፥ መንፈስ ዝነፈሶን ደራኪን ዝኾነ ምህሮ ምስ እንምህር ህይወት ብዙሓት ኣመንቲ ካብ ተራ ተመላለስቲ ናብ ብቑዓት ደቀ መዛሙርቲ ክሳገር እዩ።

## 3. ርክብ መምህር ምስ ተማሃራይ

ደቀ መዛሙርቲ ንምፍራይ ንተመሃሮኻ ጊዜ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ምስቲ ናብ ብቑዓት ደቀ መዛሙርቲ ከተብጽሖ እትደልዮ መጓሰ እተሕልፎ ጊዜ ናይ መንፈስ ንመንፈስ ምቅብባል ክህልው ዓብዪ እጃም እዩ ዘበርክት። ከምኡውን ብቐሊሉ ንህይወትካ ክዕዘብዎ ደገ ስለዝኽፈተሎም ካብ ትምህርትኻ ጥራይ ዘይኰነስ ካብ ህይወትካ'ውን ብዙሕ ነገር ክመሃሩ ይኽእሉ። እቲ ንተማሃሮኻ ዝወሃብ ጊዜ ግና ካብ ጉባኤ ወጻኢ ዝግበር ብምዃኑ ተወሳኺ ጊዜ ይሓትት እዩ። እዚ ዘኽፍሎ ዋጋ ብዙሕ እኳ እንተኾነ ፍረ ናቱ ግና ሓለፋ እቲ ዝጸዐርካዮ እዩ።

## 4. መምህር ኣብ ተማሃሮኡ ዝርእዮ ራእይ

መምህር ሓፈሻውን ውልቃውን ራእይ ኣብ ተማሃሮኡ ክህልዎ የድሊ። ራእይ ኣብ ልዕሊ ተመሃሮኻ ምስ ዝህልወካ ስሊኦም ብዙሕ ዋጋ ክትከፍል ኢኻ እትድረኽ። ብዘይ ንጹር ራእይ ዝዕየ ዕዮ ጽቡቕ ፍጻሜ ክህልዎ ኣይከእልን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ነፍስ ወከፍ ደቀ መዛሙርቲ ከፍሪ ዝደሊ ኣገልጋሊ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝጓስዮ መጓሰ ተጨባጢ ወይ ንጹር ራእይ ካብ ኣምላኽ ክህልዎ ዘድልዮ። ንኣብነት ኣነ ኣብ ልዕሊ ተመሃሮይ እዚ ዝስዕብ ራእይ ኣሎኒ።

- † በእምሮን ልምምድን ብውልቆም ንጐይታ ክፈልጥዎ
- † ብፍልጠት ናብ ዝርከብ ብጽሕና ክኣትው

- † ካብ ዝኾነ ዓይነት ጽልዋን ማእሰርትን ኣጋንንቲ ሓራ ክወጹ
- † ንኣምላኽ ብግሉጽ ቃል ክርእይዎ
- † ብሃዋርያዊ ሓይልን ምርዳእን ሃዋርያዊ ቅርጺ ዘለዎ ወለዶ ኰይኖም ክወጹ
- † ንዕዮ ኣምላኽ ዕጡቓት ክኾኑ
- † ነቲ እተዋህቦም ጸጋ፥ ራእይ፥ ጻውዒት፥ ክእለት፥ ፍልጠትን ትሕዝቶን ኣብ ባይታ ብምግላጽ ንኣምላኽ ከገልግሉ
- † ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም ፍረ መንፈስ ቅዱስ ክፈርዩ
- † ብእምነቶም ክጸንዑን ክድልድሉን
- † ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ናብርኦም ከግህድዋ
- † ንምጽኣት ክርስቶስ ድሉዋት ኰይኖም ክርከቡ

## 5. ኣብነታዊ ህይወት

ኵሎም ኣመንቲ ፍቕርን ዓርኪ ዝኰኖም እሞ ኣሰሩ ዝስዕብዎ ሰብ ይደልዩ እዮም። ነቲ እንምህሮ ወይ ድማ እንብሎ ክንነብረሉን ብግብሪ ከነርእዮምን ይግባእ። እቲ ኣብ ህይወትካ ዝንጸባረቕ ብሱልን ቅዱስን ህይወት ናብቶም ዝስዕቡኻ ክሰርጽ ክሳዕ ዘይገበርካ ብቑዓት ደቀመዛሙርቲ ክትፈሪ ኣይትኽእልን ኢኻ። ነዚ የስተውዕል ስለዝነበረ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ ነቶም ዘገልግሎም ብብዙሕ ነገሩ ኣርኣያ ንምኳን ዝተግህ ዝነበረ (ፊሊ3፡17 4፡9 2ጢሞ3፡10-11)። ሎሚውን እቶም ደቀመዛሙርቲ ናይ ምፍራይ ተልእኾ ዘሎና ኣገልገልቲ ብኹሉ ሸነኽ ናይ ህይወትና ኣብነታውያን ኰይንና ክንርከብ ዋጋ ክንከፍል ክንክእል ኣሎና።

# ምዕራፍ ዓሰርተው ሽዱሽተ

## ንዘጋጥሙ ሽግራት ኣምላኻዊ ፍታሕ ምንዳይ

ናይ ኣንጾኪያ ማሕበር ሓደ እዋን ምህሮ ፈሪሳውያን ዝሓዙ ሰባት ኣብ ማእከላ ዝነዝሕዎ ስብከት፥ ምፍልላይ ምስ ኣስዓበላ ብደገፍ ናይ የሩሳሌም ማሕበር ብመንፈስ ቅዱስ ካብ ምብትታን ተሓልያ እያ (ግ.ሃ15)። ንማሕበር ብዙሕ ውሽጣውን ግዳማውን ሽግራት የጋጥማ እዩ። ሓንቲ ማሕበር ክሳዕ ክንደይ ሓያል እያ ብዘየገድስ ካብ ሽግር ነጻ ኰይና ክትመላለስ ትኽእል እያ ዝብል እምነት የብለይን። ዓይነት፥ ዓቐን፥ ጠንቅን ሳዕቤንን እቲ ሽግር ካብ ናብ ይፈላለ ይኸውን ደኣ እምበር ኩለን ሓቐኛታት ማሕበራት ሽግር የጓንፈን እዩ። ከምቲ ዓይነት፥ ዓቐን፥ ጠንቅን ሳዕቤንን እቲ ሽግር ካብ ማሕበር ናብ ማሕበር ዝፈላለ ከምኡ ድማ እቲ እተን ማሕበራት ዝህባኦ ግብረ መልሲ ይፈላለ እዩ። እዛ እንዛረበላ ዘሎና ማሕበር እምበኣር ካበተን ንዘጋጥመን ሽግራት ኣምላኻዊ ፍታሕ ብምንዳይ ጉዕዞኣ ክትቅጽል ዝበቕዔት ኣብነታዊት ማሕበር እያ።

ኣብ ዘመን ናይ ኣገልግሎተይ ሰይጣን ሕብረት ቅዱሳን ክብትን ብረቂቕ መጻወድያ ዝጥቀመሎም ሰባት ኣጋጢሞምኒ እዮም። ውሽጦም ካብ መንፈሳዊ ነገር ርሑቕ ክነሱ ብገለ ደጋዊ ነገራቶም ምስሊ ኣምልኾ ዘለዎም፥ መንሽሮ ማሕበር ብምዃን ሕብረት ቅዱሳን ንምብታን ሕርድግ ዝብሉ ሕሱማት ሰባት ርእየ ኣሎኹ። እዚኣቶም ካብ ገለ ንመንፈሳዊ ዓለም ርሑቓት ዝኾኑ ሰባት ጊዜያዊ ደገፍ ስለዝረኽቡ ጥራይ፥ ቅኑዕ ተግባር ይገብሩ ከምዘለው ከእምኑ ጐረሮኦም ክሳዕ ዝጭደድ ይልፍልፉ። ይኹን ደኣ እምበር ተጋግዮም ዘጋገዩ ብምዃኖም፥ ወጋሕታ ኣይክህልዎምን እዩ። እንተ ማሕበር ክርስቶስ ግና ኣምላኻዊ ፍታሕ ብምንዳይ፥ ሕብረታ ክትጽግን ኣምላኽ ደገ ከፊቱላ እዩ። ከምዚ ዓይነት ሰባት ከጋጥሙና እንከለው ብጸሎት፥ ካብ መንፈስ ቅዱስ ሓሳብ ብምርካብ ተባዕ ስጉምቲ ምውሳድ የድሊ። እዚ ምስ እንገብር ሓድነትና ክድልድል እዩ።

ግዳማዊ ይኹን ውሽጣዊ ሽግር ብግቡእ እንተድኣ ዘይተኣልዩ ማሕበር ክሳዕ ምብትታን ከብጽሕ ወይ ድማ ንብዙሕ ምዕናው ምኽንያት ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓንቲ ማሕበር ብምህሮ ስሕተት፥ ትንቢት ሓሶት፥ ድሌት ርእሶም ክፍጽሙ ብዝደልዩ ሰባት ብዝመጽእ ምክፍፋል፥ መንበር ስልጣን ብዝሃርፉን ናይ ገዛእ ርእሶም ነገር ከተኣታትው ብዝጽዕሩ ሰባትን ንዝመጻ ሽግር ካብ ኣምላኽ ፍታሕ ንምንዳይ ምስ እትተግሃሉ በቲ ዝገጠማ ሽግር በሊሓ እያ እትወጽእ። ብዝጐነፉ ሽግር እትሰናበድን ንቕድሚት ምስጓም ክሳዕ ዘይትኽእል ደው እትብልን ማሕበር ግና ኣደዳ ምብትታን እያ እትኸውን።

ሽግር፥ እተወሰነ ነቓዕን ውድቐትን ስለዘጋጠመ ጥራይ ማሕበር ክትሰናበድ የብላን። እቶም ዓቕሊ ዘይብሎም ገለ ኣባላት ምናልባት ብዘጋጠመ ሽግር ካብኣ ክሃድሙ ይኽእሉ ይኾኑ እዮም። እቶም ኣብ ናይ ኣምላኽ ሓሳብን ራእይን ዝኣምኑ ግና ከጸንዑ እዮም። ስለዚ መራሕቲ ነዞም ጽኑዓት፥ ኣወሃሂዶም ኣምላኻዊ ፍታሕ ከናድዩ ሓላፍነቶም ምዃኑ ክግንዘቡ ይግባእ። እቲ

ሎሚ ዝገጥመና ሽግር ነቲ ዘለኣለማዊ ሓድነትናን ክንወቅዖ ዘሎና ራእይናን ከፍርሶ ፍጹም እነፍቅድ ክንከውን የብልናን። ማሕበር ትኣክል ውሱናት ሰባት ብእተጋገይዎ ወይውን ገለ ዘይኣምላኻዊ ምርዳእ ስለዝኣተወ ክትብተን የብላን። ነቲ ዝበደለ ኣካል ኣለሊኻ ናብ ንስሓ ምምጻእን ምቅጻዕን ደኣ እምበር መጻኢ ከምዘይብላ ክትብተን ግቡእ ኣይኰነን።

ገለ ገለ ማሕበራት ኣብዚ ንስለ ወንጌል ዋጋ ኣብ ዝኽፈለሉ ዘመን፥ መራሕቶም ናብ ቤት ማእሰርቲ ስለዝኣተው ወይ ንጊዜኡ ብስደት ናብ ካልእ ሃገር ስለዝኸዱ ንኩሉ ንጥፈተን ደው ከብላ ይርኣያ እየን። ከምኡውን እቲ ኣብኤን ዘሎ መጓሰ ኣምላኽ ናብ ካልኦት ማሕበራትን ዓለምን ፋሕ ክብል እንከሎ ንዕዘብ ኣሎና። ከም ግቡእ እዚ ክኸውን ዘይነበሮ ነገር እዩ። ኣብዚ ከምዚ ዓይነት ኩነት ኣምላኻዊ ፍታሕ ንምምጻእ ምጽዓር እዩ ዘድሊ። ጊዜያዊ ሽግር ስለዘጋጠመ ጥራይ ፋሕ ክንብል ግና ኣይግድን።

ማሕበር ኣንጾክያ ፍታሕ ንምምጻእ ዝወሰደቶ ስጉምትታት፥ ብምስትውዓል ንዝረኣዮ ዓብዪ መልእኽቲ እዩ ዘሕልፈልና። ንሳ ኣጋጢምዋ ንዝነበረ ሽግር ንምፍታሕ ክልተ ነገር እያ ዝገበረት። ነታ ኣብ የሩሳሌም ዝነበረት ማሕበር ምምኻርን ነቲ ጉባኤ ሃዋርያትን ሽማግለታትን ዘምጽኦ ምኽሪ ተግባራዊ ምግባርን። ንሳ ነቲ ዘጋጠመ ሽግር ንምፍታሕ ነታ ብራእይን ምህሮን እትመስላ ማሕበር የሩሳሌም እያ ተወኪሳ። ሎሚውን ሓንቲ ማሕበር በቶም ዘለው ኣገለልቲ ክፍታሕ ዘይክእል ሽግር ምስ ዘጋጥማ ነተን ብራእይን ምህሮን ዝመስላኣ ማሕበራት ክተማኽር ክትክእል ኣለዋ። ስለዚ ድማ እዩ ኣብ ነፍስ ወከፍ ማሕበራት ናይ ምቅብባል ሃዋህው ክነግስ ዘድሊ። እቲ ኣብ ሓንቲ ማሕበር ዘሎ መንፈሳዊ ብጽሕናን ዓወትን ንካልኦት ማሕበራት ከምዘገልግል ተገይሩ ምስ ዝቃነ፥ ኣብ ሃገርና ብዘጋጥማ ሽግር ናብ ምብትታን እትበጽሕ ማሕበር ኣይክትርከብን እያ። እቲ ክህሉ ዘለዎ ሕብረት ኣብያተ-ክርስትያናት ድማ ስማዊ ካብ ምኳኑ ሓሊፉ ብሓደ ናይ ምዕያይን ንሓድሕድካ ናይ ምትሕልላይን ኣካይዳ ከስርጽ ትጽቢት ይግብረሉ።

እዛ ማሕበር እቲ ካልኣይ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ነቲ ኣብ የሩሳሌም እተኣከበ ጉባኤ ሃዋርያትን ሽማግለታትን ንዘምጽኦ መንፈሳዊ ምኽርን ትእዛዝን ምስዓብ እዩ። እቶም ኣብቲ ዋዕላ እተሳተፉ ሃዋርያትን ሽማግለታትን ድሕሪ ብዙሕ ዝርርብ ፍታሕ ከምዝኸውን ንእኦምን ንመንፈስ ቅዱስን ንእተራእዮም ነገር እዮም ኣዊጆም። ነዚ ብምስዓብ ድማ ግዳይ ምብትታን ምክፍፋልን ካብ ምኳን ሓራ ወጺኣ። ንሕናውን ሎሚ ነቶም ኣምላኽ በብእዋኑ ዘተንስኦም ሃዋርያት፥ ነብያት፥ ጓሶት፥ መምህራንን ወንጌላውያንን ንዘምጽእዎ ምኽሪ ኣምላኽ ብምስዓብ ካብቲ ዘጋጥመና ጊዜያዊ ሽግራት ሓራ ክንከውን ንክእል ኢና። ነቲ በቶም ኣገልገልትና ዝመጽእ መፍትሕ ሽግር ዝኾነ ሓሳብ ድማ ዝግብኦ ክብርን ተኣዛዝነትን ክንህብ ይግባእ።

እምበኣር ከምዚ እዛ ማሕበር ንዘጋጥማ ሽግር ኣምላኻዊ ፍታሕ ብምንዳይ ነቲ ብሽግር ከጥፍኣ ተሃንዲዱ ዝመጸ ሰይጣን ዘሕንኾ ግብረ መልሲ ዝሃበት፥ ኣምላኻዊ ፍታሕ ንምድላይ ንትጋህ። ንድኻምና ሓይሊ፥ ንውድቀትና ትንሳኤ፥ ንጸልማትና ብርሃን፥ ንሓጢኣትና ምንጻህ... ንምርካብ ናብ ኣምላኽ ንቐረብ ደኣ እምበር ብሽግር ኢድና ኣይንሃብ። መጻኢና ብሩህ ከምዝኾነን ህልው ህይወትናን ኣካይዳናን ድማ ፍጻሜና ከምዘይኰነን ብምግንዛብ ዝሓይሸ ክንረክብ ንቐድሚት ንገስግስ እምበር ኣብ ዘሎናዮ ደው ኣይንበል። ከምኡውን ንድሕሪት ኣይንመለስ።

# ምዕራፍ ዓሰርተው ሸውዓተ

## ጸጋ ህያባት ብዘይምኽልካል ምዕያይ

ኣምላኽ ንቤቱ ብዕላማ መንፈሳዊ ህያባት ሂብዋ እዩ። ነቲ መንፈሳዊ ህያብ እተዋህበሉ ዕላማ ድማ ኣብ ሰለስተ ክንጥቕልሎ ንኽእል ኢና።

- ንክብሪ ኣምላኽ
- ምህናጽ ኣካል ክርስቶስ
- ምስፋሕ መንግስቲ ኣምላኽ

እታ ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበረት ማሕበር ድማ ነቲ እተዋህባ መንፈሳዊ ውህበት ኣብ ባይታ ክግለጽ ኣብ ምግባር ድሕር ዘይትብል ኣብነታዊት ማሕበር እያ ዝነበረት። ንሳ፥ ጸጋ ህያባት ብዘይምኽልካል ክዓዪ ደገ ከፊታትሉ እያ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ሃዋርያት፡ ነብያት፡ መምህራን.... ብምልኣት ጸጋኦም ከሸርፉላ እንከለው እንዕዘብ።

ኣብታ ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበረት ሃዋርያዊት ማሕበር ከምቲ ኣብዚ እዋን ኣብ ብዙሓት ማሕበራት ዝርኤ ንጸጋ ህያባት ዝኽልክል ዶክትሪን፡ ቅዲ ኣካይዳን ምሕደራን ኣይነበረን። እቲ ከልካሊ ዝኾነ ድሩትነት ኣብታ ማሕበር ስፍራ ኣይነበሮን። ኣብታ ማሕበር እዚ ጸጋ ይሰራሕ እቲ ግና ክሰርሕ ኣይንደልን ወይ ኣይግባእን ዝብል ድሩትነት ኣይነበረን። እዚ ከምዚ ዓይነት ብሉጽ ምርዳእን ቅዲ ኣካይዳን ድማ እዩ ኣብ ዕቤት እታ ማሕበር መሪሕ ተራ ዝነበሮ። ጸጋ ህያባት ክይዓዪ እናኸልከልካ ናይ ኣምላኽ ምብጻሕን ዕቤትን ምምናይ ከምቲ ኣቦታት ዝብልዎ ሕልሚ ደርሆ እዩ።

እታ ክትዓብይ፡ ክትልወጥን ናይ ኣምላኽ ምብጻሕ ወይ ምጉናፍ ክትረክብን እትደሊ ማሕበር ንምግላጽ ጸጋ ህያባት ረዚን ክብሪ ክትህብ ክትክእል ኣለዋ። እወ እታ ለውጢ ኣብ ኲሉ ኣካይዳኣ ክመጸላ እትደሊ ማሕበር ኣብዚ መዳይ ብዙሕ ጊዜ ወሲዳ ንኹሉ እቲ ክትገብሮ ዘለዋ ብተወፋይነት እያ እትገብር።

# ጸጋ ህያባት ብዘይ ምኽልካል ክዓዩ፥ ክግበር ዘለዎ መምርሒ

## ሓይሊ ቃል ኣምላኽ ተረዲእና ብብዝሕን ተደጋጋሚን ምዝራእ

ንፉስ ከይርኤኻ ደበና ከይጠመትካ ብዛዕባ መንፈሳዊ ህያባትን ኣጠቓቕማኦምን ምዝራእ የድሊ። ሓደ እዋን ኣምላኽ "ኣብ ዘሎኻያ ማሕበር ክመጽእ እትደልዮ ነገር ክመጽእ ኣብኡ ኣተኩርካ ብቐጻሊ ክትምህር ኣሎካ" ኢሉኒ። ነዚ ተግባራዊ ብምግባር ድማ ብርክት ዝበሉ ካብ ተማሃሮይ ነቲ ዘለዎም ጸጋ ህያባት ኣለልዮም ኣብ ባይታ ክትርጉምዎ ክርኢ ክኢለ እየ። እቲ ዝልቀቐ ትምህርቲ ነቲ እትሓብኤ መንፈሳዊ ህያብ ናብ ጋህዲ ናይ ምውጻእ ምሉእ ብቕዓት ከምዘለዎ ድማ ኣረጋጊጸ ኣሎኹ።

## ነቶም በቲ ዘለዎም ጸጋ ከገልግሉ ዝደልዩ ሰባት ምትብባዕ

ንኣና ተራ መሲሉ ዝረኣየና ኣገልግሎት ንገሊኣቶም ዓብዪ ምድላዋት ዝገበሩሉን ብዙሕ ዝደኸሙሉን ክኸውን ስለዝኽእል ተበግሶ ክንንእድ ክንክእል ኣሎና። ኣካይዳና ድማ ዓጋቲ ከይኸውን ምጥንቃቕ የድሊ።

## ሓይሊ ዘለዎ ጸሎት ኣበርቲዕካ ብምጽላይ ጸጋ ህያባት ክፍታሕ ምግባር

ጸሎት ኣብ ምፍታሕ ጸጋ ህያባት ዓብዪ ግደ እዩ ዘለዎ። ብፍላይ ከኣ በቶም ናይ ነብዪነትን ትንቢትን ጸጋ ዘለዎም ቅዱሳን ዝምራሕ ናይ ሕብረት ጸሎት ኣብዚ መዳይ ዘለዎ ተራ ካብቲ እንሓስቦ ንላዕሊ እምብዛ ብዙሕ እዩ። ከምኡውን ሓይልን ትርጉምን ኣምልኾ ዝርድኦም መዘምራን ዓብዪ ተራ ስለዘለዎም ዝግብኦም ቦታ ክሕዙ ኣለዎም።

## ሰማያትካ ብምኽፋት ንከምኡ ዓይነት ኣካይዳ ምጥጣሕ

ሰማያት ብብዙሕ መገዲ ንብዙሕ ምኽንያት ይኽፈት እዩ። ሓደ ካብቲ ዕላማታት ድማ ንእተገልጹ ህያባት ክዓዩ ምምሕዳር እዩ። እተኸፍተ ሰማይ እተገልጸ ጸጋ ህያብ መመሊሱ ከደምቕ የመሓድሮ እዩ። ስለዚ ንኹሉ እቲ ሰማያት ንምኽፋት ክንገብሮ ዘሎና ነገር ብምግባር ሰማያትና ክንከፍቶ ኣሎና። ሰማያትና ንምኽፋት ካብቶም ሰማያት ዝዓጽው ነገራትን ሰባትን ምርሓቕ ድማ የድሊ። ብዛዕባ ምኽፋት ሰማይ ብ "ክፉት ሰማይ ኣርት ሚኒስትሪ" ተዳልዩ ኣብ እተዘርግሐ ዓሚቕ ምህሮ ስለዘሎ ቁጽሪ 7 ን 8 ረኺብካ ከተንብብ የተባብዓካ።

## በረኸት ሃዋርያትን ነብያትን ምቕባል

እቲ ኣዝየ ዘኽብሮን ንብዘሎ ምህሮታቱ ዝቕበሎን ናይ ኣምላኽ ሰብ ሃዋርያ ጆን ኤክሃርት ናብ እተፈላለየ ቦታታት ዓለምና እናተዛወረ ኣብ ዘገልግለሉ እዋን ሓደ ካብቲ ዝገበሮ ነገር ነብያት ናብ መድረኽ ወጺኦም ኣብ ልዕሊ እቲ ህዝቢ ትንቢት ክዛረቡ እዩ። እዚ ብመሪሕነት ሃዋርያ ዝካየድ ናይ ነብያት ኣዋጅ ድማ ኣብ ልዕሊ እቲ ህዝቢ ብዙሕ ምጥሓስ እዩ ዘምጽእ። ሓደ ካብቲ ብእኡ ዝርከብ ምጥሓስ ድማ ምግላጽ ኣብ ቅዱሳን ዘሎ ውህበት ጸጋ እዩ። ሎሚውን ብመንፈስ ዝቃጸሉን ዝምልኡን ኣገልገልቲ ኣብ ልዕሊ መጓሰ ኣምላኽ ኣእዳው ብምንባርን ብትንቢታዊ ኣዋጅን ንምግሃድ ጸጋ ህያባት ክዓዩ ክንገብር ኣሎና። ሕጂ ሃዋርያት ነብያት ብምልኣት ኣብ ምድርና ስለዘይተገልጹ ተስፋ ክንቆርጽ የብልናን። እቲ ኣምላኽ ነዛ ሃገር “ምንጪ ሃዋርያትን ነብያትን” ከም እትኸውን እትዛረቦ ትንቢት ናብ መወዳእታ ገጹ ይቕልጥፍ ስለዘሎ፡ ኣብ ቀረባ ርሕቕት ምስኦም ክንጓነፍ ኢና። ሓንትስ ኣብቲ ዝግለጹሉ እዋን ተጠቀምቲ ጸጋኦም ንምኳን ገዛእ ርእስና ነዳሉ እምበር እቲ ጊዜ ርሑቕ ኣይኮነን።

# ምዕራፍ ዓሰርተው ሸሞንተ

## ንኩሉ ዘሳትፍ ኣካይዳ

እቲ ኣብ ኣንጾክያ ዝነበረ ሃዋርያዊ ምንቅስቃስ ዝወለዶ ቅዱ ኣካይዳ፥ ሒደት ዝደምቁሉ ብዙሓት ድማ ነቶም ዝደመቑ ዘጣቕዑሉ ኣይነበረን። እዚ ኣብቲ ሃዋርያዊ ምንቅስቃስ ውጉዝ ስለዝኾነ ደሊኻ ኣይትረኽቦን ኢኻ። ክንዲ ዝኾነ ድማ እታ ኣብ ኣንጾክያ ዝነበረት ሃዋርያዊት ማሕበር ኣካይዳኣ ኣብ ውሱናት ሰባት ጥራይ ክሕጸር ኣይሓደገቶን። ኣብታ ማሕበር ካብ እተፈላለየ ዓሌታት እተኣከቡ እተፈላለየ ድሕረ ባይታ ዘለዎም ኣመንቲ ምንባሮም ድማ ነቲ ናይታ ማሕበር ዓለምለኻዊ ኣጠማምታን ንኩሉ ዘሳትፍ ኣካይዳኣን እዩ ዘነጽረልና።

ነቲ ኣብ ግ.ሃ13፡1- ዘሎ ቃል መሰረት ብምግባር ኣብታ ናይ ኣንጾክያ ማሕበር፡ ኔገር እተባህለ ስምኦን፡ ሉክዮስ ብዓል ቂሬኔ፡ ማይናን ምስ ሄሮድስ በዓል ርባዕ ሽመት ዝዐበየ፡ ሳውል በዓል ጠርሴስን ባርናባስ ብዓል ቆጵሮስ ከምዝነበሩ ነንብብ። *"ኣብታ ኣብ ኣንጾክያ ዝነበረት ማሕበር ከኣ ነብያትን መምህራንን ነበሩ፡ በርናባስን ኔገር እተባህለ ስምኣንን ሉክዮስ ብዓል ቄሬኔን እቲ ምስ ሄሮድስ ብዓል ርባዕ ሽመት ዝዐበየ ማናይንን ሳውልን።"*

ነዛ ፍቕዲ ብዝርዝር ንርኣያ፡-

- **<u>ኔገር እተባህለ ስምኦን</u>**
  እዚ ሰብ እዚ "ኔገር" ዝብል ላቲናዊ መበቈል ዘለዎ ቃል ንሕብሪ ቈርበቱ ብእኡ ኣቢሉ ድማ ንዓሌቱ ዘመልክት እዩ። ኔገር ጸሊም ማለት እዩ። ስለዚ እዚ ሰብ ዓሌቱ ኣፍሪቃዊ ምንባሩ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

- **<u>ሉክዮስ ብዓል ቂሬኔ</u>**
  ሉክዮስ ናይ ላቲን ስም እዩ። ወንጌል ንምስባኽ ካብ ዝመጹ ብዙሓት ሰበኽቲ ካብ ቂሬኔ ናይቲ ጊዜ ዋና ከተማ ሊብያ ዝመጹ ነይሮም እዮም (ግ.ሃ11፡20)። ብዙሓት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መምህራን ካብቶም ናብ ኣንጾክያ ዝመጹ ሰበኽቲ ሓደ እዚ ሉክዮስ እተባህለ ምኺኑ ይዛረቡ እዮም። ሉክዮስ ካብ ሊብያ ምምጽኡ ዓሌቱ ዓረባዊ ንምኻኑ የረድእ።

- **<u>ማናይን ምስ ሄሮድስ ብዓል ርባዕ ሽመት ዝዓበየ</u>**
  ናይዚ ሰብ እዚ ዓሌት ብልክዕ ኣብዚ ስፍራ ዋላ ክፍለጥ ኣይኽኣል፥ ኣብ ትሕቲ ሄሮድስ ኣብ ቤተመንግስቲ ብጽቡቕ መናባብሮን ምቹእ ባይታ ንዓለማዊ ምህሮ ኣብ

ዘለዎ ስፍራ ከምዝዓበየ ግና ካብቲ ጽሑፍ ንርዳእ። ከምኡውን ኣብ ቤት መንግስቲ ዝዓበየ ከም ምኳኑ መጠን ንፖለቲካዊ ተሳታፍነት ኣዝዩ ቀረባን ፍልጠቱ ኣብዚ መዳይ ብሱል ከኸውንን ናይ ግድን እዩ።

- **<u>ሳኦል ብዓል ጠርሴስ</u>**
  እዚ ሰብ ድማ እቲ ዳሕራይ ጳውሎስ እተሰመየ ጽኑይ ኣይሁዳዊ እዩ ነይሩ። ንሱ ብወንጌል ተማሪኹ ኣገልጋሊ ክርስቶስ ቅድሚ ምኳኑ ኣብ እግሪ ገማልኤል ተማሂሩ ዝዐበየ ዝወጸሉ ሃይማኖተኛ እዩ ዝነበረ።

- **<u>ባርናባስ ሌዋዊ ቆጵሮስ ዝዓሌቱ</u>**
  ብዛዕባ ባርናባስ ጽሑፋት ኣብ እንውከሰሉ እዋን ሌዋዊ ከምዝኾነን እተወልደሉ ቦታ ግና ቆጵሮስ ከምዝኾነን ኢና ንርዳእ። *"ዮሴፍ ከኣ፡ ብሃዋርያት በርናባስ እተባህለ፡ - ወዲ ምጽንናዕ ዝትርጉሙ፡ - ሌዋዊ፡ ቆጵሮስ ዝዓሌቱ፡"* (ግ.ሃ4፡36)።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝርኤናዮ እቶም ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበሩ ካብ እተፈላለየ ዓሌት (እተፈላለየ ቋንቋ፣ ባህሊ፣ ቅዲ ኣነባብራ ዘለዎም)፣ እተፈላለየ ናይ ኣተዓባብያን መንፈሳውን ድሕረ ባይታን እተፈላለየ ደረጃ ትምህርትን መነባብሮን ዝነበሮም ሰባት እዮም። ብብዙሕ ነገራት እተፈላለዩ ክነሶም ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓደ ምርዳእ ንሓደ ዕላማ ይዓዩ ምንባሮም ድማ ነቲ እታ ማሕበር ትኽተሎ ዝነበረት ንኩሉ ዘሳትፍ ኣካይዳ እዩ ዘጉልሓልና።

ሎሚ እቲ ኣብ እተፈላለየ ሃገራት ነጊሱ ዘሎ ዓሌታዊ ጽልኢ ንማሕበር ክርስቶስ'ውን ኣብ ዘንጸላልወሉ ዘሎ እዋን፥ ኣተሓሳስባኦም ካብ ዓሌት፡ ደረጃ መነባብሮ፡ ደረጃ ትምህርትን ድሕረ ባይታን ዝወጹ ሰባት ይድለዩ ኣለው። እዞም ሰባት እዚኣቶም ድማ ኣብታ ብሃዋርያዊ ቅዲ እትነብር ማሕበር ጥራይ እዮም ዝርከቡ። ቅዲ ኣካይዳ ናይ ኣንጾኪያ ዋላ ነቶም ካልእ ዓሌት ክነሶም ኣብ ውሽጢ እታ ከተማ ዝዓበዩ ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ነቶም ካብ ርሑቕ ዝመጹ ካልእ ዓሌትውን ደገ ኣገልግሎት ዝህብ እዩ ነይሩ።

ኣብ ፖለቲካዊ ዓለም ዝጠለቑ ሰባት ወንጌል ዝሰበኸሎምን ኣብ ዕዮ ወንጌል ደገ ዝኸፈተሎምን ኲይኑ ዘይስምዔን ማሕበራት ኣብ ዝበዝሓሉ እዋን፡ እታ ሃዋርያዊ ቅዲ ካብ ማሕበር ኣንጾኪያ እተመቕለት ማሕበር ግና ነዞም ከምዚኣቶም ከም ኩሉ ብኣምላኽ እተጸውዔ ሰብ ዝግብኦም ስፍራ ትህቦም እያ። ኣብ ፖለቲካዊ ዓለም ዝኣተው ሰባት ብኣእምሮ ክርስቶስ ኪቃነዩን ኣብ ማሕበር ህያው ኣምላኽ ክሳተፉን እንከለው ድርብ ረብሓ እዩ ዘለዎም። ሓደ ነታ ማሕበር ኣብቲ ፖለቲካዊ ዓለም ክትሳተፍ እሞ ኣብ ሃገራዊ ልምዓት፡ ድሕነት፡ ዕቤት…ወዘተ እጃማ ከተበርክት፡

በቲ ካልእ ድማ በቲ ካብ ማሕበር ዝረኸብዎ ደገፍ ተሓጊዞም ኣብቲ ዘለውዎ ዓውዲ ጸለውቲ ብምኧን መንግስቲ ኣምላኽ ከስፍሑ ይኽእሉ።

ዘመኖም ምሉእ ሃይማኖት ዝበልዖ ሰባት ምስ ዝመጹውን ቀይራ ናብ ኣብ ልዕሊ እቲ ዘመኖም ዝበልዔ መንፈስ ሃይማኖት ሕነ ክፈድዩሉ ዝኽእሉሉ በሪኽ እያ ተደይቦም። እቲ ቀደም ሃይማኖተኛ ዝነበረ ጳውሎስ ነቲ ሰፊሕ ኣገልግሎቱ ካብዛ ማሕበር እናተበገሰ እዩ ዝዓዮ ዝነበረ። ኣብዚ 21 ክፍለ ዘመን ነቲ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ንነዊሕ ዘመናት ዝዐረደ ሃይማኖታዊ ምህሮ ብፍልጠት ሓቂ ብምስዓር ንኣገልግሎት ብቑዓት ገይራ እተዳሉ ማሕበር ክትትንስእ እያ። ብዙሓት ዘመኖም ብኣምላኾ ጣኦት ተበሊዖ ዝነበሩ ናይ ሃይማኖት ሰባት ንእምነት ክእዘዙን ንብዙሓት ናብ እምነት ከምጽኡን ገይረን ዘዕጥቓ ማሕበራት ክስስና እየን።

ገፊሕ ኣገልግሎት ካብ ገፊሕ ራእይ እዩ ዝውለድ። ነዚ ከኣ ኣንጾኪያ ብግብሪ ተዓዊታትሉ እያ። ንሕናውን ራእይና ብምስፋሕ ንብዙሓት ዘሳትፍ ቅዲ ኣካይዳ ክንሃንጽ ኣምላኽ ይጽውዓና ኣሎ። ጸቢብ ኣመለኻኽታ ሒዝና ንብዙሓት ዘሳትፍ ዕዮ ክንዓይ ስለዘይንኽእል ብምግላጽ ቃል ኣምላኽን ደገፍ መንፈስ ቅዱስን ተሓጊዝና ራእይና ነስፍሕ። እቲ ንብዙሓት ማሕበራት ከይወጻ ዓጋቲ ዝኾነ ድሩትነት ኣባና ክስልጥን ኣይንሕደጐ። እቲ እንዓዮ ዕዮ ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ዕዮ ምኧኑ ብምግንዛብ ካብ ድሩትነት ሓራ ብምውጻእ ንመላለስ። ንምድሪ ዝጥቕልል ኣጀንዳ ኣምላኽ ኣባና ከምዘሎ ብምስትውዓል ኣብ ውሱን ነገር ጥራይ ሸንኰለል ኣይንበል። ንግፋሕ፥ መድረኻትና ድማ ብዙሓት ክሳተፉሉ ክፉት ይኹን።

# ምዕራፍ ዓሰርተው ትሽዓተ

## ምስጢር ኢድ ኣንብሮ ምርዳእን ምጥቃምን

ኢድ ኣንብሮ ኣብ ሃዋርያዊ ኣገልግሎት ዓብዪ ክብሪ ዘለዎ ኣገልግሎት እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ምስተን ኣብ እብራውያን እተጻሕፉ ሽዱሽተ መሰረታውያን ነገራት ተገሊጹ እንረኽቦ። *"...ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሐዲግና ብንስሓ ኻብ ምውት ግብሪ፡ ብእምነት ብኣምላኽ፡ ብትምህርቲ ጥምቀት፡* ***ብምንባር ኣእዳው፡*** *ብትንሳኤ ምውታት፡ ብናይ ዘለኣለም ፍርዲውን ክም ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት እሞ ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ።"* (እብ6፡1-2)። ኢድ ኣንብሮ ከም ኵሉ መንፈሳዊ ነገር ነቲ ኣብ ሰማይ ብኣምላኽ እተወድኤ ነገር ኣብ ምድሪ ናብ ህይወት ሰባት ኣብ ምፍታሕ ዓብዪ ግደ ዘለዎ ኣገልግሎት እዩ። ነዚ ምስጢር እተረድኤት ማሕበር ኣንጾክያ ድማ ንኣገልግሎት ኢድ ኣንብሮ ብግቡእ መዘሚዛቶ እያ። ኣብቲ ኣገልገልቲ ንዕዮ ወንጌል ኣብ እተበግሰሉ ዝነበረት እዋን ብኢድ ኣንብሮ ተፋንዎም ምንባራ ድማ ናይዚ ህያው ኣብነት እዩ። *"ሽዑ ጾሙን ጸለዩን ኣእዳዎም ከኣ ኣንበሩሎም እሞ ሰደድዎም።"* (ግ.ሃ13፥4)።

መጽሓፍ ቅዱስና ኣብ እንምርምረሉ እዋናት ኢድ ኣንብሮ ንብዙሕ መንፈሳዊ ዕዮ ኣብ ኣገልግሎት ውዒሉ ኢና እንረኽቦ። ነዚ ንብዙሕ ኣገልግሎት ዝወዓለ መንፈሳዊ ነገር ንሕናውን ከምታ ብብዙሕ ሸነኻታ ኣብነታዊት ዝኾነት ማሕበር ኣንጾክያ ክንጥቀመሉ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ገለ ካብ ኣገልግሎታቱ ክንጠቅስ፦

- <u>**ጸጋ ንምምቓል ወይ ንምፍታሕ**</u>

  ኣምላኽ ስርሑ ብመገዲ ሰብ ኣቢሉ ዝገበር ኣምላኽ ስለዝኾነ ነቲ ናብ ሰባት ክሕልፎ ዝደልዮ ሓይልን ቅብኣትን ብካልኦት ሰባት ኣቢሉ እዩ ዘሕልፎ። ካብቲ ብሰባት ናብ ሰባት ዘሕልፈሉ መገድታት እቲ ሓደ ድማ ኢድ ኣንብሮ እዩ። *"ነቲ ብትንቢትን ብምንባር ኢድ ሽማግሌታትን እተዋህበካ፡ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ጸጋ ዕሽሽ ኣይትበሎ።"* (1ጢሞ4፡14*)። "ነቲ ብምንባር ኢደይ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ኣምላኽ ክትሕድሶ ኤዘክረካ ኣሎኹ።"* (2ጢሞ1፡6)። ከምቲ ኣብዘን ጥቕስታት ተገሊጹ ንዕዘቦ ዘሎና ብኢድ ኣንብሮ ውህበት ጸጋ ይፍታሕ ወይ ይምቐል እዩ።

  ነዚ ብኢድ ኣንብሮ ጸጋ ናይ ምምቓል መስርሕ ድማ በዞም ዝስዕቡ መቂልና ክንርእዮ ንኽእል ኢና።

፩. **ንዘሎካ ምምቃል**

ነዚውን ኣብ ክልተ ኢና ንመቕሎ። ምሉእ ብምሉእ ነቲ ዘሎካ ምምቃልን ከፊላዊ ነገርካ ምምቃልን። ሙሴ ንእያሱ ካብቲ ዘለዎ ግርማ ከመቕሎ ብኣምላኽ ኢዱ ከንብረሉ እዩ ተነጊርዎ (ዘሁ27፥18-20)። እያሱ ብምንባር ኣእዳው ሙሴ ሞገስን ጥበበን ካብ ሙሴ ምስ ተመቕለ ከምቲ ሙሴ ዝኾኖ ኰይኑ፡ ነቲ ሙሴ ዝነበሮ ኵሉ ድማ ክጭብጦ ክኢሉ። እቶም ካብ ሙሴ መንፈስ እተመቕሉ ሰብዓ ሰባት እንተድኣ ሪኢናዮም ግና ከም እያሱ ንኩሉ እቲ ኣብ ሙሴ ዝነበረ ኣይተመቕልዎን። ንሳቶም ካብቲ ኣብ ሙሴ ዝነበረ ብዙሕ ነገር ንጸሩ ጥራይ እዮም ተመቒሎም (ዘሁ11፥17)። እያሱ ግና ብምምንባር ኣእዳው ሙሴ ነቲ ናይ ሙሴ ማዕርግን ናይ ኣገልግሎት ኣጀንዳን ከይተረፈ እዩ ተመቒልዎ።

፪. **ዘይብልካ ጸጋ ምፍታሕ**

ምፍታሕ ክብል እንከሎኹ ነቲ እቲ ሰብ ክቕበሎ ዘለዎ ኣባኻ ግና ዘየልቦ ጸጋ ብትንቢታዊ ጠመተ ድሕሪ ምጥማትካ ናብ ህይወት እቲ ሰብ ክልቀቕ መገዲ ምኽን እዩ። ንኣብነት ንስኻ ዓሳ ብምኺንካ ሃዋርያዊ ጸጋ የብልካን፥ እቲ ኢድካ ብምንባር ውህበት ጸጋ ክትፈትሓሉ ዝድለ ዘሎ ሰብ ግና ሃዋርያዊ ጸጋ ክቕበል ተመቢዱ ኣሎ ንበል። ኣብዚ ከምዚ ሃዋርያዊ ጸጋ ንምፍታሕ ናይ ግድን ሃዋርያ ምኺን ኣየድልየካን። ካብ ኣእምሮኣዊ እምነትን ልባዊ ድሌትን ዝሓለፈ ትንቢታዊ ጠመተን ኣዋጅን እንተድኣ ሃልዩካ ዓሳ ክነስኻ ብኢድ ኣንብሮ ኣብቲ ሰብ ሃዋርያነት ክትፈትሕ ትኽእል ኢኻ።

፫. **ንዘለዎም ንምልዕዓል ዝኸውን ተወሳኺ መንፈሳዊ ጸጋ ምምቃል**

ኣብ ኣገልግሎተይ ከም እተሞከርክዎ ውህበት ጸጋ ብጸጋ እዩ ዝለዓዐልን ዝግለጽን። ነቲ ብብዙሕ እተፈላለየ መገዲ ኣብ ውሽጥኻ ኣትዩ እተኸዘነ ወህበት ጸጋ ንምልዕዓልን ንምግላጽን ተወሳኺ ጸጋ የድልየካ። ነዚ ከኣ ብኢድ ኣንብሮ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። እቲ ኣብ ልቢ ብዙሓት እትከዘነ ጸጋ ብኢድ ኣንብሮ ብዝምቀል ጸጋን ሓይልን ዝግብኦ ቦታ ብምሓዝ ይግለጽ።

- ***መንፈስ ቅዱስ ንምሃብ***

እታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ማሕበር፥ ሰማርያ ወንጌል ከምዝበጽሓ ምስ ተሰምዔ እቶም ሃዋርያት ንጴጥሮስን ዮሃንስን ከም ዝለኣኹሎም እሞ ነቶም ድሮ ኣሚኖም እተጠምቁ ክነሶም ግናኸ መንፈስ ቅዱስ ዘይወረዶም ብኢድ ኣንብሮ መንፈስ ቅዱስ ክቕበሉ ከምዝገበርዎም ቅዱስ ቃል ይነግረና *“ብስም ጐይታና የሱስ ጥራይ ደኣ ተጠሚቖም ነበሩ*

*እምበር፡ መንፈስ ቅዱስ ገና ኣብ ሓደ ኻባታቶም እኳ ኣይወረደን ነበረ እሞ፡ ጴጥሮስን ዮሃንስን ወሪዶም፡ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ኪቕበሉ፡ ጸለዩሎም። ሽዑ ኣእዳዎም ኣንበሩሎም እሞ መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ።"* (ግ.ሃ8፡14-17)። ኣብዚ እቲ "መንፈስ ቅዱስ ገና ኣይወረደን" ዝብል ሓሳብ ነቲ ፍሉይ ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓይሊ ምቕባል፡ ቋንቋታት ንምጽላይን ውህበት ጸጋ ንምምቓልን እንተዘይኰነ ንምሕታም መንፈስ ቅዱስ ዘመልክት ኣይኰነን (ግ.ሃ19፡5-6)። ምኽንያቱ መንፈስ ቅዱስ ዘይብሉ ናይ ጐይታ ክኸውን ስለዘይክእልን (ሮሜ8፡9) ማሕተም መንፈስ ቅዱስ ምስ ዳግም ምውላድ ዝወሃብ ስለዝኾነን (ኤፌ1፡13)። ንሳቶም ከኣ ድሮ ኣሚኖም እተጠምቑ እዮም ኔሮም።

ስለዚ ንኣመንቲ ብኢድ ኣንብሮ መንፈስ ቅዱስ ክቕበሉ ምጽላይ ማለት ብመንፈስ ክሕተሙ ወይ ቅድሚ ሕጂ ዘይነበሮም መንፈስ ክኣትዎም ምግባር ከምዘይኰነ ክንጽረልና ይግባእ። ብኢድ ኣንብሮ መንፈስ ቅዱስ ክቕበሉ ምግባር ማለት ካብ መንፈስ ቅዱስ ንዝኾነ ውህበት ጸጋን ሓይልን ክቕበሉ ምግባር እዩ። ሎሚ ናይ ኣምላኽ መንፈስ ኣብ ኵሉ ጉባኤታትና ክሰርሕ እሞ ክመቕሎ ንዝደለዮ ናቱ ነገር ክመቕለና ምስጢር ኢድ ኣንብሮ ተረዲእና ንምትግባሩ ክንጓየይ ኣሎና።

- **<u>ጥበብ ንምምቓል</u>**

እቲ ቦታ መሪሕነት ካብ ሙሴ እተቐበለ እያሱ ኣብቲ እተመደቦ ቦታ ዕውት ኰይኑ ክወጽእ ጥበብ ኣምላኽ የድልዮ ነይሩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ኣምላኽ ብመገዲ ኢድ ኣንብሮ ናይ ሙሴ ሰማያዊ ጥበብ ክምቀል ዝገበሮ። *"ንእያሱ ወዲ ነዌ ድማ፡ ሙሴ ኢዱ ስለ ዘንበረሉ፡ መንፈስ ጥበብ መልኦ።"* (ዘዳ34፡9)። ንህይወት ይኹን ንኣገልግሎት ዝኸውን ጥበብ ኣምላኽ ብኢድ ኣንብሮ ክንምቀል ንኽእል። ብዙሓት ኣመንቲ ነቲ ዘለዎም ሓዳር፡ ስራሕን ኣገልግሎትን ከመይ ጌይሮም ከምዝመርሕዎ ኣይፈልጡን እዮም። ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮም መታን ክመርሕዎ እቲ ዘድሊ ጥበብ ኣምላኽ ክምቀሉ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ነፍስ ወከፍ ኣብ ቅኑዕ ህይወት ዘሎን ካብ ላዕሊ ጥበብ ዝበዝሓሉን ኣገልጋሊ ጥበብ ንምምቓል ኢዱ ኣብ ልዕሊ መጓሲኡ ከንብር ዘለዎ።

- **<u>ንምዕጣቕ</u>**

ኤልያስ ቀቅድሚ ኣከኣብ ንምጕያይ ክዕጠቕ ናይ ግድን የድልዮ ነይሩ። ነዚ ናይ ምዕጣቕ መስርሕ ተፈጻሚ ክኸውን ዝገበረት ድማ እታ ኣቕዲምና ዝርኤናያ ኢድ ኣምላኽ እያ (1ነገ18፥)። ኢድ ኣምላኽ ኣብ ህይወት ሰባት ኣብ እትመጻሉ እዋን ንናብራ፣ ንኣገልግሎትን ንመንፈሳዊ ቅልስን ዝኸውን ምዕጣቕ ይከናወን። እዛ እተዕጥቕ ኢድ ድማ ብብዙሕ

መገድታት እያ ናብ ህይወት ሰባት እትሓልፍ። ሓደ ካብቶም መገድታት ድማ ኢድ ኣንብሮ እዩ። ኣምላኽ ባሕሪ ክመቅል ምስደለየ ነተን ዘለኣለማውያን ቀላጽም ብየማን ሙሴ እዩ የሕሊፍወን (ኢሳ63፥)። ስለዚ ድማ ኢና እታ ንምዕጣቕ እትዓዪ ኢድ ኣምላኽ ብኢድ ኣንብሮ ትሓልፍ እያ ኢልና እንኣምን።

- **<u>ተሓድሶ ንምግባር</u>**

ተሓድሶ ናብ ንቡር ምምላስ፡ ከም ብሓድሽ ምህናጽ፡ ንዝሃሰሰ ነገር ምኹላዕ እዩ። ኣብ ገለ እዋናት ህይወትና ብእተፈላለየ ምኽንያት ይፈርስ ወይ ይጉዳእ እዩ። ከምኡውን ገለ ነገርና ኣቕዲሙ ዝነበሮ ጽልዋን ሓይልን ዝሃሰሉ ኣጋጣሚታት ክህሉ ይኽእል። ነዚ ናብ ንቡር ንምምላስን ዳግም ንምኹላዕን ካብ ዘድልዩና ባእታታት ሓደ ድማ ኢድ ኣንብሮ እዩ። ብኢድ ኣንብሮ ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ዝፍትሓሉ እዋን ህይወት ሰባት ናብ ንቡር ይምለስ፣ ከም ብሓድሽ ይህነጽን ዝሃሰሰ ነገር ይኹላዕን።

- **<u>ኣርዑት ንምስባርን ምጥሓስ ንምምጻእን</u>**

ሰይጣን ብብዙሕ እተፈላለየ መገዲ ኣብ ህይወት ሰባት ንዘንበሮ ኣርዑት፥ ብኢድ ኣንብሮ ብምስባር ኣብ ህይወት ሰባት ምጥሓስ ከተምጽእ ይከኣል እዩ።

- **<u>ንፈውሲ</u>**

መንፈሳዊ፡ ነፍሳውን ስጋውን ፈውሲ ናብ ካልኦት ንምልቃቕ ኢድ ኣንብሮ ብሉጽ መገዲ እዩ። እዚ ግና ኢድ ኣንብሮ ብርእሱ ይፍውስ ማለት ኣይኮነን። ይኹን ደኣ እምበር ብእምነትን መሪሕነት መንፈስ ቅዱስን ዝግበር ኢድ ኣንብሮ ኣምላኻዊ ፈውሲ ናብ ሰባት ክሓልፍ ደገ ከፉቲ ኮይኑ ከምዘገልግል ክንርዳእ ኣሎና። በዚ ኣገባብ ብዙሕ ኣፋውስ ናብ ሰባት ከምዝሓለፍ ኣብ ብዙሕ ክፋላት መጽሓፍ ቅዱስ ተመዝጊቡ ኣሎ (ማር6፡5 7፡32 16፡18 ሉቃ4፡40 13፡13 ግ.ሃ28፡8)።

- **<u>ንምሿም</u>**

ኣብ ቦታ ኣገልግሎትን መሪሕነትን ንእተመደቡ ኣመንቲ ኣብቲ ክህልውዎ ዝግብኦም ቦታ ንምምጻእ ዝግበር ሹመት ካብ ዝካየደሎም መገድታት ሓደ ኢድ ኣንብሮ እዩ (ግ.ሃ14፡23 ዘሁ27፡18-23)። ንኣገልግሎት ምሿም፥ ምቕባእ ከምኡውን ኣፍልጦ ምሃብ እዩ። ንኣብነት ነቶም ኣብ ግ.ሃ6 ንኣገልግሎት መኣዲ እተመዘዙ ቅዱሳን ምስ እንርእዮም፥ ብጽቡቕ

እተመስከረሎምን መንፈስ ዝመልኦምን ምኺኖም ስለተኣመነሎም ኣብ ቅድሚ ሃዋርያት ቀሪቦም ብኢድ ኣንብሮ ከም እተጸለየሎም እሞ ናብቲ እተመደቡሉ ዕዮ ከምዝኣተው ንርዳእ። እቲ ብሃዋርያት እተገብረሎም ጸሎትን ኢድ ኣንብሮን ኣፍልጦ ንምሃብን ንስራሕ ንምብጋስን እተፈጸመ ሹመት እዩ ኢልና ክንድምድም ንኽእል (ግ.ሃ6፡6)።

- **<u>ንምብራኽ</u>**

ጐይታ የሱስ ነቶም ክባርኾም ዝደለዮም ህጻናት ኢዱ የንብረሎም ከምዝነበረ ቅዱስ ቃል ይነግረና (ሉቃ24፡50 ማቴ19፡15 ማር10፡16)። ያእቆብውን ንደቂ ዮሴፍ በረኸት ኣምላኽ ከሕልፈሎም ምስ ደለየ ኣእዳው ኣብ ልዕሊኦም ብምንባር እዩ ቃል ትንቢት ኣብ ልዕሊኦም ኣዊጁ። ሎሚ'ውን ትንቢታዊ ቡራኬ ብኢድ ኣንብሮ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ይሓልፍ እዩ። ነቲ በረኸት ኣምላኽ ክፍትሓሉ ዝድለ ሰብ ኢድካ ብምንባር ክትባርኾ ይከኣል እዩ። ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ኣእዳውና ኣብ ልዕሊ ሰብ ኣብ እነብረሉ እዋን፥ ኣምላኽ በረኸቱ ይመቕለና።

## ምዕራፍ ዕስራ

## መምህራንን ትምህርትን ዝግብኦም ቦታ ዝሓዙላ ማሕበር

እቲ ኣብ ምስራትን ቅርጺ ምትሓዝን ዝለዓለ ግደ ዘለዎ ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ኣብታ ናይ ኣንጾኪያ ማሕበር ከም ሓደ ተራን ልምዳዊን ነገር ዘይርኤ፥ እኳ ደኣ ዓብዪ ኣቓልቦ ዝወሃቦ ረዚን ኣገልግሎት እዩ ነይሩ። ኣብ ናይ ኣንጾኪያ ማሕበር ሰብ ስለ እተኣኸበ ጥራይ ወይ ግድን ከመሃር ስለዘለዎ ጥራይ ነቲ ህዝቢ ዝምህር ኣገልጋሊ ከምኡውን ልምዲ ስለዝኾነ ጥራይ ቃል ኣምላኽ ሰሰሚዑ ዝኸይድ መጓሰ ኣይነበረን። እታ ማሕበር ክብርን ኣገዳስነትን ናይ ትምህርትን መምህራንን ኣገልግሎት ትርዳእ ብምንባራ ብምሉእ ተወፋይነት እያ ሰሪሓትሉ። ስለዝኾነ ድማ እዩ እቶም ኣብታ ማሕበር ዝነበሩ መምህራን ዝግብኦም ስፍራ ሒዞም እንረኽቦም (ግ.ሃ13፥1)።

ናይ ቃል ኣገልግሎት ምሉእ ገይሩ ዝቐርጽ፡ ንመጻኢኻ ኣብ ግምት የእትዩ ብምልኣት ዘዳሉ ምኺኑ በታ ማሕበር እቲኣ ጽቡቕ መረዳእታ ስለዝማዕበለ ዝግብኦ ቦታን ክብርን ተዋሂብዎ እዩ። ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎት፤

- ቅርጺ የትሕዝ
- መሰረት የደልድል
- ዕምቈት ክርስትና ክትርዳእ ይገብር
- ናይ መትከል ሰብ ገይሩ የጽንዕ
- ንፍጻሜኻ ዝኸውን ወይ ናብኡ ዘብጽሕ ህይወት ይህብ
- ብጹሕን ምሉእን ሰብ ይገብርን ንኣገልግሎት የዳሉን

ስለዝኾነ ድማ እዩ ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ኣብዛ ናይ መወዳእታ ዘመን ቤተክርስትያን ዝግብኦ ቦታ ክወሃቦ ዘድሊ።

ብዛዕባ መምህራን ክንሓስብ እንከሎና መምህራን ዓሞቕቲ ምህሮታት ንምምሃር ካብ ኣምላኽ ስልጣን እተቀበሉ ምኺኖም ክንርዳእ የድሊ። መምህራን፤

- ንቃል ኣምላኽ የብርሁ፥
- ዕምቈት ናብ ዘለዎ ምርዳእ የእትው
- ይመርሑ
- ንመጓሰ ኣምላኽ ናብቲ ብፍልጠት ዝርከብ ምንጋፍ የብጽሕዎ።

ኣምላኽ ናብ ሕብረት እምነት፥ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፥ ናብ እኹል ሰብኣይን ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስን ብምብጻሕ ንምህናጽ ኣካል ክርስቶስ ብቑዓት ኰይንና ክንርከብ ካብ ዝሃበና ናይ መሪሕነት ህያባት ሓደ ናይ ምምህርና ቅብኣት እዩ። መምህራን ናብ ፍጻሜ ከብጽሑና ብኣምላኽ እተሾሙልና ክሳዕ ዝኾኑ ክንጥቀመሎም ይግባእ።

እቲ ኣብ ኣንጾክያ ዝግብኦ ቦታ ዝሓዘ ናይ ምምህርና ቅብኣት ምስ ነብያት ተኣሳሲሩ ብምስራሕ ነቲ ኣብ ጳውሎስን ባርናባስን ዝነበረ ናይ ሃዋርያነት ጸጋ ኣብ ምውጻእ ልዑል ተራ ተጻዊቱ እዩ። ሎሚውን መምህራን ነቲ ካብ ኣምላኽ እተቐበልዎ ዓሞቕቲ ምህሮታት ኣብ ማሕበር ኣብ ዝፈትሑሉ እዋን ናይ መንፈስ ቅዱስ ንፋስ ስለዝንቀሳቀስ ብዙሓት ተቐቢሮም ዝነበሩ ጸጋታትን ኣገልገልትን ይግለጹ እዮም። ማሕበር ክርስቶስ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ነቶም ኣብ ማእከላ ዘለው መምህራን ናብ ግቡእ ቦታኦም ከተምጽኦም ኣለዋ።

ሰይጣን ብትምህርቲ ንዝመጽእ ምንጋፍን ትንሳኤን ኣጸቢቑ ስለዝፈልጦ፥ ተጠቀምቱ መታን ከይኰኑ "ሓይሊ ደኣ እምበር ፊደል ኣየድልን፥ ናይ እተምሃርካ ኣይኰነን ናይ ዝነበርካሉ እምበር" ዝብሉ ሓቅነት ዘለዎም ዝመስሉ ሓሳባት ኣብ ኣእምሮኦም ስለዘስረጸ ብዙሓት ካብ መኣዲ ትምህርቲ ርሒቖም እዮም። ብርግጽ ሓይሊ ኣምላኽ የድልየና እዩ፥ ነቲ ዝሰማዕናዮ ድማ ክንእዘዞ ኣሎና። እዚ ማለት ግና ብስሩዕ ክንመሃር ኣየድልን ማለት ኣይኰነን። እቶም ኣብ ምድሪ ጸለውቲ ኰይኖም ዝወጹ ኵሎም ኣገልገልቲ ኣብ እግሪ ኣገልገልቲ ኰፍ ኢሎም እተመሃሩ ምንባሮም ምስክርነቶም ሂቦም እዮም። ዝበጻሕናዮ ዘይብልና "ዝምህረኒ ኣየድልየንን" እንተበልና ክንዮ ርእስና ምጥባር እነምጽኦ ነገርን እንምስጦ ሰብን ኣይህልወናን እዩ።

ነቲ ንሓይሊ ትምህርቲ ብእተፈላለየ ካልእ ንጥፈታት ዝተክኤ፥ ሃይማኖት ወይ ስርዓት ሰብ ኣብ ቤተክርስትያን ንዝጸንሖ ጽልዋ ከነህስሶ እዋኑ እዩ። መዓሙቕ ብፍልጠት ኣምላኽ ከም ዝኽፈት ተረዲእና (ምሳ3፥21) ካብ ኣምላኽን ኣገልገልቱን ክንመሃር ኣሎና። እቲ ድሮ ዘሎና ነገር ናብ ባይታ ዝግሃድ፥ እቲ ዝጐደለና ድማ ዝምላእ ብሓይሊ ትምህርቲ እዩ። መምህራንን ናይ ትምህርቲ ኣገልገልትን ነቲ ኣብ ማሕበር ዘሎ እተፈላለየ ናይ ኣገልግሎት ክፍልታት ከም መገብቲ ኰይኖም ብምዕያይ የደልድልዎን ግቡእ ቅርጺ የትሕዝዎን እዮም። ኣብቲ ሓሳብ ኣምላኽ ብትምህርቲ እተፈትሓሉ ኣብኡ ህልውና ኣምላኽ ከምዘሎ ተረዲእና ንምስማዕ ደሃይ ኣምላኽ ከም ተማሃራይ ኣእዛንና ከነንቕሕ ኣሎና።

# ምዕራፍ ዕስራን ሓደን

## ነብያውን ትንቢታውን ኣገልግሎት

እታ ኣብ ኣንጾክያ ዝነበረት ማሕበር ነቲ ናይ ትንቢት ውህበትን ናይ ነብዪነት ናይ መሪሕነት ጸጋን ዝግብኦ ክብሪ ብምሃብ ነቲ ብእኡ ዝርከብ መንፈሳዊ ረብሓ ከምቲ ዝግባእ መዝሚዛቶ እያ። ኣብ ግ.ሃ11፡27 ምስ እንርኢ እቶም ኣብኣ ዘገልገሉ ነብያት ብደገ ካብ ካልእ ስፍራ ዝመጹ ምኳኖም ንግንዘብ። ኣብ ግ.ሃ13፡1 ምስ እንዕዘብ ድማ እቶም ነብያት ኣብ ውሽጣ ዝፈረዩ ከምዝነበሩ ንርዳእ። እዚ ከኣ እቲ ዝግለጽ ነብያዊ ኣገልግሎት ካብ ማእከል እታ ማሕበር ብዝበቑሉ ቅዱሳን ይኹን በቶም ካብ ካልእ ስፍራ ተላኢኾም ዝመጹ ብዘየገድስ ነቲ ነብያዊ ኣገልግሎት ዝግብኦ ክብሪ ከምዝሃበቶ እዩ ዘርኢ።

ሎሚ መብዛሕትኦን ማሕበራት ብድንግዝግዝ ዝኸዳ ዘለዋ ነቲ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እናጠመተ ኣንፈት ጉዕዞኤን ንዝቕልስ ነብያዊ ኣገልግሎት ዝባነን ስለዝሃባ እዩ። ነብያዊ ኣገልግሎት ንማሕበር ናብቲ ክትሕዞ ዝግብኣ ማእዝን ዝመርሕ ኣዝዩ ኣገዳሲ ናይ መሰረት ጸጋ እዩ (ኤፌ2፥19-20)። እቲ መሰረት ማሕበር ክኸውን እተፈቕደሉ ነብያዊ ኣገልግሎት ኣብ መብዛሕትኤን እተን ኣብዚ ዘመን ዝርከባ ማሕበራት ስፍራ ዝወሃቦ ኣገልግሎት ኣይኰነን። ገለ ገለ ማሕበራት ድማ ትንቢት ኣብ ጉባኤ ክንገር ስለዘፍቀዳ ጥራይ ነብያትን ነብያዊ ኣገልግሎትን ተቐቢለን ማለት ከምዘይኰነ ምስትውዓል የድሊ። ከምቲ ዝፍለጥ ናይ ነብዪነትን ትንቢትን ጸጋ ይፈላለ እዩ። ነብዪነት ናብ ቦታ ስልጣን ዘምጽእ ናይ መሪሕነት ህያብ ክኸውን እንከሎ፡ ትንቢት ግና ነቲ ኣምላኽ ክብሎ ደልይዎ ዘሎ ነገር ንምግላጽ እትምቀሎ ምቃል ህያብ እዩ።

## ነብያዊ ኣገልግሎት

ብዛዕባ ነብያዊ ኣገልግሎት ክፍለጥ ዘለዎ ኣዝዩ ብዙሕ ነገር እዩ ዘሎ። ነዚ ዓሚቕ ዝኾነ ሓሳብ ኣብ ውሽጢ ሓደ ምዕራፍ ክንዛረቦ ዋላ ኣይንኽእል'ምበር፥ ብዛዕባ ኣገልግሎት ነብያት፥ ከም መዘኻኸሪ ሓጺር ሓበሬታ ምቕራብ ኣድላዪ እዩ።

- **<u>ናይ መሰረት ኣገልግሎት እዩ</u>**
  *"እምበኣርሲ ንስኻትኩም ኣብቲ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን እተነደቕኩም ደጊም ደቂ ዓዶም ንቕዱሳንን ስድራ ቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኰንኩምን"* (ኤፌ2፡20)። ማሕበር ክርስቶስ

ጽንዕትን ብኹሉ ብልጽግትን ኰይና ክትህነጽ ከም መሰረት ከገልግልዋ ካብ እተዋህቡ ናይ መሪሕነት ኣገልግሎታት ሓደ ነብያዊ ኣገልግሎት እዩ።

- <u>**ፍሉይ ምግላጽ ዘለዎ ኣገልግሎት እዩ**</u>
  ነብያዊ ኣገልግሎት፣ ካብ ደቂ ኣዳም እተፈለየ እዚ ማለት ኣቐዲሙ ብሰባት ዘይተፈልጠ ምስጢር መንፈሳዊ ዓለም ዘለዎ ኣገልግሎት እዩ። ***"ከምቲ እዚ ሕጂ ነቶም ቅዱሳን ሃዋርያቱን ነብያቱን ብመንፈስ እተገልጸሎም ኰይኑ ኣብቶም ካልኦት ወለዶ ንደቂ ኣዳም ኣይተፈልጠን፡"*** (ኤፌ3፡5)። ነብያዊ ኣገልግሎት ንመንፈሳዊ ዓለም ኣዝዩ ቀረባ ዝኾነ ኣገልግሎት ብምዃኑ ብሉጽን ኣገራምን ሓቅታት ናይ ምግላጽ ብቕዓት ይውንን።

- <u>**ንድንቁርና፡ ስርዓት ሰብ፡ ሃይማኖት፡ ርኽሰት፡ ዘይልውጥ ህይወትን ነዚ ዝኣመሰለን ዘየናሕሲ ሓያል ኣገልግሎት እዩ**</u>
  ኣብ ቅድሚ እተገልጸ ነብያዊ ኣገልግሎት ደው ክብል ዝኽእል ድንቍርናን ንማሕበር ናብ ምንዝርና ዝመርሕ ስርዓት ሰብ ክህሉ ኣይከእልን። ሃይማኖት በዚ ኣገልግሎት ይቕጻዕ እዩ። ከምኡውን በዚ ኣገልግሎት ርኽሰት ይኹን ብብዙሕ ካልእ መገድታት ምልዋጥ ዝኣበየ ህይወት መኽተምታ ይግበረሉ እዩ።

- <u>**መናገፍን ሓላውን ኣገልግሎት እዩ**</u>
  ነብያዊ ኣገልግሎት ካብ ጽልዋን ማእሰርቲን ጸልማት ሓራ ዘውጽእን ካብ ጥፍኣት ዝሕሉን ኣገልግሎት እዩ። ***" ግናኸ እግዚኣብሄር ንእስራኤል <u>ብኢድ ነብዩ</u> ኻብ ግብጺ ኣውጽኦ፡ ብኢድ ነብዩ ኸኣ ሐለዎ።"*** (ሆሴ12፡13)።

- <u>**ንማሕበር ኣንፈት ዝህብ ናይ መሪሕነት ኣገልግሎት እዩ**</u>
  ብመለኮታዊ ሓይልን ስልጣንን ማሕበር ኣምላኽ እትኸደሉ ኣንፈት ዝህብ ናይ መሪሕነት ኣገልግሎት እዩ።

- <u>**ንማሕበር ናብ ፍጻሜኣ ክትበጽሕ ዝገብር ሓያል፡ ደራኺን ዘዕጥቕን ኣገልግሎት'ዩ**</u>
  ማሕበር ነቲ ክትበጽሖ ብክርስቶስ እተመደበቶ ኩሉ ክትበጽሖ ካብ እተዋህብዋ ናይ መሪሕነት ህያባት ሓደ ነብዩነት እዩ (ኤፌ4፥11-13)።

- <u>**ንሰባት ዝቐብእ ወይ ድማ ናብ ቦታ ስልጣን ዘምጽእ ኣገልግሎት እዩ**</u>
  ንሳኦልን ዳዊትን ናብ ቦታ ስልጣን ክመጹ ዝቐብኦም ነብዩ ሳሙኤል እዩ። ንየሁ ብመገዲ ሓደ ካብ ደቂ ነብያት ዝቐብኦ ድማ ነብዩ ኤልሳእ እዩ። እዚ ኣገልግሎት ንብዙሓት

ኣገልግሎታት ብዅሉ መዳይ ምሉኣት ኲይኖም ንክወጹ ዝሕግዝ ብምዃኑ ረብሓኡ እምብዛ ዓብዪ እዩ።

- **<u>እዋናውን መጻኢን ሓሳብ ኣምላኽ ንወለዶታት ዘግህድ ኣገልግሎት እዩ</u>**
  *"ኣምላኽ ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ መገድን ቀደም ነቦታትና ብነብያት ገይሩ ምስ ተዛረቦም..."* (እብ1፥1)። ኣብ ብዙሕ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ነብያት ሰማያት እናኣንበቡ እዋናዊ ሓሳብ ኣምላኽ የግህዱ ከምዝነበሩ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። ኣብ ልዕሊ ኩሉ በረኸቲ ልዕል ኢልካ ንምምልላስ እዋናውን ናይ መጻኢን ሓሳብ ክትምቀል የድሊ። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ብኣምላኽ ካብ እተሰርዑ ኣገልግሎታት ሓደ ድማ ነብያዊ ኣገልግሎት እዩ።

- **<u>ነቶም ዝስሕቱ ናብ ኣምላኽ ክምለሱ ዝምዕድ ኣገልግሎት እዩ</u>**
  ***"..ነብያትካ ጌርካ መዐድካዮም..."*** (ነህ9፥30)። ማሕበር ናብቲ ቅኑዕ ሓሳብ ኣምላኽ ክትኣቱ ዝእርምን ስርዓት ዘትሕዝን ኣገልግሎት ብምዃኑ ረብሓኡ ኣመና ብዙሕ እዩ። ብዘጋጥሙ ጌጋታት ምጥፋእ ምእንቲ ከይህሉ ገኒሑ ናብ ኣምላኽ ዘቕንዕ ኣገልግሎት እዩ።

- **<u>ዝምዕድ ዘበርትዕ ኣገልግሎት እዩ</u>**
  ***"..ንሳቶም ነብያት እዮም ዝነበሩ እሞ ነቶም ኣሕዋት ብብዙሕ ቃል መዐድዎምን ኣበርትዕዎምን።"*** (ግ.ሃ15፥32)። ንእተጀመሩ ዕዮታት ፍጻሜ ክረኽቡ ዘበራትዕ፥ ንቅድሚት ምምራሽ ምእንቲ ክህሉ ዝገብር ኣገልግሎት እዩ።

- **<u>ዝተክል ዝሃንጽ ዝነድቕ ኣገልግሎት እዩ</u>**
  ***"...ነብዪ ኸትከውን ድማ መደብኩኻ.... ክትነድቕን ክትተክልን ኣቕመካ እየ..።"*** (ኤር1፥5,10)። ነቲ ናይ ኣምላኽ ዘበለ ዝዘርእ፥ ዝሃንጽ ኣገልግሎት እዩ። ኣምላኽ በብእዋኑ ንኩሉ ወለዶ መታን ከገልግል ዝነድቆ ነገር ኣሎ። ነብያዊ ኣገልግሎት ድማ ነዚ ኣለልዩ ኣብ ባይታ ዘግህድ እዩ።

- **<u>ዘፍርስ፡ ዝነቅል፡ ዘዕኑ..</u>**
  ***"...ነብዪ ኸትከውን ድማ መደብኩኻ.... ኣብ ልዕሊ ህዝብታትን መንግስታትን ክትምንቀሳን ከተፍርስን ከተዖኑን ከተጥፍእን... ኣቕመካ እየ..።"*** (ኤር1፥5,9)። እቲ ናይ ኣምላኽ ዘይኮነ ኩሉ ንሓዋሩ ከይጸንዕ ዘፍርስ፥ ዝነቕልን ዘዕኑን ኣገልግሎት እዩ።

ብዛዕባ ነብያዊ ኣገልግሎት እዚ ካብ በልና፣ ብዛዕባ ናይ ትንቢት ህያብ ድማ ገለ ሒደት ሓሳባት ክንርኢ ኣገዳሲ እዩ።

# ትንቢታዊ ጸጋ

ካብ ትርጉሙ ንምብጋስ ትንቢት ዝብል ቃል ኣብ ግሪኽ "ፕሮፌቲኦ" ("**propheteuo**") ክብሎ እንከሎ እቲ ዘለዎ ትርጉም ድማ እዚ ዝስዕብ እዩ፤

- ንጹር እዋናዊ ቃል ንምዝራብ ዘኽእል መለኮታዊ ክእለት
- ነቲ ኣምላኽ ኣብዚ ጊዜ ክብሎ ንዝደለዮ ነገር ብንጹርን ሓይልን ናይ ምዝራብ ክእለት
- ብዛዕባ እቲ ክመጽእ ዘለዎ ንምሕባርን ህልው ንምቅላዕን ዝወሃብ ናይ መንፈስ ቅዱስ ውህበት።

ገለ ካብ ኣገልግሎታት ናይ ትንቢታዊ ህያብ ምስ እንርኢ ድማ፥

- **<u>ኣካል ክርስቶስ ይሃንጽ</u>**
  ኣካል ክርስቶስ ክትህነጽ ካብ እተዋህቡና ናይ ጸጋ ህያባት ሓደ ናይ ትንቢት ኣገልግሎት እዩ (1ቆሮ14፥)። እቲ ኣካል ነቲ ዝበጻሖ እናዐቀበ ናብ ካልእ ዘይተበጽሐ ንምብጻሕ ኣብ ዝግበሮ ቅልስ ናይ ትንቢት ህያብ ዓብዪ ዝኾነ ኣበርክቶ እዩ ዘለዎ።

- **<u>ሓሳብ ኣምላኽ ይገልጽ</u>**
  ኣብ ህይወት እቲ ዝዓበየ ነገር ነቲ እዋናዊ ሓሳብ ክተለሊ ምኽኣል እዩ። ትንቢት ድማ ሓደ ካብቶም እዋናዊ ሓሳብ ኣምላኽ ንምግላጽ ብመንፈስ ቅዱስ ንቅዱሳን እተዋህበ ህያብ እዩ። እቲ ብትንቢት ጸጋ ዝግለጽ እዋናዊ ሓሳብ ኣምላኽ ዝምድናና ምስ ኣምላኽ ከነጥዒ ዝገብር ኣብ ርእሲ ምኳኑ ነቲ ክንገብሮ ዝግብኣና ብጊዜ ኣምላኽ ክንገብር ይሕግዘና።

- **<u>ኣንፈት ጉዕዞኻ የነጽር</u>**
  ኣንፈት ጉዕዞ ናይ ህይወትና ክንጽረልና ክሳዕ ዘይከኣለ፣ ኣብዛ ብዙሕ ምድንጋራት ዝበዝሓ ዓለም ዕውት ህይወት ክንመርሕ ኣይንኽእልን ኢና። ናበይ ትጉዓዝ ከምዘሎኻ ዘይትፈልጥ ክነስኻ ስቕ ኢልካ ካብ ምጉዓዝ ዝዓቢ ክሳራ ድማ ክህሉ ኣይክእልን። ስለዝኾነ ድማ እዩ ኣንፈት ጉዕዞና ክንጽረልና ዘድሊ። እዚ ክኸውን ድማ ብኣምላኽ ካብ እተዋህቡና ውህበታት ሓደ ናይ ትንቢት ውህበት እዩ።

- **<u>ብህይወት የንብር</u>**
  ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ዝወጽእ ትንቢታዊ ቃል ጥራይ እዩ ነታ ኣምላኽ ዝደልያ ህይወት ክነብር ዝኽእል። ትንቢታዊ ቃል ክመጽእ እንከሎ ሰባት ነታ ኣምላኽ ክነብርዋ ዝደልዮም ህይወት ክነብርዋ ይኽእሉ እዮም።

- **<u>ካብቲ ኣቲኻዮ ዘሎኻ ጌጋ ክትምለስ ይጽውዕ</u>**
  ኣምላኽ ናብ ጌጋ ከይንበጽሕ ኣቐዲሙ ዘጠንቅቕ ኣምላኽ ምዃኑ ንኹላትና ብሩህ እዩ። ንሱ ከይንጋገ ጥራይ ዝመርሕ ኣምላኽ ከምዘይኰነ ድማ ክነስተውዕል ኣሎና። ብብዙሕ መገድታት ናብ ጌጋ ወይ ውድቀት ክንበጽሕ ንኽእል ኢና። እዚ ማለት ግና ህይወትና ኣብኡ ተብቅዕ ማለት ኣይኰነን። ካብቲ ዝኣቶናዮ ወጺእና ብሓርነት ክንመላለስ ኣምላኽ ብዙሕ መውጽኢ መገድታት ቀሪቡልና እዩ። ሓደ ካብኡ ድማ ብናይ ትንቢት ህያብ ዝግለጽ መለኮታዊ ሓሳብ ኣምላኽ እዩ።

- **<u>ነቲ ብናይ ጸልማት መናፍስቲ እተዳለወልካ መጻወድያ ኣቐዲምካ ክትነቕሓሉ ብምግባር ካብ ጥፍኣት የናግፍ</u>**
  ካብታ ናብ ክርስቶስ የሱስ ዝመጻእናላ ዕለት ጀሚርና ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ከም እንርከብ ንፈልጥ ኢና። ሰይጣን ስለዝደሓንና ጥራይ ኣብ ፍሉይ ምክትታል ኣእትዩ ንምፍንጣርና ዝኸውን ብዙሕ ነገራት ወርትግ ምስ ኣዳለወ እዩ። እዚ ካብ ምግባር ንካልኢት የዕሪፉ ድማ ኣይፈልጥን። እቲ ንድሌት ጸላእትና የሕሊፉ ዘይህበና ኣምላኽ ግና ኣብ መፈንጠራ እዚ እኩይ ከንወድቕ ሓሳቡ ብትንቢት ብምግላጽ ኣብ ውሽጥናን ኣካይዳናን ንቕሓት ይፈጥረልና። በዚ ከኣ ብቐሊሉ ከይተፈንጠርና ብሓርነት ክንመላለስ ንኽእል።

እምበኣር በዚ ኵሉ ክንርእዮ ዝጸናሕና ናይ ነብያትን ትንቢትን ኣገልግሎት ንማሕበር ክርስቶስ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ዝግብኦ ቦታ ብምሃብ ምስራሕ ዘድሊ። ሃገርና ነዚ ኣዝዩ ወሳኒ ዝኾነ ናይ ነብያት ቅብኣት ከምቲ ዝግባእ ክትምዝምዞ ኣይጸንሐትን። ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ 2011 ግና ካብ ከተማ ዱባይ ማሕበር ሴሊሆም ዓብዩ ዝኾነ ናይ ተስፉ ደሃይ ሰሚዕና ኣሎና። ሓደ ኣምላኽ ብነብያዊ ጸጋ ዘተንስኦ **ምስግና ኣብርሃ** እተባህለ ቅቡእ ካብ ብዙሕ ሃገራት እተኣኻከቡ ኤርትራውያን ጓሶትን ወንጌላውያንን ንጸግኡ ኣፍልጦ ከምዝሃብዎ። ብሓቂ እዚ ነታ ንዘመናት ናይ ነብያት ጸጋ ከተቆናጽብን ዝግብኦ ቦታ ክትከልእን ንዝጸንሐት ናይ ሃገርና ቤተክርስትያን ዓብዩ ዝላ ንቅድሚት እዩ። እዚ ናይ መሪሕነት ጸጋ ዝኾነ ነብዩነትን እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ ትንቢት ጸጋን ዝግብኦም ቦታ ምስዝሕዙ ብዙሕ ዓወት፣ ምስጋርን ብጽሕናን ናብ ቤት ኣምላኽ ስለዝመጽእ ከም ነብዩ ምስግና ዝኣመሰሉ ቅቡኣትን ንቅቡኣት ኣፍልጦ ዝህቡ ጓሶትን ይብዝሑልና እዩ ዘብል።

# ምዕራፍ ዕስራን ክልተን

## ሓባራዊ ኣገልግሎት ናይ እተፈላላዩ ጸጋ ህያባትን ኣገልግሎታትን

ኣብ ማሕበር ኣንጾኪያ ሓባራዊ ኣገልግሎት ናይ እተፈላለዩ ጸጋ ህያባትን ኣገልግሎታትን ስለዝነበረ፥ ጸጋ ህያባት ብግቡእ ክገልጽ ወይ ክጥቀም ዝኽኣለ ጉባኤ መራሕቲ (ሃዋርያት፡ ነብያት፡ ጓሶት፡ ወንጌላውያን፡ መምህራን) ንረክብ (ግ.ሃ13፥1-2)። እዛ ማሕበር ካብቲ እትሰረተትሉ እዋን ጀሚሩ ነብያት፡ መምህራን፡ ሃዋርያት... ጸጋኦም ክመቕሉ ብደገ መጺኦምን ካብ ማእከላ ተንሲኦምን እዮም። ተንሲኦም ጥራይ ዘይኮነ ድማ ነቲ ዝገለጽዎ ጸጋ ዘስርሕ ሃዋህው ስለ እተፈጥረሎም ብዝግባእ መዝሚዞም እዮም።

ነብያት ምስ መምህራን ኣብ ምህናጽ መጓሰ ኣምላኽ፡ ምምንጣል ነፍሳት ካብ ግዝኣት ሰይጣንን ትንሳኤ ሃዋርያት ክኸውን ባይታ ኣብ ምጥጣሕን ብሓባር ሰሪሖም እዮም። እቶም ሃዋርያት'ውን ምስ ተንስኡ ምስቶም ኣቐዲሞም ኣብታ ማሕበር ዝሰርሑ ዝነበሩን ብድሕሪኦም ምስ ዝተንስኡ መራሕትን ኣገልገልትን ብሓባር ከገልግሉ እዮም ተራእዮም። እቲ ኣብ ማሕበር ኣንጾኪያ ዝነበረ ጉባኤ መራሕቲ፥ ንሓድሕዱ ምዝልላፍን ምቅንናእን ዘይብሉ፡ ጸጋ ሓድሕድ ዘኽብርን ዝቕበልን ጉባኤ እዩ ነይሩ። እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ኣገልገልቲ ካብቲ ዘለዎም ናይ ባህርይ ለውጢ እተላዕለ ክሃንጽዎ ብዝኽእሉ ስድራቤታዊ ህይወት ንሓድሕዶም ኣዝዮም ዝቀባበሉ፡ ዝከባበሩን ዝደጋገፉን ድማ እዮም ነይሮም።

ከምቲ ኩላትና እንዕዘቦ መራሕቲ ብቐሊሉ ናብ ሓድነት ክመጹ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። ኣብተን ናይ ሓድሽ ኪዳን ሃዋርያውያን ማሕበራት ግና ሃዋርያት ምስ ሽማግለታት፡ ነብያት ምስ መምህራን፡ ሃዋርያት ምስ ነብያት ኮታስ ነፍስ ወከፍ ናይ ኣገልግሎት ህያብ ምስቲ ካልእ ብሓባር ንሓደ ዕላማ ይሰርሕ ነይሩ (ግ.ሃ15፡2,4,6,22,23 16፡4 21፡18 ተመልከት)። ሃዋርያ ጳውሎስ'ውን ኣብ ልዕሊ እቲ ውልዶ መንእሰይ (ጢሞቴዎስ) ዝለቐቐ ጸጋ ምስ ሽማግለታት ኰይኑ እዩ መቒልዎ (1ጢሞ4፡14)። እዚ ከኣ ዘርእየና ኣብ ሃዋርያዊት ማሕበር ምቅብባል ነፍስ ወከፍ ጸጋ ህያባትን ኣገልግሎታትን ከምዘሎ እዩ።

ኣብታ ሓድነት ኣገልገልቲ ዝመለለይኣ ማሕበር ኣንጾኪያ ሓሙሽቲኡ ናይ መሪሕነት ኣገልግሎት (ሃዋርያ፥ ነብዩ፥ ወንጌላዊ፥ ጓሳ፥ መምህር) ብኹሉ ሸነኹ ተገሊጹ ኣድማዒ ዝኾነ ዕዮ ሰሪሑ እዩ። ሓንቲ ማሕበር ብሓሙሽቲኡ ጸጋ ህያባት ክትምላእ ዝዐበየ ትዕድልቲ እዩ። ኣንጾኪያ ድማ እቲ ፍረ ሃዋርያዊ ተሓድሶ ዝኾነ ናይ ሓሙሽቲኡ ጸጋ ኣገልግሎት ትዕድልቲ እተዐደለት ማሕበር እያ ነይራ።

ኣብታ ማሕበር ከምዝፍለጥ ኣቐዲሙ ናይ ወንጌላውያን ጸጋ እዩ ቦታ ረኺቡ (ግ.ሃ11፡20)። ድሒሩ ድማ ናይ ነብያትን መምህራንን ጸጋ ግቡእ ዕዮኡ ቀጺሉ (ግ.ሃ13፡1)። ውህደት ናይቶም ኣቐዲሞም ኣብ ባይታ እተጋህዱ ጸጋታት ድማ ነቲ ብሉጽ ሃዋርያዊ ኣገልግሎት ናብ ህላዌ ኣምጺእዎ (ግ.ሃ13፥2-4)። እዚ ነቶም ነዛ ማሕበር ከም ኣብነት እንወስዳ ማሕበራት ዘሕልፈልና ዓብዩ መልእኽቲ ኣለዎ። እቲ መልእኽቲ ድማ ሓሙሽቲኡ ናይ ኣገልግሎት ጸጋታት ምስ ምምስራት ሓንቲ ዘባዊት ማሕበርን ምጅማር ኣገልግሎትን ብሓንሳእ ዘይከመጽእ ከምዝኽእል እዩ። ይኹን ደኣ እምበር እታ ማሕበር ነቲ ኣቐዲሙ እተገልጸ ናይ ኣገልግሎት ህያባት ግቡእ ቦታኡ ብምሃብ ክትጥቀመሉ ምስ እትኽእል እቲ ክመጽእ ዘለዎ ኩሉ ናይ ኣገልግሎት ጸጋታት ከምዝስዕብ ወይ ከምዝመጽእ የርእየና።

**ነስተውዕል**፡ ኣብ ኣንጾክያ እቲ ኣቐዲሙ ኣብ ዕዮ ተጸሚዱ ዝነበረ ነብያውን ናይ መምህራንን ኣገልግሎት ንትንሳኤ ሃዋርያዊ ኣገልግሎት ዓብዩ ዝኾነ ግደ እዩ ነይርዎ። ሎሚ'ውን እዞም ኣብዛ ሃገር እንነብር ዘሎና ቅዱሳን፥ ተሓድሶ ምምጻእ ዝሕመረቱ ኣካይዳ ክንከይድ ካብ ኣምላኽ ራእይ ከም እተቐበልና መጠን ኣብ ነፍስ ወከፍ ማሕበራት ሓሙሽቲኡ ናይ ጸጋ ኣገልግሎታት ብምልኣት ንምምጻእ ነቲ ኣቐዲሙ ዝግለጽ ዝኾነ ዓይነት ናይ ኣገልግሎት ጸጋ ግቡእ ቦታኡ ሒዙ ከገልግል ምግባር ብሓይሊ እንሰርሓሉ ክኸውን እዩ።

ብዛዕባ እዞም ሓሙሽተ ናይ ኣገልግሎት ህያባት "ራልፍ ማሆየ" እተባህለ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣብታ "The Shepherd Staff" እትብል መጽሓፍ The Five "Gs" ብዝብል ንዘቕረቦ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣሳርን ገላጽን ዝኾነ ሓሳብ ንመልከት።

* Apostles <u>**GUARD**</u> the church from false doctrnine and practice.
  - ሃዋርያት ንማሕበር ካብ ጌጋ ምህሮን ምልምማዳትን ይሕልውዋ
* Phrophets <u>**GUIDE**</u> the church in evangelism and missionary outreach.
  - ነብያት ንማሕበር ወጺኣ ወንጌል ብምዝርጋሕ ከተገልግል ይመርሕዋ
* Evangelists <u>**GATHER**</u> in the unbelievers through preaching the Word with the accompaniment of healing, exorcism and miracles.
  - ወንጌላውያን ነቶም ዘይኣምኑ ንቃል ኣምላኽ ብናይ ፈውሲ፡ ኣጋንንቲ ምውጻእን ተኣምራትን ኣሰንዮም ብምስባኽ ይእክብዎም
* Pastors <u>**GROW**</u> believers until they reach spiritual maturity.
  - ጓሶት ኣመንቲ መንፈሳዊ ብጽሕና ክሳዕ ዝረኽቡ የዕብይዎም
* Teachers <u>**GROUND**</u> the believers on the solid rock Christ Jesus.

- መምህራን ነቶም ኣመንቲ ኣብቲ ጽኑዕ መሰረት ክርስቶስ የሱስ ይተኽልዎም (ይስርትዎም)

እዞም ሓሙሽተ ናይ ኣገልግሎት ህያባት ኣብ ማሕበር ህያው ኣምላኽ እንተድኣ ግቡእ ቦታኦም ሒዞም፥ ነፍስ ወከፍ ናይ ኣገልግሎት ህያባት ዘተኩረሉ ነገራት እተፈላለየን ንሓድሕዱ ዝመላላእን ስለዝኾነ ኩሉ ሸነኻዊ ለውጥን ተሓድሶን ክመጽእ ናይ ግድን እዩ።

* ሃዋርያ ኣብቲ ማሕበር እተዋህቦ ፍሉይ ዕማም (task) የተኩር
* ነብዩ ኣብ ሓሳብ ኣምላኽ ወይ ድማ ኣብ ድምጺ ኣምላኽ የተኩር
* ወንጌላዊ ኣብ ጥፉኣት ነፍሳት የተኩር
* ጓሳ ኣብ ዝደሓኑ ነፍሳት የተኩር
* መምህር ድማ ኣብ ዕምቈት የተኩር

ኣተኩሮ እዚ ናይ ሓሙሽተ ናይ ጸጋ ኣገልግሎታት እተፈላለየ ግናኸ ንሓድሕዱ ዝመላላእ ንማሕበር ክርስቶስ ናብ ምልኣት ዘእቱ ስለዝኾነ ኣዝዩ ኣገዳስን ወሳንን ምኳኑ ክንግንዘብ የድሊ። ስለዚ ድማ እዩ ትንሳኤ ሓሙሽቲኡ ናይ ኣገልግሎት ህያባት ኣብ ኲለን ማሕበራት ክመጽእ ዋጋ ምኽፋል ዘድልየና። ነንእተገልጸ ናይ ኣገልግሎት ህያባት ኣፍልጦ እንህብን ንምዕባዩ እንከናኽንን ሰባት ክንከውን ኣሎና። ምህሮና ይኹን ምሕደራና ዓንቃጺ ክኸውን የብሉን። ምስ እተገልጸ ናይ መሪሕነት ህያብ ሓቢርና ንምስራሕ ድማ ርእስና ከነልምድ ኣሎና።

# ምዕራፍ ዕስራን ሰለስተን

## ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ (misssionaries) የዕጢቓ ምልኣኽ

*"ሽዑ ጾሙን ጸለዩን ኣእዳዎም ከኣ ኣንበሩሎም እሞ ሰደድዎም። ንሳቶም ከምዚ ኢሎም ብመንፈስ ቅዱስ ተልኢኾም ናብ ሴሌውቅያ ወረዱ። ካብኡ ኸኣ ብመርከብ ናብ ቆጵሮስ ከዱ።"* (ግ.ሃ13፥3-4)።

እታ ናይ ኣንጾክያ ሃዋርያዊት ማሕበር ካብ ዝነበርዋ ብልጫታት ሓደ ነቲ ዓብዪ ተልእኾ ዝነበራ ተወፋይነት እዩ። ንሳ ነቲ ዓብዪ ተልእኾ ንምፍጻም ናይ ወንጌል ልኡኻት ኣሰልጢና ነናብ እቲ መንፈስ ቅዱስ ዘመላኸታ ቦታ ትልእኽ ነይራ። ብናይ ውሽጢ ኣገልግሎታት ከይተሓጽረት ነቶም ኣብ ወጻኢ ዘለው ሰባት ብወንጌል ንምብጻሕ ኣዝያ ትግህቲ እያ ነይራ። ንሳ ንኹሎም እቶም ብክርስቶስ የሱስ ዋጋ እተኸፍለሎም ዓሌታት ምድሪ ዝኸውን ራእይን ተወፋይነትን ዘማዕበለትን ነቲ ልክዕ ቅርጺ ሃዋርያነት ዝሓዘትን ብልጽቲ ማሕበር እያ ዝነበረት።

ሃዋርያዊት እየ እናበለት እትዛረብ እሞ ከኣ ነቲ ዓብዪ ተልእኾ ዝኸውን ራእይን ተወፋይነትን ዘይብላ ማሕበር ነቲ ሃዋርያዊ ምኺን ዝብል ኣምር ብዝግባእ ከም ዘይተረድኣቶ ምስትውዓል የድሊ። ምኽንያቱ ሃዋርያዊት ማሕበርን ዓብዪ ተልእኾን ፈላሊኻ ክትርእዮም ዘይትኽእል ክልተ ገጻት ናይ ሓደ ህይወት እዮም። እቲ ዓብዪ ተልእኾ እንብሎ ብመሰረት ማር16 ን ማቴ28 ኣብ ኣርባዕተ ኢና እንመቕሎ። ንሳቶም ከኣ እዞም ዝስዑ እዮም፦

- ምድሓን ነፍሳት
- ምንጋፍ (ካብ ጽልዋን ማእሰርትን ኣጋንንትን ሓራ ምውጻእ)
- ምሕዋይ ሕሙማት
- ደቀ መዛሙርቲ ምፍራይ

እቲ ብሃዋርያዊ ኣገልግሎት ኣብ ልቢ ቅዱሳን ዝፍጠር ምርዳእ ነቲ ዓብዪ ተልእኾ ፍሉይ ዝኾነ ተወፋይነት እዩ ዘሕድር። ዓብዪ ተልእኾ ንሓደን ክልተን ዘይኰነስ ንብዘሎ እቲ ኣካል ክርስቶስ እተዋህበ ትእዛዛዊ ሕድሪ እዩ። እታ ከም ማሕበር ኣንጾክያ ኣብ ትሕቲ ሃዋርያዊ ምርዳእ እተኸፍተ ሰማይ እተስተማቕር ማሕበር ድማ ነዚ ዓብዪ ተልእኾ ሃማን ቀልባን ብምሃብ ንተግባራውነቱ ብዙሕ ግዜን ዋጋን እያ እትኸፍለሉ።

እታ ከም ማሕበር ኣንጾኪያ ሃዋርያዊ ኣገልግሎት ዝወለዶ ሃዋርያዊ ምርዳእ ዘለዋ ማሕበር፥ ክንዮ እቲ ናይ ምድሪ ጉዕዞ ንዘሎ ዘለኣለምነትን ካልኣይ ምጽኣት የሱስን እትናፍቕን እትዳሎን ስለዝኾነት ነቲ ንምጽኣት ክርስቶስ ዘቀላጥፍ ምዝርጋሕ ወንጌል ብዘለዋ ኲሉ መንፈሳውን ስጋውን ዓቕሚ ትውፈየሉ እያ። *"እዚ ወንጌል መንግስቲ ኸኣ ንምስክር ኲሎም ኣህዛብ ኣብ ብዘላ ዓለም ኪስበኽ እዩ፣ ሽዑ መወዳእታ ይመጽእ።"* (ማቴ24፡14)።

ቀጺልና ኣብ ትሕቲ እዚ ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ (misssionaries) እትልእኽ ዝብል ኣርእስቲ ገለ ገለ ኣገደስቲ ሓሳባት ብዛዕባ ማሕበር ኣንጾኪያ ክንርኢ ኢና።

## ፩. ምውናን ዓለምለኻዊ ራእይ

ምምዕባል ዓለምለኻዊ ራእይ፥ ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ንምልኣኽ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ማሕበር ኣንጾኪያ ደሚቑ እተራእየ ነገር እንተድኣ ሃሊዩ ድማ ንሱ እዩ። ራእዮም ክንዮ ድርኩኺት ገዛኦምን ምድራዊ ብልጽግናን ዘይጥምት ኣገልገልቲ ዝመርሕዋ ማሕበር፥ ነቲ ዓብዪ ተልእኾ ንምፍጻም፥ ዓለምለኻዊ ራእይ ከተማዕብል ኣይትኽእልን እያ። ነቲ ሃዋርያዊ ተልእኾ ናብ ብዘላ ዓለም ንምብጻሕ ነቲ ናይ ቀረባ ጥራይ ዘርኢ ሓጹር ምፍራስ የድሊ እዩ። እዚ ክፈርስ ዘለዎ ሓጹር ድማ፡ ናይ ድንቅኑርና፥ ርኽሰት፥ ሃይማኖት፥ ኣጋንንቲ፥ ብሒደት ነገር ምዕጋብን ምህሮ ሓሶትን እዩ። እታ ናይ ኣንጾኪያ ማሕበር እምበኣር ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ናብ እተፈላልዩ ቦታታት ክትልእኽ ዝኽኣለት ካብቲ ኣብ ውሽጣ ዝሰረጸ ዓለምለኻዊ ራእይ እተላዕለ እዩ።

## ፪. ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ናብ ብወንጌል ዘይተበጽሐ ቦታታት ምልኣኽ

ማሕበር ኣንጾኪያ ዝለኣኸቶም ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ካብ ዝበጽሕወን ቦታታት ሓደ ሰሌውቅያ እዩ። *"..ብመንፈስ ቅዱስ ተልኢኾም ናብ ሴሌውቅያ ወረዱ።"* (ግ.ሃ13፥4)። ሰሌውቅያ ሓንቲ ናይቲ ጊዜ ወደባዊት ከተማ ኰይና ካብ ኣንጾኪያ ኣዝያ ቀረባ ከተማ እያ ነይራ። ኣቀዲሞም ኣብ ዘለው ናይ ግብረ ሃዋርያት ምዕራፋት ዘይተጠቕሰት ከተማ ምኳና ድማ ብወንጌል ዘይተበጽሔት ከተማ ንምኳና እዩ ዘረድእ።

እታ ሃዋርያዊ ቅርጺ ዝነበራ ማሕበር ኣንጾኪያ ኣብቶም ዘይተበጽሑ ወይ ድማ ንወንጌል ዕጽዋት ዝኾኑ ቦታታት እትጥሕስ ማሕበር እያ ነይራ። ንሳ ብጣቕዒትን እልልታን ንዝቕበላ ሕብረተሰብ ጥራይ ዘይኰነስ ቅድሚ ሕጂ ዘይተበጽሐን ንወንጌል እተዓጽወን ከተማ ከይተረፈ እትበጽሕ ማሕበር እያ። ኣብዛ ማሕበር እዚኣ ሰልጢኑን ተዓጢቑን ዝወጽእ ናይ ወንጌል ኣገልጋሊ ድማ ዝጥሕስ ጸጋን ህይወትን ኣለዎ። ስለዝኾነ ድማ እዮም እቶም ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ኢዳ ኣንቢራ ጸልያ ዘበገሰቶም ኣገልገልቲ ናብታ ኣቐዲማ ዘይተበጽሔት ከተማ ሴሌውቅያ ክበጽሑ ዝከኣሉ።

ሰሌውቅያ ንወንጌል ዕጽውቲ ጥራይ ዘይኰነስ ንኣንጾክያ ቀረባ ምንባራ ድማ ዘሕልፈልና ሓደ ዓብዪ መልእኽቲ ኣለዎ። ንሱ ከኣ ኣብ ከባቢኦም ወንጌል ንምዝርጋሕ ዝተግሁ ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ካብ ኣንጾክያ ከምዝወፍሩ እዩ። ብዙሓት ዓለምለኻዊ ራእይ እተቐበላ ማሕበራት ነቲ ዘለወን ራእይ በየናይ ስፍራ ከምዝጅምርኦ ይሕርብተን እዩ። እዚኣተን ካብ ማሕበር ኣንጾክያ ክምሃራ ይኽእላ እየን። እዛ ማሕበር ነቲ ዓለምለኻዊ ኣገልግሎታ በቶም ኣብ ቀረባኣ ዘለዋ ከተማታት እያ ጀሚራቶ። እታ ናይ የሩሳሌም ማሕበርውን ካብ የሩሳሌም ነቂላ ናብ ኣብ ቀረባኣ ዝረከባ ከተማታት ይሁዳን ሰማርያን ክትበጽሕ እዩ ተነጊርዋ። *"ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም..።"* (ግ.ሃ1፥8)። ስለዚ እቶም ካብተን ቀዳሞት ማሕበራት እንምሃር ሃዋርያዊን ዓለምለኻውን ናይ ወንጌል ሕድሪ እተቐበልና ዘበልና፥ ነቲ ዘሎና ራእይ በተን ኣብ ቀረባና ዘለዋ ከተማታት ክንጅምሮ ንኽእል ኢና። ንኣብነት ከባቢ ኣስመራ ናብ ዝርከባ ከተማታት ናብ ዞባ ደቡብን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን... ብምኻድ ነቲ ዓለምለኻዊ ኣገልግሎትና ክንፍልሞ ንኽእል ኢና።

## ፫. ብወንጌል ብምልኣት ንዘይተወርሰ ቦታታት ኣገልገልቲ ምልኣኽ

እታ ናይ ኣንጾክያ ሃዋርያዊት ማሕበር ኣብ ሴሌውቅያ ከይተሓጽረት ናብ ቆጵሮስ ወንጌል ዘብጽሑ ጀጋኑ ዘዋፈረት ኣብነታዊት ማሕበር እያ። *"ብመንፈስ ቅዱስ ተልኢኾም ናብ ሴሌውቅያ ወረዱ። ካብኡ ኸኣ ብመርከብ ናብ ቆጵሮስ ከዱ።"* (ግ.ሃ13፥4)። ቆጵሮስ ብዙሓት ኣይሁዳውያን ዝነብሩላ ዝነበረት ደሴት ኣህዛብ ከምዝኾነትን ኣቐዲማ ብሰራት ወንጌል ተሰቢኹላ ከምዝነበረን ኣብ ግ.ሃ11፡19-20 ንእተጻሕፈ ጽሑፍ ብምርኣይ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። እቲ ኣብዛ ደሴት እዚኣ እተሰብከ ወንጌል ግና ንብዘለው ነበርቲ እታ ደሴት ዘይኰነስ፥ ነቶም ናብርኦም ኣብታ ደሴት ዝገበሩ ኣይሁዳውያን ጥራይ እዩ ዝነበረ። *"...እቲ ቓል ከኣ ብዘይ ንኣይሁድ ንሓደ እኳ ኣይነግሩን ነበሩ።"* ስለዚ እቶም ደቀባት ይኹኑ ካልኦት ዓሌታት ነበርቲ እዛ ደሴት ብሰራት ወንጌል ኣይሰምዑን ነይሮም ማለት እዩ።

ኣቐዲምና ከም ዝርኤናዮ እዛ ማሕበር ቅድሚ ሕጂ ወንጌል ዘይተበጽሖ ቦታታት ክትበጽሕ ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ትልእኽ ነይራ። ኣብዚ ከይተሓጽረት ድማ ነተን ወንጌል ብሰራት በጺሑወን ክነሱ ምሉእ ብምሉእ ብወንጌል ዘይተዋሕጣ ወይ ድማ ብዘሎ እቲ ህዝበን ንወንጌል ኣእዳዉ ዘይዘርግሓለን ቦታታት ኣገልገልቲ ትልእኽ እያ። ንሳ ኣመንቲ ብብዝሒ ዝነብሩሉ ክነሱ እቶም ኣብኡ ዘለው ኣመንቲ ግና ኣብ ምዝርጋሕ ወንጌል ከምቲ ዝድለ ንዘይተግሁሉ ከባቢ ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ብምልኣኽ ወንጌል እተስፍሕ ብልጽቲ ማሕበር እያ ዝነበረት።

ንሳ በቶም ሒደት ኣበየ ከባቢኡ እተዘርግሑ ኣመንትን እተመስረታ ማሕበራትን ከይተዘናግዔት ወይ ከይዐገበት ምሉእ ምብጻሕ ክካይድ፡ ዋላውን ሓንቲ ነፍሲ ከይትጠፍእ እትሰርሕ ኣብነታዊት ማሕበር እያ ዝነበረት። ሎሚውን ነዛ ማሕበር ከም ኣርኣያ እንርእያ ማሕበራት ነተን

ምሉእ ብምሉእ ወንጌል ዘይተዘርግሓለን ከተማታትን ሃገራትን ቁሊሕ እንብል ክንከውን ይግባእ። ብዙሓት ቅድሜና ነቲ ዘርኢ ወንጌል ዘሪኦሞ ስለዝኾነ ኣሰሮም ብምርጋጽ ንዕጸዶ።

## ፬. ዓሌቶም ብወንጌል ዝበጽሑ ኣገልገልቲ ምልኣኽ

ማሕበር ኣንጾክያ ንዕዮ ወንጌል ኣገልገልቲ ካብ ዝለኣኸትሎም ቦታታት ሓንቲ ቆጵሮስ እተባህለት ደሴት ትርከብ። ባርናባስ ድማ ሓደ ካብቶም ናብዛ ደሴት እዚኣ እተልኣኹ ኣገልገልቲ እዩ። ብዛዕባ ቆጵሮስ ምስ እንርኢ እዛ ደሴት እዚኣ ካብ ባሕሪ ሜዲተራንያን ብሰሜናዊ ምብራቕ እትርከብ ኰይና ከምቲ ኣብ ግ.ሃ4፡36 ተጻሒፉ ዘሎ ናይ ባርናባስ ትውልዲ ዓዲ እያ ነይራ። ባርናባስ ናብታ ዓዱ ዝኾነት ደሴት ንዕዮ ወንጌል ምኻዱ እቲ ኣብ ኣንጾክያ ዝፈረየ ወለዶ ንዓሌቱ ብወንጌል ንምብጻሕ ድሉው ልቢ ከምዝነበሮ እዩ ዘመልክት።

ብዙሓት ማሕበራት ዝሓቑፍዎም ኣገልገልቲ ኣብ ክንዲ ንዓሌቶም ናብ ዘይፈልጥዎ ንሱ ከኣ ርሑቕ ምዕራባዊ ዓለም ጥራይ ክኸዱ ዝደልዩ እዮም። ኣብነት ነታ ኣብ ምድርና ዘላ ማሕበር እንተወሲድናያ እቶም ኣብ ማእከላ ዘለው ኣገልገልቲ ዕለታዊ ናብራኦም ብፍቓድ ኣምላኽ ዘይምእከል ክነሱ ጥር ኢሎም ናይ ኣሜሪካ፡ ካናዳ፡ ኣውሮጳ... ራእይ ኣሎና ክብሉ ይስምዑ እዮም። ኣምላኽ ናብዘን ዝበልናየን ዓድታት ራእይ ኣይህብን ንምባል ዘይኮነስ እቲ ገሊኣቶም ኣሎና ዝብልዎ ራእይ ግና ስጋ ዝወለዶ ትምኒት ከምዝኾነ ንምዝኻኻር እዩ። እዚ ዘሎናዮ ዘመን ናብ ምዕራባዊ ዓለም ምኻድ ከም ፍሉይ ምዕባለ፥ ብኣንጻሩ ድማ ናብ ዓሌትካ ምኻድን ኣብኡ ተወፊኻ ምግልጋልን ከም ድሑርነት ወይ ድማ ድሩትነት /ጽበት/ ናይ ራእይ ዝሕሰበሉ ዘመን እዩ።

ዘይቅዱስ ኣካይዳኡን ዘይልውጥ ባህርያቱን ኣብ ልዕሊ እቶም ብቐረባ ዝፈልጥዎ ዓሌቱ ከም ዘየዕውቶ ዝፈልጥ ኣማኒ ኣብ ክንዲ ህይወቱ ንምልዋጥ ዝተግህ፥ ክንዮ ስግር ባሕሪ ናይ ገዛእ ርእሱ ስጋ ዝወለዶ ራእይ የማዕብል እሞ *"እግዚኣብሄር ኣብ..... ሃገር ክጥቀመልካ እየ"* ኢሉኒ ክብል ይጅምር። ብገለ ሰሊጥዎ ናብቲ ቦታ ምስ ከደ ድማ፥ ከምቲ እንርእዮ ዘሎና እንትርፎ ስጋኡ ከዕንግልን ሃብቲ ክድልብን ምስ ወንጌል እተኣሳሰረ ዝኾነ ዓይነት ዕዮ ክሰርሕ ኣይርኤን እዩ።

ዓሌቶም ዝርስዑ ናብ ርሑቕ እሞ ከኣ ምዕቡላት ሃገራት ጥራይ ክኸዱ ብዝደልዩ ቅዱሳን እተምልኤት ማሕበር ዓብዪ ዝኾነ መንፈሳዊ ሕማም ኣለዋ። ኣንጾክያ ግና ካብ ከምዚ ዓይነት መንፈሳዊ ሕማም ፍጹም ሓራ ብዝወጹ ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ እተመልኤት እያ ዝነበረት። ንሳ ናብ ዓሌቶም ወይ ድማ መበቈል ዓዶም ብምኻድ ወንጌል ብዝዝርግሑ ጀጋኑ እተመልኤት ብልጽቲ ማሕበር እያ።

ነቲ "ነብዪ ኣብ ዓዱ ኣይከብርን" ዝብል ቃል *"ነብዪ ወንጌል ከብጽሕ ናብ ዓዱ ኣይለኣኽን እንተተለኣኸውን ኣይሰማዕን እዩ"* ብዝብል ዘይኣምላኻዊ ትርጉም ብምትካእ ዓሌቶም ብወንጌል ዘይበጽሖ ኣመንቲ ኣብ ኣንጾክያን ንእኣ ከም ሞዴል ዝወሰዳ ማሕበራትን ክትረከብ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ትሕቲ ሰይጣን ዝግዛእ ዓሌቱ፥ ከቢድ ጾር ዝስከም፡ ዓሌቱ ፍጹም ሓራ ወጺኡ ክርኢ ዝናፍቕ ወለዶ ክትረክብ ናብ ኣንጾክያን ናብተን ኣሰራ ዝስዕብ ማሕበራትን ክትጥምት ኣሎካ።

በዚ ኣጋጣሚ ንመራሕቲ ቤተክርስትያን ክብሎ ዝደልዮ ነገር፥ ነቶም ኣብ መበቆል ዓዶም ክሰርሑ ራእይ ዘለዎም ሰባት ኣለሊና ከነበራትዖምን ብኩሉ ዘድሊ ንተፈጻምነት ራእዮም ክንሕግዞምን ኣሎና። ነቶም ራእይ ዘለዎም ንምልላይ ድማ ኣብሉ ኣተኵርና ክንምህርን ብመንፈስ ቅዱስ ክንምራሕን እዩ ዘሎና። ንከባቢኻ ብወንጌል ብዛዕባ ምብጻሕ፥ ንምፍጻም ዓብዪ ተልእኾ ኣበየ ቦታኡ ሓደሽቲ ማሕበራት ምትካልን ብሰማያዊ ራእይ ምምልላስን ኣድሂብና ምስ እንምህር እቶም ሰብ ራእይ በቲ ምህሮ ተሓጊዞም ክግለጹ እዮም። ቅዲ ምሕደራ ድማ ሰባት ንክኸዱ ዘበራትዕን ዝፈትሕን ክኸውን ይግባእ።

## ፰. ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ዝነቕሉ ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ምልኣኽ

እቲ ኣብ ማሕበር ኣንጾክያ ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ናብ እተፈላለዩ ቦታታት ንምልኣኽ ዝሰርሕ ስርዓት (system) ብኮሚቴ፡ ብገምገማ፡ ብሪጋን ጠለብ ካልኦትን ዘይኮነስ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝቕለስ። *"...ንሳቶም ከምዚ ኢሎም ብመንፈስ ቅዱስ ተልኢኾም ናብ ... ወረዱ። ካብኡ ኸኣ ናብ.... ከዱ።"* (ግ.ሃ13፥3-4)። እዛ ብልጽቲ ሃዋርያዊት ማሕበር ወንጌል ክዝርግሑ ዝልኣኹ ኣገልገልቲ ንምልኣኽ ኣብ መንፈስ ቅዱስ እያ እትውከል ዝነበረት።

እዛ ማሕበር ወንጌል ንምዝርጋሕ ካብ መሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ክልተ ነገራት እያ ተቐቢላ። እቲ ቀዳማይ በዓል መን ይለኣኹ ዝብል ክኸውን እንከሎ፥ እቲ ካልኣይ ድማ ናብ ኣበየናይ ቦታ ከምዝኸዱ እዩ።

### በዓል መን ይለኣኹ

ኣብ ግ.ሃ13፡2 መንፈስ ቅዱስ ንሳውልን ባርናባስን ንዕዮ ክፍለዩ ነታ ማሕበር ክዛረብ እንከሎ ንርኢ። *".መንፈስ ቅዱስ በርናባስን ሳውልን ነቲ ዝጸዋዕክዎም ዕዮ ፍለዩለይ በሎም።"* እዛ ማሕበር ነቶም ኣብ ዕዮ መንግስቲ ኣምላኽ እተዋፍሮም ሰባት ብሪጋን ምርጫን ዘይኮነስ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ እያ እትፈልዮም። እዚ ከኣ ኣገልግሎት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ምዝርጋሕ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ዓብዪ ዝኾነ ግደ ከምዘለዎ ስለእትርዳእ እዩ።

ወለንታውያን (voluntaries) ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ክትረክብ ጽቡቕ እኳ እንተኾነ እቲ ዝበለጸ ግና መንፈስ ቅዱስ ንዝረኣዮም ርኢኻ ክተበግስ እንክሎኻ እዩ። ኣብ ብዙሓት ማሕበራት ክምእተራኣየ መንፈስ ቅዱስ ዘይረኣዮም ሰባት ብወለንታኦም ወይ ድማ ብድሌት ሰባት ኣብ ዓብዪ ዕዮ ክጽመዱ ይግበር እሞ ድሕሪ ሓጺር ጊዜ ብዙሕ ሽግር ክፍጠር ይርኤ። ገለ ገለ ማሕበራትውን ንናይ ወንጌል ኣገልግሎት ዝልእኽኦም ሰባት እቶም ምስቶም ኣብ መሪሕነት ዘለው ኣገልገልቲ ቅርበት ዘለዎም ጥራይ እዮም። እዚ ከኣ መሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ዝነገሶ ኣካይዳ ኣብተን ማሕበራት ስለዘይተሃንጸ እዩ። እታ ናይ ኣንጾክያ ማሕበርን ንእኣ ዝመስላ ማሕበራትን ግና ሰባት ኣብ ኣገልግሎት ዘዋፍራ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ እዩ። ነቲ መንፈስ ቅዱስ ዝርእዮ ብምርኣይ ወገን ናቱ ብምዃን ኣብ ኣገልግሎት የዋፍራ።

<u>**ናበየናይ ቦታ ይለኣኹ**</u>

ናይ ኣንጾክያ ማሕበር ከምቲ ኣብ ግ.ሃ13፡4 ተጻሒፉ ዘሎ ነቶም ዝለኣኹ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ድሕሪ ምልላይ ናብ ዝደለይዎ ስፍራ ክንቀሳቐሱ ዘይኮነስ ናብቲ ብመንፈስ ቅዱስ እተራእየ ቦታ እያ ልኢኻቶም። *“ንሳቶም ከምዚ ኢሎም ብመንፈስ ቅዱስ ተልኢኾም ናብ ሴሌውቅያ ወረዱ።”* ኩሉ ቦታ ብወንጌል ክብጻሕ ከምዘለዎ ርዱእ ክነሱ፥ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሕካ ምስ እትከይድ ጥራይ እዩ ብዙሕ ኣድማዒ ዝኾነ ኣገልግሎት ዝህልወካ። ንወንጌላዊ ፊሊጶስ ከም ኣብነት እንተወሲድና፥ ናብቲ ከድምዓሉ ዝኽእል ስፍራ፥ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ ብምኻዱ፥ ነቲ ስሉብ ኢትዮጵያዊ ናብ የሱስ ክምለስ ሓጊዝዎ እዩ (ግ.ሃ8፥29-40)። ሃዋርያ ጳውሎስውን ነቲ ብራእይ *“..ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ብዙሕ ህዝቢ ስለዘሎኒ ተዛረብ ደኣ እምበር ስቕ ኣይትበል..”* ክብል ዝመጾ ድምጺ ኣምላኽ ብምስዓቡ፥ ብዙሓት ነፍሳት ክረብሕ ክኢሉ እዩ (ግ.ሃ18፥9-10)። ብዙሓት ዳርጋ ናብቲ ባህ ዝበሎም ስፍራ ብምኻድ እዮም ወንጌል ክዝርግሑ ዝፍትኑ። እቶም ብሃዋርያዊ ምርዳእ ዘምለጡ ግና መሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ይጽበዩን ይቕበሉን እዮም።

መንፈስ ቅዱስ ብትንቢታዊ ጠመተ ንዝርኣየካ ወይውን ብፍሉይ ምርዳእ ኣብ ውሽጥኻ ንዘቐመጦ ቦታ ብወንጌል ኣብ እትበጽሓሉ እዋን ኣድማዒ ዝኾነ ዕዮ ኢኻ ትዓዪ። እቲ ኣብ ኣንጾክያ ብምልኣት ዝሰርሐ መንፈስ ቅዱስ ብእኡ ተመሪሕና ቦታታት ብሓይሊ ወንጌል ምብጻሕ ክንመሃር ይጽውዓና ከምዘሎ ነስተውዕል። ኣምላኽ ነዛ መጽሓፍ የዳልዋ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን **ምስቲ መንፈስ ምንቅስቓስ ዝለመደ ወለዶ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ክትንስእ** ምዃኑ ተዛሪቡኒ። ***“ንመንፈስ ቅዱስ ዝግብእ ቦታ ብምሃብ ኣብ ትሕቲ ጽላል መሪሕነቱ ዝመላለሰን ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ብዙሕ ዕጽው ዝመስሉ ቦታታት ዝዝርግሕን ወለዶ ካብዛ ሃገር እዚኣ ክትንስእ እዩ”*** ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።

## <u>፯. ስራሕ ኣጋንንቲ ዝግልብጡ ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ምልኣኽ</u>

ከምቲ ኣብ ግ.ሃ13፡6-12 ተጸሒፉ እንረኽቦ እቶም ካብ ኣንጾኪያ ተላኢኾም ዝኸዱ ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ኣብ ጳፎስ ሓደ ጠንቋሊ ነብዩ ሓሶት ባርየሱስ ዝስሙ ኣይሁዳዊ ከምዝገጠሞም እሞ፥ ነቲ ብእኦም ዝሰበኽ ወንጌል ከሰናኽል ኣብ ዝፈተነሉ እዋን ግቡእ ሃዋርያዊ ፍርዲ ኣውሪዶምሉ እዮም። እዚ ከኣ ብኣጋጣሚ ዝፈጸምዎ ዘይኰነስ ኣብታ ሃዋርያዊ ቅርጺ ዝነበራ ማሕበር ኣንጾኪያ ቅድሚ ንዕዮ ወንጌል ምብጋዕም ብሓሳብን ግብርን ዝሰልጠኑሉ እዩ። እዛ ማሕበር ኣጋንንቲ ንስራሕ ወንጌል ከሰናኽሉ ብዘየፍቅዱ ናይ ውግእ ሰባት እተመልኤት እያ ዝነበረት።

ንኣጋንንቲ ብኹሉ ሸነኽ ኣዳቒቑ ዝፈልጥ፥ ብስውር ይኹን ግሉጽ ኣሰራርሓኦም ካብቲ ክበጽሖ ዝሓሰቦ ንድሕሪት ዘይምለስ ወለዶ ኣብ ዝርከበላ ሃዋርያዊት ማሕበር ኣድማዒ ዝኾነ ዕዮ ወንጌል እዩ ዝሰራሕ። እዛ ሃገር ምስ ኣጋንንትን ኣጋንንታውያንን ፍጹም ምድንጋጽ ዘይብሎም ኣገልገልቲ እዮም ዘድልይዋ ዘለው። ከምቲ ዳዊት ንሓደ ካብ መጓሲኡ ክወስድ ንዝመጸ ኣንበሳ ዝትንስኦን ወቒዑ ዘግድፎን ዝነበረ (1ሳሙ17፥)፥ ንኹሉ እቲ ንእኦምን ህዝቦምን ዝተንከየ ክፉእ ናይ ጸልማት ስራሕ ሕነ ንምፍዳይ ዝተብዑ ኣገልገልቲ የድልዩ ኣለው። ቤተክርስትያን እቲ እተመንዝዓቶ ጸብለልትነት ከተምልሶ ተራጸምቲ ሰራዊት ኣምላኽ ክትንስኡ ኣለዎም። እዚ ክትገብር ዝኽኣለት ማሕበር ድማ እያ ንመንግስቲ ኣምላኽ ብምልኣት ክትዝርግሕ እትኽእል።

## ፯. ኣብ ሓደ ቦታ ዘይሕጸሩ ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ምልኣኽ

እቶም ኣብታ ሃዋርያዊት ማሕበር ኣብ ጽላል ነብያውን ናይ መምህራንን ቅብኣት ፈርዮም፥ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ንምዝርጋሕ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ዝወጹ ኣገልገልቲ ኣብ ሓደ ቦታ ከይተሓጽሩ ናብ ብዙሕ ቦታታት ከምዝበጽሑ ነቲ ብዛዕባኦም እተጻሕፈ ጽሑፍ ብምርኣይ ክንርዳእ ንኽእል ኢና። ንሳቶም ካብ ሴሌውቅያ ናብ ቆጵሮስ፡ ናብ ሰላሚስ፡ ናብ ጳፎስ፡ ናብ ጴርጌ ናይ ጴምፍልያ፡ ናብ ጵስዲያ፡ ናብ ኢጣልያ... ከምኡ እናበሉ ናብ ብዙሕ ቦታታት በጺሖም እዮም።

እቶም እዛ ማሕበር እዚኣ ዘፍረየቶም ኣገልገልቲ ወንጌል ኣብ ሓደ ቦታ ምስ በጽሑ ብዘጋጥሞም ብድሆ ተሰናኺሎም ንድሕሪት ከይተመልሱ፡ ከምኡውን በቲ ዝገጠሞም ሰናይ ነገር ዓጊቦም ኣብኡ ደው ከይበሉ ነተን ዘይተበጽሓ ቦታታት ንምብጻሕ ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ንቕድሚት ዝግስግሱ ናይ ወንጌል ሓርበኛታት እዮም ዝነበሩ። ብዙሓት ዕዮ ወንጌል ምስ ጀመሩ ኣብ ሓንቲ ቦታ ተደሪቶም ደው ዝብሉ፡ ከይትንቀሳቐሱ ኢልካ ዘውገዝካዮም እንክመስሉ መዋእሎም ኣብ ሓንቲ ቦታ ዝውድኡ፥ ኣምላኽ ኣብኡ ክጸንዑ ስለዝገበሮም ዘይኰነስ እተደረት ቅዲ ኣካይዳ ስለዘለዎም እዩ።

ንዅሉ ኣካይዳኻ ዝቕልስ እቲ ዘሎካ ምርዳእ ምዃኑ ዝስሓት ኣይኰነን። ስለዚ ንሳቶም ድሩት ምርዳእ ስለዘለዎም ድሩት ዝዀነ ኣካይዳ ከይዶም። እቲ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃዋርያዊ ምህሮ ዝዓብይ ግና ሰፊሕ ምርዳእ ምስ ብሉጽ ራእይ ስለዘጥሪ ኣብ ሓደ ቦታ እተሓጽረ ኣካይዳ ኣይህልዎን እዩ። ስለዝዀነ ድማ እዩ ተልእኾ ዘማእከለ መሪሕነት ዘለወን ማሕበራት ክስስና ብዅሉ ዋጋ ክንከፍል ዘድልየና። ናይ ዝበዝሓ ኣብ ሃገርና ዘለዋ ኣብያተ ክርስትያናት መሪሕነት ናይ መርዓ ቃል ኪዳን፥ ማይ ጥምቐትን ከምኡውን ህጻን ናይ ምብራኽ ስራሕ ጥራይ ዘከናውን ብምዃኑ እዩ ኣብቲ ናብ ብዙሕ ቦታታት ክንዝርጋሕ ንኽእለሉ ዝነበረና እዋን ክንዝርጋሕ ዘይከኣልና። ሎሚ ግና ካብ ሕሉፍ ጌጋታትና ተሞኪርና ነቲ ዓብዪ ተልእኾ ዘማእከለ መሪሕነት ብምህናጽ ንምምስራት ብዙሓት ሓደስቲ ማሕበራት ክንትንስእ ኣሎና።

ብዘይ ለውጥን ነባርን ዕዮ ተኣኻኪብካ እዋንካ ኣብ ምውዳእ ዘይጸንዕ መሪሕነት ክህልወና ኣለዎ። ንቤተክርስትያን ዘርብሕ፥ እቲ ኣብ ማእከላ ንዘለው ሰብ ራእይን ጻጋን ወጺኦም መኽሊቶም ብምሽራፍ ሓደስቲ ማሕበራት ከተኽሉ ዘተባብዕ ኣካይዳ ዝሃነጸ መሪሕነት እዩ። ሓደስቲ ማሕበራት ምትካል ንዝብል ሓሳባት ብመንጽር እቲ ዝጸንሓና ዘይምሉእ ምርዳእ ክንጥምቶን ክንፈርዶን የብልናን። ራእይ ዘለዎም ሰባት ወጺኦም ክሰርሑ የማናይ ኢድና ንምሃብ ድልዋት ንኹን። ሳውልን ባርናባስን ኣብታ ማሕበር ንንውሕ ዝበለ እዋን ኣብ ትሕቲ ነብያትን መምህራንን የገልግሉን ይግልገሉን እኳ እንተነበሩ ናይ መንፈስ ቅዱስ መሪሕነት ምስ መጸ ግና እቲ መሪሕነት ኣሲሩ ኣይሓዞምን። ክኸዱ እዩ ሓዲግዎም። ሎሚውን ንሕና እንሓድግ ክንከውን ኣምላኽ ይደሊ። ራእይ ኣምላኽ በቲ ድኹም ኣመለኻኽታና ክቕበር ኣይንፍረድ።

ምሕደራና ኣብ ምውሳኽ ክኣምን ኣለዎ። ቤተክርስትያን ኣብ ምድሪ ዝህልዋ ግዝኣት ካብ ዝሰፍሓሉ መገድታት ሓደ ማሕበራት ብብዝሒ ምትካል ስለዝዀነ ምስፋሕ ንእመን። ኣበየ ከባቢኡ ማሕበራት ክበዝሓ እንከለዋ ጐይትነት የሱስ ስለዝእወጅ ኣብኡ ክገዝኡ ዝጸንሑ መናፍስቲ ስፍራኦም ክሓድጉን ጽልዋኦም ክሃስስን ናይ ግድን እዩ። እዚ ከኣ ንብዙሓት ናብ የሱስ ኣብ ምምጻእ ዓብዪ ዝዀነ ተራ እዩ ዘለዎ። ስለዝዀነ ድማ እዩ ማሕበራት ምብዛሕ ክፍራህ ዘይግብኦ። ነንእተመስረታ ማሕበራት ከም ምፍንጫል ምቍጻርውን ዘይብሱል ኣመለኻኽታ ብምዃኑን ስራሕ ወንጌል ከይስስን ዓጋቲ ስለዝዀነን ንየው ንበሎ። ካብ ብቍጽሪ በዚሕናን ተኣኻኺብናን ዘይምስራሕ፥ ናይ መንፈስ ሓድነትና ብምሕላው ፋሕ ኢልና ክንዓይ ይበልጽ እዩ እሞ ከምኡ ንግበር።

## ፰. <u>ናብታ ዘበገስቶም ማሕበር ዝምለሱ ኣገልገልቲ ምፍራይ</u>

ከምቲ ኣብ ግ.ሃ14፡26-27 ተጻሒፉ እንረኽቦ እቶም ካብ ማሕበር ኣንጾኪያ ንዕዮ ወንጌል ናብ እተፈላለየ ሃገራትን ከተማታትን ዝወፈሩ ኣገልገልቲ ነታ ጻጋ ኣምላኽ ዝረኣዩላን ጻጋ ዘርኣይዎም ኣገልገልትን ከይጠለሙ እሙንነቶም ሓልዮም ናብታ ዘበገሰቶም ኣንጾኪያ እዮም ተመሊሶም።

ንሳቶም በቲ ኣብ ጉዕዞኦም ዘጋጠሞም ብዝሒ ነፍሳት ሰዲያም ብዘይ መሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ትምኒት ርእሶም ንምፍጻም ዝፍንጨሉ ዓለወኛታት ኣይኮኑን። ኣብ ምስፋሕ ዘድህቡ እኳ እንተኾኑ ምፍንጫል ወይ ድማ ስልጣን ጥሒስካ ምውጻእ ግና ኣይባህሪኦምን።

እቲ ኣብ ተልእኾኦም ዘዳነፎም ዓወት፥ ድምር ወይ ውጽኢት ናይታ ዘበገሰቶምን ኣብ ጉዕዞኦም ብጸሎት ትደጋገፎም ዝነበረት ማሕበርን ምዃኑ ኣጸቢቖም ስለዝርድኡ ናብኣ ብምምላስ ንውዕሎኦም የዘንትው እምበር ምስታ ማሕበር እተማዕደወ ኣካይዳ ኣይከዱን። እቲ ኣዝዩ ባህ ዘብል ድማ እቲ ኣብኦም ከም ባህሊ ዝሰረጸ ነገር ውጽኢት ናይቲ ዝነበረ መሪሕነት እዩ። እቲ መሪሕነት ንምስፋሕ ከም ምፍንጫል ዝሓስብን ንዝወጹ ጸጋታት ዘይደቁስን ብምንባሩ፥ እቶም ብብዙሕ ሞገስ ኣምላኽ ኣብ ብዙሕ ቦታ ዓብዩ ነገሩ ዝገበሩ ኣገልገልቲ ብዝወፈርዎ ከይተመልሱ ኣይከዱን።

ሎሚ ኣብ መብዛሕትኤን ማሕበራት ከምዝርኤ፥ ኣብ መንጐ መገላግልቲ ምትእምማን ስለዘየልቦ ብእሙንነት ናብታ እተሰረተላ ማሕበር ሞሳ ክመልስን ጸብጻቡ ከቕርብን ዝምለስ ኣገልጋሊ የልቦን። ነቶም ማሕበራት ንምትካል ሕልሚ ዘለዎም ሰባት ኣብቲ ምሳና ዝነበሩሉ እዋን ዝግባእ ኣተሓሕዛ ክንገብረሎም ክሳዕ ዘይከኣልና ካባና ምስ ተፈለዩ ክምለሱና ክንጽበ የብልናን። ቤተክርስትያን ንምምሕዳር ካብ ኣምላኽ ስልጣን እተቐበለ ኣካል፥ ነቲ ኣብ ሰባት ዘሎ ራእይን ጸጋን ናብ ፍጻሜ ንምምጻእ ከም እተሾመ ተገንዚቡ ንተግባራውነቱ ክተግህ ኣለዎ። እዚ እንተድኣ ተገይሩ ምስቶም ካባኻ ወጺኦም ኣብ እተፈላለየ ቦታ ብእተፈላለየ ራእይ ዝዓዩ ሰባት ምንም ዓይነት ናይ ልቢ ምርሕሓቕ ኣይህሉን።

## ፱. ክብሪ ኣምላኽ ከይሰርቀ እናተጠንቀቐ ዝዓዩ ኣገልገልቲ ምፍራይ

ማሕበር ኣንጾክያ ንወንጌል እተውጽኦም ኣገልገልቲ ካብቲ ኣብ ትሕቲ ጽላል ነብያውን ናይ መምህራንን ኣገልገሎት ክዓብዩ እንከለው ዘጥረይዎ ሃዋርያዊ ምርዳእ እተላዕለ፥ ክብሪ ኩሉ ነቲ ክኸብር ዝግብኦ ኣምላኽ ክኸውን እዮም ዝጋደሉ። እቲ ኣብ ኣንጾክያ እንከለው ኣብ ልቦም እተዘርኤ ሃዋርያዊ ምህሮን ነብያዊ ጠመተን ንክብሪ ገዛእ ርእሶም ከምዘይነብሩ ገይሩ ቀሪጽዎም ስለዝነበረ በቲ ኣብ ኣገልግሎቶም እተገለጸ እሞ፥ ብዙሓት ክስውኡሎም ዘለዓዐለ ተኣምራት ኣምላኽ ክጉይቱቱ ጊዜን ሓሳብን ኣይነበሮምን። ስለዝኾነ ድማ እዮም በቲ በእዳወም እተፈጸመ ተኣምራት ክብሪ ኣምላኽ ክሰርቀ ዘይደለዩ (ግ.ሃ14፡8-18)። ክስውኡሎም ንዝመጹ ንሳቶም ምንም ከምዘይኮኑን እቲ ዝገበርዎ ኩሉ ብስም ጐይታ የሱስ ኣብ ትሕቲ ጽላል መንፈስ ቅዱስ ከም ዝገበርዎን ብምእማን ክዳውንቶም እዮም ዝቐደዱ።

ሰናይ ምስገበሩ ሰባት እንተድኣ ዘየጣቒያምሎም ወይውን እቲ ብእኦም እተገብረ ብኹሉ ሰብ ክሳዕ ዘይተሰምዔ ዘየዕርፉ ኣገልገልቲ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣየድልዩናን እዮም። እታ ነዛ ማሕበር

እዚኣ ከም ኣብነት ዝወሰደት ማሕበር፥ ክብሪ ኣምላኽ ከይትንከፉ ዝፈርሁን ንርእሶም ተሓሪዶም ንክብሪ ኣምላኽ ዝነብሩን ቅዱሳን እያ እተፍሪ። ኣምላኽ ንሕና ክንደምቀሉን ስምና ከነጸውዓሉን ኢሉ ዝህበና ምንም ዓይንት ጸጋን ራእይን የልቦን። ኵሎም ውህበታት ንወሃቢኡ ከም ዘኽብሩ ተጌሮም እዮም ተቐሪጾም። ስለዚ ድማ እዩ ሎሚ ቤተክርስትያን እትፈርዮም ኣገልገልቲ ንክብሪ ኣምላኽ ዝቀንኡ ክኾኑ ክትሕግዞም ዘድልያ።

## ፲. ብኹሉ ዘድሊ የዕጢቕካ ምልኣኽ

እታ ናይ ኣንጾክያ ማሕበር ነቶም ዘበገሰቶም ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ብዘድሊ ዘበለ ኣስኒቓ እያ ልኢኻቶም። ብዙሓት ማሕበራት ንተወፋይነት እቲ ኣገልጋልን ጻውዒት ኣገልገልትን ንምርግጋጽ እተጠቀማሉ ኣካይዳ ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ። ጥራይ ኢዶም ከምዝብገሱ ብምግባር ኣብ ጉዕዞኦም ንዘጋጠሞም ጥሜት፡ ጽምኢ፡ ሽግር እንተድኣ ተጻዊሮም ናይ ሓቂ ጻውዒት ከምዘለዎም ብምሕሳብ ቦታ ኣገልግሎት ይወሃቦም። እዚ ዓይነት ኣካይዳ  ምስቲ ንቅቡኣት ዝገፍዕ ሰይጣን ምውጋን እዩ።

ሓደ ኣማኒ ንኩሉ ዝገጠሞ ሽግር ተጻዊሩ ስለዝሓለፎ ጻውዒት ኣለዎ፡ እንተዘይሓሊፍዎ ድማ የብሉን ማለት ኣይኮነን። ብዙሓት ቅቡኣት ናይ ኣምላኽ ኣብ ጉዕዞኦም ብዙሕ መሰናኽል ገጢምዎም ኣይሓለፍዎን። እዚ ማለት ግና ኣምላኽ ኣይጸውዖምን ማለት ኣይኮነን። ንሰብ ብኽብዱን ብጁባኡን ምምዛን መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣይኮነን ጥራይ ዘይኮነስ ሰይጣናዊ እዩ። እታ ናይ ኣንጾክያ ማሕበር ግና ከምተን ኣብዚ ዘመን ኣብ ሃገርና እተራእያ ተወፋይነት ኣገልጋሊ ንምምዛን ጥራይ ኢዱ ዝሰዳን ከም እምነትካ ንበር ዝብል ዘይቅኑዕ ትእዛዝ ዝህባን ኣይኮነትን። ንሳ ዘድልዮም ብምቕራብ ኢድ ኣንቢራ እያ እትልእኽ።

ሎሚውን እታ ኣብ ትሕቲ ሃዋርያዊ ምርዳእ እትነብር ማሕበር ነቶም ካብ ማእከላ ንዕዮ ወንጌል ዝወፍሩ ቅዱሳን ጥራይ ኢዶም ኣይትልእኮምን። ዘድልዮም ዘበለ ትቕርበሎም እያ። ንውሽጥዊ ነገራት ንኣብነት ህንጻ (መእከቢ ቦታ) ንምህናጽን ምክራይን፡ እተፈላለዩ ግብጃታት ንምግባር፡ ንመርዓን ሕጻን ብዙሕ ወጻኢታት ንምውጻእ ድሕር ዘይብላ እንተ ንዕዮ ወንጌል ኣገልገልቲ ኣስኒቑን ንምልኣኽ ኣእዳወን እተኣስራ ማሕበራት ይንዋሕ ይሕጸር ሓደ ጊዜ ማሕቶድኣን ተቐዲዱ ኣብ ከቢድ ስእነት ምእታወን ዘይተርፍ እዩ። ህይወት ሰብ ንምብጃው ገንዘብ ማሕበር ክወጽእ ኣለዎ ዝብል ሃዋርያዊ መርገጺ ዘማዕበላ ግና ካብ ኣምላኽ ካሕሳ ኣለወን።

ኣብ ሃዋርያውያን ማሕበራት ንዕዮ ወንጌል ንዝወጹ ኣገልገልቲ እቲ ክፍሊ ፋይናንስ ጥራይ ዘይኮነስ ብውልቂ ዝድግፉ ሰባትውን ይርከቡ እዮም። ወንጌል ንምዝርጋሕ ናይ ግድን ናብ እተፈላለየ ቦታ ምኻድ ኣየድልን፡ ምስቶም ናይ ወንጌል ኣገልገልቲ ብገንዘብካ ምድጋፍውን ሓደ ኣገልግሎት እዩ ካብ ዝብል ቅኑዕ ምርዳእ ብምብጋስ ብዙሓት ኣብ ጐኒ እቶም ኣገልገልቲ ደው

ይብሉ እዮም። ሎሚ ብገንዘብና ህይወት ብዙሓት ክንብጆ ከም እንኽእል ተረዲእና ኣእዳውና ንምሃብ ንዘርግሕ። በቲ ዝሰፈርናሉ መስፈር ድማ ክስፈረልና እዩ። ሽዑ ቤትና ብበረኸት ክምላእ፥ ሰማይና ድማ ብክፉቱ ክነብር እዩ።

**..*ተፈጸመ*..**

ነተሰ5፡25

ኣብ ልዕሊ እዛ መጽሓፍ ንዝህልወኩም ርእይቶ፡ ሕቶን ምስክርነትን በዚ ዝስዕብ ናይ ኢሜይል ኣድራሻ ክትልእኹ ትኽእሉ።

*ኢሜይል፡ szshiloh@gmail.com*

**<u>ቅድሚ ሕጂ ብኣዳላዊ እዛ መጽሓፍ እተዘርግሐ መጻሕፍቲ</u>**

- ⌘ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ስላሴ እንታይ ይምህር?
- ⌘ ልሳንካ ፈውሲ የድልዮ ዶ? (ትርጉም ናይ ዴሪኽ ፕሪንስ)
- ⌘ ንኢዛቤል ስቕ ኣይትበላ
- ⌘ ደቀመዝሙርነት (ትርጉም ናይ ሃዋርያ ዳንኤል መኰንን)
- ⌘ ምምላስ ናብቲ ቀዳማይ ናይ ኤደን ገነት ሓዳር
- ⌘ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መርሖ ንዕውት ጸሎት

# ኣ ን ጸ ክ ያ

## ኣብነታዊት ሃዋርያዊት ማሕበር

### ብዛዕባ'ዛ መጽሓፍ ካብ እተባህለ...

እዛ መጽሓፍ ካብ  መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ፤ ልብኻ ንምህሮን ናብራን ቀዳሞት ክርስትያናት ክናፍቅ እትገብር....። ንህልው ድኻምና ብግልጺ ኣርእያ ድማ ክንኮና ንዘሎና እተመላኽት፡ ሃዋርያዊ መንፈስ እትፈትሕ፤ ትንሳኤ ሓደስቲ ማሕበራትን ምብርባር ሓሙሽተ ናይ ኣገልግሎት ህያባትን እተተባብዕ ሰርሳሪት መጽሓፍ ኮይና ረኺበያ።

ንመራሕቲ ማሕበራት ንሰባት ናብ ወልቃዊ ጻዊዕቶም ክደፍኡን ክመርሑን እትጽውዕ፡ ነቶም ካልኦት ኣብ ኣገልግሎት ዘለዉ ናብ ውልቃዊ ራኢኦምን ናይ ህይወቶም ኣጀንዳን ክስጉሙ እተተባብዕ፡ ንሓደስቲ ነፍሳት ድማ ብኸመይ ህይወቶም የማእዝኑ እትምህር፤ ኲታስ ንኩሉ ኣማኒ ናብራ ቀዳሞት ኣቦታት እናነበረ ንክርስቶስ ክመስል እትጽውዕ መራሒት መጽሓፍ እያ።

እዛ መጽሓፍ፡ ክንየ ተራ መጽሓፍ ምዃን፡ ንቲ ኣምላኽ ብዙሕ ሳዕ ኣብዚ ናይ መጨረሽታ ዘመን ኣብዛ ምድሪ ክም ዘተንስእ እተዛረበሉ ወለዶ ብንጹር እተርእን እተጠምትን መሰረታዊት፡ ትንቢታዊትን ኣለዓዓሊትን.... ኵለን ዞባውያን ማሕበራት ድማ ንቲ ክሕዝኦ ዘለወን ቅርጺ፤ ክም መወከሲትን መምርሒትን ኮይና ክተገልግል እትክእል መጽሓፍ ኮይና ረኺበያ።

ነዛ መጽሓፍ ኣንቢበ ብዝተረዳእክዋ መጠን፤ ክቡርን ረዚንን መንፈሳዊ ሓሳብ ረኺበላ እየ። እቲ ነዛ ብልጽቲ መጽሓፍ ብምስትውዓል ዘንብባ ኩሉ ድማ፤ ነተን ኣምላኽ ኣብዛ ምድሪ ክተንስአን ደሊወን ዘሎ ማሕበራት፤ ክሕዛኦ ንዝግብኣን መሰረትን ቅርጽን ብቀሊሉ ክርድኦ ክሕገዝ እዩ።

ንበሪ ሃዋርያዊ ምንቅስቓስ እተርሑ ፍልይቲ መጽሓፍ። ንቤተክርስትያን ካብ ድሩትነትን ሃይማኖታዊ ኣካይዳን ኣላቒቓ ደጌታት ጸላኢ እትወርሰሉን ዶባት መንግስቲ ኣምላኽ እተስፍሓሉን መሰረታዊ ባይታ እተጣጥሕ ሃዋርያዊትን ትንቢታዊትን መጽሓፍ ኮይና ረኺበያ። ብፍላይ ህሉው ኩነታት ምድርና ብምምልካት ከምታ ናይ ኣንጸክያ ሃዋርያዊት ማሕበር እዚ ግዜ እዚ ንወንጌል ዝመችኣን ክንበዝሓሉን ክንስስነሉን ዝግብኣና እዋን ምዃኑ ብዘይወላውል ሓቂ እተመልክት ጸሓፊ ክም ኩሉ እዋን ካብ ተመኩሮን ሓፈሻዊ ፍልጠትን ዘይኮነስ ኣብ ግላዊ ምልምማዳትን መንፈሳዊ ብርሃንን ነቒሉ ዘዳለዋ ብምዃና ፍልይቲ ይገብራ። ኣምላኽ ብከምዚኦም ዝበሉ ጸሓፍቲ ንምድርና ይባርኽ።